# ክፋል 1.መሰረታዊ ሓሳባት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ

## 1.1 መእተዊ

ኣብ ክሊ ዕድመ 4-5 ዓመት ዘለዉ ህፃናት ኣብ ኣፀደ ህፃናት ብግቡእ ንኽመሃሩን ንኽምዕብሉን ምስ ዕድመኦም ብዝጠዓዓም መልክዕ ደገፍ ክረኽቡ ይግባእ።ህዓናት ብዛዕባ ከባቢኦም መረዳእታ ዝረኽቡን ዝመሃሩን ዝኽእሉ ኣካላት ስምዒት ብምጥቃም ስለዝኾነ ዝተፈላለዩ ተግባራዊ ምንቅስቓሳት ብምስራሕ ክፃወቱ ከባቢኦም ብምድህስስን ንኽመሃሩ እኹል መንቀሳቐሲ ነፃነት ክረኽቡ ይግባእ፡፡ህፃናት ምስ ነገራት ብዝህልዎም ርክብ እንታይነት ነገራት ዘስተውዕልሉን ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን ኣፍልጦ ዝህልዎምን በብደረጃኦም ከባቢኦም ክግንዘቡን ዝተፈላለዩ ፈተነታት ምእንቲ ምስራሕ ክኽእሉን ነቲ ከባቢ ምችዊ ምግባር ይጠልብ፡፡

እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ እዚ ቅድም ኢሉ ካብ ዝተዳለዉ ኣብ ክሊ ዕድመ 4-5 ዓመት ንዘለዉ ህፃናት ዝተዳለወ ኮይኑ ኣብ ሓሙሽተ ዘፈራት ምዕባለታት ማለትውን ፣ ኣብ ኣካለዊ ምንቅስቓ፣ ምዕባል ማሕበራውን ስምዒታውን ስራሕቲ፣ ኣብ ቋንቋ፣ ኣብ ሒሳብን ከባቢ ብምፍታሽን ብምርዳእን ጠመተ ብምግባር ኣብ ዘርፉ ክበፅሕዎ ትፅቢት ዝግበረሎም ብቕዓታትን ውፅኢታትን፣ ዝርዝር ናውትን መምሃሪ ምስተምሃሪ ፣ሜላታት ኣተገባብራ ሓበሬታታትን ዘካተተ እዩ፡፡ ካብዚ ተወሳኺ ህፃናት ካብ በብዘርፉ ብዝረኽብዎ ተሞኩሮ እንተዝኣክል ክእለታት ከም ዘማዕበሉ ንምግምጋም ዘኽእል መከታተሊ ቅጥዒ ግልፂ ብዝኾነ መልክዑ ተዳለዩ ኣሎ፡፡ እዚ መሰልጠኒ መምህራንን ወለድን ኣብ ከይዲ ብምምዕባልን ብምጉልባትን ዝፍፅምዎም ተግባራት ዝጎደሉ ነገራት በብእዋኑ ብምንፃር ንሕድሕድ ህፃን ኣድላዪ ደገፍ ክህቡ ከምዝገበር ይእመን፡፡ ዝተሓበሩ መሳርሕታትን መረዳእትታትን ብዝምልከት ምሉእ ብምሉእ እዮም ዘይኮነስ መምህራን ከም ከባቢኦም ጭቡጥ ኩነታት ምህዞታት ብምውሳኽ ኣብ ህፃናት ጉድኣት ዘየብፅሑ ናውትታት ተወሳኺ ብምድላው ምጥቃም ይከኣል እዩ፡፡ በብርእሱ ዝተሓበሩ ሜላታት ኣተጋባብራ ንምሕባር ዝኣክል ዝተቐመጡን ኣንፈት ዘርእዩን ስለዝኾነ ተወሳኺ ንጥፈታት በቲ ዝተሓበረ መንገዲ ምድላውን ምፅሓፍን ባህርያት ብዝጠዓዓም ኣግባብ ኣስፊሕካ ምፅማም ዘድሊ ይኸውን፡፡ እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ባዕሉ ትልሚ ከምዘይኾነ ብምርዳእ ደረጃኡ ዝሓለወ ትልሚ ኣዳሊኻ ምጥቃም ኣድለዪ እዩ፡፡ ምትብባዕ ብዝምልከት ህፃናት ኣብዚ መፅሓፍ ዝተቐመጡ ሓሳባት ዝርከቡ እንትኾኑ እቶም ህፃናት ዘርእይዎም ዕቡቕ ስነ ምግባርትን ተግባራትን ብኣብዛሓ ግዘ ዝወሃቦም መተባበዒታት ካብ ዝፈላለዩ ብቐሊሉ ክስርሑ ዝኽእሉ መፃወቲታት ፣ መመለኽዒታት፣ ስእልታት ወዘተ ከምሽልማት ዘገልግሉ እንትኾኑ ጣቓዒት ኾነ ቃላዊ ምስጋና ከምኡውን ርእሲ ምድህሳስ ከም መተባብዒ ክውሰድ ከምዝከኣል ምርዳእ የድሊ፡፡

> **ቀንዲ ዕላማ ኣፀደ ህፃናት**
>
> ህፃናት በኣካል፣ በኣእምሮውን ማሕበራውን ብስምዒታውን መነባብሮ ብምህናፅ ንትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ድልዊ ኣብ ዘተኮረ ክኸውን ይግባእ፡፡

## 1.2 መሰረታዊ መርህታት/መትከላት ኣተዓባብያ ህፃናት

1. ህፃንነት ሓደ ክፋል ህይወት ሰብ እምበር ንቐፃሊ ህይወት ዘዳለወሉ መንገድ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡
2. ህፃናት ዝተማለአ ስብእና ምምዕባል /ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ስምዒታውን ማህበራውን/ ጥዕና ክህልዎም ይግባእ፡፡
3. ህፃናት ብዝተዋደደ መልክዕ ምምሃር ዘለዎም እንትኾኑ  ዓይነታት ትምህርቲ ምብትታን ግና ግቡእ ኣይኮነን፡፡
4. ህፃናት ባዕሎም ንኽመሃሩ ውሽጣዊ ተበግሶ ክህልዎም ምግባር ኣድላዪ እዩ፡፡
5. ህፃናት ባዕሎም ንባዕሎም ብስርዓት ምምራሕ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ ኣድላዪ እዩ፡፡
6. ህፃናት ዝተፈላለዩ ነገራት ዝመሃርሉ እዋን ምድላው /ወሳኒ ግዘ/ ኣለዎም፡፡
7. ንህፃናት መጀመሪ ትምህርቲ ክኸውን ዝግባእ ምግባር  ዘኽእል እምበር ምግባር ዘይካኣል ኣይኮነን፡፡
8. ሕልሚ ፈጠራ ህፃናት ክምዕብል ዝኽእል ኣብ ዝተመቻቸወ ኩነታትን ከባብን እዩ፡፡
9. ምስ መሓዙትን ዓበይት ሰባትን ዝግበር ማሕበራዊ ርክብን ምርድዳእን ኣብ ምምዕባል ኩለመዳያዊ ሰብእና ህፃናት ኣድላዪ እዩ፡፡
10. ኣብ ትምህርቲ ህፃናት ዕሬት ዘለዎ ትምህርቲ ኣብ ዝወሃበሉ ጭቡጥ ኩነታትንእቶም ህፃናት ክፈልጥዎም ኣብ ዝግበኦም ቁምነገራት ጠመተ ምሃብ የድሊ፡፡ (Tina Bruce — Early Childhood Education)

## 1.3 ካብ ክሊ ዕድመ 4-5 ዝርከቡ ህፃናት ባህርያትን ለውጢ ምዕባለን

ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርካቡ ህፃናት፡-

- ሚዛን ስውነቶም ብዝበለፀ ኩነታት ምሕላው/ምቁፅፃር ይኽእሉ፣
- ባዕሎም ኪሎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምስራሕ ይምኩሩ፣
- ረቂቕን ግልፅን ክእለት ምንቅስቓስ እናማዕበሉ ይመፅኡ፣
- ጉልበት ዘለዎም፣ብባዕሎም ዝተኣማመኑ፣ ምንቅስቓሶም ቅልጡፋት እናኾነ ይመፅኡ፣
- ሓደሽቲ ነገራት ንምሙኳን ድሌት ምፍጣርን ይረኣዮም ከምኡውን ንዝስርሕዎም ነገራት ምኽንያት ንምርካብ ፃዕሪ ይገብሩ፣

- ባህርያት ካልኦትን ባዕሎምን ብዝተወሰነ መልክዑ ምምዛን ይጅምሩ፣
- ካብ ባዕሎም ወፃኢ ዘለዉ ካልኦት ሰባትን ነገራት ብዕምቆት ምዕዛብ ስለዝጅምሩ ብዝበለፀ ባዕሎም ናይ ምርዳእ ድሌት ይረኣዮም፣
- ምፍታሽ ከባቢኦም፣ ባህርያት ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ህፃናትን ነገራትን ምፍላጥ ይጅምሩ፣
- ዝተፈላለዩ ተግባራት እንትሰርሑ ኣብ ውሽጢ ኣእምሮኦም ዒላማ/ሽቶ ምቕማጥ ይጅምሩ፣
- ብመልክዕ ፀወታ ብዛዕባ ቀፃሊ ይትልሙ፣
- ብሕልሞም ብዝፈጥርዎም ዘፍርሑ ነገራት /ንኣብነት ዕቡድ/፣ ባይንኻ ምኳንን ፀልማትን ይፈርሑ፣
- ምስ ካልኦት ብሓባር ብምፅዋት ጥንኩር ማሕበራዊ ርክብ ምምዕባል ይጅምሩ፣
- ምስ ካልኦት ብዝገብርዎ ርክብ ስምዒት ውድዳርን ምፍኽኻርን ምምዕባልን ፅቡቕ ዘይኮነ ኩነታት እንተጋጥሞም ስምዒቶምን ድሌቶምን ምቁፅፃርን ይጅምሩ፣
- ነገራት ብዘይደልይዎ መልክዕ ከይኮነ እንትቐርዩ ስምዒት ምጭንቕን ዘይምሕጓስን ይረኣዮም፣
- ስምዒት ካልኦት ምርዳእ ይጅምሩ፣
- ኣብ ሓበራዊ ፀወታ ምስታፍ የሐጉሶም፣
- ብዛዕባ ባዕሎም ዝፈልጥዎም ነገራት ንኻልኦት ምግላፅ ይኽእሉ፡፡

## 1.4 *መምህራን ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ብዛዕባ ትምህርቲ ኣተዓባብያ ህፃናት ክርድእዎ ዘለዎም ተወሳኺ ቁልፊ ነጥብታት*

### *ሀ. ኣብ ክሊ ዕድመ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ህፃናት ሓዲሽ ነገር ንምምሃር ዘነቓቕሕዎም ምኽንያታት*

***ምህላው ድሌትን ሃንቀውታን፡-*** *ህፃናት ገና እንትውለዱ ጀሚሩ ነገራት ናይ ምዕዛብ፣ናይ ምርዳእን ድሌት ምፍላጥን ዘለዎም እንትኾኑ እዚ ድሌቶም ከባቢኦም ክፍትሹን ክፈልጡን ነቓቕሖም፤ ብምኳኑውን መምህራን ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕን ወለድን ህፃናት ከባቢኦም ንምፍላጥን ንምርዳእን ዘለዎም ድሌትን ሃንቀውታን ንምዕጋብ ዝገብርዎ ፃዕሪ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን ይግበኦም፡፡*

***ድሌት ስራሕ ምስራሕን ምብፃሕብ ሽቶን፡-*** *ድሌት ስራሕ ምስራሕን ኣብ ሽቶ ምብፃሕ ምህላው ህፃናት ባዕሎም ኪኢሎም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ክለማመዱ ይሕግዞም፡፡ ብፍላይ ፈተንቲ ምስ ዝኾኑ ስራሕቲ /ተግባራት/ ብምግጣሞም ብዝሓሸን ቕልጡፍን ተግባራትን ክሰርሑን ኣብ ሽቶ ክበፅሑ ይገብሮም፡፡ ብምኳኑውን መምህራን ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕን ወለድን ህፃናት ባዕሎም*

*ኪኢሎም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ክሰርሑን ዕድል ምሃብን ኣብ ሽቶ ክበፅሑ ክትትል ምግባር ምሕግጋዝን ምብርትታዕን ይግበኦም፡፡*

*ስምዒትድሌት ወለድን መምህራንን ምሕጓስ፡- ህፃናት ዝኾነ ነገርብምስራሕ ወለዶምን መምህራኖምን ብምሕጓስ ህፃናት ዝሰርሕዎም ፅቡቕ ነገር ኣፍልጦ ምርካብን ምብርትታዕን ይደልዩ፡፡*

***ድሌት ምምሳል ዓባይቲ ሰባት***፡- *ህፃናት ድሌት ምምሳል ዓባይቲ ሰባት /ምምናይ/ጥራሕ ዘይኮነስ ብዝኽእልዎ ዓቕሚ ንዕያም ንምምሳል ፃዕሪ ይገብሩ፡፡ ነዞም ድሌታቶም ንምምላእ ካብ ዓባይቲ ሰባት ብምቕዳሕ ይመሃሩ፡፡ ስለዚ ኣብ ከባቢ እቲ ህፃን ዝርከቡ ሰባት ነቲ ህፃን ፅቡቕ መርኣያ ኮይንኻ ምርካብ ይግበኦም፡፡*

***ድሌት ምርካብ ሽልማት*** ፡- *ህፃናት ሽልማት ምፍታዎም ብዝለዓለን ብዘሓሸን ኩነታት ንኽመሃሩ ይሕግዞም፡፡ ወለዲ፣ መምህራንን ካልኦት ሓላፍነት ዘለዎም ሰባትን ህፃናት ብጣዕሚ ንእሽቶይ ፅቡቕ ስራሕ /ተግባር/ እንትሰርሑ ምሽላም ጠንኪሮም ክመሃሩን ተደላዪ ባህርይን ክለማመዱ ምንቅቓሕ ይግበኦም፡፡ ከምኡውን ወቐሳን ቅፃትን ብዝተኽኣለ መጠን ምውጋደን ምቕናስን የድሊ፡፡ መምህራን ህፃናት ከይርብሹ፣ ከይሰግኡን ከይፈርሑን ዝለዓለ ጥንቃቐ ምግባር የድልዮም፡፡ ምኽንያቱውን ፍርሓት፣ስግኣትን ጭንቀትን ህፃናት ብግቡእ ከይመሃሩ ስለዝብሮም፡፡*

***ለ.ኣብ ክሊ ዕድመ ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዘለዉ ህፃናት ንኽመሃሩ ዘኽእልዎም ኩነታት***

*ህፃናት ብዙግዘ እዚ እዮም ዝመሃሩ ማለት ዘፀግም እኳ እንተኾነ ብእርግፅ ህፃናት ኩነታት እንተተመቻቺይሎ ኩሉ ግዘ ይመሃሩ እዮም፡፡ እዚ ማለት፡-*

***ሕጉሳት እንትኾኑ***፡- *ህፃናት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምስራሕን ብምልምማድን ክመሃሩን ውፅኢታዊ ክኾኑን ዝኽእሉ ሕጉሳት እንትኾኑ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ገዛ ኮነ ኣብ ኣፀደ ህፃናት ፍቕሪ፣ክንክንን ሓጎስ ዝተመልኦ ከባቢ ብምፍጣር ህፃናት ሕጉሳት ኮይኖም ብፅቡቕ ኩነታት ክመሃሩ ምግባር፡፡*

***ድሌት እንትህልዎም***፡- *ህፃናት ሓደ ነገር ክመሃሩ ዝኽእሉ ብመጀመርታ ደረጃ ድሌት ምምሃርን ምፍላጥን ክህልዎም እዩ፡፡ ህፃናት ኩሉ ግዘ ዘሐጉሶም ነገር እንትረኽቡ ብዘሐሸ ኩነታት ይመሃሩ፡፡ ስለዚ ንህናት ዝቐርብ ዝኾነ ዘሐጉሶም ተግባራት በብእዋኑ ተለዋዋጢ ምኳን ከምኡውን ህፃናት ብግቡእ ኩነታት ዝፍትትኑን ዝመሃሩን ድሌታት ምፍላጥ ዘነቓቕሑ ክኾኑ ይግበኦም፡፡*

***ድልዋት ምኳን***፡- *ህፃናት ኩሉ ነገር ብሓደ ግዘ ክመሃሩ ኣይኽእሉን፡፡ ምኽንያቱውን ዝርከብሉ ደረጃ ምዕባለ ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምምሃርን ንምስራሕን ዘለዎም ድልውነቶም ይውሰኑ፡፡ ብኣብዝሓ ግዘ ዓበይቲ ሰባት ህፃናት ሓድሽ ነገር ንምምሃር ድልዋት ኣብ ዘይኮንሉን ኣብ ዘይበፅሕሉ ግዘ ክመሃሩን ክፈልጡን ይፀዓንዎም፡፡ እዚ ድማ እቶም ህፃናት ክጭነቑ፣ ክሳላቸዉን ኣብ ከይዲ ምምሃር ዕልኢት ክሓድሮም ብምግባር ኣብ ቀፃሊ ከይድታት ምስትምሃር ዓብዪ ዕንቅፋት ዝፈጥረሎም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ጠመተ ክወሃቦ ዝግባእ ነገር ንሕድሕድ/ፍጥነት ምምሃር እቶም ህፃናት ዝተፈላለዩ ምኳኖም ምርዳእ እዩ፡፡*

## ሐ.ኣብ ክሊ ዕድመ ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዘለዉ ህፃናት ሓድሽ ነገር ዝመሃሩሎም መንገድታ

**ብምስራሕ/ምትግባር**፡- ንህፃናት ብምርኣይን ብምድማፅን ካብ ምምሃር ዝበለፀ ምችውን ዘሐሸ መንገዲ ስራሕቲ ምትግባርን ምምሃርን እዩ፡፡ ንህፃናት ጠመተ ሂብካ ብምድማፅ ንነዊሕ ግዘ ምምሃር ይኽብዶም እዩ፡፡ ነገር ግና ስራሕቲ ብንቕሓት ክሰርሑ ብምግባር ዘሐሸ ክመሃሩ ይኽእሉ፡፡

**ምፍታሽን ምሕሳብን**፦ህፃናት ከባቢኦም ንኽፍትሹ ግዘ ክወሃቦም ይግባእ፡፡ ስምዒት ኣካላት ህፃናት ብምጥቃም /ብምፍታሽ፣ብምሓዝ፣ብምጥዓም፣ብምድማፅ፣ ወዘተ…/ ዘጋጥሞም ነገር ንምፍላጥ ፃዕሪ ይገብሩ፡፡ ዘዕግብ ውፅኢት እንተረኺቦ ይደጋግምዎ፡፡ እንተዘይኮይሎም ምግዳፍ እዮም ዝመርፁ፡፡ህፃናት ነፃ ዝኾነ ተፍትሽን ዳህሳስን ነገራት/ኣቑሑ/ ከመይ ከምዝስረሑን ኣብ ቀፃሊ እንታይ ክኾኑ ከዝኽእሉ ንኽርድኡ ይሕግዞም፡፡

**ምሕታት ሕቶ**፡- ህፃናት ብምድማፅን ብምንግጋርን ድሌቶምን ሃንቀውኦምታን ምፍላጥ ብዙሕ ሕቶታት ንኽሓቱ ዝገብሮም እንትኸውን ህፃናት መልሱ እናፈለጥዎ ንምርግጋፅ ይሓቱ፡፡ ወለድን መምህራንን ብዝተኽኣለ መንገዲ ህፃናት ምዝርራብ፣ ዝዛረብዎ ምድማፅ ንሕቶኦም ብእዋኑ ግቡእ መልሲ ብምሃብ ድሌት ምምሃርን ምርምርን ህፃናት ምብርትታዕ ይግበኦም፡፡

**ብምዕዛብ (ሞዴሊንግ)**፡- ህፃናት ካብ ዓበይቲ ሰባትን ዝዓብይዎም ህፃናትን ብምዕዛብ ይመሃሩ፡፡ ከም ዓበይቲ ሰባት ንምስራሕን ንምዝራብ ፈተነ ምግባር ይፈትዉ፡፡ ህፃናት ዓበይቲ ሰባት ብምዕዛብ ጥራሕ ዘይኮነስ ግደ ዓባይቲ ሰባት ተላቢሶም ንምፅዋት ይፍትኑ እዮም፡፡ብምኳኑውን ወለድን መምህራንን ህፃናት ምስ እቶም ህፃናት ርክብ ዘለዎም ኩሉ ንቶም ህፃናት ፅቡቕ መርኣያ ምኳን ይግበኦም፡፡

**ብፈተነ፣ብምስሕሓትን ምልምማድን**፡- ህፃናት ሓደ ተግባር ንምስራሕ ዘሐሸ መንገዲ ክሳብ ዝረኽቡን ብምድግጋም ብምፍታን፣ ብምስሓሓትን ብምልምማድን ይመሃሩ፡፡ ብፍላይ መሓዙቶም ምስራሕ ዝኽእልዎ ነገር ክሳብ ዝኽእልዎ ብምዘይምስልቻውን ብዘይምቁራፅን ይፍትኑ፡፡ ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ካብ ዘሐጉሶም ነገር እቲ ሓደ ኣይክእሎን ኢሎም ዘሓስብዎ ነገር ምኽእኣልን ምስ ዕድመ መሓዙቶም ዘሐሸ /በሊፆም/ ምርካብ እዩ፡፡ ብምኳኖምውን ወለድን መምህራንን ንቶም ህፃናት ባዕሎም ኪኢሎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምስራሕ ንኽኽእሉ ምብርትታዕ የድልዮም፡፡

## ተሳትፎ ወለዲ ኣብ ኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት

ወለዲ መጀመርቲ ናይቶም ህፃናት አካላዊ፣ አእምሮአዊ፣ ስሜታውን ማህበራውን ድሌታትን ዘማልኡ ካብ ምኳኖም ብተወሳኺ ፈላሞት መምህራንን ኣብ ቀፃሊ ህይወቶም ፅልዋ ፈጠርትን እዮም፡፡

መፅናፅቲታት ወለዲ ፣ መፅበይቲ ኾኑ ህፃናት ምስ መምህራን ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ሰለስቲኦም ኣካላት ምትሕግጋዝ ስራሕ ብምፍጣር ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቃስ ህፃናት ዝሳተፉ እንተኾኑ ህፃናት፣ ወለድን መምህራንን ተረባሕቲ ከምዝኾኑ ይሕብሩ፡፡

> መምህራን ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ምንክብኻበ ህፃናት ብምጉልባትን ብምስትምሃርን ንስሩዕ ትምህርቲ ምድላውን ቀፃሊ ህይወቶምን ሓለፍነት ኣለዎም፡፡ እቲ ሓላፍነቶም ብግቡእ ምውፃእ ዝኽእሉ ግና ምስ ዘፅብይዎም ህፃናት ወለዲ ብሓባር ምስራሕ እዩ፡፡

ወለዲ ምስ መምህራን ቅድመ ስሩዕ ብሓባር እንትሰርሑ እቶም ህፃናት ብትምህርቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ መፃኢ ህይወቶምውን ውፅኢታዊ ይኾኑ እዮም፡፡ ብዓርሰ ምትእምማን፣ ንባዕሎም እወንታዊ አመለኻኽታን ባህርን የማዕብሉ ከምኡውን ፅቡቕ ማህበራዊ ልምዲ ብምምስራት ሕጉሳት ይኾኑ፡፡ ወለዲ ምስ ፕሮግራም ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ብውሱን መልዕጹ ይፋለጡ፤ ምስ ካልኦት ወለዲ ተመኩሮኦም ይለዋወጡ፤ ኣብ ወሳኒ እዋን ምምዕባል ኣድላዪ ደገፍ ብምግባሮም ሕጉሳት ይኾኑ ከምኡውን ንዕብየትን ምዕባለን ውላዶም ኣድለዪ ነገር ዓቕሞም ብዝፈቕዶ መጠን ፀገማት ዝፍጠሩ ብእዋኑ መፍትሒ ንምፍታሽ ዕድል ይረኽቡ፡፡

መምህራን ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕን ወለድን ህፃናት ኣብ ምዕባይን ምስትምሃርን ብሓባር ኮይኖምን ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞምን ዝሰርሑ እንተኾይኑ ብባዕሎም ውፅኢታውን ሕጉሳትን ይኾኑ፤መረዳእታ ብዛዕባ ህፃናት ዕብየትን ምዕባለን ምርካብ ይኽእሉ፣ ብተወሳኺውን ወለድ ብሓሳብ ምስታፎም ፣ ብፍልጠት፣ ብጉልበትን ብማቴሪያል ደገፍ ይገብሩ፡፡

ብምኳኑውን ወለዲ ነዚ ህፃናት ተመሊሶም ዘይረኽብዎ ወርቃዊ እዋን ህፃንነት ብግቡእ ንምህናፅ ምስ መምህራን ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ፅቡቕ ርክብ ብምጣር ኣብ ህፃናት መዓልታዊ ምንቅስቓስ ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር ትፅቢት ይግበረሎም፡፡

ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ህፃናት ብዘሳትፉ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ብምምራሕ መምህራን ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ እንተኾኑውን ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ግደ ወለዲ ዝለዓለ እዩ፡፡ ስለዚ ካብ ዝተሓበረ ብተወሳኺ እቶም ህፃናት መዓልታዊ ውዕሎኦም ኣብ ገዛኦም ከውግዑ ብግቡእ ግዘ ሓቢሮም ክሰምዕዎም /ንዘውርይዎ/ ስራሕ ብምሃብ ከም ኣድላይነቱ ንቶም ህፃናትንምዝርራብ ግዘ ምምችቻው ወለዲ ሓቢሮም ዝሰርሕሉን ኣብ ኣተዓባብያ ህፃናት ብግቡእ ኣንፈት ዝዓብይሉ ምምችቻው የድሊ፡፡

### 1.5 ጠቐምቲ መንገድታት ምስታፍን ምትብባፅን ወለዲ ኣብ ትምህርቲ ኣተዓባብያ ህፃናት

- ወለዲ ህፃናት ኣብ ከይዲ ምዕባለን ምምሃርን ተሳተፍቲ ም኿ንን ደቆም ኣብ ቤት ትምህርቲ ፅቡቋት ንኸኾንሎም ዘለዎም ድሌት ምርዳእ፣
- ወለዲ ዝድግፍን ከይዲ ምምሃር ህፃናት ክሕገዙ ዝኽእልን ፕሮግራም ምሕንፃፅን ምትግባርን፣
- ምስ ወለዲ ስሩዕ ብዝኾነ ርክብ ምፍጣር/ኣብ እዋን ምቕባልን ምስናይ ሰዓትን ህፃናት፣ ብመዘክር ደብተር፣ ብስልኪ፣ ወዘተ…/
- ዝተፈላለየ ሜላታት መነቓቕሕን መጨበጢ ግንዛበን ምሕንፃፅ /ብምክያድ ምይይጥ ጉጅለ፣ ምድላው ሓፀርቲ ስልጠናታት ወዘተ…/
- ወለዲ ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓስ ህፃናት ተሳተፍቲ ንኸኾኑ ምብርትታዕ /ኣብ እዋን ዕረፍቲ ፀወታ ህፃናት ፣ ዛንታ ኣብ ምንታው፣ኣብ እዋን ሽርሽር ድገፉ ምግባር ወዘተ…/
- ወለዲ ምስ ህፃናት ውላዶም መዓልታዊ ርክብ ብዝፈጥርዎ ብዛዕባ ዝተምሃርዎ ከዘንትውሎም ክገብሩ ትፅበት ይግበር፡፡

መምሃሪ ምስተምሃሪ ፣ሜላ ኣተገባብራን ተፍትሽን ኣብ ዝብል ጠመተ ንኸረክቡ ምልክታትን ድምቕ ኢሎም ዝተቐመጡ ሓረጋት ኣብዚ መፅሓፍ ውሽጢ ይርከቡ፡፡ ናይዞም ምልክታትን ሓረጋትን ትርጉም ብምጥቃም ብመምህራን ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ክፍለጡ፡፡ ትርጉሞም ከምዝስዕቡ ተቐሚጡ፡፡

ምልክታት ብተጠቀምቲ ክፍለጡ ዝግበኦም ሓረጋት



**ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢታት** :- ህፃናት ኣብ ዝተሓበሩ ደረጃ ብቕዓታት ኣብቶም ህፃናት ክረኣዩ ዝግበኦም ለውጥታት እዮም፡፡



**ብቕዓታት**:- ብቕዓታት ህፃናት ዝተፈላለዩ ተግባራት ብምስራሕ ወይ ብምትግባር ክበፅሕዎ ዝግበኦም ደረጃ ብቕዓታት ዘመልኽት እዩ፡፡



**ተግባር** :- ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ዝትለም (lesson plan) ክትግበሩ ዝኽእሉ ተግባራት ብርእሲ ዝተቐመጠ ቃል እዩ፡፡ እዚ ተግባር ብሓደ ክፍለ ግዘ ክትግበር ተሓሲቡ ዝተዳለዉ ተኸታታልነት ዘለዎም ስራሕቲ እንትኸውን ኣብ እግሪ ሓደ ቃል ብቕዓት ካብ ሓደ ንላዕሊ ተግባር እንትህሉ እዚ ከም ኣድላይነቱ ክደጋግምዎን ካብ ሓደ

ምልክታት ብተጠቀምቲ ክፍለጡ ዝግበኦም ሓረጋት

ክፍለግዘ ንላዕሊ ምስራሕ ይኽእሉ እዮም፡፡



**ዒለማ** ፡- እቶም ተግባራት ምስሰረሑ ወይ ድሕሪ ምዝዛሙ ክፍለ ግዘ ህፃናት ክረኽብዎ ዝግባእ ረብሓ ወይ ክጭብጥዎ ዝኽእሉ ደረጃ ብቕዓታት እዩ፡፡ ትልሚ ክፍለ ግዘን ዒላማን ኮይኑ ከገልግል ይኽእል እዩ፡



***ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ ምስተምሃሪ*** *፡- ህፃናት ኣብ ዝድልይዎ ብቕዓት ክበፅሑ ዝስርሑ ስራሕቲ ንምድጋፍ /ንምትሕልላፍ/ ኣብ ረብሓ ክውዕሉ ዘለዎምን ደገፍ ክገብሩ ዝኽእሉ መሳርሕታትእዮም:: እቶም መሳርሕታት ከም ዝስረሑ ተግባራት፣ ከም ዕድመ ህፃናትን ከባቢን ጭቡጥ ኩነታትን ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ብመምህራን ክፍለጡ ዝግበኦ ነገር ኣብዚ መፅሓፍ ውሽጢ ዝተሓበሩ ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ ምስተምሃሪ ጥራሕ ዘይኮኑስ ካልኦት ምስዚ ርእሲ ምትእስሳር ዘለዎም መሳርሕታት ምጥቃም ከም ዝከኣል እዩ፡፡ መምህራን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ከም መሳርሒ መረዳእታ ገይሮም ምጥቃም ይግበኦም፡፡*



*ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-ኣብ እግሪ እዚ ሓረግ ዝተቐመጡ ሐሳባት/ተግባራት/ እቲ ተግባር ከመይ ምስራሕ ከም ዝከኣል ንመምህራን ከም ሓበሬታ ዝተቐመጡ እንትኾኑ ኣብ ተግባር ንምውዓል መምህራን ትልሚ ብምድላው ስምዒት ህፃናት ምርዳእ፣ መተሓላለፍቲ መንገድታት እቲ ርእሲ ክፍለ ግዘውን ኣብ መጠቓለሊ ሜላታት ትግባራ ብምክታት ክጥቀሙ ይግባእ፡፡*



*ተፍትሽ ፡- እቶም ህፃናት ኣብ ትሕቲ ብቕዓታት ዝተቐመጡ ተግባራት ኣብ ከይዲ ምትግበራን ድሕሪ ትግበራኦምን ደረጃ ዝጨበጥዎ ንምግማም ዝሕግዝ እዩ፡፡*

*ቅጥዒ መከታተሊ ምልክት ፡- እዚ ሓጋዚ መፅሓፍ ብኣንፈታት ምዕባለ ወይ መወዳእታ ጭብጥታት ኣብ ቅጥዒ መከታተሊ ምልክት ተቐሚጡ ኣሎ፡፡እዚ ቅጥዒ ኣብ ውሽጢ ዓመት ሰለስት ግዘ /ኣብ ዓመት መጀመሪያ፣ ፍርቅን መወዳእታ/ምምላእ ይህልዎ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ፕሮግራም ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከቡ ህፃናት ዝምዘኑ ብተኸታተሊ ተፍትሽ ኮይኑ እቲ ምምዛን ኣብ በብመዓልቱ፣ በብሰሙኑን በብወርሑን መወዳእታን ክትግባር ይግባእ፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ በብገዘኡ ዝካየዱ ተከታታሊ ተፍትሽ ህፃናት ኣብቶም ህፃናትዝረኣዩ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ማህበራውን ስሜታውን ናይ ምምዕባል ለውጥታትን ብምክትታል ምምዛን እምበይ ብፅሑፍ ፈተና ዝካየድ ተፍትሽ ከምዘይኮነ ብምርዳእ ንመምህራን ኮነ ንወለዲን ብጣዕሚ ኣድላዪ*

ምልክታት ብተጠቀምቲ ክፍለጡ ዝግበኦም ሓረጋት

እዩ፡፡

ኣብዚ ሓጋዚ መፅሓፍ መወዳእታ ዝተቐመጡ ጭብጢ መጠቓለሊ ቅጥዒ ተፍትሽ ምኽኑን መምህራን ተረዲኦም ናይ ህፃናት ዕብየትን ለውጥን በብግዘኡ ምክትታልን ምግምጋምን ዝግበኦምእንትኾኑ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ መሰነይታ ዝተቐመጡ ኣብነታት ተፍትሽን ኣብ መትከል ትምህርቲ ዝተቐመጡ ሓበሬታ ተፍትሽ ምጥቃም ይከኣል፡፡

መዛሙርን ዛንታትን፡- ኣብ ትሕቲ ተግባራት ዝተቐመጡ መዛሙርን ዛንታትን ኣብዚ መፅሓፍ መወዳእታ ገፃት መሰነይታ ተገይሩ እዩ፡፡

## 1.7 ትልሚ ትምህርትን ኣተዓባብያን ህፃናት

ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ንምሕደራን ስራሕ ትምህርቲ ሰለስተ ዓይነት ቅጥዕታት ይሕንፀፁ፡፡ ንሳቶምውን ናይ ዓመት፣ ወርሕን መዓልታውን እዮም፡፡ ምስ መዓልታዊ ትልሚ ከም መሰነይታ ኮይኑ ናይ ክፍለ ግዘ ትልሚ ትምህርቲ /Lesson plan/ ይዳሎ፡፡

**ዓመታዊ ትልሚ**

- **መዓልታዊ ትልሚ፡-** እዚ ዓይነት ትልሚ መርሃ ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ መሰረት ብምግባር ዝዳሎ እንትኸውን ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ ንዓሰርተ ኣዋርሕ ይዳሎ፡፡

**ወርሓዊ ትልሚ**

- **ወርሓዊ ትልሚ፡-** ኣብ ውሽጢ ወርሒ ዝርከቡ ሰሙናት ኣጠቓሊሉ በብወርሑ ዝትለሙ እንትኸውን ኣብ ወርሓዊ ትልሚ ዝዝርዘሩ በብመዓልቱ ዝስርሑ ቀንዲ ፕሮግራማት፣ ጭብጥታትን ርእስታትን እዮም፡፡

**መዓልታዊ ትልሚ**

- **መዓልታዊ ትልሚ፡-** መዓልታዊ ትልሚ ንኣተዓባብያን ትምህርትን ህፃናት በብመዓልቱ ዝስርሑ ተግባራት ካብ ሰዓት ኣቀባብላ ክሳብ ምስናይ ህፃናት ዘለዉ ቅደም ስዓብ ሒዙ ዝስርሕ እንትኸውን እቶም ቀንዲ ፕሮግራማት ጭብጥን ርእስን ብቐጥታ ካብ ወርሓዊ ትልሚ ተወሲዶም ዝትግበሩ እዮም፡፡ ካልኦት በብመዓልቱ ብተመሳሰሊ ኩነታት ዝትለሙ ትልሚ ቁርስ፣ ዕረፍቲ፣ ምሳሕ፣ ድቃስን ሰዓት ምስናይ በብመዓልቱ ዝትለሙ ትልምታት እዮም፡፡

ቅጥዒ መዳለዊ ዕለታዊ ትልሚ ኣርባዕተ ክፋላት ኣለዉዎ፡፡ መጀመሪ ሰዓት፣ ካልኣይ ዕለታዊ ትሕዝቶ ስራሕ፣ ሳልሳይ ከይዲ ትግበራ፣ ራባዓይ ክእረሙ ዝግበኦምን ማለትውን ኣብ ከይዲ ትግበራ ዘጋጥሙን ክስተኻኸሉን ዝግበኦም ነገራት ዝጥቀሱሎም እዮም፡፡ ዕለታዊ ትልሚ በብመዓልቱ እንታይ ምስራሕ ከምዘለዎ፣ከመይ ከምዝተተለመን ከምዝተሰርሖን ኣብቶም ህፃናት እንታይ ለውጢ ከምዘምፅአ በብእዋኑ ዘይተሸ ፀገም እንተሊዩ ኣብ ቀፃሊ ዝእረመሉ ኩነታት ክመቻቸ ዝሕብር ስለዝኾነ ለውጢ ህፃናት በብመዓልቱ ንምክትታልን ንቶም ፀገማት ንምውጋድን ስለዝጠቅም ኣድላዪ እዩ፡፡

ምድላው ተግባራት ክፍለ ግዘ፡- እዚ ትልሚ ትምህርቲ ተባሂሉ ዝፍለጥ እንትኾን በብመዓልቱ ዝትግባሩ ቀንዲ ፕሮግራት ዘዳሉ እዩ፡፡ እቲ ምድላው ኣብ ህፃናት ዕብየትን ምምዕባልን ዝተመስረተ ዝርዝር ኣድለይቲ ነጥብታት ዝሕብሩ ክኾኑ ይግባእ፡፡

**ቅጥዒ መዳለዊ ተግባራት ክፍለ ግዘ /ትምህርቲ/ ምድላው**

<table>
<tr><td>ዕለት</td><td colspan="3"></td></tr>
<tr><td>ጉጅለ</td><td colspan="3"></td></tr>
<tr><td>ፕሮግራም</td><td colspan="3"></td></tr>
<tr><td>ጭብጢ</td><td colspan="3"></td></tr>
<tr><td>ብቕዓት</td><td colspan="3"></td></tr>
<tr><td>ኣርእስቲ</td><td colspan="3"></td></tr>
<tr><td colspan="4">ዒላማ፡- ካብዚ ትምህርቲ /ፀወታ/ ህፃናት<br><br>1. ________________<br><br>2. ________________<br><br>3. ________________</td></tr>
<tr><td colspan="2">መሳርሒ መረዳእታ</td><td colspan="2"></td></tr>
<tr><td colspan="2">ሜላታት መስተምሃሪ</td><td colspan="2"></td></tr>
<tr><td colspan="2">ዝርዝር ከይዲፕሮግራም</td><td colspan="2"></td></tr>
<tr><td colspan="2">ተግባር መምህር</td><td>ግዘ</td><td>ተግባር ህፃናት</td></tr>
<tr><td colspan="2"></td><td></td><td></td></tr>
</table>

ዕለት፣ጉጅለ፣ ጭብጢን ርእሲ ዝወስዶ ኣብ ውሽጢ ዕለታዊ ትልሚ እንትኾን ናይ ክፍለ ግዘ ትልሚ ትምህርቲ /ሌሰን ፕላን/ ንኣየናይ ደረጃ ዕድመ ከምዝተደለወ ንክፍለጥ እዩ፡፡

ብቕዓት፡- ካብ ዓመት ትልሚ ዝወስዶ እንትኸውን ኣብ ህፃናት ክበፅሕ ዝግበኦ ደረጃ ለውጢ ዘመላኽት እዩ፡፡

**ዒላማ** ፡- ኣብ ክፍለ ግዘ ንቶም ህፃናት ድሕሪ ብምስታፍ ምስ ህፃናት ዝሰርሕዎን ዘርእይዎን ለውጢ ዘመላኽት እንትኸውን ነቶም ዒላማት እንትሕንፀፁ ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ዝፍፀም ከምዝኾኑ ብምሕሳብ ምድላው ይግበኦ፡፡ ምስ ባዕላቶም ዝኸይድን ዘይኸይድን ምኳኑ ጠመተ ዝወሃቦ ብመነፅር ዓቕሚ ህፃናት ክትግበሩ ዝኽእሉ፣ምስ ጭቡጥ ኩነታት ከባቢ ተኣሳሲሩ ክስርሑ ዝኽእሉ፣ ክምዘኑ ዝኽእሉን ግቡእን ግልፅን ምኳኖም ብምስትውዓል ክዳለዉ ይግባእ፡፡ ኣብ ትልሚ እንትቕመጡ ብሪጋ ተፈልዮም እንተዝቕመጡን እንተይበዝሑ ንምትግባር ምችዋት ይኾኑ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ ምስተምሃሪ** ፡- እቲ ርእሲ ብደረጃ እቶም ህፃናት ብቀሊሉ ክሳተፉ፣ክሕጎሱ ክዘናግዑ ብዝኽእልሉ መልክዕ ንምትግባር ኽካኣል እንመርፆ እንትኾን ከም ከባቢኦም ኩነታት ብቀሊሉ ክርከቡ ዝኽእሉ ዝተዳለዉ ናውቲ እንተዝኾኑ ይምረፅ፡፡

**ሓበሬታ ሜላታት ኣተገባብራ** ፡- ነዞም ዒላማታት ንምትግባር እንጥቀሞም ስልቲታት ብመነፅር ደረጃን ዕድመን ህፃናት ዝምረፁ እንትኾኑ ፣ ምስ ክፍለ ግዘ ርእሲ ምስቶም ዒላማታትን ዝጠዓዓሙ ክኾኑ ይግባእ፡፡ ኣብ ዕለታዊ ትልሚ ትምህርቲ ዝቕመጡ ሜላታት ግልፂ ብዝኾነ መልክዕ ከመይ ክንጥቀመሎም ብዝሕብር ኩነታት እንተዝኸውን ነቲ ትምህርቲ ዘቕርብ ሰብ ይጠቕም፡፡

**ዝርዝር ከይዲ እቲ ፕሮግራም**፡- እቲ ፕሮግራም ከመይ ከምዝጅመር፣ እቶም ዒላማታት ከመይ ከዝትግበሩ፣ እቲ ፕሮግራም ከመይ ከምዝጠቓለልን ተግባራት መምህራንን ህፃናት ዝወስዶ ግዘን ኣብዚ ዝሕበሩ ይኾኑ፡፡

እዞም ህፃናት ተምሃሮ ዘይኮኑስ ንተምሃሮ ህይወት ዝዳለዉ ከምዝኾኑ ይፍለጡ እዮም፡፡ ዝኾነ ፕሮግራም ናይቶም ህፃነት ናይ ምፍላጥ ተግባራት ዘነቓቕሕ፣ መረዳእታ ዘጨብጥ ክእለት ምልምማድ ክኸውን ይግባእ፡፡ እዚ ንምትግባር ዘኽእል ትልሚ ብምድላድ እንትኸውን ነቲ ስራሕ ንምቅልጣፍ ነቲ ትልሚ ልዑል ቦታ ክንህቦ ይግባእ፡፡

# ክፉል2. ሓበሬታ ሜላታት ኣተገባብራን ኣንፈታት ምዕባለን

## 2.1. ንግቡእ ዕብየትን ጥንካረ ኣካልን ክንክን ምግባር

### 2.1.1 መብርሂ

**ምምዕባል ኣካል** ካብናይ ህፃናት ዘርፍታት ምዕባለ ሓደ እንትኾን ብግቡእ ኩነታት ንክዓብዩ፣ንጉልብቱን ኣደላዪ ለውጢ ብምምፃእ ንቐፃሊ ደረጃ ድልዋት ንኽኾኑን ምግባር ይግባእ፡፡እዙይ ምትግባር ዝከኣል ዝበፅሕዎ ዕብየት ብርኪ ብምጥንኻርን ናብ ቀፃሊ ደረጃ ክበፅሑ ዝሕግዝ እተኾይኑ እዩ፡፡ ምምዕባል ኣካል ምስ ካልኦት ዘፈራት ምዕባለ ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ ከይዲ ምምዕባል ካልኦትውን ጠመተ ክወሃቦ ከምዝግባእ ክርሳዕ የብልናን፡፡

ምምዕባል ኣካል ምስ ምሕላው ጥዕና ክፍሊ አካልናን ክንክንን ዝተኣሳሰር እዩ፡፡ እዙይውን በብመዓልቱ አካልና ምስ ዝግበር ኣተሓሓልዋ ፅሬት ብሰፊሑ ምትእስሳር ኣለዎ፡፡ ህፃናት ናይ ባዕሎም ኣካል እንትፈሊጦም ብዛዕባ ባዕሎም ብዝበለፀ ግንዛበ ክህልዎ ባዕሎምናብ ምሕላውን ምስ ካልኦት ርክብ ምፍጣርን ከምርሑ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ትሕቲ ምምዕባል አካል ዝተሓቆፍ ትዕቢት ዝግበረሎም ውዕኢታትን ብቕዓታትን እቶም ህፃናት ባዕሎም ካብ ምግንዛብ፣ ምፍልጥ ጀሚሩ ባዕሎም ናብ ምሕላው ክበፅሑ ክእለታት ክለማመዱ ኣብ ምድጋፍ ይጥምቱ፡፡

### 2.1.2. ሓፈሻዊ ዕላማታት/

- ህፃናት በቢደረጆኦም ባዕሎም ምግንዛብ፣ ምግላፅ ፣ ምስካልኦት እውን ዝምድና ናይ ምፍጣር ዓቕሞም ምዕባይ፣
- ምፍላይ ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶም ፣ ምፅዋዕን ብክፍሊ ሰውነቶም ዝሰርሕዎ ተግባራት ክእለት ምዝራብ ክህልዎም ምግባር፣
- ኣካላት ስሚዒቶምን ክፍልታት ኣካላቶምን ብግቡእ ምጥቃምን ምንክብኻብ ክኽእሉ ምግባር

### 2.1.3. ትዕቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ክእለታትን

1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ዓርሰ ምትእምማን ን ዓርስኻ ናይ ምኽባር ስምዒት ምህላው ምኽኣል

1.1 ዓርስኻ ምግላፅ

1.2 ምስ ኩሉ ነፃ ኮይኖም ርክብ ምፍጣር ምኽኣል

2. ምልላይ ክፍሊ ኣካላቶምን ምዝራብ ተግባራቶምን

2.1 ክፍሊ ኣካሎም ምፅዋዕ ይክእሉ/

2.2 ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሰውነቶም ዝትግበሩ ተግባራት ብትኽክል ምዝራብ ይኽእሉ

3. ምክንኻን ኣዕይንቲ

3.1ኣዕይንቶም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምንክንኻንን ይኽእሉ

4. ምክንኻን እዝኒ

4.1እዝኖም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምንክኻንን ይኽእሉ

5. ኣካላት ስምዒት ምጭናው ንምጥቃምን ኣፍንጫ ምክንኻን/

5.1 ዝተፈላለዩ ነገራት ብምጭናው ምፍላይ ይኽእሉ

6. ኣካላት ስምዒት ጣዕሚ/ምጥቃምን ምክንኻ ኣፍ ን

6.1 ጣዕሚ ምግብታት ምልላይ ይኽእሉ

6.2 ኣፎም ብጥንቃቐን ብምክንኻን ምሓዝ ይኽእሉ

7. ብምድህሳስ ነገራትን ኩነታትን ይገልፁ

7.1 ብዛዕባ ባህርይ ነገራትን ኣቐሑንን ፣ መጠን ሙቐትን ቅርፂ ምፍላይ ይኽእሉ

8. ምሕላው ጥዕናን ኣገባብ ኣተሓላልዋ ስርዓት ጥዕና ምልምማድ

8.1 ስርዓት ኣመጋግባ ይለማመዱ

9. ሰውነት ብጥንቃቐ ምሓዝን ምክንኻንን

9.1 ኣካላቶም ብጥንቃቀ ምሓዝን ምክንኻንን

10. ምጥቃም ዓበይቲን ኣናእሽትን ጭዋዳታት

10.1 ብክፍልታት ሰውነቶም ኣድላዪ ምንቅስቓስ ምግባር ይኽእሉ

11. ብነፃነት ምህዞ ምግላፅ

11.1 ተፈጥሮኣውን ሰብ ሰራሕን ነገራት ምድናችን ብጥንቃቐ ምሓዝን ይኽእሉ

## 2.1.4 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ብቕዓት፣ ምሕባር ሓገዝቲ መሳርሕታት ሜላ ኣተገባብራ

| ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ዓርስኻ ምግንዛብ፣ ብዓርስኻ ምትእምማንን ምህላው ስምዒት ዓርስኻ ምኽባርን | 1.1 ዓርሶም ምግላፅ ይኽእሉ፡፡ |

ተግባር ሓደ ፡- ዓርስኻ ምፍላጥ

**ዒላማ ፡-** ዓርሶም ንኻልኦት የፋልጡ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእልታት ህፃናት ፣ ዓብይ ፃዕዳ ወረቐት፣ ሕብራዊ ወረቐታት፣ ኮላ/መጣበቒ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ዓብይ ፃዕዳ ወረቐት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝርከቡ ስእልታት ህፃናት እንከይተፀጋገዑ ምጥባቕ
- ኣብ ትሕቲ እቶም ስእልታት ስሞምን መዓልቲ ልደቶምን ብምፅሓፍ ምድላውን ምጥባቕን
- ስምካ፣ ኣድራሻኻን ልደትካን ምዝራብ
- ሕድሕዶም በቢተራ እናወፅኡ ኣብቲ ዝተለጠፈ ወረቐት ስእሎም ብምምልኻት ስሞምን፣ ኣድራሻኦምን፣ መዓልቲ ልደቶምን፣ ውልቀ ድልየቶምን ክሰርሕዎ ዝኽእሉ ነገራት ንኽዛረቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን

**ተፍትሽ ፡-** ስሞምን፣ ኣድራሻኦምን፣ መዓልቲ ልደቶምን፣ ከምኡውን ውልቀ ድልየቶም ብምዝራብ ዓርሶም ምፍላጥ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ንዓርስኻ ምግላፅ**

**ዒላማ ፡-** መዓልቲ ልደቶም ብሓባር እንተኽበረሎም ምግላፅ ይለመማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ዓበይቲ ፃዕዳ ወረቐታት**፣ ሕብራዊ ወረቐታት፣ ናይ ሰናይ ትምኒት መግለፂ ካርድታት ፣ኮላ/መጣበቒ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡ -**

- ኣብ ሓደ ወርሒ ዝተወለዱ ህፃናት ኣብ መወዳእታ ወርሒ ብሓባር 'መዓልቲ ልደቶም ምድላው

  **ንኣብነት፡-** ኣብ መስከረም ወርሒ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓልቲታት ዝተወለዱ እነተሃልዮም ኣብ መስከረም ወርሒ መወዳእታ ብሓባር ምኽባር
- ብዓል ልደቶም ዝኽኑ ህፃናት ናይ ሰናይ ልደት መግለፂ ቆቢዕ፣ ካርዲን ናይ ክፍሊ መጋጌፂ ምስ ህፃናት ብምትሕብባር ከመይ ጌርካ ከም ዝስራሕ ብምርኣይ ምድላው
- በዓል ልደቶም ዘኽብሩ ህፃናትብዛዕባ ባዕለም ክዛረቡ ምብርትታዕ

**መዘከርታ ፡-** በዓል ልደቶም ዘኽብሩሉ መዓልቲ ብዝተኻኣለ መጠን ኩሎም ህፃናት ንክሳተፉ ወለዲ ኣቐዲምካ መንጋር የድሊ፡፡

**ተፍትሽ ፡-** ልደቶም ብሓባር ኮይኖም እተኽብሩ ባዕሎም ምግላፅ ምልምማዶም ምክትታል፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ባዕልኻ ምግንዛብ፣ ብዓርሰ ምትእምማንን ስምዒትካ ምኽባርን ምህላው | 1.1. ምስ ካልኦት ብነፃነት ርክብ ምፍጣር ይኽእሉ:: |

**ተግባር ሓደ ፡- ስርዓት ዝርርብ/ ምልምማድ**

***ዒላማ ፡-*** *መዓልቲ ዕረፍቶም ከመይ ከምዘሕለፍዎ ንማሓዝቶም እንትዛረቡ ስርዓት ዝርርብ ይለማመዱ፡፡*

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- *መምህር ዕረፍቲ መዓልቶም ከመይን ምስመንን ከምዘሕለፍዎ ብሓፂሩ ንህፃናት መዝራብ*
- *ዕለት ሰኒ ንግሆ መጀመርታ ቀዳምን ሰንበትን ከመይ ከምዘሕለፍዎ ኣብ ቅድሚ መሓዝቶም ወፂኦም ንክናገሩ ምግባር*
- *እንትናገሩ ርእስኻ ምድራዝ፣ ኢድካ ምሕሳይ ዝኣመሳሰሉ ባህሪያት ግቡእ ዘይምኻኑ ካብ መጀመርታ ምርዳእ*
- *ምዝራብ እንተኣብይዎም መበገሲ ብምሃብ ምብርትታዕ*

***ተፍትሽ፡-*** *መዓልቲ ዕረፍቶም ከመይ ከምዘሕለፍዎ ንመሓዝቶም እንትናገሩ ግቡእ ናይ ዝርርብ ስርዓት ተኸቲሎም ምንጋሮም ትኹረት ሂቦም ብምድማፅን ብምርኣይን ምግምጋም፡፡*

**ተግባር ክልተ ፡- ፀወታ መሲልካ ምፅዋት**

*ዒላማ፡- ፀወታ መሲልካ ምፅዋት መሪፆም ተሳተፍቲ ብምዃን ዓርሰ ምትእምማንን ስምዒት ንባዕልኻ ምኽባርን የዕብዩ፡፡*

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** **:-** *ኣብ መሲልካ ምፅዋት ዝርከቡ ዝተፈላለዩ መፃወቲ ማዕዝናት*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ:-**

- *ማዕዝናት መሲልካ ምፅዋት ኣቐዲምካ ምውዳብን ምክፍፋል ግደን* **ንኣብነት:-** *ስድራ፣ ሹቅ፣ ክሊኒክ ወዘተ…*
- *ኣብ ዝመረፅዎ ቦታን ፀወታን ዝደለይዎ ብምምራፅ ንክፃወቱ ምግባር*
- *እንትፃወቱ ናይቲ ፀወታ ከይዲ ብዘይረብሽ መልክዑ ክትትል ምግባር*
- *እድላዩ ኮይኑ እንትርከብ ከም ሓደ ኣባል ናይቲ ፀወታ ብምኳ ኣብ ውሽጢቲ ፀወታ ብምስታፍ ምስትኽኻል*

**ተፍትሽ :-** *ኣብ ከይዲ መሲልካ ፀወታ ትኹረት ሂብካ ብምክትታል ዓርሰ ምትእምማንን ዓርስኻ ምኽባርን ስምዒቶም ምግምጋም፡፡*

**ተግባር ሰለስተ:-** *ምስ ካልኦት ብነፃነት ምፅዋት*

**ዒላማ :-** *ምስ ካልኦት ብነፃነት ብምፅዋት ዓርሰ ምትእምማንን ዓርሰ ምኽባር ስሚዒቶም የዕብዩ፡፡*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ:-**

- *እቶም ህፃናት ካብክፍሊ ወፃኢ ሒዝካ ምውፃእ*
- *ብሓባር ኮይኖም በቢተራ "**እያ ዝብእን**" "**ጭራ ነቐላ**" ፀወታን ምፅወት*
- *"ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና" ዝተብሃለ መዝሙር ምስምንቅስቓስ ብምቅንጃው ንክዝምሩ ምግባር*

**ተፍትሽ:-** *ምስ ካልኦት ብነፃነት ብምፅዋት ዓርሰ ምትእምማንን ዓርሰ ምኽባር ስምዒት ምዕባይ ምጅማሮም ኣብ እዋን ፀወታ ምግምጋም፡፡*

**ተግባር ኣርባዕተ:-** **ሕንቅሕንቅሊተይ** *ምፅዋት*

**ዒላማ ፡-** ብነፃነት ምስ ምሓዝቶም ፀወታ ሕንቅሕንቅሊተይ ይፃወቱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- መምህር ሕንቅሊተይ ክትፃወት እትደሊ ህፃን ብምዕዳም ምስ መምህር ሕንቅሊተይ ክትፃወት ብምግባር
- ብምቕፃል ፍቓደኛ ዝኾኑ ክልተ ህፃናት ብምዕዳም ብዝረኣይዎ መሰረት ክፃወቱ ምግባር
- ኩሎም ህፃናት ምስ ዝደለይዎ መሓዝኦም ብምዃን ባህላዊ ዝኾነ ሕንቅሕንቅሊተይ ብነፃነት ንክፃወቱ ዕድል ምሃብ

**ተፍትሽ ፡-** **እቶም** ህፃናት ብነፃነት ምስ መሓዝኦም ንምዃን ሕንቅሕንቅሊተይ ብምትሕትታት ምፅዋቶም ብምርኣይ ምግምጋም

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2.ክፍልታት ሰውነቶም ምልላይን ተግባራቶም ምዝራብ | 2.1. ክፍልታት ሰውነቶም ምዕወዕ ይኽእሉ:: |

**ተግባር ሓደ ፡-** ክፍልታት ሰውነቶም ምፍላይ

**ዒላማ፡-** ክፍልታት ሰውነቶም ይፈልዩ/ ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ክፍልታት ሰውነት ዘርእይ ስእሊ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ስእሊ ሰብ ብምንጥልጣል ህፃናት እንታይ ከምዝረኣዩ ምሕታት
- ኣብቲ ስእሊ ዝረአይዎ ክፍልታት ሰውነት ምስናይ ባዕሎም ናይ ሰውነት ክፍሊታት ንከዛምዱ ምግባር

  **ንኣብነት፡-**እዙይ እንታይ እዩ? ንስኻትኩም ከምዙይ ዝኣመሰለ ኣለኩምዶ? እስቲ ኣርእዩ ወዘተ… እናበልካ ሕቶታት በቢተራ ምሕታት

**ተፍትሽ፡-** ክፍልታት ሰውነቶም ከምዘለለዩ ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-** ክፍልታት ሰውነቶም ምፅዋዕ

**ዒላማ፡-** ክፍልታት ሰውነቶም ኣብቲ ዝሰርሕዎ ስእሊ ኣለልዮም ይፅውዑ፡፡

**ሓበሬታ ኣብ ሓገዝቲ መሳርሕታት፡- ክፍሊ፡-** ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ (ከለር)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ስእሊ ሰብ ንክስእሉ ወረቐት፣እርሳስን ሕብራዊ እርሳስ (ከለር) ምዕዳል
- ብዓቕሞም ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ብምርኣይ ምድናቕ
- ሕብሪ ንክቐብኡ ምግባር
- ኣብቲ ዝሰርሕዎ ስእሊ ዝረኣዩ ናይ ሰውነት ክፍሊታት እናርአዩ በስም ንክፅውዕዎም ምብርትታዕ

**ተፍትሽ ፡-** ክፍልታት ሰውነት ኣብቲ ዝሰኣልዎም ስእሊታት ፈልዮም ምፅዋዕ ምኽኣሎም ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስት ፦ምግጥጣም ፐዝል/ቁፅራፅ/ ክፍልታት ሰውነት**

**ዒላማ ፦** ምግጥጣም ፐዝል **/ቁራፅ/** ክፍልታት ሰውነት ይገጣጥሙ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፦*** ፐዝል ክፍልታት ሰውነት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ፐዝል ከመይ ምግጥጣም ከምዝካኣል ምርኣይ/ምሕባር/
- ንኹሎም ህፃናት እቶም ፐዝላት ምሃብ
- ንክገጣጠሙዎም ብምግባር ምፅዋት



**ተፍትሽ ፦** ፐዝል ክፍልታትሰውነት ምግጥጣም ምኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፦** ምስራሕ ሞዴል ክፍልታት

**ዒላማ፦** ሞዴል ክፍልታት ሰውነት ብምስራሕ ይፅውዑ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ጭቃ፣ ዝበኹዐ /ወረቐት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ካብ ጭቃ ወይ ዝቦኸዐ ወረቐት ሞዴል ሰብ ከመይ ከምዝስራሕ ብቕደም ተኸተል ምርኣይ
- ንክሰርሑ ምምራሕን ምሕጋዝን
- ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ብምርኣይ ምድናቕ
- ኣብቲ ዝሰርሕዎ ሞዴል ዝረኣዩ ክፍልታት ሰውነት ንክርእዩን ንክናገሩ ምብርትታዕ

**ተፍትሽ ፡-** ሞዴል ክፍልታት ሰውነት ብምስራሕ ብመፀውዒ ምዝራቦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡-**ምዝማር መዝሙር ክፍልታት ሰውነት

**ዒላማ ፡-** መዝሙር ክፍልታት ሰውነት ብምዝማር ክፍልታት ሰውነት ፈልዮም ይፅውዑ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ካሴት መዝሙር / ዛንታ መፅሓፍ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ክፍልታት ሰውነት ዝሕብሩ መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር
- ኣብ ዝዝምርሉ እዋን እቲ ዝተፀወዐ ክፍሊ ሰውነት ምንከኦም ምክትታል

**ንኣብነት፡-** ናይ ስምዒት **ኣካላት መዝሙር** መወዳእታ **እግረ ኣለኒ ክጓዓዝ እየ፣ ኢድ ኣለኒ ክሕዝ እየ** ወዘተ… ዝብል ብምውኸ ንክዝምሩ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** መዝሙር ብምዝማር ክፍልታት ሰውነት ፈልዮም ምፅዋዮም ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ክፍልታት ሰውነት ምልላይን ተግባራቶም ምዝራብን | 1.2. 2.2. ብዝተፈላለዩ ክፍልታት ሰውነቶም ዝትግበሩ ተግባራት ብትኽክል ምንጋር |

| | |
|---|---|
| | ይኽእሉ:: |

**ተግባር ሓንድ ፦ተግባራት ክፍልታት ሰውነት ምዝራብ**

**ዒላማ ፦** ክፍልታት ሰውነትን ተግባራትን ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦** ክፍልታት ሰውነትን ዘርእይ ስእሊ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ክፍልታት ሰውነት ንክፅውዑ ምግባር
- ቀፂሉ መምህር ሓደ ክፍሊ ሰውነት እንትፅወዑ ህፃናት ነቲ ተግባሩ ንክናገሩ ብምግባር ምፅዋት

  **ንኣብነት፦** መምህር ብእግርና እንትብሉ **እቶም ህፃናቱ ንጓዓዝ** ብምባል ንክምልሱ ምግባር፡፡

**ተፍትሽ ፦**ክፍልታት ሰውነትን ተግባራትን ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፦ ምፅዋት ሕንቅሕንቅሊተይ ክፍልታት ሰውነት**

**ዒላማ ፦** ሕንቅሕንቅሊተይ ብምፅዋት ሰውነት ክፍታትቶም ተግባራት የለልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦** ዝተኣከበ መጽሓፍ ሕንቅሕንቅሊተይ

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- ክፍልታት ሰውነት ተግባራቶም ዝገልፁ ሕንቅሕንቅሊተይ ብምፍጣር ንክፃወቱ ምግባር

  **ንኣብነት፡-**ሕንቅሕንቅሊተይ

  **ሰናቢተይ**

  **ፀሊምን ፃዕዳን እየ፣ ድምቡልቡል እየ፣ ሰባት እንክህርሱ ማዕፆይ ይዓፁ፣ እንትነቕሑ ይኸፍት ኣነ ምን እየ**

  ***መልሲ*** **፡-** ዓይኒ ?

**ተፍትሽ ፡- ሕንቅሕንቅሊተይ** ብምፅዋት ክፍልታቶም ሰውነት ተግባራት ምልላዮም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስት ፡-** ምንቅስቓስን ተግባራትን ኣካላት ምግላፅ

***ዒላማ*** **፡-** ምንቅስቓሶምን ተግባሮምን ብምርኣይ ክፍልታት ሰውነትን ይገልፁ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** **፡-** ሰባት ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳትን ተግባሮም እንትገብሩ ዘርእይ ስእሊ

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- ሰባት ዝተፈላለዩ ኣካላዊ ምንቅስቓሳትን ድርጊታትን እንትገብሩ ዘርእይ ስእልታት ምርኣይ
- ኣብቲ ስእሊ ዝረአዩ ምንቅስቓሳትን ተግባሮም ንክናገሩ ምሕታት
- ምንቅስቓሳት በየናይ ናይ ኣካል ክፍሊ ከምእተገበሩ ምሕታት

**ተፍትሽ :-** ምንቅስቓሳትን ተግባሮምን ብምርኣይ ክፍልታት ሰውነትን ተግባራትን ምንጋር ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርበዕተ :-** ፀወታ ምዝማድ ምፅዋት

**ዒላማ :-** ፀወታ ምዝማድ ብምፅዋት ክፍልታተ ሰውነትን ተግባራትን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ክፍሊ ሰውነት ዘርኢይ ስእሊ፣ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳትን/ ተግባሮም /ሰባት እንትገብሩ ዘርኢይ ስእሊ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ኣካል ክፍልታትን ሰባትን ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳትን እንትፍፅሙ ዘርኢይ ስእሊታት ምቁሩራፅ
- ህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ደው ብምባል ድምኞ ኢሎም ዝተስኣሉ ስእልታት ዝሓዘ ናይ መዛመዲ ሰሌዳ ብምርኣይ /ሰባት ዝተፈላለዩ ተግባራተ ወይ ምንቅስቓሳት እንትገብሩ ዘርኢይ/ ዝረኣይዎ ንክናገሩ ምግባር
- እቲ ሰሌዳ ምዝማዝ /ዝተፈላለዩ ናይ ሰውነት ክፍሊ ዘርኢይ/ ካብ ዝተቆራረፁ ስእልታት ከመይ ምዝማድ ከምዝካኣል ብተግባር ምርኣይ
- ብምኞፃል ዝተቆራረፁ ስእልታትን መዛመዲን ነቶም ህጻናት ኣብ በመንበሮም ምዕዳል

- ተመሳሰልቲ ስእልታት ብምዝማድ ንክፃወቱ ምግባር

**ተፍትሽ :-** ፀወታ ምዝማድ ክፍልታተ ሰውነት ምስ ተግባራቱ ምዝማድ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበሩ ውፂኢት | ብቃት |
|---|---|
| 2. 3. ኣዕይንቲ ምንክብኻብ | 3.1ኣዕይንቶም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምንክብኻብን ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ፡-ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ**

**ዒላማ :-** ረብሓ ዓይኒ ይዛረቡ፡:

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ዝተፈላለዩ ተግባራት ዘርእይ ስእሊ፣ ስእሊ ዓይኒ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ስእልታት ብምርኣይ ነቶም ተግባራት ንክናገሩ ምግባር
- ዝተወሰኑ ህፃናት ኣብ ቅድሚ ክፍሊ መሓዝቶም ደው ንክብሉ ብምግባር
- ዝተፈላለዩ ተግባራት ንክፍፅሙ ምግባር
- እቶም ኮፍ ዝበሉ ህፃናት ንቲ ተግባራት ንክናገሩ ምግባር
- ብምንታይ ክፍሊ ሰውንት ከም ዝረኣዩ ምሕታት ምዝታይ
- ዓይኖም ንምንታይ ከም ዝጠቅምን ብዓይኖም እንታይ እንታይ ነገራት ክርእዩ ከምዝኽእሉ ምሕታት ራብሓ ዓይኒ ክርድኡ ምግባር

**ተፍትሽ :-** ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ምድማኽ ስእሊ ዓይኒ**

**ዒላማ ፡-** ስእሊ ዓይኒ የደምቁ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእሊ ዓይኒ፣ ሕብራዊ እርሳስ /ከለር/፣ ወረቐት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ብነጠብጣብ ዝተስኣለ ስእሊ ዓይኒ ንሕድሕዶም ምሃብ
- ፈለማ ከመይ ምድማኽ ከምዝኽእለሉ ምርኣይ
- ቀጺሉ ንከድምቑ ምግባር
- እንትውድኡ ነቲ ስራሕቶም ብምርኣይ ምድናኾን ምብርትታዕን

**ተፍትሽ ፡-**ስእሊ ዓይኒ ካብ መስመር እንከይወፅኡ ምድማቖም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡ - ብዛዕባ ዓይኒ መዝሙር ምዝማር**

**ዒላማ ፡-** መዝሙር ብምዝማር ረብሓ ይርደኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእሊ ዓይኒ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ስእሊ ዓይኒ ንህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ብምጥቃዕ እንታይ ከም ዝኾነን ንሳቶም እውን ከም ዘለዎምን ንክናገሩን ንከርእዩን ሕቶታት ብምሕታት ምንቕቓሕ
- ብዛዕባ ዓይኒ ዝዝመር መዝሙር ከምዘሎ ብምግላፅ ብፅቡቕ ድምፂ ነቲ መዝሙር ምዝማር

- ብምቕፃል ነቲ ግጥሚ ብምዝማር ምልምማድን ሓቢርካ ምዝማርን

  ዓይኒ ኣለኒ ይርእይ

  ዓይኒ ኣለኒ ይርእይ

  ዓይን አለኝ አያለሁ

  ከባቢየይ የስተውዕለሉ

  ምስ ምንም ኣይጋጨውን

  ኣብ መንገዲ ኣስተውዒለ እናራእኹ ስልዝኽይድ

- ከመዝሙሩ የወጡ ጥያቄዎችን በመጠየቅ የአይንን ጥቅም እንዲረዱ ማድረግ

**ተፍትሽ** :- መዝሙር ብምዝማር ረብሓ ዓይኒ ምንጋር ምኽኣሎም ድሕሪ መዝሙር ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ :- ኣዕይንቶም ብምሽፋን ምፅዋት**

**ዒላማ** :- ዓይኖም ብምሽፋን ነገራት ደልኻ ምርካብ ይፃወቱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ፅሩይ መሸፈኒ ዓይኒ ጨርቂ ወይ መንዲል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ነቶም ህፃናት ‹‹**ያእቆብ**›› ዝተብሃለ ፀወታ ንክፃወቱ ብምንጋር ናይቲ ፀወታ ከይዲን ሕግን ኣሕፅር ኣቢልካ ምግላፅ
- ሓደ ህፃን ኣብ ቅድሚ ህፃት ብምውፃእ ኣለሕልሕ ኣቢልካ ዓይኑ ምእሳር ከይረአየ ብድምፂ ጥራሕ እቲ ዝተሓብአ ኣቕሓ ደልዩ ንክረኽቦ ምግባር
- ናብቲ ኣቕሓ ዘለዎ ካባቢ እንትፅጋዕ ‹‹**ያእቆብ**›› ብምባል እቶም ህፃናት ንክንጨብጭቡ ፍንጪ ንክህብዎ ብምግባር ምፅዋት
- ኣብቲ ፀወታ ኩሎም ህፃናት ንክፃወቱ ምግባር
- ድሕሪቲ ፀወታ እንታይን ከመይን ከምዝተፃወቱ ብምሕታት ረብሓ ዓይኒ

**መዘኻኸሪ** :- እቲ ፀወታ ብሓደ ክፍለ ግዘ ንኹሎም ህፃናት ምፅዋት ዘይካኣል ስለዝኾነ ኣብ ካልእ ክፍለ ግዘ ዘይተፃወቱ ቆልዑት ንክፃወቱ ብምግባር ዘድሊ ከይኑ ካብዚ ብተወሰኺ ካልኦት ከም ‹‹**እኩኩሉ**›› ዝኣመሳሰሉ ብከባቢኦም ዝተለመዱ ፅወታታት እውን ምፅዋት የድሊ፡፡

ንክርደኡ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ዓይኖም ሽፋኖም ብጻህሳስ ጥራሕ ኣቕሓ ደልዮም ምርካብ ምፅዋቶም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡- ዓይኒ ዝኅድኡ ነገራት**

**ዒላማ ፡-** ዓይኒ ዝኅድኡ ነገራት የለልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ስእሊ ዓይኒ**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዓይኖም ሓሚሞም ይፈልጡ እንተኾይኖም ምሕታትን ምዝታይን
- ዓይኒ ክጐድኡ /ክሕምሙ/ ዝኽእሉ ነገራት ምሕታትን ብዝታይን
- ካብ ሓያል ብርሃን ዓይንና ከመይ ብኢድና ምኽልካል ከምዝካኣል ምርኣይን ምልምማድን

**ተፍትሽ ፡-** ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ዓይኒ ዝኅድኡ ነገራት ምልላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሽድሽተ ፡- ንዓይኒ ክግበር ዝግበኦ ጥንቃቐ**

**ዒላማ፡-** ንዓይኒ ክግበር ዝግበኦ ጥንቃቐ ይርደኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-  ስእሊ ዓይኒ፣** ካሴት መዝሙር /መጽሓፍ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዓይንና ብፅሬት ንምሕላው ምሕፃብ፣ ብዝረስሐ ኢድ ዘይምንካእ፣ ኣብ ፀሓይ መስትዋትን ካልኦት ኣንፀባረቕቲ ነገራት ዘይምርኣይ ወዘተ... ከም ዘለዎም ምርዳእ
- ገፅ ቅድሚ ምሕፃብና ኢድና ምሕፃብ፤ ገፅ እንትሕፀቡ ዓይኒ እውን ምሕፃብ ከምዘድሊ ምርዳእ
- **“ኢድ ምሕፃብ ከምዚይ እዩ ”** ዝተብሃለ መዝሙር ሓቢርካ ምዝማር
- ኣብቲ መዝሙር **ገፅ ምሕፃብ** ዝብል ግጥሚ ጊዘ ገፅ ናይ ምሕፃብ ምንቅስቓስ ዓይኒ ምሕዓብ ከምዘሎ ንክግንዘቡን ዓይኒ ናይ ምሕፃብ ምንቅስቓስ ብምርኣይ ንክዝምሩ ምግባር ሓቢሮም ምዝማር

**ተፍትሽ ፡-** ንዓይኒ ክግበር ዝግበኦ ጥንቃቐ ምርዳኦም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

| **ትፅቢት ዝግበረሉ ውፂኢት** | **ብቕዓት** |
|---|---|
| 4. እዝኒ ምንክብኻብ | 4.1. እዝኖም ብጥንቃቐ ብሓዝን ምንክብኻብ ይኽእሉ |

**ተግባር ሓደ፡ ረብሓ እዝኒ ምዝራብ**

**ዒላማ ፡-** ረብሓ  እዝኒ ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ረብሓ እዝኒ ዝገልፅ ፅሑፍ፣ ጉልህ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ እዝኒ፣ ሕብራዊ እርሳስ /ከለር/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ብዛዕባ ረብሓ እዝኒ ዝገልፅ ፅሑፍ ምድላው
- ነቶም ህፃናት ብምንባብ ንኸዳምፁ ምግባር
- ኣድሚያም ዝተረደእዎን ንክናገሩ ሕቶታት ምሕታት
- ስእሊ እዝኒ ሕብራዊ እርሳስን ብምሃብ ቐለም ንክቀብኡ ምግባር

**መዘኻኸሪ** ፡- ምስማዕ ንዝተስኣኖም ሰባት ከምዘለዉ ብምርዳእ ምስካልኦት ሰባት ዝረዳደኡ ናይ ምልክት ቋንቋ ብምጥቃም ከምኾነን ዝተፅሓፈ ነገር ግን ምንባብ ከምዝኽእሉ ክርደኦም ብዝኽእል ቀለልቲ ቃላት ምርዳእ የድሊ፡፡

**ተፍትሽ** ፡- ረብሓ እዝኒ ምዝራቦም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ** ፡- ኣንፈት/ምንጪ/ ድምፂ ምልላይ

**ዒላማ** ፡- ምንጪ ድምፂም ምልላይ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ድምፂ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ እዝኒ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- “**ዝፀወዐካ ፍለጥ**” ነቲ ፀወታ ከምዝስዕብ ምፅዋት፡-
    - ሓደ ሕፃን ገፁ ኣዚሩ ደው ይብል/ንክትብል ብምግባር
    - ካብቶም ኮፍ ዝበሉ ህፃናት ሓደ ብሽሙ ክፅውዖ እሞ እቲ ዝተፀወዐ ህፃን ክፅውዖ እንተሎ ንከዳምፅ ምግባር
    - ካብኡ ገፁ ናብ መሓዝቱ ኣዚሩ መሓዝኡ /ነቲ ክፍሊ/ እናረኣየ መን ከም ዝፀወዖ ንክናገር ምግባር

***መዘኻኸሪ*** :- እዚ ተግባር ኩሎም ህፃናት በቢተራ ንኽፃወተቱ ምግባር ኣድላይ እዩ፡፡

**ተፍትሽ :-** ኣብ እዋን ፀወታ ምንጪ ድምፂ ንምልላይ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሰለስት :-** እዝኒ ብጥንቃቐ ምሓዝ

***ዒላማ*** :- እዝኒ ክግበረሉ ዝግባእ ጥንቃቐታትይዝርዝሩ ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ድምኻ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊእዝኒ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ:-**

- እዝኖም ሓሚሞም ይፈልጡ እንተኾይኖም ምሕታትን ምዝትታይን
- ኣብ እዝኒ ውሽጢ ዝኾነ ነገር ምእታው፣ ኣብ እዝኒ ሰብ ዓው ኢልካ ምድማፅን ዓው ኢልካ ምውጋዕን ግቡእ ከምዘይኮነ ምርዳእ
- ንምጥንኻር እዚ ዝስዕብ ተጓንፎ ምንጋር

**ተጓንፎ :-**

ሓደ መዓልቲ እንታይ ከም ዝራኣኹ ትፈልጡዶ? ኣበበ ታደሰ ዝተሓብኣሉ ቦታ እንትደሊ ብድሕሪኡ ርእይዎ ቀስ ኢሉ ተፀጊዑ ኣብ እዝኑ ተታሒዝካ! ኢሉ ዓው ኢሉ ተዳመፆ ኣበበ ደንጊፁ ወዲቑ እግሩ እምኒ ወቒዕዎ በኽዩ እግሩ እታ መምህር ሓኪማትሉ ነገር ግና ምብካዩ ኣይኣቋረፀን **እንታይ ኮይንካ እዩ**? እንትባሃል እዝነይ ሒሙኒ በለ፡፡ ንወለዱ ተነጊሩ ሕክምና ወሲዶም ኣሓኪሞሞዎ ሒሽዎ ቀልፀት ኣበበ

**ተፍትሽ :- ንእዝኒ ክግበረሉ ዝግባእ ጥንቃቒታት ምዝራብ ምኽኣሎም ሕቶታት** ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4. 5 ኣካል ስምዒት ምጭናው ምጥቃምን ምንክብኻብን | 5.1. ብምጭናው ጨና ዝተፈላለዩ ነገራት ምልላይ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ረብሓ ኣፍንጫ ምዝራብ**

**ዒላማ ፡-** ረብሓ ኣፍንጫ ይናገሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእሊ ኣፍንጫ ፣ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ብዛዕባ ረብሓ ኣፍንጫ ብዝስዕብ መልክዑ ምዝታይ፡-
    - ንዝተወሰነ ሰከንድ ህፃናት ብሓደ ኢዶም ኣፍንጫኦም ብካልእ ኢዶም ኣፎም ንክሕዙ ምግባር
    - ቀፂሎም ኣፎም ንክሕዙ ኣፍንጫኦም ንክለቅዎ ምግባር
    - ኣፍንጫኦም እንትለቅዎ እንታይ ከምዝተሰመየም ብምሕታት ብዛዕባ ራብሓ ኣፍንጫ ምርዳእ
- ስእሊ ኣፍንጫ ነንሕድሕዶም ምሃብን ብእርሳስ ነከድምቕዎ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ረብሓ ኣፍንጫ ምንጋር ምኽኣሎም ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ምፍላይ**

**ዒላማ ፡-** ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ሓሙሽቲኦም ኣካለት ስምዒት ዝተብሃለ መዝሙር ምዝማር
- ጨና ምጭናው ዝካኣል ብምንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ምዝታይ
- ፅቡቕን ሕማቕን ጨና ኣጫንይዎም ይፈልጥ እንተኾይኑ ምሕታት
- ፅቡቕ ጨና ደስ ዝብል ሕማቕ ጨና ድማ ደስ ዘይብል ምኻኑ ምርዳእ
- ፅቡቕ ጨና ወይውን ሕማቕ ጨና ዝጨንዩ ነገራት እንታይን እንታይን ከምዝኾኑ ንክናገሩ ምብርትታዕ
- እንተኣብይዎም ፍንጭ ምሃብ የድሊ

**ንኣብነት፡-** ናይ ረሳሕ መጠራቐሚ ባስካ፣ ናይ ረሳሕ ማይ መፍሰሲ ቱቦታት፣ ወዘተ…ሕማቕ ጨና ከምዘለዎምን ኣራንሺ፣ ባናና፣ ወዘተ…ፅቡቕ ጨና ከምዘለዎም ምሕባር፡፡

**ተፍትሽ ፡-** ፅቡቕ ወይ ሕማቕ ጨና ዝሸቱ ነገራት ምልላዮም ሕቶ ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡- ምፍላይ ጨና**

**ዒላማ ፡-** ብምጭናው ነገራት ይፈልዩ/፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ጨና ምለለዪ ጆግ/ ጥርሙስ/፣ ፍራፍረታትን ኣትክልትን /ሎሚን፣ ባናና፣ ፃዕዳ ሽንኩርቲ ወዘተ…/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- እቶም ህፃናት ዝፈልጥዎም ፍራፍረታት ናይ ገደና ኣትክልትን ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ ብምሕታት ንክናገሩ ምግባር
- ብምቕፃል ብርሃን ኣብዘየርእይ ጨና መለለዪ ጆግ ወይውን ጥርሙስ ውሽጢ ፍራፍረ ወይውን ኣትክልታት እቶም ህፃናት ከይረኣይዎ ምእታው
- ናብቶም ህፃናት ኣፍንጫ ብምቕራብ ኣጫንዮም እንታይ ከምዝኾነ ንክናገሩ

ምግባር

- ትኽክል ሙኻኖምን ዘይሙኻኖምን ካብቲ ኣቕሓ ውሽጢ ኣውፂእካ ብምርኣይ ባዕሎም ነከረጋግፁ ምግባር
- ጨና ዝገልፁ ሓረጋት ደጋጊሞም ንክናገሩ ምልምማድ

**ንኣብነት፡-** **ሎሚን ጨንዩና ጨንዩና**

**ማንጎ ጨንዩና ጨንዩና**

**ጨንኡ ብልዑኒ ብልዑኒ ኢሉና**

**መጠራቐሚ ጓሓፍ ጨና**

**ንቕልዑ የትሕዞም ሕማም**

**ንርሓቕ ን ርሓቕ ካብ ናይ ጓሓፍ ጨና**

**ንከይንታሓዝ ሕማም ሰዓል**

**ተፍትሽ ፡-** **ብምጭናው ነገራት ምልላዮም ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡**

**ተግባር ኣርባዕተ ፡-** ስም ጨናታት ምንጋር

**ዒላማ ፡-** ብፀወታ ሕንቅሕንቅሊተይ ስም ጨና ኣለልዮም ይናገሩ

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** መፅሓፍ ሕንቅሕንቅሊተይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ሕንቅሕንቅሊተይ ከምዝስዕብ ብምዝግጃው ምፅዋት

**ሓታቲ** ፡- ሕንቅሕንቅሊተይ

**ተሓታቲ** ፡- ሰናቢተይ?

ሓታቲ ፡-ድምቡልቡል ኩዑሶ ይመስል

ናብ ኣፍንጫ እንተፀግዑኒ ይጨንው

ቆልዑ ሊሒያም እንትበልዑኒ

ነቲ ኸባቢ ብፅቡቕ ጨና ይመልኦ

ኣነ መን እየ ?

**ተሓታቲ**፡- ኣራንሺ

**ተፍትሽ** ፡- ሕንቅሕንቅሊተይ ብምፅዋት ናይ ነገራት ጨና ኣስማትብምልላይ ምንጋር ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡- ንኣፍንጫ ዝጎድኡ ነገራት ምፍላይ/**

**ዒላማ ፡-** ኣፍንጫ ንሓደጋ ዘጋልፁ ነገራት ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእሊ በላሕቲ ነገራት ፣ ጥራጥረ፣ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- "**ሓሙሽቲኦም ናይ ስምዒት ኣካላት**" መዝሙር ምዝማር
- ኣፍንጫ ንሓደጋ ከጋልፁ ዝኽእሉ ነገራት ብምሕታት ምዝታይ
- ብኣፍንጫ ውሽጢ ዝኾነ ነገር ምእታው ከምዘይግባእ ምርዳእ

**ንኣብነት** ፡- በለሕቲ ነገራት፣ ጥራጥረ፣ እርሳስ ወዘተ...

**ተፍትሽ** ፡- ሕቶታት ብምሕታት ኣፍንጫ ንሓደጋ ዘጋልፁ ነገራት ምልላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሹድሽተ ፡-ምፅራይ ኣፍንጫ**

**ዒላማ ፡-** ምፅራይ  ኣፍንጫ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-**  ወረቐት ሽቓቕ / ሶፍቲ/፣ መንዲል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣፍንጫኦም ብዝስዕብ መልክዑ ምፅራይ ከምዝኽእሉ ምግንዛብ
- ወረቐት ሽቓቕ  ብምጥቃም ሓዲኡ ናይ ኣፍንጫ ቐዳድ ብዓባይ ኣፃብዕቲ ብምሓዝን ‘ ‘**እንፍ**’’ ብምባል ከመይ ብወረቐት ሽቓቕ /ሶፍቲ/ ኣፍንጫኦም ምፅራይ ከምዝኽእሉ ምርኣይ
- ህፃናት ምስ መምህሮም እተ ዝተመልከትዎ  ኣፍንጫ ቐዳዳታት በቢ.ታራ ብምፅራይ ንክለማመዱ ምግባር
- ዝተጠቐምሉ ወረቐት ኣብ ናይ ረሳሕ መአከቢ ምድፋእ ልምዲ ነከተግብሩን ልማድ ንክገብርዎ ሓገዝ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ዕለት ዕለት ምንቅስቓሶም ኣፍንጫኦም ምፅራይ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6. ናይ ምጥዓም ስምዒት ኣካልን ምጥቃምን ኣፍ ምንክብኻብን | 6.1. ጣዕሚ ምግብታት   ምልላይ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡-** ክፍልታት ኣፍ ምፍላይ

**ዒላማ፡-** ክፍልታት ኣፍ  ይፈልዩ

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእሊ ኣፍ ፣ ሕብሪ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ጉሉህ ኢሎም ዝተስኣሉ  ስእሊ ኣፍ ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ፣ ኣብ ውሽጡ እንታይ ከምዘሎን ኣገልግሎቱ እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ምዝታይ
- ኣብ ናይ ሰብ ገፅ ስእሊ ዘለዎ በወረቐት ዝተስኣለ ስእሊ ነንሕድሕድ ቆልዑ

ምሃብ

- ቅርፂ ኸንፈርጥራይ ነከድምቑ ሕብሪ ንክቀብኡ ምግባር
- ኣብ መወዳእታ ‹‹**ኣበይ ኣሎ ኣፍና? ኣበይ ኣሎ ስንና? ኣበይ ኣሎ ኸንፈርና? ኣበይ ኣሎ መልሓስና?**›› ብምባል ብዜማ ምሕታት ንሳቶም እውን ብዜማን ብተግባር ንከርእዩ ምግባር

**ተፍትሸ :-** ክፍሊ ኣፍ ምልላዮም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ :-** ነገራት ብምጥዓም ምልላይ

**ዒላማ :-** ዝተፈላለዩ ነገራትብምጥዓም ምፍላይ ይፍትኑ፡፡

**ናይ ሓገዝቲ መሳርሕታት፡-** ጣዕሚ ዘለዎም ምግብታት /ሽኮር፣ መዓር፣ ከረሜላ፣ ወዘተ…/ መሪር ጣዕሚ ዘለዎም ቆፅልታት / ጨናኣዳም ፣ ደመካሴ፣ ወዘተ…/፣ ዝትፈላለዩ ጥዑም ስእሊ ምግብታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ብስም ብምፅዋዕ ህፃናት እቶም ምግብታት ቅድሚ ሐዚ በሊዖሞም ይፈልጡ እንተኾይኖምን እንተዘይኮይኖምን ምሕታት
- ይጥዕም፣ ይመርር፣ የቃፅል ብምባል ናይቶም ምግብታት ጣዕሚ ንክናገሩ ምብርትታዕ
- ዕሬቶም ዝተሓለዉ ጥዑምን መሪርነትጣዕሚ ዘለዎም ምግብታትን ኣቑፅልትን ካብ ክፍሊ ብምምፃእ ነቶም ህፃናት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ ምሕታት
- እዞም ዓይነታት ምግብን ኣቑፅልትን ህፃናት ንክልሕሱ ብምግባር ንኽጥዕሙን ጣዕሙ ጥዑምን መሪርን ብምባል ንክናገሩ ምግባር
- "**ጥዒምካ ፍለጥ**" ዝብል ፀዋታ ብምፅዋት ምጥንኻር

**ንኣብነት :-** ሙዝ ይጥዕም፤ ጉዕ ፣ በርበረ፣ ሚጥሚጣ የቃፅል፣ ወዘተ

**ተፍትሽ ፡-** ዝተፈላለዩ ጣዕምታት ብምጥዓም ምልላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፂኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 6.. ናይ ምጥዓም ስምዒት ኣካል ምጥቃምን ኣፍ ምንክብኻብን | 6.2. ኣፎም ብጥንቃቐን ብምንክብኻብን ምሓዝ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ምክንኻን ኣፍ**

**ዒላማ ፡-** ኣፎም ከመይ ምንክብኻብ ከምዘለዎም ይናገሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ጆግ፣ ማይ፣ መሕፀቢ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት እንታይ ዓይነት ምግብታንት ዝበለፀ ዝፈዉዖን ምሕታት
- ጥዑም ምግብታት ኣዘውቲርካ ምምጋብ ንስኒ ጠንቂ ምዃኒ ንክግንዘቡ ምግባር
- ከምእውን ድሕሪ ምግቢ ኣፎም ብማይ ብዝግባእ መንገዲ ከጉመፅምፁ ከምዘለዎም ምግንዛብ
- እዚ እንተዘይኮይኑ ግና ስኖም ከበላሽዉን ኣፎም ከጨኑዉን ዝኽእሉ ምርዳእ
- እዚ ንምጥንኻር ብተግባር ምርኣይን ንሳቶም እውን ብተግባር ንክለማመዱ ዕድል ምሃብ

| |
|---|
| **መዘኻኽሪ ፡-** ህፃናት ኩልግዘ ድሕሪ መግቢ ኣፎም ምጉሙፅማፆም ብምክትታል ልምዲ እንከዕብዩ ምግባር ይድሊ፡፡ |

**ተፍትሽ** ፡- ኣፎም ከመይ ምንክብኻብ ከምዘለዎም ምግንዛቦም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ** ፡- ስኒ ከበላሽው ዝኽእሉ ምግብታት ምልላይን ምዝማድን

**ዒላማ** ፡- ስኒ ከበላሽዉ ዝኽእሉ ምግብታት ብምልላይ የዛምዱ:

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ናይ ስእሊ መዛመዲ ሰሌዳታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ንህፃናት ንምርኣይ ኣብዝጥዕም ቦታ ብምኻን ስኒ ከበላሹዉ ዝኽእሉ ምግብታት ስእልታት/ከረሜላ፣ ብስኩት፣ ቾኮሌት፣ ሽኮር ወዘተ…/ ተራ ብተራ ብምርኣይእንታይ ከምዝኾኑ ምሕታት
- ኣብ በቢጠረጴዛኦም መዛመዲ ሰሌዳን ዝተቆራረፁ ስእልታት ብምሃብ ንከዛምዱ ምግባር
- እንትውድኡ እንታይ ምስምንታይ ከምዘዛመዱ ዘዛመድዎም ስእልታት እንታይ ከምዝኾኑ ብምሕታት ስኒ ከበላሽው ዝኽእሉ ምግብታት ነክለልዩ ምግባር

**ተፍትሽ** ፡- ስኒ ከበላሹዉ ዝኽእሉ ምግብታት ምልላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ** ፡- ምክንኻን ስኒ


**ዒላማ** ፡- ስኖም ከመይ ከምዝከናኸኑ ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ቡሩሽ ስኒ ወይ መወፅ፣ ኩባያ ወይ ብርጭቆ፣ ስእሊ ጥዑም ምግብታት ፣ ቡሩሽ ስንን ስእሊ ኩባያን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ብፅምዲ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ንምብልሻይ ስኒ ምኽንያት ክኾኑ ዝኽእሉ ስእሊ ዓይነታት ምግቢ ብምሃብ ንኽዛምዱ ምግባር
- ስኒ ከመይ ምፅራይ ከምዘለዎም ብዝስዕብ መልክዑ ምርዳእ፡-
  - ቡሩሽ ስኒ ወይ መወፅ ብምጥቃም ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ስኒ ከመይ ምፅራይ ከምዝካኣል መምህር ብተግባር ምርኣይ
  - ብሓደ ቡሩሽ ስኒ /መወፅ/ ስኒ ካልእ ሰብ ዝተመወፀሉ ምጥቃም ከምዘይብሎምን ምውሓጥ ሳሙና ከምዘይብሎም ምርዳእ
- ህፃናት ንሕድሕዶም ኩባያ ወይ ብርጭቆ ስእሊ ቡሩሽ ስኒን ምሃብ
- ዝደለይዎ ሕብሪ መሪፃም ንኽለኽዩ ምግባር
- እንትውድኡ እንታይ ከምዝቸብኡን ንምንታይ ከምዝቸብኡ ንምንታይ ከምዝጠቅም ንክናገሩ ምግባር





**ተፍትሽ ፡-** ሕቶታት ብምሕታትን መፃልታዊ ምንቅስቓሶምን ብምክትታል ስኖም ከመይ ምክንኻን ከምዘለዎም ምርዳኦም ምክትታል፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 7.ብምድህሳስ ነገራትን ኩነታትን ምግላጽ | 7.1. ብዛዕባ ባህርይ ነገራት፣ ሙቐት፣ መጠንን ቅርፅን ምልላይ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡-** ነገራት ብምድህሳስ ባህርያት ምፍላይ

**ዒላማ ፡-** ባህርይ ነገራት ብምድህሳስ ፈልዮም ይናገሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ሰሌዳታት መዳህሰሲ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ሰለስተ ደረጃታት ዘለዎም ሰሌዳታት መዳህሰሲ /ሉስሉስ፣ ሓርፋፍ፣ ብጣዕሚ ሓርፋፍ/ ነቶም ህፃናት ኣብ በቢ ጠረጴዘኦም ምሃብ
- ብኢዶም ንክድህስሱን ኣየናይ ሓርፋፍ ኣየናይ ለማፅ ምኻኑ ንክናገሩ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ባህርይ ነገራት ብምድህሳስ ምልላይን ምንጋርን ምኽኣሎምን ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-** ነገራት ብምዳህሳስ በቢባህሪኦም ምምዳብ

**ዒላማ ፡-** ነገራት ብዳህሳስ በብባህሪኦም ይምድቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ሕብራዊ ሰሌዳ መዳህሰሲ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ዘለዎም ብከባቢ ዝርከቡ ኣቕሑ /ባኮ ሣሙና፣ ሰሌዳ መዳህሰሲ ፣ ሕብራዊ ሰሌዳ፣

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተፈላለዩ በብከባቢኦም ዝርከቡ ሓርፋፍን ሉስሉሳትን ዝኾኑ ኣቕሑ ምሃብ
- ነቶም ህፃናት በብባህሪኦም ንክምድቡን ኣብ መወዳእታ እዚኦም ሓርፋፋት እዮም፡፡ እዚኦም ሉስሉሳት እዮም ብምባል ንክናገሩ ምብርትታዕ

**ተፍትሽ ፡-** ነገራት ብምድህሳስ በብባህሪኦም ምምዳብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ፡-**ብምድህሳስ እንታይት ነገራት ምፍላይ

**ዒላማ ፡-** እንታይነት ነገራት ከይረአዩ ብምድህሳስ ጥራይ ፈልዮም ይናገሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ዝተፈላለዩ ቅርፂ ዘለዎም ኣብ ከባቢ ዝረከቡ ኣቕሑ ፣ ዘይረአ ከረጢት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ዝፈልጥዎም ዝተፈላለዩ ኣቕሑ  ምድላው
- ሓዲኡ ኣቕሓ ኣብቲ ዘይረአ ከረጢት ውሽጢ ምእታው
- ሓደ ፍቓደኛ ህፃን ብምትሳእ ኢዱ /ኢዳ ኣብ ውሽጢ ከረጢት ኣእቲዉ/ ኣእቲዋ ከየውፀአ/ ከየውፀአት እቲ ኣቕሓ ብምድህሳስ እንታይ ከምዝኾነ ንክናገር /ንክትናገር ምግባር
- ትኽክል  ምኳኒን ዘይምኳኒን ኣውፂኡ/ኣ ብምርኣይ ባዕሉ/ላ ንክግምግም/ ንክትግምግም ምግባር
- በዚይ ዓይነት ኩነታት ኩሎም ህፃናት ምስታፍ

**ተፍትሽ ፡-** እንታይነት ነገራትብዳህሳስ ምልላይን ምንጋርን ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡-** ብምዳህሳስ ቅርፀታት ምፍላይ


**ዒላማ ፡-** ብምድህሳስ ጥራሕ ከይረኣዩ ቅርፀታት ብምልላይ ይናገሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ቅርፅታት ጂኦሜትሪ  /ክቢ፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ኣርባዕተ ኣንጎሎ፣ ትርቢዒትን ሬክታንግል/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ  /ክቢ፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ኣርባዕተ ኣንጎሎ፣ ትርቢዒትን ሬክታንግል/ኣብ በብመንበሮም ምሃብ

- ኣፃብዕቶም ብምጥቃም ነቶም ቅርፅታት ንክለልዩ ምግባር
- "ዳህሲስካ ፍልጥ" ዝባሃል ፀወታ ብዝስዕብ መንገዲ ምፅዋት፡-
  - ኣብ ቅድሚ እቶም ህፃናት ዘሎ መንበር ሓሙሽቲኦም ቅርፅታት /ክቢ፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ኣርባዕተ ኣንጎሎ፣ ትርቢዒትን ሬክታንግል/ ምቕማጥ
  - ፍቃደኛ ዝኾኑ ህፃናት ብምትሳእ ዓይኖም ኣላሕልሕ ኣቢልካ ብጨርቂ ምእሳር
  - ካብኡ ካብቶም ቅርፅታት ሓደ ኣብ ኢዶም ብምቕማጥ ዳህሲሶም ቅርፁ ንክናገሩ ምግባር
  - ልክዕ እንተኾይኖም ክጭብጨበሎም እንተተሰሓሒቶም ፍንጪ ብምሃብ ደጊሞም ንክፍትኑ ዕድል ብምሃብ ኩሎም ህፃናት በብተራ ንክፃወቱ ምብርትታዕ



**ተፍትሽ** ፡- ብምድህሳስ ቅርፅታት ምልላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ** ፡- ካብ ዝቦኽዐ ጭቃ ወይ ወረቐት ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ

**ዒላማ** ፡- ካብ ዝቦኽዐ ጭቃ ወይ ወረቐት ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ይሰርሑ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ካብ ዝተቦኽዐ ወረቐት ወይ ጭቃ፣ ላስቲክ መንበር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- መንበሮም ብላስቲኽ ምሽፋን
- ብጥንቃቐ ዝተቦኽዐ ጭቃን ወይ ዝተቦከዐ ወረቐት ብምሃብ

- ህፃናት ኣፃብዕቶም ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ንክሰርሑ ምግባር
- እንትውድኡ እቲ ዝሰርሕዎ እንታይ ከምዝኾነ ንመሓዝቶም ነከርእዩን ንክናገሩን ምግባር
- ኣብ መወዳእታ ክደርቕ ኣብ ዝኽእለሉ ቦታ ምቕማጥ

**ተፍትሽ :-** ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ ምልምማዶም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሽዱሽተ :-** ሙቐት ነገራት ብምትንካፍ ምልላይ

**ዒላማ :-** ሙቐት ነገራት ብምንካእ የለልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** መትሓዚ ማይ ሽንኬልን ጆግ ፕላስቲክ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ሙቐትነገራት ብምንካእ ምግላፅ ንክኽእሉ ብዝስዕብ መንገዲ ምልምማድ፡-
  - ክልተ ሽንኬል ወይ ጆግ ፕላስቲክ ምድላው
  - ኣብ ውሽጢ ሓዲኡ ጆግ ምውቕ ማይ ኣብቲ ካሊእ ድማ ዝሑል ማይ ምግባር
  - እቶም ህፃናት ኣእዳዎም ናብቲ ውሽጢ ጆግ ብምእታው ዝተሰመዖም ስሚዒ ሙዉቕ፣ዙሑል፣ ወዘተ… ብምባል ንክናገሩ ምብርትታዕ

**ተፍትሽ :-** ነገራት ብምንካእ ሙቐትን ዛሕልን ምልላዮም ምርግጋፅ፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|

| | |
|---|---|
| 8. ምሕላው ጥዕናን ስርዓታት ኣተሓላልዋን ምልምማድ | 8.1. ስርዓት ኣመጋግባ ይለማመዱ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ረብሓ ምግቢ ምርዳእ/**

**ዒላማ ፡-**ረብሓ ምግቢ ይርድኡ::

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእልታት ምግቢ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኩሎም ህፃናት ንግሆ ካብ ገዛኦም ቁርሶም እንታይ በሊዖም ከምዝመፅኡ፣ እንታይ ዓይነት ምግቢ ምምጋብ ከምዝፈትዉ ብምሕታት ምዝታይ
- ህፃናት ኮኑ ዓበይቲ ዝተፈላለዩ ምግብታት ንክምገቡን እዞም ምግብታት ንሰውነትና ጠቕምቲ ከምዝኾኑ ምግላፅ
- "መን እዩ ዝበልፅ?" ነበርያ ነበረ ብምንጋር ምጥንኻር

**ተፍትሽ ፡-** ጥቕሚ ምግቢ ምርድኦም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ::

**ተግባር ክልተ ፡- ምልላይ ዓይነታት**

**ዒላማ ፡-** ዓይነታት ምግቢ የለልዩ፡፡

**የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ ፡-**ዝተፈላለዩ ምግብታት ዝተሰኣለሉ ወረቐትስእሊ፣ ፃዕዳ ወረቐት፣ ሕብርዊ እርሳስ/ከለር/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ስእሊ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ንሕድሕዶም ምሃብ
- በብዓይነቶም ክምድብዎም ምግባር
- ድሕሪኡ ሕብሪ/ከለር/ ክለኽይዎም ምግባር
- ኣብ እግሪ እቲ ስእሊ ዓይነታት ምግቢ ንቲ ህፃን ብምሃብ ስም ምፅሓፍ

**ተፍትሽ ፦** ዓይነታት ምግቢ ምፍላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፦** ምስኣልን ምግላፅን ዝፈትዉዎ ዓይነታት ምግቢ

**ዒላማ ፦**ስም ዓይነታት ምግቢ ይገልፁ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦** ፃዕዳ ወረቐት፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር/፣ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ንሕድሕዱ ህፃን ፍርቂ ፃዕዳ ወረቐት/ እርሳስና ሕብራዊ እርሳስ /ከለር/ ምሃብ
- ዝፈትውዎ ዓይነት ምግቢ ንክስእሉን ሕብሪ ንክለኽዩን ምግባር
- ኣብቲ ትሕቲ እቲ ስእሊ ዓይነት ምግቢ ነቲ ህፃን ብምሕታት ስሙ ምፅሓፍ

**ተፍትሽ ፦** ዝፈትውዎ ምግቢ ምስኣልን ምንጋር ምኽኣሎምን ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፦** ምርዳእን ምትግባርን ስርዓት ኣመጋግባ

**ዒላማ ፡-** ስርዓት ኣመጋግባ ተረዲኦም ይትግብሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስርዓት ኣመጋግባ ዘርእዩ ስእልታት/ፖስተራት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ነዚኦም ብምጥቀም ህፃናት ምግቢ እንትምገቡ ክሕልውዎ ዝግባእ ስርዓት ኣመጋግባ ምርዳእ
- ኣብ እዋን ምግቢ ምውጋዕ፣ ዓቒንካ ዘይምኹላስ፣ ኣብ ኣፍካ ዘሎ እንተይወሓጥካ ካሊእ ምኹላስ፣ ወዘተ… ዘኽትሎ ሳዕብዬን ብተጋንፎታት መልክዕ ምንጋር
- ኣብ እዋን ምግቢ ብአግባቡ /ብስርዓት/ ንክምገቡ ምብርትታዕ

**ተፍትሽ ፡-** ስርዓት ኣመጋግባ ተረዲኦም ምትግባሮም ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡-** ኣምሲልካ ብምፅዋት ስርዓት ኣመጋግባ ምልምማድ

**ዒላማ ፡-** ኣብ ስርዓት መሲልካ ፀወታ ኣመጋግባ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ንመሲልካ ምፅዋት ዘገልግሉ መፃወቲ ኣቕሑ (ሻሓነታት፣ ማንካታት፣ ፋርኬታት ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ‹‹ስድራ ስድራ›› ዝመሳሰሉ ናይ መሲልካ ምፅዋት ፀወታት ምድላው
- እዞም ፀወታት ብምጥቃም ግቡእ ስርዓት ኣመጋግባ ተኸቲሎም ንክፃወቱ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ኣብ እዋን መሲልካ ምፅዋት ብምክትታል ስርዓት ኣመጋግባ ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሻዱሹተ፡** ስርዓተኣመጋግባብ መልክዕ ተዋስኦ/ድራማ/ምልምማድ

**ዒላማ ፡-** ብድራማ ስርዓተ ኣመጋግባ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ነቲ ዝተዳለወ ተዋስኦ ዘገልግሉ ናውቲ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ስርዓት ኣመጋግባ ዘርእይ ሓፂር ተዋስኦ ምድላው
- ኣብቲ ውሽጢ ድራማ ህፃናት ተዋሳእቲ ብምግባር ስርዓት ኣመጋግባ ምልምማድ

**ተፍትሽ** ፡- ነቲ ተዋስኦ ብምክትታል ኣመጋግባ ስርዓት ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፡-** ምትግባር ስርዓት ኣመጋግባ

**ዒላማ ፡-** ስርዓት ኣመጋግባ ተረዲኦም ይትግብሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ኩባያታት /ኳዳታት ማይ ፣ ቁራፅ ፎጣ፣ ፋርኬታ፣ ማንካታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ብኣእዳዎም ዝምገብዎ ምግቢ ከመይ ኣፃብዕቶም ጥራሕ ብምጥቃም ምምጋብ ከምዘለዎም ምርዳእ

- ህፃናት ምግቢ እንትምገቡ ብፋርኬታን ብማንካን ዝብልዑ ምግብታት ከመይ ከምዝብልዑ ምርኣይ
- ኩባያታት /ኳዳታት ማይ / ምግቢ ብዘይነኽአ ኣእዳዎም ምሓዝ ከምዘለዎም ብምንጋር ምርኣይ
- ኣብ ዝምገብሉ እዋን እዚ ተግባር ምትጋባሮም ምክትታልን ሓገዝን ምግባር
- ምግቢ ከየንጠብጠቡ ምብላዕ ከምዝግበእን በለያም እንትውድኡ ዝቕረቡሎም ሰባት ምምስጋን ከምዘለዎም ምግላፅ
- ብተግባር ምፍፃሞም ብምክትታል ልምዲ ንክምስርቱ ምግባር
- ቁራፅ ፎጣ ብምጥቃም መንበር ከመይ ምፅራይ ከምዝካኣል ምርኣይ
- በዓል ተራ ህፃናት በቢዕለቱ ተረኦም ሓሊዮም ንከፅርዩ ምልምማድ

**ተፍትሽ :-** ስርዓት ኣመጋግባ ተረዲኦም ኣብ ዕለት ብዕለት ህይወቶም ምትግባሮም ምክትታል፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 9. ኣካላት ብጥንቃቐ ምሓዝን ምክንኻንን | 9.1. ኣካላቶም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምክንኻንን ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ :-ምፍላይ ክፍሊ ኣካላት**

**ዒላማ :-** ስእልታት ሕብሪ ብምልካይ ክፍሊ ኣካላት ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ስእሊ ክፍሊ ኣካላት፣ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር/፣ ወረቐት ወዘተ…

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኩሎም ኣካላት ክፍሊ ዝሓዘ ስእሊ ንሕድሕድ ህፃን ምሃብ
- ኣብ በብመንበሮም ዝተፈላለዩ ሕብራዊ እርሳስ/ከለራት/ ምቕራብ
- ንኽለኽዩን ንሕድሕድ ክፍሊ ሰውነት እንታይ ከምዝለኽዩ ንኽዛረቡ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ስእሊ ክፍሊ ኣካላት ሕብሪ ብምምልካይ ምፍላዮም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡- ምፍላይ ተግባራት ክፍሊ ኣካላት**

**ዒላማ ፡-** ፐዝል/ቁርፅራፅ/ ክፍሊ ኣካላት ብምግጥጣም ይለያዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡-ስእሊ ክፍሊ ኣካላት ፣ ክፍሊ ኣካላት ፐዝል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ካብ 4-5 ቦታ ዝተቆራረፁ ክፍልታት ሰውነት ፐዝል ብምጥቃም ከመይ ምግጥጣም ከም ዝካኣል ብዝስዕብ መልክዕ ምርኣይ፡-
    - ፈለማ ዝለማልአ ኣካል ዘለዎ ምርኣይ
    - ቀፂሎም ሕድሕዱ ቁርፅራፃት ምርኣይ
    - ኣየናይ ናይ ሰውነት ክፋል ክኾን ከምዝኽእል ምሕታት
    - ምስቶም ህፃናት ነቲ ፐዝል ምግጣም
    - ብምኽፃል ፍቓደኛ ዝኾነ/ዝኾነት ህፃን ብምትሳእ ነቲ ፐዝል ንክገጥሞ/ንክትገጥሞ ምግባር
- በዚ ክነታት ኩሎም ህፃናት ምስታፍ

**ተፍትሽ ፡-** ፐዝል ክፍሊ ኣካላት ብምግጥጣም ምልላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ምግጥጣም ፐዝል/ቁርፅራፅ/ ክፍሊ ኣካላት**

**ዒላማ ፡-** ተግባራት ክፍሊ ኣካላት ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ንዓቐብ ሓፍ ኢሉ ብምዝላል፣ ብምጭብጫብ፣ ወዘተ… እንታይ ከም ዝገበሩን በየናይ ክፍሊ ኣካላቶም ከምገብርዎምን ምሕታት
- ሕንቅሕንቅሊተይ ብምሕታት ህፃናት ክፍሊ ኣካላቶም እንታይ ተግባር ክገበሩ ከምዝኽእሉ ንክርድኡ ምግባር

 **ንኣብነት፡-**

 **ኣነ ካብ ክፍሊ ሰውነት ሓደ እየ**

 **ምግቢ ንምሕያኽ ይጠቅም**

 ***ኣነ መን እየ?*** ብምባል ምሕታት ምዝታይ

**ተፍትሽ ፡-** ሕንቅሕንቅሊተይ ብምሕታት ክፍሊ ኣካላቶም ተግባራት ምልላይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡-** ኣካልና ብ ዕሬት ምሓዝ

**ዒላማ ፡-** ኣካላቶም ብዕሬት ምሕላው ከምዘለዎም ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-**ስእሊ ክፍሊ ኣካላት ፣ፐዝል ክፍሊ ኣካላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሰውነት ዝተፈላለዩ ተግባራት ብምግባር እንታይ ከምዝገበሩ ምሕታት
- ክፍልታት ሰውነት ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምግባር ከም ዝሕግዝዎም ንክግንዘቡ ምግባር

 **ንኣብነት ፡-** ብኢእዳው ምንጭብጫብ፣ ብእዝኒ ምስማዕ፣ ብዓይኒ ምርኣይ፣ ብኣፍንጫ ምሽታት ወዘተ…
- ዝተፈላለዩ ተግባራት ዝግበረሎም ኣካላቶም ብዕሬት ምሕላው ከምዘለዎምን ከመይ ክሕልዉ ከምዘለዎምን ምዝታይ

**ተፍትሽ ፡-** ኣካላቶም ብፅሬት ምሕላው ከም ዘለዎም ምርዳኦም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡-** መንገዲታት ኣተሓሳልዋ ፅሬት

**ዒላማ ፡-** ኣካላቶም ብፅሬት ንምሓዝን ንምክንኻን እንታይን እንታይን ክገብሩ ከም ዘለዎም ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ስእሊ ክፍሊ ኣካላት፣ፐዝል ክፍሊ ኣካላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ኩልግዘ ንግሆ ካብ ምድቃሶም ምስተልዓሉ እንታይን እንታይን ተግባራት ከምዝገብሩ ብምሕታት ምዝታይ
- ህፃናት ኢዶም ገፆምን እግሮምን መን ከም ዝሓፅቦም፤ መዓስን ንምንታይን ከምዝሕፀቡ ብምሕታት ምዝታይ
- ህፃናት መዓልታዊ ገፆምን እግሮምን ምሕፃብ ከምዘለዎም ምርዳእ
- ኣእዳዎም ግን ቅድሚን ድሕሪ ምግቢን ከምእዉን ድሕሪ ሽቓቕ መልሲ ኩልግዘ ብማይን ብሳሙናን ምሕፃብ ከምዘለዎም ምግንዛብ

**ተፍትሽ ፡-** ኣካላቶም ብፅሬት ንምሓዝን ንምሕላውን እንታይን እንታይን ክገብሩ ከምዘለዎም ምንጋር ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም

**ተግባር ሽዱሽተ ፡-** ኣድላይነት ምሕላው ውልቀ ፅሬት

**ዒላማ ፡-** ኣዳላይነት ምሕላው ውልቀ ፅሬትይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- መፅሓፍ ዛንታ**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡--**

- ዛንታ ላሊቱ ሉሊት ኣሕፅር ኣቢልካ ምንጋር
- ዕሬት ዘይምሕላው ዘስዕቦ ሳዕብየን ንክግንዘቡ ምግባር
- **ናይ ላሊቱ ሉሊት** መዝሙርን ብምዝማር እቲ መልእኽቲ ንክግንዘቡ ምግባር

**ተፍትሽ** ፡-ውልቀ ዕሬት ምሕላው ኣድላይነት ምርዳኦም ሕቶታት ምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሽውዓተ ፡- ጉድኣት ዘይምሕላው ውልቐ ዕሬት**

**ዒላማ** ፡- ውልቀ ዕሬት ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣት ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡--**

- ህፃናት ኢዶም፣ ኢዶምን እግሮምን ዓርሶም ኪእሎም ምሕፃብ ምልምማድ ከም ዝግባእ ምንጋር
- ብምቕፃል ፀጉሮምን ሰውነቶምን መን ከምዝሓፅቦምን ንምንታይ ከምዝሕፀቡን ብምሕታት ምዝታይ
- ፀጉሮምን ሰውነቶምን በብግዘኡ እንተዘይተሓፂቦም ፀጉሮም ባልዕ ክፍርይ ከምዝኽእል ምርዳእ
- ሰውነቶምውን ሕማቕ ሽታ/ደስ ይብል ሽታ/ ከምዕእ ከምዝኽእል ምግላፅ
- ኣድላይነትውልቀ ዕሬት ምሕላው ክግንዘቡ ምግባር

**ተፍትሽ** ፡- ኣካላቶም ብ ዕሬት ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣት ምናጋር ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

## ተግባር ሸሞንተ ፦ ምሕፃብ ኢድን ገፅን

**ዒላማ** ፦ ኢዱምን ገፆምን ብምሕፀብ አካላቶም ብፅሬት ምሓዝን ምክንኻን ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦-- ሳሙና፣ ማይ፣ ፎጣ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦--**

- ኢድካ ከይተሓፀብካ ምግቢ ምምጋብ ዘስዕቦ ጉድኣት /ፀገም/ ብዛንታ ብተጋንፎ መልክዕ ምንጋር
- " **ኢድ ምሕፃብ ከምዝይ እዩ፡፡"** ዝብል መዝሙር ምዝማር
- ንህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ደው ብምባል ብማይን ሳሙናን ኢድካ ከይ ከምዝሕፀብን ምፅራግ ከምዝካኣልን ምርኣይ
- ብዘይ ሳሙና ብማይ ጥራሕ ብክልተ ኢዱም ገፆም ከመይ ገይሮም ክሕፀቡ ከምዝኽእሉ ምርኣይ
  - ብምቕፃል ህፃናት በቢታራ ብዝረኣይዎ መንገዲ መሰረት ኢዶምን ገፆምን ንክሕፀቡ ምግባር

| |
|---|
| **መዘኻኸሪ** ፦ እዚ ተግባር ካብ ክፍሊ ወፃኢ ህፃናት መሕፀቢ ቧንቧታት/ጀሪካን ማይ/ ብምጥቃም ምርኣይ ይካኣል፡፡ |

**ተፍትሽ** ፦ ኢድን ገፅን ብምሕፃብ ኣካላቶም ብፅሬት ምሓዝን ምክንኻንን ምልምማዶም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 10. ምጥቃም ዓበይትን ኣናእሽቶይን ጭዋዳታት | 10. ምግባርግቡእ ምንቅስቓስ ክፍሊ ሰውነቶም ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ሚዛን ሓሊኻ ምጉዓዝ/ምኻድ**

**ዒላማ ፡-** ሚዛን ሰውነቶም ሓሊዮም ይጓዓዙ/ይኸዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ቾክ ወይ ገመድ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ስፍሕ ዝበለ ቦታ /ኣብ ክፍሊ ወይ ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ /ኢድ ምዝርጋሕ
  - ጥራሕ ዝኣክል ተረሓሒቖም ደው ንክብሉ ንጎኒ ደው ንክብሉ ምግባር
  - ኣብ ቅድሚ ህፃናት ብቾክ መስመር ምስራሕ ወይውን ምልክት ምግባር
  - እቲ ዝተሰመረ መስመር ሓሊኻ ጉዓዝ ከምዘድሊ ብተግባር ምርኣይ
- ነኒሕድሕዶም ብዝተሰመረ መስመር ንክጉዓዙ ምልምማድ
- ጎኖም ሒዞም ደው ንክብሉ ምግባር
- መልዐሊን መወዳእታን ብቾክ ምልክት ብምግባር ምርኣይ
- ብእግሮም ኣፃብዕቲ እስካብ ሓደ ሜትሮ ዝኣክል/ኣርባዕተ ወይእውን ሓሙሽተ ስዳሮ/ ንቕድሚት ምጉዓዝ ንክለማመዱ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ሚዛኖም ሓሊዮም መግዓዞም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ፡- ሚዛን ሓሊኻ ምንዝ ፣ ምጉያይን ምዝላልን**

**ዒላማ ፡-** ሚዛኖም ሓሊዮም ሓሊዮም ይጋዓዙ፣ ይጎዩ ከምኡውን ብክልተ ኣእጋሮም ይዘሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ቾክ ፣ 15-20 ሳ.ሜትር ንውሓት ዘለዎ ሳንዱቕ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ብሓደ መስመር ምስላፍ
- ብክልተ ዝተሰመሩ መስመራት ማእኸል ዝተወሰነ ርሕቐት ምጉዓዝ ንክኽእሉ ምግባር
- ብመስመር ኣእዳዎም ዘርጊሖም ምጉያይ ምልምማድ
- ጎኖም ሒዞም ንክጎይ ብምግባር ምልምማድ
- ኣብ ልዕሊ ሳንዱቕ ደው ክብሉ ብምግባር ብክልተ እግሮም ናብ ታሕቲ ምዝላል ምልምማድ
  - ኣብ መንጎኦም ካብ10-15 ሴ.ሜትር ኣራሓሒቕካ ክልተ ገመዳት ጎኒ ንጎኒ ምዝርጋሕ ብክልተ እግሮም ነተ ገመድ እንክይረገፁ ሓፍ ኢሎም ከመይ ከምዝዝለል ምርኣይን ንሳተም እውን በቢተራኦም ንክዘሉ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ሚዛኖም ሓሊዎም ምጉዓዝን፣ ምጉያይን ብክልተ ኣእጋሮም ምዝላልን ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

***መዘኻኸሪ*** **፡-** ሑቔኻ ሒዝካ ምጉያይ ክብድ ስለዝብል መምህር ህፃናት እንተለማመዱ ጥንቃቐ ምግባር ኣድላይ እዩ ከምኡውን ህፃናትዝጎይይሉን ዝዘልሉን ኣከባቢ ምችዊ ምኺኑ ኣቐዲምካ ምርግጋፅ የድሊ፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡- ንቅልጣፈ ሰውነት ዝሓተ ፀወታት ምፅዋት**

**ዒላማ ፡-** ቅልጣፈ ሰውነት ዝሓቱ ፀወታት ይፃወቱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ኣናእሽተይ ኳዓሳሱ፣ ጎማተት፣ መሳልል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ካብ ቐረባ ርሕቐት ኣናእሽተይ ኳዓሳሱ ብምድርባይ ኣብዝተትኽለ ጎማ ውሽጢ ምሕላፍ ብምርኣይ ንክፃወቱ ምግባር
- ኣብ መሬት ኣብዝተተኽሉ ዓበይቲ ጎማታት/ቱቦታት/ ምሽላኽ ብምርኣይ ንክፃወቱ ምግባር
- ኣብ መሰልላት ብድያብን ምውራድን ንክለማመዱ ምብርትታዕ
- ኣናእሽተይ ጎማታት ብምሽክርካር ንክፃወቱ ምግባር

***መዘኻኸሪ*** :- ህፃናት መሳለል እንትድይቡን እንትወርዱን ኣብ ጥቓኡም ምኳን ኣድለዪ እንትኾን ኣብ ልዕሊ መሳለል ምድያብ ንዘይደለዩ ህፃናት ምግዳድ ኣየድልን፡፡

**ተፍትሽ** :- ፀወታት ብቕልጣፈ እንትፃወቱ ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ :- ሚዛን ሓሊኻ ብንቕሓት ምንቅስቓስ**

**ዒላማ** :- ሚዛኖም ሓሊዎም ብንቕሓት ብምጉዓዝ ይፃወቱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ንእሽተይ ጨርቂ/መንዲል/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- እቶም ህፃናት ኣብ ክልተ ቡድን ብምኽፋል/ኣብ ዓብይን ንእሽተይን ቡድን/ኢድ ንኢድ ንክተሓሓዙ ምግባር
- እቲ ዓብይ ቡድን ህፃናት እንትሽክረከሩ እቶም ኣናእሽተይ ቡድን ህፃናት **ዓብይ ጎማ ተሽከርኪሩ እናበሉ ንክንጨብጭቡ ምግባር**
- እቲ ንእሽተይ ቡድን ህፃናት እንትሽክርከሩ እቲ ዓብይ ቡዱን ህፃናት እቲ ንእሽተይ ጎማ ተሽከርኪሩ እናበሉ ንክንጨበጭቡ ምግባር
- ህፃናት ኢድ ንኢድ ብምትሕሓዝ ክቢ ብምስራሕ ኮፍ ኢሎም "**ምንዲለይ ዶ ሪኢኹምየ**" ፀወታ ንክፃወቱ ምግባር
- **ፈጣን ባቡርን** ፀወታ **ሰለሜ ሰለሜን** መስምሮምን ሚዛኖምን ሓልዮም ካብ ሓዲኡ ኣቕጣጫ ናብ ሓዲኡ ኣቅጣጫ ንክፃወቱ ምግባር

**ተፍትሽ** :- ሚዛኖም ሓልዮም ብንቕሓት ብምንቅስቓስ ምፅዋቶም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡



**ተግባር ሓሙሽተ :- ቀሊል ምንቅስቓሳት ኣካል ምስራሕ**

**ዒላማ ፡- ቀሊል ምንቅስቓስ ኣካል ይሰርሑ፡፡**

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ወረቐት ዕምበባ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ብመስመር ንክስለፉ ምግባር
- በእዳዎም ወረቐት ዕምባባ ንክትሕዙ ምግባር
- እቲ ዕምባባ ናብ የማንን ፀጋምን፣ ናብ ላዕልን ታሕትን ከመይ ምውዝዋዝ ከምዝከኣል ምርኣይ
- ከምዝተመልከትዎ ንከወዛውዝዎ ምምራሕን ምልምማድን
- ህፃናት ኣእጋሮም ንእሽተይ ክፍት ኣቢሎም ኣእዳዎም ኣብ ጎኖም ጌሮም ደው ንክብሉ ምግባር
- ንቕድሚት ጉንብሕ ኢሎም ብርኮም በኣእዳዎም ነኺኦም ንክምለሱ ብምርኣይ ዝትወሰነ ግዘ ብምድግጋም ንክሰርሑ ምግባር
- ህፃናት ኣእጋሮም ብምግጣም ኣእዳዎም ንታሕቲ ገይሮም ደው ንክብል ምግባር
- ሓደ እንትባሃል ኢዱም ንቕድሚት ንክዝርግሑ ክልተ እንትበሃል ኢዱመ ዘርጊሖም ኮፍ ንክብሉ ብምግባር ኢድካ ዘርጊሕካ ኮፍ ብድግ ምልምማድ
- ደው ኣባህለኦም ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ኮይኑ ሓደ እንትበሃል ኢዱም ንላዕሊ ንከልዕሉን ክልተ እንትበሃል ንከንጨብጭቡ ምግባር
- ህፃናት እግሮም ዘርጊሖም ጎኖም ሒዞም ኣብ መሬት ንኽቐመጡ ምግባር
- ሓደ እንትበሃል ኣእዳዎመ ንቕድሚት ንክዝርግሑን ክልተ እንትበሃል ናየ እግሪ ኣፃብዕቶም ንክነኽኡን ሰለስተ እንትበሃል ናብ ዝነበርዎ ኣቀማምጣ ንክምለሱ ብምግባር ምልምማድ
- **ኢድ ንኢድ ተታሒዝና ክንዞር ኢና** ዝብል ፀወታ ምዕዋት

| |
|---|
| እዞም ምንቅስቓሳት ኣካል ጥንካረ ተረጋጊኦም ንክስርሑ ምትሕስሳብን ሓድሓደ ምንቅስቓሳት ምስራሕ ዘይክእሉ ህፃናት ምግዳድ ኣየድልን፡፡ |

**ተፍትሽ :-** ቀሊል ምንቅስቓሳት ኣካል እንትሰርሑ ምክትታል፡፡

**ተግባር ስድስት :- ትእዛዝ ተቐቢልካ ብቕልጣፈ**

**ዒላማ :-** ትእዛዝ ተቐቢሎም ብቕልጡፍ እናተንቀሳቐሱ ይፃወቱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ብሎካት፣ ኩዑሶታት፣ ኪዩባት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ሜዳ ብሎካት፣ ኩዑሶታት፣ ኪዩባት፣ መፃወቲታት ኣብ ዝትፍላለየ ርሕቐት ምቕማጥ
- ትእዛዝ ተኸቲልካ ብዝተፈላለዩ ኣቐጣጫታት ምንም ነገር እንተይነኸኡ ብምዝዋር ብፀወታ መልክዕ ምልምማድ

**ተፍትሽ :-** ትእዛዝ ተቐቢሎም በቕልጣፈ ብምንቅስቓስ ምፅዋት ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሸውዓተ :- ትእዛዝ ተቐቢልካ ምፅዋት**

**ዒላማ :-** ትእዛዝ ተቐቢሎም ብቕልጣፈ ይፃወቱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ‹‹ **መሓዛኻ ድለ**›› እቲ ፀወታ በዚ ዝስዕብ መልክዑ ምፅዋት፡-
  - ብዝተፈላለየ መልክዕ ተበታቲኖም ንክንቀሳቐሱ ምግባር
  - ቁፅሪ እንትፅዋዕ ብትዝተፀወዐ ቁፅሪ መሰረት ምስዝረኸብዎም ህፃናት ንክተታቓቓፉ ምንጋር

**ተፍትሽ ፡-** ትእዛዝ ተቐቢሎም ብቕልጣፈ ምፅዋቶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሸሞንተ ፡-**ፀወታ "**ከም ኲዕሶ ምንጣር**" /ከም ኲዕሶ እናነጠርካ ምፅዋት/

**ዒላማ ፡-** ብኽልተ ኣእጋሮም እናዘለሉ ይፃወቱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ኲዑሶ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ኲዑሶ ብምንጣር ምቑፃር
- ሓቢሮም ንክቆፅሩ ምግባር
- ብምቕፃል "**ከም ኲዑሶ ምንጣር**//ከም ኲዕሶ እናነጠርካ ምፅዋት/" ብምባል ናይታ ኲዑሶ ምንጣር ተኸቲሎም ንክዘሉ /ንክነጥሩ/ ብምግባር ምፅዋት

**ተፍትሽ ፡-** ብክልተ ኣእጋሮም እናዘለሉ ምፅዋቶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ትሽዓተ ፡-** ምፅዋት ፀወታ ቅብብል ኲዕሶ

**ዒላማ ፡-**ፀወታ ቕብብል ኲዕሶ ይፃወቱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ኩዑሶ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ሰለስተ ህፃናት ብምርሕሓቕ ኣብ መሬት እግሮም ዘርጊሖም ኮፍ ኢሎም ሰለስት ማዓዝን ንክሰርሑ ምግባር
- ኩዑሶ ምሃብን ኣብ መሬት ብምንክብላል እናተቐባበሉ ንክፃወቱ ምግባር
- ኩዑሶ እንተቐብል ካብቲ ሰለስተ መዓዝን ዝወፅአ/ዝወፅኣት ህፃን ካብቲ ፀወታ ይወፅእ /ትወፅእ ኣብ ክንድኦም ካልእ ህፃን ይትካእ፡፡

| |
|---|
| **መዘኻኸሪ ፡-** እዚ ፀወታ ክንዲ እቲ ክፍል ስፍሓት ብሓደ ግዘ ዝተወሰኑ ጉጅለታት ምፅዋት ይኽእል፡፡ |

**ተፍትሽ ፡-** ፀወታ ምቅብባል ኩዑሶ ምፅዋት ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ፡-** ክሪ ናብ ዑንቑ ምእታው/

**ዒላማ ፡-** ብውሽጢ ዑንቑ ምእታው ክሪ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ክሪ፣ ዝተፈላለዩ ቀለምን ሰፋፊሕ ቐዳዳት ዘለዎም ዑንቅታት ወይእውን ናይ እስክርቢቶ ቖፎ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ክሪ ኣብ ዝትፈላለዩ ሕብሪ ዘለዎም ዕንቅታት ከመይ ምእታው ይካኣል ምርኣይ
- ነንሕድሕዱ ህፃን ሓሙሽተ ሓሙሽተ ዝተፈላለየ ቀለም ዘለዎም ዕንቁታትን መእተዊ ገመዳት /ክሪ/ ብምሃብ ንክእትዉ ምግባር
- ኣብ በብመንበሮም እናተዘዋወሩ ብምራኣይ ንዝኸበዶም ፍንጪ ምሃብ
- እቲ ዝሰርሕዎ ኣብ ቅድሚ መሓዝቶም ንክርእዩን እቶም ቀለማት ንክናገሩ

ብምግባር ምብርትታዕ

***መዘኻኸሪ፡-*** *ኣቐዲምካ ነቶም ህፃናት ዝተውሃቦም ዑንቅታት ናብ ኣፎም፣ ኣፍንጫኦምን እዝኖምን ከእትዉ ከምዘይብሎምን ብምጥንቃቕ ምሕባርን ምክትታልን የድሊ፡፡ እዚ ተግባር ንምትግባር ብቐሊሉ ናይ እስክርቢቶ ቀፎታት ብዝተፈላለዩ መጠን ብሙቐራፅ ምጥቃም ይካኣል፡፡*

***ተፍትሽ*** *፡- ረቒቕ /ኣናእሽተይ ጭዋዳታት ብምጥቃም ናብ ውሽጢ ዑንቂ ክሪ ወይውን ገመድ ምእታው ምልምማዶም ምግምጋም፡፡*

***ተግባር ዓሰርተ ሓደ*** *፡- ምቑራፅ ወረቐት*

***ዒላማ*** *፡- ወረቐት ብመቐስ ምቑራፅ ይለማመዱ፡፡*

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** *፡-   ፕላስቲክ /ንቆልዑት ተባሂሉ ዝተሰርሐ/ መቐስ፣ ሕብራዊ ወረቐት*

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- *መቐስ ብምጥቃም ረጕድ ሕብራዊ ወረቐት ብመቐስ ከመይ ጌርካ ምቑራፅ ከምዝከኣል ምርኣይ*
- *ንኹሎም ህፃናት ወረቐትን መቐስን ምሃብ*
- *ብትኽክል ነቲ መቐስ ክሕዙን  ብቲ ሓደ ኢዶም ድማ እቲ ዝቆርፅዎ ወረቐት ብምትሓዝ ንክቆርፁ ምግባር*
- *ህፃናት ብመቐስ ምቑራፅ ምስትለማመዱ ኣብ ሮጊድ ወረቐት መስመር ብምስራሕ ምሃብን ነቲ መስመር ተኸቲሎም ንክቆርፁ ምልምማድ*
- *እቶም ዝተቖራረፁ ወረቐታት ብምግጥጣም ምልክዕ፣ መሳልልል፣ ዝኣመሳሰሉ ነገራት ብምስራሕ ንክፃወቱ ምግባር*



***መዘኻኸሪ፡-*** *ህፃናት መቐስ ኣብዝጥቀምሉ እዋን ንባዕሎም ንከይቆርፁ ጥንቃቐ ምግባር ኣድላይ እዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ሓገዝ ንዘድልዮም ህፃናት ሓገዝ ምግባርን ምብርትታዕን የድሊ፡፡*

**ተፍትሽ ፦** መቐስ ብምጥቃም ወረቐት ምቁርራፅ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ ፦ ኣተሓሓዛን ኣጠቓቕማን**

**ዒላማ ፦** ኣተሓሓዛን ኣጠቓቕማን እርሳስ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦** ዝተፈላለዩ መጠን ዘለዎም ወረቐታት፣ ፍርይ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ፣ ኣናእሽተይ ስእልታትን ሕብራዊ እርሳስ/ከለር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ፍርይ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ ንህፃናት ንምርኣይ ኣብዝጥዕም ቦታ ምልጣፍ
- ካበ ለዕሊ ናብ ታሕቲ፣ ካበ የማን ናብ ፀጋም ወይእውን ትኹል መስመር ካብ መስመር ከይወፅኡ ከመይ ምቕባእ ከምዝከኣል ምርኣይ
- ኣናእሽተይ ስእልታት ነኒሕድሕዱ ህፃናት ምሃብ
- ህፃናት ካበ ላዕሊ ናብ ታሕቲ /ካበ የማን ናብ ፀጋም/ ካብ መስመር ከይወፅኡ ምልካይ ንክለማመዱ ምግባር
- እቲ ዝለኽይዎ ስእሊ መፀውዒ ስምን ዝቐእሉ ናይ ቀለም ዓይነት ብምሕታት ንክናገሩ ምብርትታፅ

**ተፍትሽ ፦** እርሳስ ኣተሓሐሕዛን ኣጠቓቕማን ምልምማዶም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ ፦ ስእሊ ምስኣልን ምልካይን**

**ዒላማ ፦** ስእልታት ሲኢሎም ይለኽዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ዝተፈላለዩ መጠን ዘለዎም ወረቐታት፣** እርሳሳት፣ ሕብራዊ እርሳሳት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ፍርቂ ወረቐት ብምዕፃፍ ኣናእሽተይ መፃሕፍቲ ብምስራሕ ምርኣይ
- ብዝተመልከትዎ መሰረት ንክሰርሑ ምግባር
- በቢገፁ ቅልል ዝበሉ ስእልታት ንክስእሉን ሕብሪ ንክቐብኡን ምግባር
  **ንኣብነት፦** ኣራንሺ፣ ገዛ፣ ፀሓይ፣ ወዘተ…
- እቶም ገፃት እናገለፅካ ዝቕብእዎ ሕብሪ እናረኣኻ ምብርትታዕ

**መዘኻኸሪ፦** ነኒሕድሕዱ ህፃን መፅሓፍ ምዝግጃው የድሊ፡፡ ህፃናት እንትሰርሑ እናተዘዋወርካ ብምርኣይ ድጋፍ ምሃብን ምብርትታዕን ከምኡውን እንትውድኡ እተ ዝሰርሕዎ ንምርኣይ ኣብዝጥዕም ቦታ ምልጣፍ

**ተፍትሽ ፦** ስእልታት ምስኣሎምን ሕብሪ ምቕበእ ምኽኣሎምን ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ ፦**ምግጥጣም

**ዒላማ ፦** ፐዝላት/ ቁርፅራፅ/ይገጣጥሙ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ብዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ሰብ ምስሊ** ዝተሰርሑ ፐዝላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ንህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ደው ብምባል ኣብ 4ን 5ን ቦታ ዝተቅራረፁ ፐዝላት ብምግጥጣም እቲ ምስሊ እንታይ ከምዝኾነ ንክናገሩ ምግባር
- ዝተቆራፁ ፐዝላት ንህፃናት ምዕዳል

- ኩሎም ህፃናት ፐዝላት ንክገጣጥሙ ምግባር
- ፐዝላት ምግጣም እንተኸቢድዎም ከም ኣድላይነቱ ግንጪ ብምሃብ ንክገጣጥሙ ምግባር

**ተፍትሽ** ፡- ፐዝላት ምግጥጣም ምኽኣሎም ምምዛን፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓሙዕተ** ፡- *መምርሒ ተኸተልካ ምዝላል*

**ዒላማ** ፡- *መምርሒ ተኸቲሎም ብክልተ እግሮም እናዘለሉ ይፃወቱ፡፡*

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ሕብራዊ ቾክ ወይ ገመድ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ካብ ክፍሊ ወፃኢ ኣብ መሬት ብሕብራዊ ቾክ ወይውን ገመድ ህፃናት ዝፈልጥዎም ናይ ጂኦሜትሪ ቅርፅታት ኣብ ጥቓ ጥቓ ኣብ ሬት ምስራሕ
- ሰለስተ ህፃናት ኣብ ጥቓ እቶም ዝተሰርሑ ቅርፅታት ደው ንክብሉ ኾግባር
  - ናይቲ ቅርፂ ስም እንትፅዋዕ ኣበቲ ዘተፀወዐ ቅርፂ ውሽጢ ዘሊሎም ኣትዮም ደው ብምባል ንክፃወቱ ምግባር
- ትኽክል ሙኻኖምን ዘይሙኻኖምን ናይ ክፍሊ መሓዘቶፐም ንከረጋግፁ ምግባር
- ኩሎም ህፃናት በቢተራ ኣብቲ ፀወታ ንክሳተፉ ምገባር

**ተፍትሽ** ፡- ክልተ እግሮም ዝል ኢሎም ኣበቲ ዝተፀወዐ ቅርፂ ምዝላሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸዱሽተ** ፡- *ምቁሩራፅ ን ምልጥጣፍን ቅርፅታት/*

**ዒላማ** ፡- *መስመር ሓሊዎም ቅርፅታት ብምቁሩራፅ ይልጥፉ፡፡*

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ወረቐት፣ መቐስ፣ ኮላ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ካሬ፣ ስሉስ ኩርናዕ፣ ኣርባዕተ ጎኒ ከቢብ ኣብ ረጒድ ወረቐት ምስኣል
- ኣብ ፈለማ መምህር ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ደው ብምባል ከመይ ቅርፅታት ቆሪፅካ ምውፃእ ከምዝከኣል ምርኣይ
- ኩሎም ህፃናት መስመር ተኸቲሎም ንክቆርፁ ምግባር
- ዝተቆራረፁ ወረቐታት ኣብ ፃዕዳ ወረቐት ንክልጥፉ ብምግባር ዝተፈላለዩ ምስልታት ንክሰርሑ ምልምማድ

**ተፍትሽ ፡-** ቅርፅታት ምቁሩራፅ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸውዓተ ፡-** ፀወታ ምህናፅ ቅርፅታት

**ዒላማ ፡-** ኣብ ምህናፅ ዝተፈላለዩ/ቅርፅታት ብምጥቃም ህንፃታት ይሃንፁ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ብሎካት ህንፀት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ብጉጅ ብምክፍፋል መፃወትታት ህንፀት ምሃብ
- ዝትፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ንክሃንፁ ምግባር
- ህፃናት እንትሰርሑ እናተዘዋወሩ ብምርኣይ ምብርትታዕ ድጋፍ ንዘድልዮም ድጋፍ ምሃብ
- እንትውድኡ እንታይ ምዝስርሑ ንክፍሊ መሓዝቶም ንከርእዩን ንክናገሩን ምግባር

**ተፍትሽ :- ኣብ ምህናፅ** ብሎካት ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 11. በናፅነት ፈጠራ ምግላፅ | 11.1. ሰብ ሰሪሕን ተፈጥራኣዊን ነገራት ምድናኞን ብጥንቃቐ ምሓዝን ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ :-** ንስእሊ ሕብሪ ምልካይ/

**ዒላማ :-** ካብ መስመር ከይወፅኡ ስእልታት ሕብሪ ይለኽዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ስእሊ፣ ወረቐት፣ ሕብራዊ እርሳስ /ከለር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ናይ ንሕድሕድ ህፃን ወረቐት ዝተስኣሉ ዝትፈላለዩ ስእልታት ምሃብ
- ካብ መስመር እንከይ ወፅኡ ዘደለይዎሕብራዊ እርሳስ /ከለር ንክለኽዩ ምገባር
- ዝለኸይዎ ስእሊ ንክፍሊ መሓዝቶም ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነን እንታይ ዓይነት ሕብሪከምዝለኸይዎ ንክናገሩን ንከድንቑን ምብርትታዕ

**ተፍትሽ :-** ካብ መስመር ከይወፅኡ ስእልታት ሕብሪ ምልካይ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም::

**ተግባር ክልተ :-** ምፅዋት ዝፈትውዎ ገፀ-ባህሪ ምስኣልን ምድናኞን

**ዒላማ :-** ዝፈትውዎ ገጸባህሪ ምስኣልን ምድናኞን ይለማመዱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** **፦** እርሳስ፣ ናይ ነበርያ ነበረ መፅሓፍ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፦**

- ንህፃናት ዕድመኦም ዝምጥን ነበርያ ነበረ ምዝንታው
- ካበቲ ነበርያ ነበረ መን ከምዝፈተዉ ንምንታይ ከምዝፍተውዎ ንክናገሩ ምግባር
- ወረቐትን እርሳስ ብምሃብ ዝፈተውዎ ገፀባህሪ ንክስእሉ ምግባር
- ንክፍሊ መሓዝቶም ዝሰኣልዎ ብምርኣይ መን እንታይ ከምዝሰኣለ ምረኣይን ንክናገሩ ምግባርን

**ተፍትሽ ፦ ዝፈተውዎ** ገጸባህሪ ምስኣልን ምድናኞን ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፦ ቅርፅታት ምስራሕን ምድናኞን**

**ዒላማ ፦** ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕን ምድናኞን ይለማመዱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** **፦** መንበር መሸፈኒ ፕላስቲክ፣ ጭቃ ወይውን ዝተቦኸዐ ወረቐት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፦**

- ህፃናት መንበር ብላስቲክ ምሽፋን
- ኣብ በብወንበሮም እኹል ዝተቦኸዐ ወረቐት ወይእውን ጭቃ ምሃብ
- ንህፃናት ንምርኣይ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ብሙኻን ከመይ ምዱቡልባልን ቅርፂ ምስራሕ ከምዝከኣልን ምርኣይ
- ብጭቃ ድስቲ፣ ማንካ ዝኣመሳሰሉ ብምስራሕ ምርኣይ
- ነቶም ህፃናት ጭቃ ብምሃብ በኢዶም እናክበቡ ክቢ፣ ፀፊሕ፣ ሞላላ፣ ዝኣመሳሰሉ ቅርፅታት ብምስራሕ ንክፃወቱ ምግባር
- ህፃናት ብናይ ባዕሎም ምልዕዓል ዝደለይዎ ነገር ንክሰርሑ ዕድል ምሃብ

- እቲ ዝሰርሕዎ ንመሓዝቶም ንክርእዩን እንታይ ከምዝሰርሑ ንክናገሩ ምብርትታዕ

**ተፍትሽ** :- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕን ምድናቕን ምሙካሮም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ :- ኣስተውዒሎም ዝረኣይዎ ምንጋር**

**ዒላማ** :- እቲ ዝረኣይዎ ሰብ ሰረሕን ተፈጥሮኣዊ ነገራት ይናገሩ፡፡

- **ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**
- ህፃናት ካብ ክፍሊ ወፃኢ ኣብ ውሽጢ ካንሸሎ ንክዘዋወሩን ኣስተውዒሎም ንክምልከቱን ምግባር
- ደድሕሪ ምልከታ ኣብ ውሽጢ ካንሸሎ እንትዘዋወሩ እንታይ ከምእተመልከቱ ንክፍሊ መሻዝቶም ንክናገሩ ምግባር
- መሓዝቶም እንትናገሩ ትኹረት ሂቦም ንከዳምፁን ንሳቶም እውን ዝተመልከትዎ ነገር ኣበይ ከምእተመልከትዎ ንክናገሩ ብምግባር ኩሎም ህፃናት ምስታፍ

**ተፍትሽ** :- እትዝረኣይዎ ሰብ ሰረሕን ተፈጥሮኣዊ ነገርን ምንጋር ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ :- ኣምሲልካ ምፅዋት**

**ዒላማ** :- በብኣካባቢኦም ዝረኣይዎም ነገራት ኣምሲሎም ብምፅዋት ሰብ ሰራሕን ተፈጥሮኣዊን ነገራት ምድናቕ ይለማመዱ፡፡

- **ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**
- ህፃናት ካብ ክፍሊ ወፃኢ ኣብ ዝርከብ ቦታ ብምውሳድ ብክቢ ክርዒ ደው ንክብሉ ምግባር

**ንኣብነት** :- መምህር ‹‹ ከምናይ ናይ ተኽሊ **ቅርንጫፉት ንወዛውዝ** ››

እንትብሉ መምህር ተከቲሎም ኣእዳዎመ ናብ ጎኒ ብምውዝዋዝ ይፃወቱ፡፡

‹‹**መኪናና ንዘውር**›› እንትብሉ ኣእዳዎም ናብ ቅድሚት ብምንቅስቓስን ናይ መኪና ድምፂ ብምስማዕን ንክንቀሳቐሱ ምግባር

- በዚ ኹነታት ኣብ ኣከባቢኦም ዝርእይዎም ነገራት ብምምሳል ምፅዋት ንክለማመዱ ምግባር
- በቢከባቢኦም ዝርእይዎም ነገራት ዝትግብርዎም ተግባራትን ዝግልፁ መዝሙራት ምልምማድ

**ንኣብነት ፡- ኣነ ተኸሊ እየ ፣ ቀስ በቐስ እታ ሳሬት** ፣ እታ ላሕሚ ክኾን እየ፣ ገፅ ምሕፃብ ከምዝይ እዩ፣ **ላሊቱ ሉሊት** ወዘተ…

**ተፍትሽ ፡-** በቢከባቢኦም ዝርእይዎም ነገራት ኣምሲሎም ብምፅዋትሰብ ሰረሕን ተፈጥሮኣዊን ነገራት ምድንቕ ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሽዱሽተ ፡-** *ፀወታ ምህናፅ*

**ዒላማ ፡-** ዝተፈላለዩ ነገራት ብምህናፅ ክእለት ፈጠራኦም የዕብዩ፡፡

**የመርጃ መሣሪያዎች ጥቆማ ፡-** መፃወቲታት ህንፀት

- **ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**
- ዝተፈላለዩ መፃወትታት ህንፀት ብምሃብ ህፃናት ዝተፈላለዩ ነገራት ንክሃንፁ ንክፃወቱን ምግባር
- ሃኒፆም እንትውድኡ መምህር ብምፅዋዕ እንታይ ከምዝዐሃነፁ ንክናገሩን ንከርእዩን ዕድል ምሃብ

**ተፍትሽ ፡-** ዝተፈላለዩ ነገራት እንትሃንፁ ብምክትታል ናይ ፈጠራ ክእለቶም ምግምጋም::

**ተግባር ሸውዓተ ፡- ውቅዒት ተኸቲልካ ብምንቅስቓስ ምፅዋት**

**ዒላማ ፡-** ውቅዒት ተኸቲሎም ብምፅዋት ክእለት ምድማፆም የዕብዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ዝተፈላለዩ ቀለም ዘለዎም ሪቫናት፣ ዋንጫ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ኣብ ኢዶም ቀይሕን ቢጫን ሪቫንን ብምእሳር ካብ ክፍሊ ወፃኢ ናብ ዘሎ ሜዳ ሒዝካ ምውፃእ
- መምህር ዋንጫ ብምውቃዕ ድምፂ እንተስምዑ ንክኅይዩ ወይእውን ንክንቀሳቀሱ ምግባር
- እቲ ውቅዒት ደው እንትብል ቀይሕ ዝኣሰሩ ደው ንክብሉ ቢጫ ዝኣሰሩ ድባ ኮፍ ንክብሉ ብምንጋር ኣስተውዒልካ ናይ ምስማዕ ክእለቶምን ውቅዒት ተኸቲልካ ናይ ምንቅስቓስ ክእለት ንክኅልብቱ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ኣስተውዒሎም ብምድማፅ ውቅዒት ተኸቲሎም ምንቅስቓስ ምኽኣሎም ብምክትታል ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸሞንተ ፡- ካንሸሎ/መረባ/ ምዕራይ**

**ዒላማ ፡-** ካንሸሎ ብምዕራይ ሰብ ሰሪሕን ተፈጥሮኣዊን ነገራት ብዕሬተን ብጥንቃቐን ምሓዝ ይኽእሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ናይ ጉሓፍ መደርበይ ቅርጫታት፣ ሳሙና፣ ማይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ኣብ ናይ ካንሸሎ ፅሬት ንክሳተፉ ፕሮግራም ምድላው
- ኩልግዝ ኣብ ሰሙን ሓደግዝ ምስ ናይ ክፍሊ መሓዝቶምን መማህራኖምን

ኣብ ፅሬት ንክሳተፉ ምግባር

- እንትውድኡ ኢዶም ብማይን ሳሙናን ንክሕፀቡ ብምግባር ልምዲ ንከዕብዩ ብምግባር ምብርትታዕ
- ናብ ክፍሊ እንትምለሱ እንታይ ከምዝገበሩ ብምሕታት ኣሰታዊሶም ንክናገሩ ምግባር

> ***መዘኻኸሪ ፡- ንህፃ***ናት ናይ ተራ ሰሌዳ ብምድላው ኣብ ውሽጢ ካንሸሎን ኣብ ክፍልን ዘለዉ ኣፅዋት ንክንከባኸቡ ሓላፊነት ናይ ምውሳድ ብቕዓት ካብ ብቆልዕኖቶም ንክለማመዱ ምግባር የድሊ

☑ **ተፍትሽ ፡-** ኣብ እዋን ናይ ካንሸሎ ፅሬት ሰብ ሰረሕን ተፈጥሮኣዊ ነገራትን ብፅሬትን ብጥንቃቐ ብምሓዝን ምልምማዶም መግምጋም፡፡

## 2.1.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልክት

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ-----------------------------------------------------

ስም ህፃን ------------------------------------------- ዕድመ ------------- ፆታ --------

ስም መምህር -------------------------------------------- ዓመተ ምሕረት -------------

ትዕዝብቲ ብዛዕባ እቲ ህፃን ዝስዕቡ ደረጃታት ተራ ቁፅሪ ብምሃብ ጥራሕ ኣብ ውሽጢ ትሕቲ ምልክት ብዝብሎ ይመዝገቡ እቶ ደረጃታት፡-

1/ ዘድሊ ምምሕያሽ-------------------------------------------------------------

2/ ተዓሊሙ ዝተረኸበ ብቕዓት-----------------------------------------------------

3/ ካብ ዝተዓለመ ንላዕሊ ዝተረኸበ--------------------------------------------------

መተሓሳሰቢ፡- ክትትል ሰደቓ ኣብ መጀመርያ ዓመት ፣ ኣብ መፋርቕ ዓመትን መወዳእታ ዓመትን ክምላእ ኣለዎ፡፡

| ሽቶ | ትዕዝብቲ | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመርያ ዓመት | መፋርቕ ዓመት | መወዳእያ ዓመት |
| 1. ባዕልኻ ምግንዛብ፣ ብባዕልኻ ምትእምማን ባዕልኻ ስምዒት ምኽባት ምህላውን | | | |
| 1.1.ባዕልኹም ምግላፅ ኪኢሎም | | | |
| 1.2.ምስ ኩሎም ብነፃነት ምፍጣር ኪኢሎም | | | |
| 2.ፍልታት ሰውነት ምፍላይን ስራሕቶም ምዝራብን | | | |
| 2.1. ክፍልታት ሰውነት ምፅዋዕ ኪኢሎም | | | |
| 2.2. ብዝተላለዩ ክፍልታትሰውነቶም ዝስርሑ ተግባራት ብትኽክክል ምዝራብ ኪኢሎም | | | |

| ሽቶ | ትዕዝብቲ | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመር ያ ዓመት | መፋር ቕ ዓመት | መወዳእያ ዓመት |
| 3.ምክንኻን ኣዒንቶም | | | |
| 3.1. ኣዒንቶም ብጥንቃቐ ምሓዝንምክንኻንን ኪኢሎም | | | |
| 4.ምክንኻን ኣእዛኖም | | | |
| 4.1. እዝኖም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምክንኻንን ኪኢሎም | | | |
| 5. ኣካላት ስምዒት ምጭናው ብምጥቃም ምክንኻን አፍንጫ | | | |
| 5.1. ብምጭናው ዝተፈላለዩ ዝጨና ነገራት ምፍላይ ኪኢሎም | | | |
| 6.ኣካላት ስምዒት ምጥዓም ብምጥቃምንምንኻን ምልሓስ | | | |
| .ጠዕሚ ምግብታት ምፍላይ ኪኢሎም | | | |
| ኣፎም ብጥንቃቐን ብእንክብካበን መሓዝ ኢኪሎም | | | |
| 7. ነገራትን ኩነታትን ብምድሕሳስ ምፍላይ | | | |
| 7.1. ብዛዕባ ባህሪ ነገራትን ኣቑሑን፣ መጠን ረስኒን ቅርፅን ምፍላይ ኪኢሎም | | | |
| 8.ምሕላው ጥዕናን ስርዓት ኣተሓላልዋን ምልምማድ | | | |
| 8.1.ስርዓት አመጋግባ ተለማሚዶም | | | |
| ጥንቃቐ አካል ምሃዝን ምክንኻንን | | | |
| 9.1. ኣካላሎም ምሕላውን ምክንኻንን ኪሎም | | | |
| 10.ምጥቃም ዓበይትን ኣናእሽቶይን ጥዋዳታት | | | |
| 10.1. ብክፍልታት ሰውነቶም ግቡእ ምንቅስቓስ ኪኢሎም | | | |
| ፈጠራ ብነፃነት ምግላፅ | | | |
| 11.1. ሰብ ስራሕን ተፈጥሮአዊ ነገራትን ምድናኞን ብጥንቃቐ ምሓዝን ኪኢሎም | | | |

## 2.2 ቅቡልነት ዘለዎ ርክብ ምስ ካልኦት ምፍጣር

2.2.1 መብርሂ

ተቐባልነት ብዘለዎ መልክዑ ምስ ካልኦት ርክብ ብምፍጣር ህፃናት ምስ ሰባት ክህልዎም ብዝግባእ ርክብን ማህበራዊነትን ኣንፈት ምጉልባት ዝጠመተ እዩ፡፡

ህፃናት ብወለዶም፣ መምህራኖም፣ ክትትል ዝገብርሎምን ምስ መሓዙቶምን ዝህሉ ርክብ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ክምዕብል ኩነታት እንተተመቻቺይሎም ህፃናት ንባዕላቶምን ካልኦትን ምቹዊ ዝኾነ ማህበራዊ ህይወት ክህልዎምን ስምዒት ምርግጋእን ክረኽቡ ይሕግዞም፡፡

ስለዚ ተቐባልነት ዘለዎም ልምድታትንስርዓት መነባብሮን ምልምማድ፣ ብግቡእ ስሚዕትካ ምግላፅ ምስ ካልኦት ፅቡቕ ርክብ ምፍጣር ብሓፈሻ ግቡእ ማሕበራዊ ህይወት ምምዕባል ገና ካብ ብጊሓቱ ጠመተ ክወሃቦ ይግባእ፡፡

ብዝተኽኣለ መጠን መምህራን ኾነ ወለዲ ንህፃናት ዘፍርሑ ነገራት ብዘይምውራይ፣ ዝተፈላለዩ መፍራሕቲ ቃላትን ዝርርብን ብዘይምዝራብ ናይ ባዕሎም ፍርሓት ንህፃናት ብዘይምርኣይ ወዘተ... ናይ ህፃናት ተፈጥሮኣዊ ቁልዕነት ፍርሓት ብዝበለፀ ከይውስኽ /ከይጋደድ/ ምግባር ይግባእ፡፡

መምህራን ባህሪ ህፃናት ምስ ወለዲ ብዛዕባ ውልቀ ህይወቶም ምምይያጥን ግንዛበ ምሓዝን ይግበኦም፡፡ ግልፂ ባህርን ማህበራዊ ፀገማትን ዘለዎም ህፃናት ንምሕጋዝ ምስ በዓል ሙያ ምምይያጥ ወይ ወለዲ ነቲ ኩነታት ተረዲኦም ምስ በዓል ሙያ ክመያየጡ ምግባርን ነቲ ፀገም ብእዋኑ ንምፍታሕ ይሕግዝ፡፡

> ኣብ ህፃንነት ፅቡቕ ዝኾነ ማህበራዊ ምትእስሳርን ስምዒት ርግጋኣት ዘለዎም ህፃናት ኣብ መፃኢ ህይወት ቤት ትምህርቶም ዕውትነት ፅቡቕ ተሳትፎ ይህልዎም፡፡ ዝተረጋገአ ህይወት ዝምስረት ካብ ህፃንነት ጀሚሩ ርግኣት ብዘለዎ ክንክንን ፅቡቕ ማህበራዊ ምርድዳእ ምግባር እንትከኣል እዩ፡፡
>
> ካብ ህፃንነት ጀሚሩ ፅቡቕ ማህበራዊ ህይወት መሰረት ዘይተነበረሎን ዝተረጋገአ ስምዒት ሒዞም ዘይዓበዩ ህፃናት ንፅዕንፅን/ዘይምንጣፍ፣ ንብስጭት፣ተጓናፃይነት ወይ ብፍርሓት ርእሲ ምድናን ንኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ዝተቓለዑ ይኾኑ፡፡፡

2.2.2. ሓፈሻዊ ዒላማታት

1. ኣብ ከባቢ ገዛን ኣፀደ ህፃናትን ዝርከቡ ሰባት ምፍላይን ምስትውዓልን፣ ሓላፍነቶም ምርዳእን ምዝራብን ክኽእሉ ምግባር

2. ጥንቃቐን ክንክንን ዝገብርሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝከናኸንዎም ምዝራብ ክኽእሉን ፅቡቕ ርክብ ስምዒት ክህልዎምን ምግባር

3. ስምዒት ካልኦት ምርዳእ፣ ስምዒቶም ምክፋል ዘለዎም ነገር  ምክፋል ፅቡቕ ዝንባለ ክህልዎም ምግባር

### 2.2.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን

**1. ኣብ ከባቢ ዘለዉ ሰባት ምዕዛብን ንምፍላጥ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይን**

- ኣብ ከባቢ ገዛን ኣፀደ ህፃናትን ዘለዉ ሰባት ብምስትውዓል ምዝራብ ይኽእሉ
- ኣብ ከባቢ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናትን ዘለዉ ሰባት ሓላፍነት ብምርኣይ ምዝራብ ይኽእሉ
- ምሳኦም ብሓባር ዝፃወቱ  ዘመዳቶም ተቐባይነት ዘለዎ ባህሪ ምግላፅ ይኽእሉ

**2. ጥንቃቐን ክንክንን ዝግብርሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝከናኸንዎም ምፍላጥ**

- ሰባት ኣብ ከባቢ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናትን ብዛዕባ ዝትግብርዎም ንጥፈታትምዝራብ ይኽእሉ፡፡/ወለዲ፣ ሞግዚት፣ስድራ/
- ሰባት ከመይ ከዝጥንቀቕሎምን ከምዝከናኸንዎምን ምግላፅ ይኽእሉ፡፡

**3. ካልኦት ምክንኻንን ዘለዎም ምክፋልን**

ስምዒት ካልኦት ምምቓል ይኽእሉ

### 2.2.4 ሓበሬታ ዝሕለዉ ውፅኢታትን ብቕዓታትን፣ኣተገባብራ ሓበሬታ መምሃሪ ምስተምሃሪ

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢ ዘለዉ ሰባት ብምዕዛብ፣ ድሌት ምፍላጥ የማዕብሉን የርእዩን | 1.1. ኣብ ከባቢ ገዛን ኣፀደ ህፃናትን ዘለዉ ሰባት ብምርኣይ ምዝራብ ይኽእሉ፡፡ |

ተግባር ሓደ ፡- ኣባላት ስድራ ምፍላይ

ዒላማ ፡- ኣባላት ስድራ ፈልዮም ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

ሓቢሮምዎም ዘለዉ ኣባላት ስድራ ዝሰርሕዎም ዝተፈላለዩ ነገራት ብጊሓቱ ፀብፃብ ክፍለ ግዘ ሕቶታት ብምሕታት ከቕርቡ ምብርትታዕ

ንኣብነት፡- ምስ መን ሽርሽር ከይድኹም? መን ሰውነትኩም ሓፂብኩም? ወዘተ…

ተፍትሽ ፡-ኣባላት ስድራ ፈልዮም ምዝራብን ሕቶታት ብምሕታትን ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-** ርክብ ኣባላት ስድራ ምዝራብ

ዒላማ ፡- ምስ ገዛኦም ዘለዉ ሰባት ርክቦም ፈልዮም ይዛረቡ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ስእሊ ኣባላት ስድራ ዘርኢ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

ስእሊ ኣባላት ስድራ ዘርኢ በዓል ሕብሪ ልዕል ዝተቐመጠ ብርጋእታ ክርኢዎ ምግባር

ኣብቲ ስእሊ ብዛዕባ ዝርእይዎም ሰባት ምሕታት

ንኣብነት፡- ብዛዕባ ኣባላት ስድራ፣ ሓዎም፣ ሓፍቶም ወዘተ…

እዞም ሰባት ኣበይ እዮም ዝተራኸቡ? ርክቦም እንታይ ዝኾነ? ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ርክብ ኣብ ስድራኦም ዘለዎ ሰባት ፈልዮም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡-**መለለዪ ባህርያት ሰባት ምዝራብ

ዒላማ ፡- መለለዪ ባህርያት ሰባት ምዝራብ

ፈልዮም ይዛረቡ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ስእሊ ዝተፈላለየ ኣካለዊ መጠን ዘለዎም ሰባት ወይ ፎቶግራፋት ዝሓዘ አልበም

***ሓበሬታ ሜለ ኣተገባብራ*:-**

- ዝተፈላለየ ዕድመን አካላዊ መጠንን ዘለዎም ስእልታት ሰባት ወይ ፎቶግራፋት ዝሓዘ አልበም ምድላው /እንተተኻኢሉ ብዝሕ ዝበለ ቁፅሪ ምግባር/
- ህፃናት ነቲ አልበም ገላቢጦም ብምርኣይ ነዊሕ እዩ /ሓፂር እዩ / ወዘተ… ብምባል ክዛረቡ ሕቶታት ብምሕታት ክሳተፉ ምግባር
- ምዝራብ እንተኸቢድዎም ኣፋፍኖት ምሃብ

**ንኣብነት**:- እዚ ስእሊ/ፎቶ/ ነዊሕ/ሓፂር ሰብ እዩ? ህፃን እያ?ረጓድ እያ? ቀጣን እያ? ወዘተ… ብማለት ብምሕታት

ተፍትሽ :- *መግለፂ ዘለዎም ሰባት ፈልዮም ምዝራብ ምኽኣሎምምግም*ጋም::

**ተግባር ኣርባዕተ**:- ኣምሲልካ ምትግባር

*ዒላማ* :- ኣብ ከባቢኦም ንዘለዉ ሰባት ተግባቶም ኣምሲሎም ይፃወቱ::

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- መፃወቲታት ኩርናዓት መሲልካ ምፅዋት

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*** :-

- ፀወታ ኩርናዓት መሲልካ ምፅዋት ዝተፈላለዩ ተግባት ሰባት ብምርኣይ ክፃወቱ ኩነታት ምምችቻው
- ኣብ እዋን ፀወታ ኣድላዪ ክትትል ምግባር
- ደገፍ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ነቲ ፀወታ ብዘይርብሽ መልክዑ ኣድላዪ ደገፍ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ተግባራት ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት መሲሎም ምፅዋት ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡- ተግባራት ብምርኣይ ምግላፅ**

ዒላማ ፡-ምግላፅ ዝፈላለተ ተግባራት ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡-ስዕሊ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ዘለዉ ሰባት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ስእሊ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ዘለዉ ሰባት ምርኣይ
- ነቲ ስእሊ ብምዕዛብ ኣብቲ ስእሊ ዝረኣይዎም ሰባት ምዝራብ ኪኢሎም ምምይያጥ
- እንተኽቢድዎም ዝተፈላለዩ ኣፋፍኖት ክህቡ ዝኽእሉ ሕቶታት ብምሕታት ምድጋፍ

ተፍትሽ ፡-ምግላፅ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

| ትፅብት ዝግበሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢ ዘለዉ ሰባት ብምርኣይ ድሌት ምፍላጥ ምሕዳርን ምፍላይን | 1.2. ኣብ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናትን ከባቢ ዝሰርሑ ሰባት ዘለዎም ሓላፍነትን ብምርኣይ ምዝራብ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፦ ብዛዕባ መሓዙቶም ምዝራብ**

ዒላማ ፦ ብዛዕባ መሓዙቶም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ምስ መን ከምዝፃወቱ፣እንታይ ዓይነት ፀወትታ ከምዝፀወቱን መሓዙቶም እኒ መን ከምዝኾኑ ምሕታት
- ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ብዛዕባ መሓዙቶም ክዛረቡ ምግባር ከምኡውን ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፦ ብዛዕባ መሓዙቶም ምዝራብ ምኽኣሎም ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፦** ስእሊ ሰባት ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ሕብሪ ምልካይን ምዝራብን

ዒላማ ፦ስእሊ ሰባት ዝሰርሕዎም ስራሕቲት ሕብሪ ብምልካይ ይዛረቡ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር፣ ዝተለኸዩ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

ስእሊ ሰባት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሑ ዘርኢ ምዕዳል

**ለምሣሌ** ፦ ህፃን ዝሓዘት ኣዶ፣ ህፃን ዘፃውት ኣቦ ወዘተ… ምግባር

- ከመይ ከምዝልከ ፈሊኻ ምርኣይ
- ንሕድሕዶም ግቡእ ሕብሪ ብጥቃም ክለኽዩ ምግባር
- እንትዛዝሙ ሕብሪ ዝለኸይዎ ስእሊ ንመሓዙቶም ብምርኣይ ሰባት እንታይ እንታይ ተግባራት እናፈፀሙ ከመዝኾኑ ክዛረቡ ምብርትታዕ

**ለምሣሌ** ፦ ህፃን ዝሓዘት ኣዶ፣ ህፃን ዘፃውት ኣቦ ወዘተ…ምግባር

ተፍትሽ ፦ ስእሊ ሰባት ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ሕብሪ ምልካኦምን ኣብ ዝለኸይዎ ስእሊ ዝረኣይዎ ተግባራት ምዝራቦም ብምርኣይን ብምሕታትን ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ** ፦ ግደ ስራሕ ስባት ምፍላይ

ዒላማ ፦ ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዝሰርሑ ሰባት ግደ ስራሕ ፈልዮም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ዝኾኑ ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዝሰርሑ ሰባት  ስም ክሓቱ ምሕታት
- ዝፈልጥዎ ስም ሰብ እንትዛረቡ ስራሖም እንታይ ምኳኑ ብማለት ምሕታት

ንኣብነት፡- መምህራን ድዮም? ዘብዐኛታት ድዮም?

- በብተራ ክዛረቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን
- ምዝራብ እንተሲኢኖም ‹‹**ኣነ ንእገለ እፈልጣ እዬ፡፡** መምህር እያ፡፡ንስኻኽ? ንስኺከ? መን ትፈልጥ?›› ብምባል ምሕታትን ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፦ ኣብ ቀፅሪ ኣፀደ ህፃናት ዝሰርሑ ሰባት ግደ ስራሖምን ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፦** መሲልካ ምፅዋትን ግደ ስራሕን

ዒላማ ፦ ግደ ስራሕን መሲልካ ምፅዋትን ይፃወቱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ኩርናዓት ፀወታ መሲልካ ምፅዋቶም

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ፀወታ ኩርናዓት መሲልካ ምፅዋት/ድንኳ፣ ስድራ፣ ክሊኒክ ወዘተ…/ ግደ ዝደለይዎ ሰብ /ግደ ስራሕ/ ወኪሎም ክፃወቱ ምግባር
- እዋን እቲ ፀወታ እንትዛዘም እንታይ ዓይነት ፀወታን መን ብፅሒት ስራሕ ወኺሎም ከምዝፃወቱ ምዝርራብ

ተፍትሽ :- ግደ ስራሕ መሲልካ ምፅዋት ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. ኣብ ከባቢ ዘለዉ ሰባት ምዕዛብ፣ ድሌት ምፍላጥ ምሕዳርን ምፍላይን | ሓቢሮምዎም ዝፃወትዎ መሓዙቶም ተቐባልነት ዘለዎ ባህር ምርኣይ ይኽእሉ |

**ተግባር ሓደ :-ብሓባር ምስራሕ**

ዒላማ :- ባህሊ ብሓባር ምስራሕ የማዕብሉ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ኣድለይቲ ኣቑሑ ፅሬት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበር፡-**

- ኩሎም ህፃናት ምሕላው ፅሬት ቀፅሮም ከም ዘለዎም ክርድኡ ምግባር
- ስራሕ ፅሬት ብሓባር ዝሰርሕሉ ፕሮግራም ምድላው
- ብጉጅለ ብምክፍፋልን ብሓባር /ብጉጅለ/ ዝሰርሕሉ ምጡን ስራሕ ምሃብ
- ሓቢሮም ስራሕ እንትሰርሑን ንስራሕ ዘለዎም ስምዒትን ምክትታል

- ድሕሪ ስራሕ እንታይ? ከመይ?ምስ መን? ከምዝሰርሑ ምሕታት
- ብሓባር ምስራሕን ኣድላይነት ስሚዒት ምርዳእን ኣብ በብደረጃኡ ክርደኡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ክእለታት ብሓባር ምስራሕ ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ተቐባልነት ዘለዎ ባህሪ ምርኣይ**

ዒላማ ፡- ብሓባር እንትፃወቱ ተቐባልነት ዘለዎ  ዘሎ ባህሪ የርእዩን የማዕብሉን፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡-  ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝርከቡ መፃወቲታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝኾነ ናውቲ ካልኦት ካብ መሓዙቶም ንምውሳድ ወይ ንምልቃሕ እንተደልዮም መጀመርታ ምሕታት /ምፍቃድ/ ከምዘለዎም ክርደኡ ምግባር
- ተፈላለዩ ምስላታት ብምቕራብ  እቶም ህፃናት ክለማመዱ ምግባር ከምኡውን መምህራን መርኣይ ኮይኖም ምርኣይ
- ዝተፈላለዩ ፀወታት ውሽጢ ክፍሊ ብሓባር ክፃወቱ ምግባር
- ኩሎም ብሓባር ዝተፃወቱሎም መፃወቲታት ተረዳዲኦም ናብ ቦታኦም ክምልሱን ልምዲ ምዕራይ መፃወቲ ቦታ ከማዕብሉ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ተቐባልነት ዘለዎ ባህሪ ብሓባር እንትፃወቱ ምርኣዮም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡- ሕጊ ኣኽቢርካ ምፅዋት**

ዒላማ ፡- ሕጊ ኣኽቢርካ ብሓባር ምፅዋት ይለማመዱ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ኣብ ውሕጢ ክፍልን ወፃእን ዝርከቡ መፃወቲታት፣ መፃሕፍቲ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ብዝተፈላለዩ ሕጊ ዝምርሑ ፀወታታት/ሓምለዋይ! ሓምለዋ!፣ ምንቃል ጨራ፣ያዕቆብ/ ብምድናኝ ምፅዋት
- ናይቲ ፀወታ ከይድን ሕግን ክርደኡን ንሕጊ ፀወታ መኽበሪ ምኻንን ክለማመዱ ምግባር
- ካብ ክፍሊ ወፃኢ ዘለዉ መፃወቲታት ህፃናት ብትዕግስት ተራኦም ሓሊዮም ከይተደፋፈኡ ክፃወቱ ይለማመዱ
- ተራ ሓሊዮም ምፅዋት፣ ካልኦት እንትፃወቱ ብዘይምቁራፅን ብዘይምርባሽን ልምዲ ምፅዋት ከማዕብሉ ምግባር
- ህፃናት ብሓባር ብምፅዋት ካብ ክፍሊ ወፃእን ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ክፍልን ዝርከቡ መፃወቲታት ናይ ሓደ ህፃን ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ኩሎም ህፃናት ምኻኑ ምርዳእ
- ስምዒት ካልኦት ንዘይምጉዳእ/ንዘይምሕዛን/ ጥንቃቐ ምግባር ከምዘለዎም ምግንዛብ
- ዝፃወትሎም መፃወቲታ ብግቡእ ምሓዝ ከምዝግበኦም ምርዳእ "መን እዩ ዝበለፅ?" ዛንታ ምዝንታው
- ኣብ ሓበራዊ ፀወታ ኩሉ ግዘ ሓደ ህፃን ጥራሕ ጀማሪ ፀወታ ከምዘይኸውን ምርዳእ
- ኣብ ሓድ ሓደ ፀወታታት ውድድር መራሒ ወይ መፃወቲ ክኸውን ዝኽእል ነቲ ፀወታ ዘሸነ ከምዝኸውን ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ሕጊ ኣኽቢርካ ብሓባር ምፅዋት ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፦ ፅቡቕ ባህርይ ምፍላይ**

ዒላማ ፦ ፅቡቕ ባህሪ ዝብሃሉ ፈልዮም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- መፅሓፍ ዛንታ፣ካሴት መዝሙር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- “ድሙን ከልብን” ዛንታ ምዝንታውን ምኽባር ስራሕን፣ ምሕታት ይቕርታ፣ ተረዲእካ ምስራሕ፣ ንስራሕ ዘይምልጋም ወዘተ… ክርድኡ ምግባር
- መዝሙር “ጉረኛ ማንቲለ” ብሓባር ምዝማርን ካብቲ መዝሙር ዝርከቡ ፅቡቕን ዘድሊ ባህርይን ብምሕላው ምምይያጥ

ተፍትሽ :- ፅቡቕ ባህርይ ፈልዮም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ :-** ሰባት ብዕድሞኦም ምኽባር

ዒላማ :- ሰባት ብዕድመኦም ባህሊ ምኽባር የማዕብሉ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ስእሊ ብዕድመ ዝደፍኡ ተባዕታይን ኣንታይን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ስእሊ ብዕድመ ዝደፍኡ ተባዕታይን ኣንስታይን ህፃናት ምርኣይ
- ህፃናት ኣብ ዝነብርሉ ከባቢ ገዛ ከምዚ ዓይነት ዓበይቲ ሰባት ምንባሮምን ዘይምንባሮም ምሕታት
- እንታይ ኢሎም ከምዝፅውዕዎም፣ ካባኣቶም ብምንታይ ከምዝፍለዩ ወዘተ… ምሕታትን ምምይያጥን
- ብዕድመኦም ንዝደፍኡ ኣንድት እነይ፣ ተባዕትዮ ኣቦይ ብማለት ምፅዋዕ ይለማመዱ
- ንዓበይቲ ሰባት ሰላምታ እንተቕርብሎም ብትሕትና ምሕታት ከምዘለዎም ምስትምሃር
- ናውቲ ንዓበይቲ ሰባት እንትህቡ ኾነ ካባኣቶም እንትቅበሉ ብክልተ ኢዶም

ጉንብስ ኢሎም ብምምድጋን ምቕባል ከምዘለዎም ምንጋር

ተፍትሽ ፡- ንሰባት ብዕድመኦም ምፍላይን ከመይ ምኽባር ከምዘለዎም መረዳእታታት ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሸዱሽተ ፡-** ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ባህሊ ምኽባር ብተግባር ምልምማድ

ዒላማ ፡- ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ባህሊ ብተግባር ይለማመዱ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-*** ዓበይቲ ሰባት ትፅቢት ዝግበረሎም ዝተፈላለዩ ኣልባሳትን ኣቑሑን ንኣብነት፡- ነፀላ፣ ከዘራ፣ ሻሽ፣ ወዘተ...

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዓበይቲ ሰባት ትፅቢት ዝግበረሎም ዝተፈላለዩ አልባሳትን ኣቑሑን ምድላው

  ንኣብነት፡- ነፀላ፣ ከዘራ፣ ወዘተ...
- ብመጀመርታ መምህር ብዕድመ ከምዝደፍኡ ሰባት ብምልባን ብምምሳል ንቶም ህፃናት ሰላምታ ምሃብ
- ካብኡ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ብምሃብ ህፃናት ብምዝርራብን ብስራሕን ንዓበይቲ ሰባት ዘለዎም ክብሪ ከመይ ከምዝግለፁ ብምርኣይ ክለማመዱ ምብርትታዕ እንተተሓሓቱ መስተኻኸሊ ምሃብ

ተፍትሽ ፡-ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ብተግባር ባህሊ ምኽባር ምምዕባሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፡-** ምድላው ውህብቶ

ዒላማ ፡- ፅቡቕ ነገር ንዝገበረሎም ሰባት ውህብቶ ኣዳሊዮም ይህቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- እርሳስ፣ ሕብራ እርሳስ፣ ወረቐት፣ ኮላ ወዘተ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ኩሎም ህፃናት ኣብ ኣናእሽቶይ ወረቐት ዝደልይዎ ነገር ክስእሉን ሕብሪ ክለኽዩን ምግባር
- ኩሎም ህፃናት ነቶም ስልታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ምልጣፍ
- ናብ ሽርሽር ኣብ ዝኸድሉ ግዘ ዘጎብንይዎም ሰባት ብኽሳዳም ድንን ብማለት ሰላምታ ምቕራብ ከምዘለዎም ምስትምሃርን ምልምማድን
- ኣብ መወዳእታ ሽርሽር ዘንብነይዎም ሳበት ምምስጋን ከምዘለዎም ብምንጋር ንመጎበነይቲ ሳበት መጀመርታ ዝተዳለወ ስእሊ ብውህብቶ መልክዕ ክህቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ዘደለዉዎ ፅቡቕ ነገር ንዝደገፍዎም ሰባት ውህብቶ ምሃብ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሸሞንተ ፡-** ጉድኣት ዘስዕቦ ምርዳእ/ሳዕቤን /ጉድኣት/ሓሶት ምርዳእ

ዒላማ ፡- ሓሶት ዘስዕቦ ጉድኣት ይርድኡ፡፡

ሓበሬታ ማስሕታት መረዳእታ ፡- መፅሓፍ ዛንታ፣ ካሴት መዝሙር /ብመባይል ዝተቐድሐ/፣ ዝተፈላለዩ ንድራም ዝኾኑ ኣቑሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዛንታ ሓሳዊ ሓለዊ ብምዝራብን መዝሙሩ ብምዝማርን ሓሳዊ ምኳን ፅቡቕ ከምዘይኮነ ምስትምሃር
- ሓሳዊ ሰብ፣ ሰባት ከምዘይፍትውዎን ምሕሳው ንባዕለኻ ከምዝጎድእ ክርድኡ ምግባር

- ነዚውን በመልክዕ ድራማ ከቕርቡ ምንቕቓሕን ምብርትታዕን

ተፍትሽ ፡- ምሕሳው ፅቡቕ ባህርይ ከምዘይኮነን ጉድኣት ከምዘስዕብን ምርዳኦም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ትሸዓንተ ፡- *መግለፅታት ፅቡቕ ስነምግባር ምፍላይ***

*ዒላማ ፡-መግለፅታት ፅቡቕ ስነምግባር ፈልዮም ይዛረቡ፡፡*

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- *መፅሓፍ ዛንታን ንድራማ ዝኾኑ ኣቑሑን*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ዛንታ ከልብን ድሙንን ንህፃናቱ ብምዝንታው ረብሓ ተሓባቢ.ርኻ ምስራሕ ምዝራብ
- እንተዋፍኡ ይቕርታ ምሕታትን ይቕርታ እንትሕተተቱ ይቕርታ ምግባር ፅቡቕ ከምዝኾነ ክርድኡ ምግባር
- ነዚ ብመለክዕ ድራም ንኸቕርቡ ምንቕቓሕ
- ናይ ባዕልኻ ዘይኮነ ንብረት ንበዓል ንብረት ምምላስ ግቡእን ዘመስግንን ተግባረ ምዃኑ ብኣጋጣሚታት ምንጋር
- ህፃናት ኣብ ውሽጢ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን ዲቆም ዝረኸብዎም ናይ ባዕሎም ንብረት ዘይኮኑ ኣምፂኦም ንመምህሮም ክህቡን ኣብ ክፍሊ ቅድሚ መሓዙቶም ንቲ ተግባር ኣግዚፋካ ብምዝራብን ንኻልኦት መርኣያ ከምዝኾኑ ምግባር

ተፍትሽ ፡- መግለፅታት ፅቡቕ ስነምግባር ፈልዮም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ፦ ምምዕባል ፅቡቕ ስነ ምግባር

ዒላማ ፦ ምምዕባል ፅቡቕ ስነምግባር ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታት ሓበሬታ መምሃሪ ምስተምሃሪ ፦** ኣርባዕተ ኣናእሽቶይ መኣዝን ሳንዱቕ መንበር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፦**

- ኣርባዕተ ኣናእሽቶይ መኣዝን ሳንዱቕ መንበር ካብ ዕንፀይቲ ብምስራሕ ነቶም ህፃናት ብዝተፈላለዩ ስእልታተን ወረቓቕቲ ከመላኽዕዎ ምግባር
- ኩሉ ግዘ ህፃናት ኣብቲ መንበር እንትበፅሑን ክርኢዎ ኣብዝኽእሉሉ ቦታ ምቕማጥ
- ህፃናት ፅቡቕ ተግባር እንትሰርሑ ነቲ መንበር ኣውሪድካ ኣብ ቅድሚ ህፃናት ምቕማጥ ፣ፅቡቕ ስነ ምግባር ዘርኣ ህፃናት ፀዊዕኻ ኣብ ልዕሊ መንበር ደው ክብሉ ምግባር
- ዝሰርሕዎ ፅቡቕ ተግባር ንደቂ ክፍሎም ብምዝራብ ክጥቐዓሎም ምግባር
- ካልኦት ህፃናት ፅቡቕ ተግባር /ስራሕ/ ንምስራሕ ከነቓቕሑ ምግባር
- ነቲ ሳንዱቕ መንበር ናብ ዝነበሮ ቦታ ምምላስ

ተፍትሽ ፦ መጀመርታ ፅቡቕ ስነምግባር ምምባሎም ምክትታል፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሓደ ፦ ምስ ወለዲ ፅቡቕ ርክብ ምፍጣር

ዒላማ ፦ምስ ወለዲ ፅቡቕ ርክብ ንክፍጠር ክገብርዎ ዘለዎም ተረዲኦም ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦** ካሴት መዝሙር /ብሞባይል ዝተቐድሓ መዝሙር

**ሓባሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ወለዲ ንህፃናት እንታይ እንታይ ከምዝገዝእሎም ምሕታት
- ወለዶም ዝተፈላለዩ ነገራት እንትገዝእሎምን ፅቡቕ ነገር እንትገብሩሎምን እንታይ ከምዝምልሱ ምሕታት
- ንዝበረሎም ፅቡቕ ነገር ኩሉ የቐንየለይ ምባል ከም ዘለዎም ምርዳእ
- ዝተፈላለዩ ጥፍኣታት እንተጥፍኡ ወለዲ ኾነ ካልኡት ይቕረታ ምሕታት ከምዘለዎም ምንጋር
- ኣብ መወዳእታ "ወለደይን መምህራነይን እፈቱ እዩ" ዝብል መዝሙር ብምዝማር ነቲ ትምህቲ ምጥንኻር

ተፍትሽ ፡-ምስ ወለዶም ፅቡቕ ርክብ ንምፍጣር ክግበር ዘለዎም ተረዲኦም ይገብሩ ከምዝኾነ ወለዶም ብምሕታት ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ ፡-** ምምዕባል/ ባህርይ ምልጋስ

ዒላማ ፡- ምምዕባል ባህርይ ምልጋስ ይለማመዱ፡፡፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ምስ ወለዲ ብምዝርራብ እቶም ህፃናት ዘይኸደንዎ ክዳንን ዘይገብርዎ ጫማን እንድሕር ሃሊዩ ከምዕእዎ ብምግባር ንዝተፀገሙ ዝወሃበሉ ኩናታት ምምችቻው
- ኣብ ውሽጢ ኣእምሮ ህፃናት ዘይማዕበለ ንዝተፀገመ ሰብ ዓቕሚ ብዝፈቕዶ መጠን ምሕጋዝ ፅቡቕ ኣምር ክሃንፁ ምግባር
- ኣብ ወርሒ ወይ ክልተ ወርሒ ሓደ መዓልቲ ምውሳንን እቶም ህፃናት 10 ሳንቲም ከምዕኡ ብምግባር
- ንዝተፀገሙ ህናት ናውቲ ትምህርቲ ተገዚኡ ኣብ ክፍሊ ብህፃናት ስም ዝወሃበሉ ኩነታት ምምችቻው

ተፍትሽ ፦ ምምዕባል ባህርይ ለጋስነት ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ ፦ ምምዕባል ልምዲ ምኽባር ሰዓት**

ዒላማ ፦ ምምዕባል ልምዲ ምኽባር ሰዓት የጎልብቱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ካብ ፀወታ ናብ ክፍሊ እንትኣትዉ ንመሓዙቶምን መምህሮምን ከመይ ሓዲርኮን ክብሉ ምልምማድ
- ክብሉ ዘይኽእልሉ ኩነታት እንተጋጥሞም ባዕሎመ ትሕት ብምግባር ሰላምታ ብምባል ምእታው ከምዘለወም ምልምማድ
- ህፃናት ንጎሆ ኣርፊዶም እንትመፅኡ ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ብምቐም ንመምህሮምን መሓዙቶምን ስለዘርፈድና ይቕርታ ኢሎም ክሓቱ ምግባርን እቶም ህፃናትውን ይቕርታ ገርናልኩም ብኻልኣይ ግዘ ኣይተርፍዱ ብምባል ይቕርታ ምሕታትን ምግባር ክመሃሩ ክልማመዱን ምርፋድ ፅቡቕ ከምዘይኮነ ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ምምዕባል ልምዲ ምኽባር ሰዓት ምጅማሮም ምክትታል፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| ጥንቃቐን ክንክንን ዝገብርሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝከናኸንዎም ምፍላጥ | ሰባት ኣብ ከባቢ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናትን ዝስርሕዎም ስራሕቲ ምዝራብ ክኽእሉ |

## ተግባር ሓደ ፡- ተግባራት ኣምሲልካ ምፅዋት

ዒላማ ፡- ሰባት ዝገብርሎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ኣምሲሎም ምፅዋት ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ መሳርሕታትመረዳእታ ፡-** ንመሲልካ ምፅዋት ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ አልባሳትን ኣቑሑን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ወለዲ፣ ሞግዚታት፣ መምህራን ወዘተ በብተራ ስሞም ምፅዋዕ
- እንታይ ከምዝገበሩሎምን ንምታይ ከምዝገብሩሎምን ምሕታት
- ህፃናቱ ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ሰባት ሙያ ምዝራብ ክኽእሉ ምርትታዕ
- ሰባት ዝስርሕዎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ከንፀባርቑ ዝኽእልሉ ዝተፈላለዩ መሲልካ ዝፅወት ፀወታታ ክፃወቱ ኩነታት ብምምችቻውን ምፅዋትን

| |
|---|
| **ማመዘከርታ፡-** ስራሕ እንትመርፁ ግና ብድሌት ህፃናትን ዝንባለን ተኸቲሎም ክኸውን ነፃነት ምሃብ የድሊ፡፡ |

ተፍትሽ ፡- ሰባት ዝሰርሕዎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ኣምሲሎ ምፅዋት ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ክልተ ፡- ንኻልኦት ክግብር ዘለዎ ክንክን

ዒላማ ፡- ንኻልኦት ክግበር ዘለዎ ክንክን ይርድኡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** መፅሓፍ ዛንታ፣ ካሴት መዝሙር /ብሞባይል ዝተቐድሐ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃን ዮናስ ንካልኦት ሰባት ክንክን ዝገልፁ ዝብሉ ዛንታት መሪፆ ምዝንታው
- ካብዚ ታሪኽ ኣየናይ ገፀ ባህርይ /በዓል ዛንታ/ ከምዘሐጎሶም ወይ ከምዝፈተዉዎ ንምታይ ከምዝፈተዉዎ፣ ኣየናይ ገፀ ባህርይ /በዓል ዛንታ/ ከም ዝሕዘኖምን ንምታይ ከምዝሓዘኑ ክዛረቡ ምግባር ምምይያጥ
- ትሕዝቶ እቲ ዛንታ ብሕቶን መልስ ክርድኡ ምግባር፣
- ደጊሞም ክዛረቡ ምዕዳምን ምዝራብ እንተዘይኪሎም ኣፋፍኖት ብምሃብ ምሕጋዝ
- ኣብ መወዳእታ እቲ ዛንታ ብዝተረኸበ ፅቡቕ ስነ ምግባር ጠመተ ብምግባር ምጥቕላል

“ሃሎ ሃሎ” መዝሙር ምስ ህፃናት ብሓባር መዝሙር ብምዝማር ናይ መሓዛ ፅቡቕ ባህርይ ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ንኻልኦት ክግበር ዝግበኦ ዘለዎክንክን ምርዳኦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡-** ብስእሊ ስምዒት ምግላፅ

ዒላማ ፡- ክንክን ብዛዕባ ዝገብርሎም ሰባት ዘለዎም ሰምዒት ምግላፅ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ መሰርሕታት መረዳእታ ፡-** ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ንህፃናት ወረቐት፣ እርሳስን ሕብራዊ እርሳስ ብምሃብ ምስ ወላዲ፣ ምስ መመምህራን ወይ ምስ ሞግዚት ዝደለይዎ ክሳርሑ ክስእሉን ሕብሪ ክለኽዩን ምግባር
- መንን ንምታይ ከምዝሰኣሉ ብምሕታትስ ስምዒቶም ክገልፁ ምብርትታዕ

> **መዘኻርታ፡-** ህፃናት ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከ ሙያተኞታት ብዛዕባ ዝገበሩሎም ክንክን ክዛረቡን ከመይ ነዞም ሙያተኞታት ምኽባር ከምበኦም ምምዕዩጥ::

ተፍትሽ ፡- ክንክን ብዛዕባ ዝገብሩሎም ሰባት ዘለዎም ስሚዒት ንምግላፅ ምምኳሮም ምግምጋም፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| ጥንቃቐን ክንክንን ዝገብሩሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝከናከንዎም ምፍላጥ | ከመይ ከምዝጥንቀቕሎምንከምዝከናኸንዎም ምግላፅ ይኽእሉ |

**ተግባር ሓደ ፡-** ክንክን ብዛዕባ ዝገብሩሎም ሰባት ምዝራብ

ዒላማ ፡- ክንክን ብዛዕባ ዝገብሩሎም ሰባት ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ንመሲልካ ምፅዋት ዘገልግሉ ኣልባሳትን ኣቑሑን፣ ካሴት መዝሙር /ብመፕባይል ዝተቐድሓ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- "ኣዶይን ኣቦይን እፈቱ እዩ" ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር
- ኣዶኦምን ኣቦኦምን ብዛዕባ ዝገብርሎም ጥንቃቐን ክንክንን ክዛረቡ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት
- ኣብ መሲልካ ምፅዋት ብፍላይ ኣብ ፀወታ ስድራ ክሳተፉ ምብርትታዕ

**መዘከር** ፦ ንኹሎም ህፃናት ትምህርታዊ ማኣዝን ፀወታ ክኣኽሎም ስለዝኽእሉ ዘይተፃወቱ ህፃናት ዝፃወትሉ ኩነታት በብግዚኡ ምምችቻው፣ ህንፃት ወዘተ…ፀወታት ክፃወቱ ምግባር የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፦ ክንክን ብዛዕባ ዝገብሩሎም ሰባት ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

ተግባር ሁለት ፦ኣድላይነት ንኻልኦት ጥንቃቐ ምግባር ምርዳእ

ዒላማ ፦ ኣድላይነት ንኻልኦት ጥንቃቐ ምግባር ይርድኡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ መፅሓፍ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ብመልክ ዛንታ ወይ ግጥሚ ንኻልኦት ዝሓሰቡን ሰባትይሕልዉ ብዛዕባኦም ዝንገሩ ምቕራብ
- ሰባት ባዕሎም ንባዕሎም ክይቃያየሙ/ክይጓዳድኡ/ ክመይ ይተሓላለዉ ክምዝነበሩ ብዝተረደኦም ምምይያጥ
- ስምዒት ካልኦት ሰባት ምርዳእን ካልኦት ዘይምቕያምን ዕቡቕ ምዃኑ ክርድኡ ምግባር፡፡

ተፍትሽ ፦ ኣድላይነት ንኻልኦት ሓለዋ ምግባር ምርዳኦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሦስት :-** ሰባት ብዛዕባ ዝገብሩሎም ክንክን/ጥንቃቀ/ ምዝራብ

ዒላማ :- ሰባት ብዛዕባ ዝገብሩሎም ክንክን ተረዲኦም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ መሳርሕታት** :- ስእልታት፣ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬት ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ስእሊ ኣቦ፣ኣዶ፣ ሞግዚት፣ መምህራን ምድላው
- ንሕድሕዶም ዝተፈላለየ ስእሊ ብምሃብ ሕብሪ ዝልከዩ ክቕርቡ ምግባር
- እንትዛዝሙ ናይ መን ስእሊ ሕብሪ ከምዝለኸዩን ሕብሪ ዝለኸይዎም ሰባት ንዓዓቶም ከመይ ከምዝከናኸንዎም ክዛረቡ ምግባር
- መልሶም መሰረት ገይሮም ክዛረቡ ብምግባር ሕድሕዶም ኣብ ውሽጢ ገዛን ወፃኢን ከምኡውን ኣብ ቤት ትምህርቶም ከመይ ከምዝንከባኸብዎም ምርዳእ

ተፍትሽ :- ብዛዕባ ዝግበሩሎም ሓለዋ ፈልዮም ምዝራቦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ** :-ንኻልኦት ዝግበር ጥንቃቀ ምልምማድ/

ዒላማ :- ንኻልኦት ሓለዋ ምግባር ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ መሳረሕታት መረዳእታ** :- ንመሲልካ ምዕዋት ዘገልግሉ ኣቑሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ፀወታ መሲልካ ምፅዋት ምድላው
- ፀወታ መሲልካ ምፅዋት ሓቢሮምዎም ዝፃወቱ መሓዙቶም ምሕላው ማለትውን ዘናድድ ነገር እንተጋጠመ እኳ ዘይምፅራፍ፣ ዘይምድፍፋእ፣ ዘይምውቓዕ፣ መፃወቲታት ዘይምሕዳግ ካብ ፀወታ ውፃእ/ኢ ኢልካ ዘይምብራር ወዘተ… ግቡእ ባህርይ ከምዝኾነ ምርዳእ
- ኣብ ከይዲ ፀወታ ግደ ሒዝካ ምፅዋት /ሓቢሮም ምፅዋት/ክርድኡ ምግባር
- መምህር ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ኣድለይቲ ዝርርብን ባህርያትን ብዘይምዝራብን ብዘይምርኣይን ኣብነት ኾይንካ ምርካብ

ተፍትሽ ፡- ንኻለኦት ሓለዋ ምግባር ምልምማዶም ምክትታል፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| ካልኦት ምክንኻን ዘለና ነገር ምምቓል | ስምዒት ካልኦት ምምቓል ይኽእሉ |

**ተግባር ሓደ ፡- ምፍላይ መግለፂ ስምዒታት**

ዒላማ ፡- መግለፂታት ስምዒት ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ስምዒት ዝተፋላለዩ ሰባት ዘርእዩ ስእልታት ወይ ፎቶግራፋት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- መግለፂታ ስምዒት ዝተፈላለዩ ሰባት /ዝከፍኦ፣ ዝተቖጠዐ፣ዝተሓጐሰ ወዘተ…/ ዝረኣዮም ስእልታት እንተተኻኢሉ ፎቶግራፋት ምርኣይ
- ዝረኣይዎ ስምዒት ግቡእ መግለፂ ቃል ስምዒት ብምጥቃም ዝኸፍኦ፣ ዝሓዘነ፣

ዝተሓጎሰ ወዘተ… ኢሎም ክዛረቡ ምብርትታዕ

- እንትሕጎሱ፣ እንተሓዝኑ፣ እንቑጽዑ ወዘተ…ኣብ ገፆም ከመይ ዓይነት መግለፂታት ክምዝረኣዩም በብተራ እናተሰኡ ከርእዩ ምግባርን ምብርትታዕን

ተፍትሽ ፡- እንታይነት መግለፂ ስምዒታት ብምሕታት ከርእዩ ብምግባር  መግለፂ ስምዒታት ምፍላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-** ካብ መዝሙርን ዛንታታትን መግለፂታት ስምዒት ምፍላይ

ዒላማ ፡- ካብ መዝሙርን ዛንታታትን መግለፂታት ስምዒት ይፈልዩ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡-  መፅሓፍ ዛንታ፣ ካሴት መዝሙር /ብመባይል ዝተቐድሐ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዛንታ "ላሊቱ ሉሊት" ምዝንታውን አዳሚፅካ አየናይ ከምፈተዉዎን፣ ንምታይ ከምዝፈተዉዎን፣ ኣየናይ ከምዝሓጎሶም ወዘተ… ምስ መግለፂ ስምዒት ክዛረቡ ምግባር
- እቲ ዛንታን መዝመርን ደጊሞም ክዝምርዎ ምግባር
- መግለፂ ስምዒት ሰብ ዛንታ ብተፈላለየ መንገዲ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- መግለፂታት ስምዒት መዝሙርን ዛንታን ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡-** ስምዒት ሰባት ካብ ገፆምን ምንቅስቓሶምን ምርዳእ

ዒላማ ፡- ስምዒት ሰባት ካብ ገፆምን ምንቅስቓሶም ምርዳእ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ስምዒት ዝተፈላለዩ ሰባት ዝገልፁ ስእልታት ወይ ፎቶግራፋት፣ መፅሓፍ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብር፡-**

- ዝተለመዱን ተቐባልነት ዘለዎምን ስርዓታት ማህበራዊ መነባብሮ ከም መሓዙት፣ ምትሕግጋዝ፣ ምትሕዝዛን ዝመሳሰሉ ከምህሩ ዝኽእሉ ዛንታታት ምዝንታው
- ኣብ ከይዲ ምዝንታው ብዝተኻኣለ መጠን ስምዒት ሰብ ዛንታ
- ኣብ ገፅ፣ ኣብ አካላዊ ምንቅስቓስን ብምድማፅ ስምዒት ምርኣይ
- ድሕሪ እቲ ዛንታ ካልኦት ዝርከብሉ ኩነታት ስምዒት ከመይ ክርድኡን ሕቶታት ክሓቱን ምምይያጥ
- ስምዒት ካልኦት ሰባት ካብ ገፆምን አካላዊ ምንቅስቓሶምን ምርዳእ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ስምዒት ሰባት ካብ ገፆምን አካላዊ ምንቅስቓሶም ምርዳኦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡-** ንስምዒት ካልኦት ግቡእ ምላሽ ምሃብ

ዒላማ ፡- ንስምዒት ካልኦ ግቡእ ምላሽ ችዛዕባ ምሃብ ይርድኡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ተጓንፎ ኣብ ውሽጢ ቐፅሪ እንትነዩ ዝወደቑ መሓዙቶም እንትበኽዩ ከመዝነበሩ ምዝራብ
- ንሶም ምስ ህፃናት እንተዝነብሩ ነይሮም ወይ ሪኦም እንተዝነብሩ እንታይ ከመይ ክገብሩ ከመዝነበሩ ክዛረቡ ምብርትታዕ

**ተፍትሽ ፡- ንስምዒት ካልኦት ግቡእ ምላሽ ብዛዕባ ምሃብ ምርዳኦም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡**

## ተግባር ሓሙሽተ ፡- ረብሓ ተኣማንነት ምርዳእ

**ዒላማ ፡- ረብሓ ተኣማኒ ምዃን ተረዲኦም ኣብ መዓልታዊ ህይወቶምይትግብሩ፡፡**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

**ናይ ባዕልኻ ዘይኮነ ንብረት ንበዓል ንብረት ምምላስ ግቡእን ዘስማዕምዕን ተግባር ምዃኑ ተጓንፎኦም ፣ምውራይ ዛንታታት ተኣማኒ ምዃን ከም ዝግባእ ምርዳእ**

**ተፍትሽ ፡- ረብሓ ተኣማኒ ምዃን ምርዳኦምን ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ምትግባሮም ምክትታል፡፡**

**ተግባር ሽዱሽተ** ፡-ምስ ኩነታት ዝዛመዱ ባህርያት ምርኣይ

**ዒላማ ፡-ተቐባለነት ዘለዎም ኩነታት ምርኣይ ባህርይ ይለማመዱ**

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ* ፡- ስምዒት ዝተፈላለዩ ሰባት ዝገልፁ ስእልታት ወይ ፎቶግራፉት፣ መፅሓፍ ዛንታ**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- **መዓልቲ ልደቶም ንዝኾኑ ህፃናት /መሓዙቶም/ ከመይ ከምዝዝምሩሎም ምልምማድን ዘተለማመድዎም ኣብ መዓልቲ ልዶቶም ከንፀባርቑ ግባር፡፡**

**ተፍትሽ ፡- ኣብ መዓልቲ ህይወቶም ተቐባልነት ንዘለዎም ኩነታት ባህርያት ምርኣይ ምልምማዶም ምግምጋም፡፡**

## 2.2.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልክት

2.1.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልክት

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ------------------------------------------------------

ስም ህፃንም -------------------------------------------ዕድመ----------- ፆታ --------

ስም መምህር -------------------------------------------- ዓመት ምሕረት ------------

ትዕዝብቲ ብዛዕባ ህፃን ብዝስዕቡ ብርክታት ንቁፅሪ ደረጃ ሓደ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ቅጥዒ ትዕዝብቲ ትሕቲ ዝብል ይምዝገቡ

ደረጃታት፡-

1/ ምምሕያሽ ዘድልዮም------------------------------------------------------------

2/ ካብ ዝተተለመ ብቕዓት ዝተረኽበ ----------------------------------------------

3/ ካብ ዝተዓለመ ንላዕሊ ዝተረኽበ---------------------------------------------------------

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቓ ክትትል በዓመቱ መጀመሪያ፣ኣብ መጀመርታ ፍርቂ ዓመትን ኣብ መወዳእታ ዓመትን ክምላእ ይግበኦ፡፡

| ሽቶ | ኣብ መጀመርታ ዓመት | ፍ ዓመት | መወዳእታ ዓመት |
|---|---|---|---|
| ኣብ ከበቢ ዘለዉ ሰባት ምዕዛብን ንምፍላጥ ድሌት ምሕዳርን ምፍላይ | | | |
| 1.1 ኣብ ከባቢ ገዛን ኣፀደ ህፃናትን ዘለዉ ሰባት ብምስትውዓል ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 1.2 ሰባት ኣብ ከባቢ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናትን ዘለዉ ሓላፊነት ብምርኣይ ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 1.3 ሓቢሮምዎም ዝፃወቱ መሓዙቶም ተቐባልነት ዘለዎም ባህርይ ምርኣይ ይኽእሉ | | | |
| 2. ሓለዋን ክንክንን ዝገብርሎም ሰባት ምፍላይ ከመይ ከምዝከናኸንዎም ምፍላጥ | | | |
| ኣብ ከባቢ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናትን ብዛዕባ ተግባራት ዝከናኸንዎም ምዝራብ ይኽእሉ /ወለዲ፣ ሞግዚት ፣ስድራ/ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 2.2 ሰባት ከመይ ከምዝሕልዉዎምን ከምዝከናኸንዎም ምግላፅ ይኽእሉ | | | |
| 3. ንኻልኦት ምክንኻንን ዘለኻ ነገር ምምቓልን | | | |
| 3.1ስሚዒት ካልኦት ምዝራብ ይኽእሉ | | | |

## 3.2 ቋንቋ ብግቡእ ምጥቃም

### 3.3.1.መብርሂ

ቋንቋ ሓሳብ መረዳድኢ፣ ድሌት ስምዒትን ወዘተ...ንኻልኦት ንምግላፅ ዘኽእል መሳርሒ እዩ፡፡ ብምኳኑውን ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ዝዝረብ ቋንቋ ንኽርድኡ፣ ሓሳባቶም ብዝርርብ ልምዲ ምግላፅ ከማዕብሉ ፣ምእካብ ቃላት ከማዕብሉ፣ ምግንዛብ ነገራትን ምምንጫው ሓደሽቲ ሓሳባት ንኽኽእሉን ከምኡውን ንምንባብን ንምፅሓፍን ድልዋት ንኽኾኑ መምህራን ንቶም ህፃናት ምቹ ከባቢ ምፍጣርን ምጥንኻርን ደገፍ ምግባር ይግበኦም፡፡፡ ብተወሳኺውን ቋንቋ ንእምሮ /ግንዛበ/ ምምዕባል ልዑል ሓገዝ ስለዝገብር ግቡእ ጠመተ ክወሃቦ ይግባእ፡፡

> ኣብ ክሊ ዕድመ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ ህፃናት ብቋንቋ /ዝርርብ/ ገይሮም ድሌቶም ምግላፅን ምምላእን፣ ምስ ካልኦት ርክብ ምፍጣርን ምጉልባት፣ ከባቢኦም ብዝበለፀ ንምፍላጥን ንምርዳእን፣ ምልውዋጥ መረዳእታን ተግባራት ካልኦት ምቁፅፃርን ስለዘኽእሎም ቋንቋ /ንዝርርብ/ ንምምሃር ልዑል ድሌትን ምንቕቓሕን ይረኣዮም፡፡

ብፍላይ ኣብዚ ዕድመ ማለትውን ካብ 4-5 ዓመት ዘለዉ ህፃናት ኣብ ጎኖም ዘለዉ ሰባት ደጋጊምካ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ከባቢኦም ብዝበለፀ ንምፍላጥ ድሌትን ሃንቀውታን ክሓድሮም ዕድመኦም ምኳኑ መምህራን ብምርዳእ ንቶም ህፃናት ሕቶ ከይሰልቸዉ ብእዋኑ ግቡእ ምላሽ ምሃብ ይግበኦም፡፡ እዚውን ንቶም ህፃናት ከባቢኦም ምርዳእን ምፍላጥን ሃንቀውታ ካብ ምውሳኹ ብላዕሊ ምስ መምህራኖም ዘለዎም ርክብ ኣብ ፍቕሪ፣ ሓጎስን እምነትን ዝተመስረተ ክኾን ይግበኦም፡፡

### 3.3.2 ሓፈሻዊ ዒላማታት

1. ትእዛዛትን መምርሕን ብምድማፅ ግቡእ ምላሽ ክህቡን ኣንፈታትን ምንጭን ድምፅታት ክፈልዩ ምግባር

2. ንዛናታን መዝሙራትን ብደረጃኦም ኣዳሚፆም ነቲ መልእኽቲ ክርድኡን መሊሶም ከዘንትዉን ክዝምሩን ምግባር

4. ባዕሎምን ከባቢኦምን ስርዓት ሰዋሰዋዊ ኣዘራርባ ብምኽታል ግቡእ መንገድ ንምግላፅ ፀቡቕ ፃዕሪ ክገብሩ ምግባር

4. ስእልታት ብምርኣይ ምንባብን ጀመርቲ ፊደላትን ብምድማፅን ብምቅራፅ ብምርኣይ ዝተፋለጥዎም ፊደላት ገጣጥሞም ንምንባብን ኣምሲሎም ንምፅሓፍን ፈተነ ንኽገብሩ ምልምማድ

5. ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምስራሕ ጭዋዳ ቅልፅም፣ምውዳድ ኢድን ዓይንን ክጉልብት ንምግባርን ንምፅሓፍ ድልዊ ክኾኑ ምግባር

### 3.3.3 ዝሕለዉ ውፅኢታትን ብቕዓታትን

1. መረዳእታታት ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ ንትእዛዛትን መምርሕታትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ

2. ኣንፈት ድምፅታት ምምልካንትን ምንጪ ድምፅታትን ምፍላይ ይኽእሉ

የዝሰምዕዎ ምዝራብ ይኽእሉ

3. ዛንታታት ኣዳሚፆም ዝተረደእዎ ምግላፅን መሊሶም ምዝራብን ይኽእሉ

4. ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ብባዕልኻ ምትእምማን ግቡእ ትርጉም ምሃብ ዝኽእልዝርርብን ቋንቋ ምልክትን ምርድዳእ

- ንባዕልኻን ከባቢኻን ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ ይኽእሉ

5. ብምንባብ ፍልጠት ምርካብን ምሕጓስን ምርዳአ

6. ስእልታትን ቅርፂ ፊደላትን ምፍላይን ምርዳእን ይኽእሉ

7. ቅንጅታዊ ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ብምምዕባል ንፅሑፍ ምድላው

8. ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንምስራሕ ኢዶምን ዓይኖምን ምጥቃምን ይኽእሉ

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| መረዳእታታት ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ዝተፈላለየ ግቡእ ምላሽ ምሃብ | ንመምርሕታትን ትእዛዛትን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡-ንመምርሕታትን ትእዛዛትን ምላሽ ምሃብ**

ዒላማ ፡- ንመምርሕታትን ትእዛዛትን ምላሽ ይህቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝከቡ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ (ቧንቡላ)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ንኩሎም ህፃናት በብተራ ስሞም ብምፅዋዕ ቀሊል ዝኾኑ ክልተ መምርሒ ዘለዎም ኣንፈትን ቦታን ሓበርቲ ትእዛዛት ምሃብ
- ብመሰረት ትእዛዝ ህፃናት ነቲ መምርሒ ተኸቲሎም ምስራሖምን ዘይምስራሖምን ምክትታልን ምብርትታዕን
- ኩሎም ህፃናት ብምስታፍ ብትዕግስቲ ክእለት ምድማፅ ምምዕባል

ንኣብነት፡-

ካብ ክፍሊ ወፃኢ ነቲ ማዕፆ ቀስ ኢልኺ እንኳሕኹሒ

ንታ ቧንቡላ ወሲድካ ኣብ ዓራት ኣደቅሳ

ተፍትሽ ፡- ንመምርሕታትን ትእዛዛትን ምላሽ ምሃቦም ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ምድማፅ ዛንታ**

ዒላማ ፡- ክእለት ዛንታ ብፅሞና ምድማፅ የማዕብሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- መፅሓፍ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣቀማምጣ ህፃናት ብቅርፂ ‹ሀ› ምስትኽኻል
- ድሌት ምስማዕ ዛንታ ምንቕቓሕ
- ንዕድመኦም ይምጥን ተባሂሉ ዝተሓሰበ /ዝተመረፀ/ ዛንታ ብዝስሕብ መልክዑ /ገፆም፣ ኣካላዊ ምንቅስቓሶን ግቡእ ኣወፃፅኣ ድምፂ ብምጥቃም/ ምቕራብ
- እቲ ዛንታ ተዘንቲዩ እንትውዳእ ንቶም ህፃናት በቲ ዛንታ ተሓጒስኩም ዶ? ኣየናይ ኣሐጒስኩም?ንምታይ? ኢልኩም ብምሕታት ምምይያጥ
- እቶም ህፃናት ዝተሰመዖም ስምዒት ብምዝራብ ክገልፁ ምብርትታዕ
- ትሕዝቶ እቲ ዛንታ ብቕደም ስዓብ ሕቶታት ብምሕታት ብትኹረት ምድማፆም ምግምጋም
- ፍቓደኛ ዝኾኑ ህፃናት ነቲ ዛንታ ብደገፍ መምህር ደጊሞም ክዘንትዉዎ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን

**ተፍትሽ ፡-** ነቲ ዛንታ ብፅሞና ክእለት ምድማፅ ምምዕባሎም ብምርኣይን ንሕቶታት ግቡእ መልሲ እንትህቡ ብምድማፅን ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡- ምትሕልላፍ መልእኽቲ**

ዒላማ ፡- ምትሕልላፍ መልእኽቲ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ፍቓደኛ ዝኾኑ ህፃናት ብምምራፅ ብእዝኖም ቀስ ኢሎም ብሕሹኽታ ሓፂር መልእኽቲ ንኻልእ ህፃን ክዛረቡ ምግባር
- ንመልእኽቲ ህፃናት ዘዳመፁ ህፃናት ንዝተነገሮም መልእኽቲ ብትኽክል ምትሕልላፎምን ዘይምትሕልላፎምን እትዛረቡ ብምድማፅ ምግምጋም
- በዚ መልክዕ ኩሎም ህፃናት በብተራ መልእኽቲ ከማሓላልፉ ምግባር

ንኣብነት፡- ንኣቤል ሂብካዮ ንዓ

ተፍትሽ ፡-ክእለት ምትሕልላፍ መልእኽቲ ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ዘዳመፅዎ ደጊሞም ምዝራብ**

ዒላማ ፡- ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዘዳመፅዎ መልእኽቲ ደጊሞም ምዝራብ ይኽእሉ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-*** *መፅሓፍ ዛንታ፣ ማስክ፣ አልባሳት፣ ረጕድ ክላሰር፣ እርሳስ፣ ሕብሪ፣ ኮላ መጣበቒ*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ብተደጋጋሚ ዝሰምዕዎ ዛንታ ብድራማ መልክዕ ከዘንትዉ ምግባር
- ኣብቲ ገፀ ባህርያት ልክዕ ቁፅሪ ህፃናት ምምራፅ/ምሕራይ
- ምስቶም ህፃናት ሓቢሮም መሸፈኒ/ማስክን/ አልባሳትን ምድላው
- ብተደጋጋሚ ነቲ ገፀ ባህርያት ተላቢሶም ክፃወቱ ምልምማድ
- ንክፍሊ መሓዙቶም፣ ንኻልኦት ህፃናት፣ መምህራንን ወለድን ኣብ ዝተፈላለዩ በዓላት ክቕርቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዝሰምዕዎ መልእኽቲ ደጊሞም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡- ኣስተውዒል ምዝራብ**

ዒላማ ፡- ብዛዕባ መዓልቲ ዕረፍቲ ኣስተውዒሎም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- መምህር ብፍላይ ሰኑይ መዓልቲ ዕረፍቲ /ቅዳምን ሰንበትን/ ከመይ ከምዝሕለፉ ኣሕፅር ኣቢሎም ምዝራብ
- ቐፂሎም ንህፃናት ዕድል ብምሃበ ሕድሕዶም ክዛረቡ ምግባር
- ኣብ ዝዛረብሉ እዋን ምብርትታዕን መሓዙቶም እንትዛረቡ ብፅሞና ክዳምፁ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ብዛዕባ መዓልቲ ዕረፍቲ ዘኪሮም ምዝራበ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1.መረዳእታታት ብግቡእ ብምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ | 1.2. ኣንፈት ድምፅታት ምምልካትን ምፍቅታት ድምፂ ምፍላይ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡-** ከባቢ ጠመተ ብምሃብ ብምድማፅ

ዒላማ ፡- ከባቢኦም ጠመተ ሂቦም ብምድማፅ ዝሰምዕዎ ነገር ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ኣብ ውሽጢ ቐፅሪ /ክፍሊ/ ንዝተወሰኑ ሰከንድታት ፅን ኢሎም ክዳምፁ ምግባር
- እንታይ ከምዘዳመፁ ብምሕታት ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ካብ ምርኣይ ህፃናት ብምሕባእ ዝተፈላለዩ ድምፅታት ብምስማዕ እቶም ህፃናት ዘዳመፅዎ ድምፂ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ከባቢኦም ጠመተ ሂቦም ምድማፆምን ዘዳመፅዎ ነገር ምዝራብ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ኣንፈት ድምፂ ምፍላይ**

**ዒላማ ፡- የድምጽን አቅጣጫ መለየትን ይለማመዳሉ፡፡**

**ሓበሬታ መሳርሕታትመረዳእታ ፡- ፊሽካ**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዘሎ ምንድርበት/ሜዳ ህፃናት ብሰለስተ ወይ ብኣርባዕተ መስርዕ ክስለፉ ምግባር
- ቐፂሎም ብድሕሪት እተም ህፃናት ክለተ ህፃናት ፊሽካ ሒዞመ ክቆሙ ምግባር
- መምህር ቀስ ኢሎም ሓደ ህፃን እትዕውዑ እቲ ፊሽካ ክንፋሕ ምግባር
- ብመስርዕ ዝቖሙ ህፃናት ድምፂ ናብ ዝሰምዑሉ ኣንፈት ከመልክቱ፣ ክኀዩን ብምእዛዝ ኣንፈት ድምፂ ክፈልዩ ምልምማድ

ተፍትሽ ፡- ኣንፈት ድምፂ ፈልዮም ክእለት ምፍላጥ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡ ዝሰምዕዎ ድምፂ ምፍላይን ምምሳልን**

ዒላማ ፡- ዝምሰዕዎ ድምፂ ይፈልዩ ከምኡውን ኣምሲሎም ምፅዋት፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዝተፈላለዩ ስእሊ እንስሳት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተፈላለዩ ዝእሊ እንስሳት ምርኣይ

**ንኣብነት፡-** ናይ ከልቢ፣ ድሙ፣ደርሆ፣ ዝብኢ፣ በጊዕ ወዘተ…

- ካብ ውሽጢ ዞም ስእልታት ድምፂ ሓደ እንስሳ ኣምሲልካ ምፅዋዕ

- እቶም ህፃናት ዝሰምዕዎ ድምፂ ናይ መን ከምዝኾነ ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር
- ዝሰምዕዎ ድምፂ ኣምሲሎም ክፃወቱ ምግባር
- ደጋጊሞም ክፍትዎ ምብርትታዕ ምልምማድ

ተፍትሽ ፡- ዝሰምዕዎ ድምፂ ምፍላይን ኣምሲልካ ምውፃእ ምኽኣሎ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ምፍላይ ድምፅን ኣምሲልካ ምውፃእን**

ዒላማ ፡- ድምፅታት ምፍላይ ኣምሲልካ ምውፃእን ይለማመዱ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ስእልታት ዝተፈላለዩ እንስሳትን ኣቑሑን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ንሕድሕድ ህፃን ዝተፈላለዩ ስእሊ እንሰሳትን ኣቑሑን ምሃብ

  **ንኣብነት፡-** ፊሽካ፣ መኪና፣ ደርሆ፣ በጊዕ ወዘተ…
- መምህር ድምፂ ሓደ እንተስምዑ ዝሰምዕዎ ዓይነት ዘውዕእዎ ድምፂ እንሰሳት ወይ ኣቑሑ ዝሓዙ ህፃናት ናብ መምህር ክመፅኡ ምግባር
- ናይ መን ድምፂ ከምዝኾነ ብምሕታት ብሓባር ነቲ ድምፂ ከምስምዑ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ምፍላይ ድምፅታትን ክእለት ኣሲሎም ምውፃእ ምግምጋምን፡፡

**ተግባር ኣምስት ፡- ምፍላይ ድምፅታት ሰብ**

ዒላማ ፡- ኣተውዒሎም ብምድማፅ ምፍላይ ድምፅታት ሰባት ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- "ምፍላይ ዝፀወዐካ›› ዝብል ፀወታ ብዝምልከት መንገዲ ምፅዋት፡-

ሓሙሽተ ፍቓደኛ ዝኾኑ ህፃናት ምትሳእ

- ኣብ ቅድሚ ህፃናት ኣብዘሎ ቦታ ክቖሙን ስሞም ክዛረቡ ምግባር
- ካባኣቶም ማእኸል ሓደ ህፃናት ብምምራፅ ዝቐረዩ ስም ኣርባዕተ ህፃናት ምሕታትን ካብ ኣርባዕቲ ህፃናት ርሕ ኢሎም ገፆም ናብ ግድግዳ ኣዚሮም ክቐሙ ምግባር
- ካብ ኣርባዕተ ህፃናት ሓዲኡ ብኣፃብዕቲ ብምትንካፍ ገፁ ዘዞረ ህፃን ስሙ ክፅውዕ ምግባር፡፡
- ገፁ ዝዞረ ህፃን ገፁ ናብቲ ህፃናት ብምዟር መን ከምዝፀወዖ ብድምፁ ከለሊ ዝፀወዖ ስም ህፃን ክዛረብ ምግባር

በዚ ዓይነት ኩሉም ህፃናት ምስታፍ

ተፍትሽ ፡- ብድምፂ ሰባት ምፍላይ ክእለቶም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸድሽተ ፡-** ድምፅን ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ኣምሲልካ ምውፃእ

ዒላማ ፡- ድምፅን ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ኣምሲል ምውፃእ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ኣብ ውሽጢ ክፍልን ወፃእን ኣብ ዘሎ ሜዳ ንቶም ህፃናት ሒዝካ ምውፃእ
- ዝተፈላለዩ እንሰሳት፣ ኣዕዋፋትን ኣቐሑን ድምፂ ብምውፃእን ምንቅስቓሶም ብምምሳል ምርኣይ
- እቶም ህፃናት ብዝረኣይዎ መሰረት ብምግባር ድምፂ ብምውፃእ ምስ ምንቅስቓስ ብምውዳድ እናምሰሉ ክፃወቱ ምግባር

**ንኣብነት** ፡- መምህር ኣነ ናታተኹም እኖ/ኣቦ/ እዩ፤ ንስኹም ናተይ ደቀይ ኢኹም፤ ኣነ ዝገብሮ ብምስራሕ ትኽተሉኒ ኢኹም፡፡ ብማለት ድንን ኢሎም ብኣርባዕተ እግሪ ‹‹እወ እወ›› እናበሉ ምዝላል፡፡ ካብቲ ዕለት ከምዝብልዎ ብምግባር ሀዚ እንታይ ነይሩ ብማለት ምሕታት፡፡ ቀፂሎም ድማ ‹‹ጭው ጭው›› እናበሉ ኣእዳዎም ብምዝርጋሕ ምብራር

ድሕሪ ኣብ ዘለዉ ብምቋም እንታይ መሲሎም ከምዝነበረ ክዛረቡ ብምግባር ድምፂ ምስ ምንቅስቓስ ተዋዲዶምን ኣምሲሎምን ምፅዋት ምልምማድ፡፡

ተፍትሽ ፡- ድምፂ ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ክእለት ኣምሲሎም ምውፃእ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፡-** ኣብ ፀወታ ካብ ሓደጋ ከምፅኡ ምርሓኞ

ዒላማ ፡- ኣብ እዋን ፀወታ ድምፂ መኪና ብምድማፅ ካብ ሓደጋ ትራፊክ ባዕሎም ምሕላው ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ህፃናት ካብ ክፍሊ ብምውፃእ ናብ ሜዳ ብምውሳድ መንገዲ መኪና ብቾክ ምስማር
- ፍርቂ ህፃናት መሽከርከርቲ ፍርቂ ድማ እግረኛ ከምዝኾኑን እቶም እግረኞታት ብወሰን መንገዲ መኪና ክኣዝዙ ምግባር
- መሽከርከርቲ መኪና ጡሩምባ /ክላክስ/ እንተስምዑ እቶም እግረኞታት ቀልጢፎም ካብ ወሰን መንገዲ መኪና ክወፅኡ ብምግባር ምፅዋት

ተፍትሽ ፡- ድምፂ መኪና ብምድማፅ ካብ ሓደጋ ትራፊክ ባዕልኻ ንምሕላው ምፍታኖም ብምርኣይ ምግምጋ፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1. መረዳእታ ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ መልሲ ምሃብን | 1.3. ዝሰምዕዎ ምዝራብ ይኽእሉ |

**ተግባር ሓደ ፡-**መዓልቲ ዕረፍቲ ሪፖርቲ ምቕራብ

ዒላማ ፡- መዓልቲ ዕረፍቲ ሪፖርቲ ብግቡእ ኩነታት ምቕራብ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- በብሰሙኑ ንጎሆ ሪፖርት /ዜና/ ዘቕርብሉ ኩነት ምምችቻው፡፡
- ህፃናት ገዛ ዕረፍቶም ከመይን ምስ መንን ከም ዘሕለፍዎ ኣስተውዒሎም ክዛረቡ ብምግባር ክእለት ምስትውዓሎምን ምዝካሮምን ምምዕባል
- ኣብ ቅድሚ ካልኦት ተሲኦም ልምዲ ምዝራብን ካልኦት እንትዛረቡ ልምዲ ፅን ኢልካ ምድማፅን ከማዕብሉ ምግባር

ተፍትሽ ፡- መዓልተ ዕረፍቲ ሪፖርት ብግቡእ ኩነት ምቕራብ ምልምማዶም ብምድማፅን ብምርኣይን ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-** ዛንታ ካብ ስእሊ ተረዲኦም ምግላፅ

ዒላማ ፡- ካብ ዝተረደኣም ዛንታ ዝፌተዉዎ ገፀ-ባህሪ ብስእሊ ምግላፅ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ወረቐት፣ እርሳስ፣ መፅሓፍ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንህፃናት ሕፅር ዝበለ ዘሐጉስ ተጓንፎ፣ ዛንታ ምዝንታው
- ንሕድሕድ ህፃን ወረቐትን እርሳስን ምሃብ

ካብ ዝሰምዕዎ ዘሐጎሶም ወይ ዘሕዘኖም ነገር ብስእሊ ክገልፁ ዕድል ምሃብ

ዝሰኣልዎ ስእሊ ንደቂ ክፍሎም ብምርኣይ እንታይከምዝኾነን ክገልፁ ምንቕቓሕ

ተፍትሽ ፡- ካብ ዘዳመፅዎ ዛንታ ዝፌተዉዎ ገፀ-ባህሪ ብስእሊ ክእለት ምግላፅ ምግምጋም፡፡

## ተግባር ሰለስተ ፦ ሓፀርቲ መልእኽቲታት ምትሕልላፍ

ዒላማ ፦ ሓርቲ መልእኽቲታት ኣዳሚያም ልምዲ ምትሕልላፍ የማዕብሉ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- መምህር ሓፀርቲ መልእኽትታት ንቶም ህፃናት በብተራ ብምዝራብ መልእኽቲ ንመሓዙቶም፣ ንመምህራኖም ንሞግዚቶም ክዛረቡ ምግባር
- ህፃናት ዝተዛረብዎም መልእኽትታት ብትኽክል ኣዳሚያም ምትሕልላፎም ደቂ ክፍሎም ከረጋግፅሎም ምግባርኩሎም ህፃናት ኣብ ተግባረ ምትሕልላፍ መልእኽቲ ክሳተፉ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ሓፀርቲ መልእኽትታት ኣዳሚያም ክእለት ምትሕልላፍ መልእኽቲ ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

## ተግባር ሓሙሽተ ፦ መልእኽቲ መዝሙር ምዝራብ

ዒላማ ፦ መዝሙር ኣዳሚያም ልምዲ ምዝማር የማዕብሉ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ካሴት መዝሙር /ብሞባይል ዝተቐድሐ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ህፃናት ነቶም መዝሙራት ከዳምፅዎም ምግባር
- ዘዳመፅዎ መዝሙር ደጊሞም ክዝምርዎ ምግባር
- ትሕዝቶ እቲ መዝሙርት/መልእኽቲ/ ብምሕታት ምምይያጥ
- ብትኽክል እንተ ዘይኣዳሚያም ደጊምካ ክዳምፁ ምግባር ብመሰረት ዘዳመፅዎ ክዝምሩ ምልምማድ

ተፍትሽ ፡- ነቲ መዝሙር ኣዳሚያም ልምዲ ምዝማር ምምዕባሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ነቲ መዝሙር ምድማፅን ምዝማርን**

ዒላማ ፡- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ምዝራብ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ካሴት መዝሙር /ብሞባይል ዝተቐድሐ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ዝተፈላለዩ ህፃናት ነቶም መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር
- እቲ መዝሙር ብዛዕመ መንን መንን ከምዝኾነ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር
- ብምቕፃል ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት እቲ መዝሙር ንህፃናት እንታይ ከምህር ከምዝኽእል/እንታይ መልእኽቲ ከምዘለዎ/ ክዛረቡ ምግባር
- ድሕሪ ነቲ መዝሙር ምስዘመሩ ባዕሎም ምልእኽቲ እቲ መዝሙር ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፡- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ክለት ምዝራቦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሽዱሽተ** ፡-ብፅሞና ብምድማፅ ዝሰምዕዎ ደጊሞም ይዛረቡ

ዒላማ ፡- ብፅሞና ብምድማፅ ዝሰምዕዎ ደጊሞም ምዝራብ  ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- መፅሓፍ ዛንታ፣ ካሴት መዝሙር /ብሞባይል ዝተቐድሖ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ሓፀርቲ ምስ ህፃናት ህይወት ዝተተሓሓዙ ተጓንፎታት፣ ታዛንታ ብምዝንታው ብፅሞና ከዳምፁ ምግባር
- ዝተፈላለዩ ተጓንፎታቶም ክዛረቡ ብምብርትታዕ ባዕሎም ንባዕሎም ክእለት ምድማፅ ምብርትታዕ
- ኣብ ውሽጢ ዛንታ፣መዛሙርን ግጥምታትን ዘለዉ ልዑል፣ ትሑትን ንሳላሳ ድምፅታት ብምውፃእ መሊሶም ምዝራብ ምግባር

**ተፍትሽ ፡-** ብፅሞና ብምድማፅ ዝሰምዕዎ ደጊሞም ክእለት ምዝራቦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፡- ምፅዋት ፀወታ ድራማ**

**ዒላማ ፡-** ፀወታ ድራማ ክእለት ምድማፅን ምዝራብን ተማዕብሉ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ንድራማ ዘገለግሉ አልባሳትን ኣቑሑን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- እቶም ህፃናት ኮኑ መምህር ካብ ዘቕረብዎም ሪፖርትታት ውሽጢ ንድራማ ዝስማዕማዕ ርእሲ ምምራፅ
- ንቲ ታሪኽ ብሕቶን መልስን ምሕታትን ብሓፂር ድማ ምዝንታው ክስተኻኽሉ ምግባር
- ነቲ ገፀ ባህሪያት ተላቢሶም ዝፃወቱ ህፃናት ምምራፅዋ ገፀ ባህሪያት እቶን ሃፃናት ተላብሰው ብድራማ መልክዕ ከቕርቡ ምልምማድ
- ንክፍሊ መሓዙቶም ከቕርቡ ምግባር
- ድሕሪ ድራማው ብዛዕባ ኣቀራርባ ዝቲ ድራማ ሕድሓደ ሕቶታት ብምሕታት ምጥቕላል

ተፍትሽ ፡- ነቲ ድራማ እንተ'ቕርቡ ክእለት ምድማፅን ምዝራብን ምግምጋም፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብ'ቕዓት |
|---|---|
| 1. መረዳእታት ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ | ሓፀርቲ ዛንታታትን መዛሙርን ብምድማፅ ደጊሞም ምዝራብን ምዝማርን ይኽእሉ፡፡ |

## ተግባር ሓደ ፡- ዛንታ ምድማፅን ደጊሞም ምዝንታውን

ዒላማ ፡- ዛንታታት ኣዳሚፅካ ደጊምካ ምዝንታውን ምልምማድን ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- መፅሓፍ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ንህፃናት ዝምጥን ዛንታታት ብግቡእ መንገዲ ምዝንታውን ብዛዕባ እቲ ዛንታ ስምዒቶም ምሕታት
- ትሕዝቶ እቲ ዛንታ ክርድኡ ብ'ቕደም ተ'ኸተል ሕቶታታት ምሕታት
- ፍቓደኛ ዝ'ኾኑ ህፃናት ወዒኦም ከዘንትዉ ዕድል ምሃብ
- ን'ኻልኦት ህፃናትውን ዕድል ብምሃብ ዝተሰመዖምን ዝፈልጥዎምን ዛንታታት ንመሓዙቶም ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ህፃናት ባዕሎም ዛንታ ብምጣር ከዘንትዉ ዕድል ብምሃብ ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፡- ዛንታታት ኣዳሚዖም ልምዲ ደጊምካ ምዝንታው ምምዕባል ምጅማሮም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ክልተ ፡- ዛንታ ብመልክዕ ብድራማ ምቕራብ

ዒላማ ፡- ዛንታ ብመልክዕ ብድራማ ምቕራብ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- መፅሓፍ ዛንታ፣ ማስክን አልባሳትን

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-

- ብተኸታታሊ ዝሰምዕዎን ንቶም ህፃናት ምሃብ
- ማስክን አልባሳትን ምስ መምህር ብሓባር ብምድላው ነቲ ዛንታ ብመልክዕ ድራማ ከቕርቡ ምልምማድ
- ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተፈላለዩ ፐሮግራማት ክቐርቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ዛንታታት ብመልክዕ ድራማ ክእለት ምቕራብ ምግምጋም፡፡

## ተግባር ሰለስተ ፡- ስእሊ ብቕደመ ተኸተል ምድላው

ዒላማ ፡- ኣብ ውሽጢ ዛንታዛለዉ ስእልታት ብቕደመ ተኸተል የዳልዉ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- መፅሓፍ ዛንታ፣ ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዘለዉ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣገባብራ**፡-

- ካብ ዘለዉ ስእልታት ዝሰምዕዎ ዛንታ ቕደም ተኸተል ብዘይሓለዉዎ ኩነት ኣብ ጠረጴዛ ምቕማጥ
- ፍቓደኛ ዝኮኑ ስእልታት ህፃናት ቕደም ተኸተል ክውድብዎም ምግባር

ብምቕፃል ንኻልኦት ምስታፍ

ተፍትሽ ፡- ኣብ ውሽጢ ዛንታታት ዘለዉ ስእልታት ብቕደም ተኸተል ምውዳእ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ዛንታታት ብስእሊ ምግላፅ**

ዒላማ ፡- ዛዳመፅዎም ዛንታታት ብስእሊ ንምግላፅ ይፍትኑ፡፡

**ሓበሬታ ነውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበራ** ፡-

- ህፃናት ብተደጋጋሚ ዝሰምዕዎ ትሕዝቶ ዛንታታት ስእሊ ብምስኣል ሕብሪ ምልካይ ክሰርሑ ምግባር
- እቶም ህፃናት ዝሰኣልዎ ሕብሪ ክቐብእዎ ስእሊ እንታይ ከምዝኾነ ብርእዩን ክዛረቡን ምግባር

ተፍትሽ ፡- ዘደምፅዎም ዛንታታት ብስእሊ ንምግላፅ ምፍታኖም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሓሙሽተት ፡- ምስራሕ ዛንታታት ሞዴል**

ዒላማ ፡- ዛንታታት ብመልክዕ ሞዴል ንምስራሕ ይፈትኑ፡፡

**ሓበሬታ ነውቲ መምሃሪ መስተምሃ** ፡- ዝቦኸዐ ጭቃ ወረቐት፣

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ህፃናት ብተደጋጋሚ ዝሰምዕዎ ትሕዝቶ ዛንታታት ዝቦኸዐ ወረቐት ወይ ሞዴል ጭቃ ክሰርሑ ምግባር

- አቶም ህፃናት ዝሰርሕዎ ሞዴል ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ :- ዛንታታት ብመልክዕ ሞዴል ንምስራሕ ምፍታኖም ምግምጋም፡፡

| ትዕብት ዝግበረሉ ውዕኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ብዝተፈላለዩ ኩነታት ዓርሰ ምትእምማን ግቡእን ትርጉም ክህብ ዝኽእል ዝርርብ ብቋንቋ ምልክት ምርድዳእ | 2. 1.ባዕሎምን ከባቢኦምን ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ፡-** ብዛዕባ ስራሕ ምዝራብ

ዒላማ :- ብዛዕባ ስራሖም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ካብ ካርቶን ዝተዳለወ መጉልሂ ድምፂ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ካብ ሶፍት ካርቶን መጉልሂ ድምፂ ምድላው
- መጀመርታ መምህር ስሞም፣ኣድራሻ መንበሪ ወዘተ… ምዝራብ
- ሕድሕዶም ብዝተማለአ ምሉእ ሓሳብ መዳመፂ ክርደኦ ብዝኽእል ቋንቋ ስሞም፣ ኣድራሻ መንበሪ፣ ክወስድዎ ዝክእሎ ነገር ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ንቶም ህፃናት ብዛዕባ ስራሖም ዝተፈላለዩ ቃለ መሕትት ብምሕታት ዝተማለአ ትርጉም ክህብ ዝኽእል ምሉእ ሓሳባት ብምጥቃም ምላሽ ክህቡ ምብርትታዕ
- ዝተደለየ ኣንፈት ሒዞም እንትዘይተዛሪቦም ብሕቶታት ምምራሕ

**መዘከርታ፡-** እንትዛረቡ ኣፃብቲ ናብ ውሽጢ ኣፍ ምእታው፣ ኣእዳው ምትሕስሳይ/ከምዝበልሕ፣ ምቕርቓር፣ ክዳን ናብ ኣፍ ምእታው ወዘተ… ተዳላዩ ዘይኾነ ባህርይ ምኺኑ ህፃናት ክርድኡን ክትግብሩን ብፍላይ መንገዲ ምርዳእን ክትትልን ምግባር የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፦ ስርዓት ዝርርብ ተኸቲሎም ብዛዕባ ባዕሎም ምዝራብ ምኽኣሎም ዝዛረብዎ ብምድማፅ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምትኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፦** ንሕቶታት ብዝርርብ ምላሽ ምሃብ

ዒላማ ፦ ንዝሓትዎ ሕቶ ግቡእ ምላሽ ብመልክዕ ዝርርብ ይህቡ

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ቢንቡላ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ቢንቡላ ደጊሞም ኣምሲሎም ምምፃእ
- እቲ ዝመፅአ ቢንቡላ / ስማ ፀዊዑ/ ሎሚ ንጎሆ ንቶም ህፃናት ካብ ገዛኦም እንትወፅኡ እንታይ ከምዝረኣዩ እንታይ ከምዝሰምዑ ወዘተ... ክዛረቡኒ እዮም ብማለት እትዛረብ ብምምሳል ምዝራብ
- እቶም ህፃናት በብተራ ናብታ ቢንቡላ ሒዞም ብምቕራብ ሕቶታት ምሕታት
- ንቲ ሕቶ ብዝርርብ መልሲ ክህቡን ስምዒቶም ብዝርርብ ክገልፁ ምብርትታዕን ምሕጋእን
- ግቡእ ስነ-ስርዓት ብዘልዎ መልክዑ ክዛረቡ ምሕጋዝ

ተፍትሽ ፦ ንዝሓተትዎም ሕቶታት ብዝርርብ ምላሽ ምሃብ ክኢሎም እትዛረቡ ብምድማፅ ምግምጋም፡፡

## ተግባር ሰለስተ ፦ ዝርኣይዎ ክፍሊ ሰውነት ምፅዋዕን ምዝራብን

ዒላማ ፦ ዝርኣይዎ ክፍሊ ሰውነት ምፅዋዕን ብትኽክል ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- እቶም ህፃናት ኣብ ዝርእዎ ምችዊ ቦታ ብምቋም መምህር ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሰውነት እንትትንክፉ እቶም ህፃናት ኢድ ብምውፃእ ዝተተንከፈ ክፍሊ ሰውነት መፀወዒ,ያክዛረቡ ምግባር
- ሓደ ህፃን መፃወቲ ብምግባር ንቲ ህፃን ዝትንክፍ ክፍሊ ሰውነት መምህር ትኽክል ዘይኮነ መፀውዒ ስም ብምዝራብ ንቶም ህፃናት መልሲ ምክትታል

**ንኣብነት**፦ ኣፍንጫ እንትትንፍ እዝኒ ብማለት ምዝራብ ብምቕፃል እቶም ህፃናት ትኽክለኛ ስሞም እንዛረቡ ብምምስጋን ጌጋ ብምእራም ምፅዋት

ተፍትሽ ፦ ዝረኣይዎ ብትኽክል ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ኣርባዕተ ፦ ዝረኣይዎ ተኽታታሊ ስእሊ ምዝራብ

ዒላማ ፦ ተኽታታሊ ስእል ብምርኣይ ቕደም ተኽተል ሓሊዮም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ መፅሕፍቲ ዛንታታት፣ ተኽታታልነት ዘለዎም ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ዛንታታት ብምጥቃም መፃኢ ድሌት እንታይ ከምዝኮነ ብዛዕባ ህፃን ዝተዛረብዎ ብሓፂሩ ምዝንታው ሕድሕዶም እንትዓብዩምእንታይ ክኾኑ ከምዝደልዩ ኣብ ቕድሚ መሓቶም ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ተኽታታሊ ትሕዝቶ ዘለዎም ስእልታት ብምጥቃም ኣብቲ ስእሊ ብዛዕባ ዝርኢዎ ነገር ክዛረቡ ምሕታት
- ብተኽኣለ መጠን ቕደመ ስዓቡ ሓሊዮም ነቲ ዛንታ ምዝንታው ምልምማድ

ተፍትሽ ፡- ተኸታታሊ ስእሊ ብምርኣይ ቕድም ስዓቡ ሓሊዮም ምዝራብ ምኽኣሎምሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡- ሪፖርት ምቕራብ**

ዒላማ ፡- ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ቕድም ስዓቡ ሓሊዮም ሪፖርት የቕርቡ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ካብ ካርቶን ዝተሰርሓ መጉልሂ ድምፂ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- መጀመርታ መምህር እዋን ዕረፍቶም ብዛዕባ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ምዝራብ
- ሕድሕድ እቶም ህፃናት እናወፅአ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ
- ኣብ ከባቢኦም ፕሮግራም ትዕዝብቲ ብምድላው ምስ ዝረኣይዎም ብዛዕባ ዝረኣይዎን ዝስምዕዎን ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ሕቶታት ብምሕታት ክዝክሩ ምድጋፍ

**መዘከርታ** ፡- ብዝርዝር ምዝራብ ንኽክእሉ ሕቶታት ምሕታትን ምብርትታዕን ከምኡውን ምዝካር ዝኽእልሉ ኩነት ምፍጣር የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ቕድም ስዓቡ ሓሊዮም ክእለት ቕራብ ሪፖርት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸዱሸተ ፦** ኣብ መፅሓፍ ብዛዕባ ዝርኢዎ ስእሊ እንታይነት ምዝራብ

ዒላማ ፦ ኣብ መፅሓፍ ብዛዕባ ዝርኢዎ ስእልእንታይነት ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ መፃሕፍቲ /መፅሄት/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ገላቢጦ ክርኢዎ ዝኽእሉ ዕብይ ዝበሉ ስእልታት /ኣብ ካባቢ ዘለዉ ነገራት ዝርእዩ/ ዘለዎም መፅሄት /መፃሕፍቲ/ ምሃብ
- ብፅሞና ገላቢጦ ንኽርኡ ግዘ ምሃብ ሕድሕዶም ገላቢጦም ብዛዕባ ዝረኣይዎ ስእሊ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ኣብ መፅሓፍ ብዛዕባ ዝረኣይዎ ስእሊ እንታይነት ምዝራብ ምኽኣሎም እንዛረቡ ጠመተ ሂብካ ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፦**ብዛዕባ እንታይነት ነገራት ብምድህሳስ ምዝራብ

ዒላማ ፦ ብዛዕባ እንታይነት ነገራት ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ መደምሰስ፣ መቕረፂ እርሳስ፣ ስኒ ወዘተ…

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ፀወታ ‹‹ኣብ ኢድኻ እንታይ ኣሎ?›› ብዝስዕብ መልክዕ ምፅዋት፡-

  ህፃናት ብኽቢ ክቖሙ ምግባር

- ዝተቐመጥሉ ቦታ ኮይኖም ኣእዳዎም ንድሕሪት ክገብሩ ምግባር
- ኣብ ኣእዳዎም ዝተፈላለዩ ነገራት ምቕማጥ

**ንኣብነት**፡- መደምሰስ፣ መቕረፂ እርሳስ፣ ስኒ ወዘተ…

- ብመጀመርታ ከይረኣዩ እናዳህሰሱ ብኣእዳውም ብዛዕባ ዝተቐመጠ ነገር ክዛረቡ ምግባር
- ብምቕፃል ብኣዕንቶም እናረኣዩ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ :-ብዛዕባ እንታይነት ነገራት ብምድህሳስ ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸሞንተ :-** ብዛዕባ ኣብ ከባቢ ዘለዉ ነገራት ምዝራብ

ዒላማ :- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ነገራት ይዛረቡ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ኣቑሑ፣ እንስሳት፣ ኣቑሑ ገዛ፣ እፅዋት ሎቶ

***ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ*** :-

- እንስሳት፣ ኣቑሑ ገዛ፣ እፅዋት ሎቶ ክገጣጥሙ ብምግባር ብዛዕባ ዝገጣጠሙዎም ክዛረቡ ምግባር
- ህፃናት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ንሶም ኮኑ ዓበይቲ ሰባት ዝደልይዎ ኣቑሑ ብኣካል ኮነ ብስእሊ ምርኣይ
- መፀወዒ ስሞምን ዝህብዎ ግልጋሎትን ብምሕታት እቶም ህፃናት ብምሉእ ሓሳብ መልሲ ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ተመሳሰልቲ ኣቑሑ ኮይኖም ዝተሰርሕሎም ማቴሪያላት ዝተፈላለዩ ዝኾኑ ኣምሲሎም ብምርኣይ ፍልልዮም ክፈልዩ ምግባር

ንኣብነት :- ማንካ ብረትን ፕላስቲክን፣ ብርሃንዘምሓላልፉን ዘየመሓላልፉን ብርጭቆን ኩባያን ወዘተ...

ተፍትሽ :- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ነገራት ብምዝራብ ምፍላይ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ትሽዓተ :-** ፀወታ መሲልካ ብምፅዋት ኣብ ከባቢኦም ብዘለዉ ነገራት ምዝራብ

ዒላማ :- ፀወታ መሲልካ ብምፅዋት ኣብ ከባቢኦም ብዘለዉ ነገራት ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ቧንቡላ/ቃንጫ መርዓት/፣ ፀወታ መሲልካ ምፅዋት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ንመሲልካ ምውፅዋት ዘመቹ ክፍሊ ምድላው
- ኣድለይቲ ኣቐሑ ንምምላእ ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ዝርእይዎም ዝራኣይዎ መሲልካ ምፅዋት ክገልፅዎ ምግባር

**መዘከርታ፡-** እቶም ህፃናት ፀወታ ንምፅዋት ብዘይማንም ኣገዳድነት ባዕሎም ብዝመረፅዎ ቦታ ግደ ምፅዋት ዘኽእሉ ክኸውን መምህር እቶም ህፃናት እንትፃወቱ እናዞርካ ምርኣይን ሓደ ሓደ ግዘ ምስትኽኻል ኣብ ዘድሊ ቦታ ከም ጋሻ ተሓካሚ፣ ገዛኢ፣ ወለዲ ወዘተ…ብምኺን ብምእታው ምስትኽኻል የድሊ፡፡

ተፍትሽ :- ፀወታ መሲልካ ምፅዋት ኣብ ከባቢኦም ብዘለዉ ነገራት ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ :-** ዝሰምዕዎ ዛንታ ደጊሞም ይዛረቡ

ዒላማ :- ዝሰምዕዎ ዛንታ ደጊሞም ንምዝራብ ይፍትኑ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- መፃሕፍቲ ዛንተታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ንዕድመኦም ዝምጥኑ ዛንታታት ርግእ ኢልካ ምዝንታው
- ብምቕፃል ብዛዕባ ዛንታ ዝተሰመያም ስምዒት ክዛረቡ ምግባር
- ትሕዝቶ እቲ ዛንታ ክርድኡ ብቕደም ተኸተል ምሕታት
- ኣብ መወዳእታ ነዚ ዛንታ ደጊሞም ከዘንትዉ ዕድል ምሃብ እንተኸቢድዎም ብሕቶ መልክዕ ክምልሱ ደገፍ ምግባር

ተፍትሽ :- ዝሰምዕዎ ዛንታ ደጊሞም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓደ:-መዝሙር ብቃል ምዝማር ምፍታን**

ዒላማ :- ዝሰምዕዎ መዝሙር ብቃል ንምሓዝ ይፍትኑ፡፡

ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :- ካሴት መዝሙር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ህፃናት ነቲ መዝሙር ብቃሎም ክሕዝዎ ተለላ ብተላለ ከፋፊሎም ብምሃብ ክዝምሩ ምግባር
- ትሕዝቶ እቲ መዝሙር ብሕቶን መልስን ክርድኡ ምግባር
- በብጉጅለ ብምክፍፋል ክዝምሩ ምግባርን ብቃሎም ክሕዝዎ ደጊሞም ክዝምሩ ምግባር

ተፍትሽ :- የአጫጭር የህጻናት መዝሙሮችን በቃላቸዉ ይዘዉ መዘመር መቻላቸዉን መገምገም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- ዝሰምዕዎም ዛንታታት ድራማ ምግላፅ

ዒላማ ፡- ብተደጋጋሚ ዝሰምዕዎም ዛንታታት ብድራማ መልክዕ ምግላፅ ይለማመዱ፡፡

ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ንድራማ ዘድልዩ ኣቕሓን ኣልባሳትን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንቶም ገፀባህሪያት ተላቡሶም ዝፃወቱ ህፃናት ንቲ ድራማ ዘድልዮም ኣልባሳትን መሸፈኒ/ማስክ ብምግባር ክዳለዉ ምግባር
- ንቶም ህፃናት ብተደጋጋሚ ዝሰምዕዎም ዛንታታት/ዝቐርብ ድራማ ዛንታ ኣሕፅር ኣቢሎም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምዝንታው
- ንቶም ገፀባህሪያት ተላቢሶም ዝፃወቱ ህፃናት ድራማ እንተቕርቡ ካልኦት ብፅሞና ከዳምፁ ምግባር
- ኣብ መወዳእታ እቲ ድራማ ዘቕረብዎ ህፃናት ከመስግኑ ምግባር

**መዘኻኸርታ፡-ህፃናት** ድራማ ንምፅዋት ነዊሕ ግዘ ምድላው ዘድልዮም እንተኾነ ንቶም ህፃናት ኣብ ዝተፈላለዩ በዓላት ከቕርብዎም ምግባር ይኽእሉ፡፡

ተፍትሽ ፡- ብተደጋጋሚ ዝሰምዕዎም ዛንታታት ብመልኽዕ ድራማ ምዝንታው ምምኳሮም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፦ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ብቕደም ተኸተል ምቅማጥ

ዒላማ ፦ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ብቕደም ተኸተል ምስ ኣቐመጡ ምኽንያቶም የረድኡ፡፡

ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ብስእሊ ዝተደገፉ ዛንታታት መፃፍቲ፣ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት ዘባሪኞ ብምሃብ ህፃናት ብቕደም ተኸተል ከምዕእዎምን ንምታይ ከምዘምእዎምን ከምዘቐመጥዎ ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ብስእሊ ዝተደገፉ ዛንታታት መፃሕፍቲ ገፅ ንገፅ እናገላበጡ ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ታዛንታ ክዛረቡ ምብርትታዕ

**መዘከርታ ፦** ቅድሚ ሀዚ ዝተፋለጥዎ ዛንታ/ነበረያ ነበረ ክኸውን ይግባእ፡፡

ተፍትሽ ፦ ተኸታታልነት ዘሎም ስእልታት ብቕደም ተኸተል ዘቐመጥሉ ምኽንያታት ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

## ተግባር ዓሰረተ ኣርባዕተ ፦ ሓሳብ ብግቡእ መንገዲ ምግላፅን ምዝራብን

ዒላማ ፦ ክእለት ሓሳብካ ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ የማዕብሉ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ካሴት መዝሙር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

ሓሳብካ ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ ንኽማእብሉ፡-

- ህፃናት መዓልታዊ ህይወቶም ዘጋጥሞም ሓደሽቲ ነገራት መፂኦም ንመምህር እንትነጋገሩ መምህር ጠመተ ብምሃብ ኣስተውዒሎም ምድማፅ
- እንትውድኡ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ክምልሱ ብምግባር ህፃናት ኣስተውዒሎም ክእለት ምድማፅን ሓሳብ ብግቡእ መንገዲ ኣሕፅር ሓፂር ክርደኦ ብዝኽእል መልክዑ ምግላፅ ልምዲ ከማዕብሉ ምድጋፍ

ተፍትሽ ፡- ሓሳቦም ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ ፡- "መን ብዙሕ ቃላት ይፈልጥ?" ዝብል ፃወታ ምፅዋት**

ዒላማ ፡- "መን ብዙሕ ቃላት ይፈልጥ?" ፀወታ ብምፅዋት ምእካብ ቃላት የማዕብሉ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ብስእሊ ዝተደገፉ መፃሕፍቲ ዛንታ፣ ተኸታታልነት ዘለዎም ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

"መን ብዙሕ ቃላት ይፈልጥ?" ዝብሉ ፀወታ ቃላት ብዝስዕብ መንገዲ ምፅዋት፡-

- ኣብ መጀመርታ ኣብነት ብምሃብ ንቲ ፀወታ ክርድኡ ምግባር

**ንኣብነት** ፡- በ- በጊዕ፣ በ- በርበረ፣ በ- በሪ ወዘተ…

- ብምቕፃል ክልተ ፍቓደኛ ዝኾኑ ህፃናት ብምውፃእ ሓደ መራሒ ፊደል ብምዝራብ ንቲ ፀወታ ክፃወቱ ምግባር
- ሓደ ክጅምር ብምግባር ም ምጅማር
- ቃላት ምውፃእ ዘይከኣለ ህፃን ከምዝተስዓረ ብምቑፃር ምፅዋት
- ኣብቲ ፀወታ ኩሎም ህፃናት ክሳተፉ ብምግባር ምሽናፍ ብፀጋ ምቕባል ምልምማድ

**መዘከርታ:-** ቕድሚ ፀወታ ምፅዋቶም ሕጊ ምፍላጥ የድሊ፡፡ ንሳቶምውን፡-ሓደ ዘለዎ ደጊሞም ምዝራብ፣ መልሲ እንተይሃቡ ብዙሕ ምሕላውን ካብ ፀወታ ወፃኢ ዘለዉ ህፃናት ንቶም ተፃወቲ መልሲ ምዝራብ ከምዘይኽእሉ ምግላፅ እዮም፡፡

**ተፍትሽ ፡-** "*መን ብዙሕ ይፈልጥ?*" ዝብል ፀወተ ቃላት ብምፅዋትን ሕቶ ብምሕታትን እኩብ ቃላትምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሽዱሽተ ፡- ፀወታ ሕንሕንቅሊተይ ምፅዋት**

*ዒላማ ፡- ሕንቅሕንቅሊተይ ብምፅዋት ሓሳብ ብቃላት ክእለት ምግላፅ የማዕብሉ፡፡*

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- መፃሕፍቲ ሕንቅሕንሊተይ***

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- ከይዲ ኣተሓትታ ሕንቅሕንቅሊተይ ብምኽታዕ ንቶም ህናፃት ሕንቅሕቅሊተይ ምፅዋት
- እቶም ህፃናት መልሲ ብትኽክል ምስተዛረቡ ምትብባዕን እቲ መልሲ ንምታይ ከምዚ ክኾን ከምዝኽኣለ ብምሕታት ምምይያጥ

ንኣብነት፡- ሕንቅሕንቅሊተይ፡-

ሰናይ ቢተይ?

"ፀጉራ ሰንቲራ ናብ ዕዳጋ እትወፅእ ፍለጡለይ?"

መልሲ፡- ሱፍ

- እንተተኻኢሉ ሱፍ ብምርኣይ ፀጉራ ዝተሰንተረ ከምዝመስል ምዝራብን ዕዳጋ እትወፅእ ዝተብሃለት ሰብ ንምሻጥ ዕዳጋ ሒዞምዎ ስለዝኸዱ ምኳኑ ምዝራብ
- መልሲ እንተተሳሒቶም ባህላዊ ስርዓት ብምኽታል ኣድርረኒ /ኣድርርኒ/ ብማለት ብምሕታት እቶም ህፃናት በቲ ዝተዘረበ ሃገር መሰረት

--------ከይደ እንታይ ርእዩ ልኩም መሓዙተይ

- መልሱ ከምዚ እዩ ኢሎም ብምዝራብ ምፅዋት

ንሳቶምወን ዝፈልጥዎ ክሓቱ ዕድል ምሃብ

ተፍትሽ ፡- ሕንቅሕንቅሊተይ ብምዕዋት ባህላዊ ስርዓት ኣዘራርባ ብምኽታል መፃወቲኦም ሓሳብ ብቃላት ክእለት ምግላፅ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሽውዓተ ፡-** ኣብ መንጎ ነገራትን ተግባራትን ዘሎ ርክብ ምግላፅ

ዒላማ ፡-ኣብ መንጎ ነገራትን ተግባራት ዘለዉ ርክባት ምግላፅ ይለማመዱ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ስእልታት ተግባራት ሰባት ዘርኢ ፣ዝተፈላለዩ ኣቑሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ** ፡-

- ተመሳሰልቲ ኣቑሑ፣ ስእልታት ተግባር ሰባት ዘርኢ ምሃብ
- እንተዛምዱ ንምታይ ከምዚ ኣቢሎም ከምዘዛመዱ ምሕታት
- **ንኣብነት፡-** ኩባያን ብርጭቆን፣ መንበርን በርጬማን፣ ኣንስታይን ተባዕታይን፣ድሙን ከልብን፣ ገዛ ዘፅርን ክዳን ዝሓፅብን፣ ወዘተ…

ተፍትሽ ፡- ኣብ መንጎ ነገራትን ተግባራትን ዘሎ ርክብ ምግላፅ ምኽኣሎምን ምግምጋም፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 3. ብምንባብ ምሕጓስ፣ ፍልጠት ምርካብን ምርዳእን | 3.1.ቅርፂ ስእልታትን ፊደላትን ምርኣይን ምርዳእን ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ስእሊ ምንባብን  ምዝራብን**

ዒላማ  ፡- ንቶም ስእልታት ብምንባብ ዝረኣይዎን ዝተረደእዎን ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታ  ናውቲ መምሃሪ ምስተምሃሪ** ፡-  ዝፈላለዩ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ**  ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን ዝተፈላለየ ስእልታት ምሃብ
- ኣብቲ ስእሊዝረኣይዎም በብተራ እናተሰኡ ንመሓዙቶመብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር
- ሰባትን እንስሳትን ዝተፈላለዩ ተግባራት እናሰርሑ ዘርእዩ ስእልታት ኣብ ጠረጴዛ ምቕማጥ
- ህፃናት በብተራ እናተስኡ ሓደ ስእሊ ብምልዓል ኣብቲ ስእሊ እንታይ ከምዝረኣዩ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ  ፡- ንቶም ስእልታት ብምንባብ ዝረኣይዎን ዝተረደእዎን ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ  ፡- ምዝማድ ስእሊ**

ዒላማ  ፡- ተመሳሳለቲ ስእልታት የዘምዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ**  ፡-  ዝተፈላለዩ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ**  ፡-

- ንሕድሕድ ህፃን ዝተፈላላዩ ስእልታት ብምሃብ ነቲ ስእሊ ክርእዎ ምግባር
- ብምቕፃል መምህር ዕብይ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ ንቶም ህፃናት ምርኣይ

- ተመሳሳሊ ስእሊ ዝሓዙ ህፃናት ናብ ጎኒ መምህር መፂኦም ጠጠው ክብሉ ምግባር
- ብሓባር እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ :- ተመሳሰልቲ ስእልታት ምዝማድ ምኽኣሎ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ስልተ :-** ኣብ መንጎ ስእልታት ዘለዉ ኣፈላላያት ምርዳእን ምዝራብን

ዒላማ :- ኣብ መንጎ ስእልታት ዘለዉ ኣፈላላያት ተረዲኦም ይዛረቡ፡፡

***ሐበሬታ ነውቲ መምሃሪ ምስተምሃሪ*** :- ተመሳሳልቲ ዝኾኑ ነገር ግና ውሱን ኣፋላላይ ዘለዎም ስእልታት

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገር ግና ውሱን ኣፈላላይ ዘለዎም ስእልታት ንቶም ህፃናይ ኣብ ዝረአ ምችዊ ቦታ ምግባር
- ነቶም ስእልታት ክርእዎም ንምእንታይ ከምዝኾኑ ክዛረቡ ምግባር
- ኣብ መንጎ ስእልታት ዘለዉ ፍልልያት ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ንሕድሕዶም ተመሳሰልቲ ኮይኖም ውሱን ኣፈላላይ ምስ ዘለዎም ስእልታት ክልተ ብምሃብ ብግቡእ ክሪእዎ ምግባር
- ሕድሕድ ህፃን እናተሰአ ዝበፅሖ ስእሊ እንታይ ከምዝኾን ኣፈላላዩ እንታይ ከምዝኾነን ክዛረቡ ምብርትታዕ

**ንኣብነት** :- ክልተ ማዕረ ቑመት ዘለዎም ህፃናት ስእሊ ብምርኣይ ቖብዕ ገይሩ ዘሎ እቲ ሓደ ግና ኣገበረን ወዘተ...

ተፍትሽ :- ኣብ መንጎ ስእልታት ዘለዉ ኣፈላላያት ምርዳእን ምዝራብን ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፦ቅርፅን ስምን ፊደላት ምፍላይ**

ዒላማ ፦ ስምን ቅርፅን ምፍላይ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ካርድታት ፊደላት/ፍለሻት/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ብቕርፆም ሰለስተ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ካርድታት ፊደል ምምራፅ
- ህፃናት ነቶም ፊደላት ምፍለላጥ ከምዝደልዩ ብምምሳል መፀውዒ ስሞምን ቕርፆምን ንቶም ህፃናት ብዝርዳእ ምፍላጥ
- ‹‹መን እዩ መን እዩ;›› ዝብል መዝሙር ብምዝማር ሕድሕድ ፊደል ናይ ባዕሉ ዝኾነ መፀወዒ ስም ከምዘለዎ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ምፍላይ ቕርፂ ፊደላትን ስምን ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፦ ብምድህሳስ ስምን ቕርፅን ፊደላት ምፍላይ**

ዒላማ ፦ ብምድህሳስ ስምን ቕርጽን ፊደላት ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ግርፊ ሑፃ ፍለሽ ፊደል /ካብ ብርጭቆ ወረቐት ዝተሰርሐ ፊደል/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ግርፊ ሑፃ ፍለሽ ፊደል /ካብ ብርጭቆ ወረቐት ዝተሰርሐ ፊደል/ ብምጥቃም እቶም ህፃናት ክድህስስዎን ስሞም ክፅውዑን ምግባር
- ዳህሲሶም ዝፈለጥዎም ፊደላት ኣብ ኣየር ክፅሕፍዎም ምግባር
- ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝባን መሓዙቶም ብኣፃብዕቲ ሓባሪቶ ብምፅሓፍ እቲ ፊደል

*መን ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር ቕርፅን ድምፅን እቲ የፊደሉን ክፈልዩ ምብርትታዕ*

*ተፍትሽ :- ቅርፅን ድምፅን ፊደላት ብምድህሳስ ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡*

**ተግባር ሽዱሽተ :-** *ብዛንታ ስምን ቅርፅን ፊደላት ምፍላይ*

*ዒላማ :- ብዛንታ ቕርፅን ድምፅን ፊደላት ይፈልዩ፡፡*

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** *:- ኣብ ካርድታት ፊደል፣ ስምን ቕርፅን ፊደላት ዝተመርኮዘ ሓፀርቲ ነበረያ ነበረ/መፅሓፍ ዛንተ/*

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*** *:-*

- *ካርድታት ፊደል ብምጥቃም ነቲ ዛንታ ብምንጋር ፊደላትን በደንብ ክፈልዩ ምርዳእ*

*ንኣብነት:- ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ ንእሽቶይ መንደር ውሽጢ እትርከብ "በ" እትበሃል በዓል ክልተ እግሪ ፊደል ነበረት፡፡ እዛ ፊደል ከም ባዕላ ክልተ እግሪ ዘለዋን ሓቢርዋ ዝፃወት ፊደላት ብዘይምንባረን ብሕታዊት ነበረት፡፡ ሓደ መዓልቲ ንምታይ ንኣይ ዝመስል ሓቢራናኒ ዝፃወት መሓዙተ ዘይእልሽ ኢላ ካብ ገዝኣ ወፂኣ ናብ ካሊእ መንደር ጉዕዞ ጀመረት፡፡ ኣብ መንገዲ እናሃለወት ብርሕቐት ኣብ ሓደ ዓብዪ እግሪ ኦም ንዓኣ ዝመስል ፊደል ስለዝርኣየት እናጕየየት ከደት፡፡ ካብኡ እታ ንዓኣ ትመስል ፊደል መን ከምትብሃልን ካበይ ከምዝመፅእትን ብዝርዝር ተዛረበታ፡፡ ንሱዉን "ሰ" ከም ትበሃል ምስተዛረበታ ን"በ" ኣተኲሩ እናረኣያታ ብጣዕሚ ዝገርም እዩ ኣነን ንስኽን ብጣዕሚ ኢና ንመሳሳል፤ ኣነ ካባኺ ዝፍለዮ ኣብ ርእሰይ ጭንጉዕቲ ስለዘለኒ ጥራሕ እዩ፡፡ በታ፡፡ ቀፂሉ ሓፍቲ ከምዘላታ ተዘረበታ እሞ ዓው ኢሉ "ሸ" "ሸ" ንሓፍታ ፀወዐታ፡፡ "ሸ" እዉን ካብ ትፃወተሉ ዝነበረ ቦታ ብምምፃእ ምስ "በ" ተላለየት፡፡ "በ" እውን "ሸ" ንስኽን ሓፍትኽን ብጣዕሚ ኢኺን ትመሳሰላ፤ ካብ ሓፍትኺ ትፍለይሉ ንስኺ ኣብ ርእስኺ ጭንጉዕቲ/ሪቫን ስለ ዘለኪ ጥራሕ እዩ፡፡ "በ" ን "ሸ" ጭንጉዕትኺ ደስ ስለዝበለኒ*

***መዘከርታ:-*** *ትሕዝቶ ገፃባህርያት ዛንታ /እቶም ፊደላት/ ድምፅን ቅርፅን ብምጥማት ብስእሊ ምድጋፍ የድሊ፡፡ ከምኡውን ንህፃናት ኣብ ፊደላት ስምን ቅርፅን ዝደለይዎ ሓፂር ዛንታ ኣብ ዝዳለወሉ ግዜ ገፃ ባህርያት ባዕሎም እቶም ፊደላት ምኳን ኣለዎም፡፡*

በይዛኺ ጭንጉዕትኺ ሃብኒ ኣነውን ኣብ ርእሰይ ክገብሮ በለታ፡፡ "ሽ" እዉን ብጣዕሚ ሓዚና ናተይ ጭንጉዕተይ ካብ ርእሰይ ክወፅእ ኣይኽእልን በለታ፡፡ ካብኡ"በ"፣ "ሰ" ን "ሽ"ን ብሓባር ሕብሕቢኢተይ፣ ሌባን ፖሊስን ድሕሪ ምፅዋተን ኣጋ ምሸት "በ" ካሊእ መዓልቲ ሓቢርና ክንፃወት ኢና ኢላ ናብ ገዝኣ ተመለሰት፡፡

ተፍትሽ ፡- ብዛንታ ቅርፅን ስምን ፊደላት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሽውዓተ** ፡- ኣብ ሕንቅሕንቅሊተይ ድምፅዒቕርፅን ፊደላት ምፍላይ

ዒላማ ፡- ብሕንቅሕንቅሊተይ ድምፅን ቕርፅን ፊደላት ይፈልዩ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ካርድታት ፊደላት መፅሓፍ ሕንቅሕንቅሊተይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ሕንቅሕንቅሊተይ ብምሕታት ቕርፅን ድምፅን ፊደላት ክፈልዩ ምግባር

ንኣብነት ፡- ሕንቅሕንቅሊተይ?

ሰናይ ቢተይ?

ኣነ ካብ ዘርእታት ፊደላት ሓደ እዩ፣ ክልተ እግሪ ኣለኒ፣ኣፈይ ዝተደፍአ ብርጭቆ እመስል፣ኣነ መን እዩ? ወዘተ…

ተፍትሽ ፡- ኣብ ሕንቅሕንቅሊተይ ምፍላይ ቕርን ድምፅን ፊደላት ምኽኣሎም ምግምጋመ፡፡

**ተግባር ሸሞንተ ፡- ብፀወታ ቕርፅን ድምፅን ፊደላት ምፍላይን ምዝራብን**

ዒላማ ፡-ብፀወታ ቕርፅን ድምፅን ፊደላትይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ማናውቲ መምሃሪ ምስተምሃሪ** ፡- 5X5 ሳ.ሜትር ካርድታት ፊደል፣ 15X17 ሳ. ሜትር ካርድታት ፊደል

**ሓበሬታ ሜላ አተገባብራ** ፡-

- ኣብ ዝረአ ምችዊ ቦታ ብምኳን ዝተፋለጥዎም ፊደላት ብምርኣይ መፀዊ ስም እቶም ፊደላት ክዛረቡ ምግባር
- ብምቕፃል እቶም ህፃናት ኣዒንተም ክዕመቱ ምግባር
- ህፃናት ኣዒንቶም ምስተዓመቱ ሓዲኡ ፊደል ምሕባእን ዝተዓመቱ ኣዕኒ ክቕለዑን ዝተሓብአ ፊደል ክእልሹን መን ከመዝኾነ ክዛረቡን ብምግባር ‹‹ዝጎደለ ፊደል ፊደል ፍለጡለይ›› ፀወታ ክፃወቱ ምግባር ‹‹ክትወፅእ እያ፣ ክትወፅእ እያ››ዝብል ፀወታ በዚ መልክዕ ምፅዋት፡-
- መምህር ንኩሎም ህፃናት ኣናእሸቶይ ዝተፃሓፉ ፊደላት ምሃብ
- ብምቕፃል መምህር ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ብምባል ዓበዪ ፊላሸ ፊደል ሓቢኡ ምሓዝ
- ብምቕፃል ‹‹ክትወፅእ እያ፣ ክትወፅእ እያዉ››ብማላት ሓንተ ንቶም ህፃናት ምርኣይ
- መምህር ዝሓዝዎ ዓይነት ፊደል ዝሓዙ ህፃናት ክመፅኡ ምግባር
- መፀዊ ስም ፊደላት ክፅውዑ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ብፀወታ ቕርፀን ድምፅን የፊደላት ምፍላይ ምክኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ትሽዓንተ ፡- ብግድል ቕርፅን ድምፅን ፈደላት ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ግድል ፈደል ብምግጥጣም ድምፅን ቕርፅን ፈደላት ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ግድል ፈደል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ኣብ ኣርባዕተ ቦታ ዝቐረፀ ግድል ፈደል ብምርኣይ ከመይ ከምዝገጣጠም ምርኣይ
- ክልተ ወይ ሰለስተ ህፃናት ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ኢሎም ግድል ፈደል ክገጣጥሙን ዝገጠምዎ ፈደል መን ከምዘኾነ ክዛረቡን ምንቕቓሕ
- ትኽክል ምኻኑ ዘምኻኑን ንደቂ ክፍሎም ክረጋገፁሎ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ግድል ፈደል ብምግጥጣም ቕርፅን ድምፅን ፈደላትምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ፡-**ምንባብ ፈደላት

ዒላማ ፡- ፈደላት ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ካብ ፀጋም ናብ የማን ነብቡ፡፡

ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ግድል ፈደል

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

ዝተፋለጥዎም ፈደላት ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ካብ ፀጋም ናብ የማን ምፅሓፍ

ህፃናት ብሓባር ብሪጋ ከንብቡ ምግባር

ተፍትሽ :- ፊደላት ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ካብ ፀጋም ናብ የማን ክእለት ምንበብ ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሓደ :- ምፅዋት ዶሚኖስ ፊደላት

ዒላማ :- ብምፅዋትዶሚኖስ ቕርፅን ድምፅን ፊደላት ምፍላይ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :-ዶሚኖስ ፊደላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ህፃናት ክርደኦም ብዘኽእል መልክዑ ኣፀዋውታን ከይድን ሕጊ ዶሚኖ ምግላፅ
- ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ ፊደላት ዶሚኖሳት ብምሃብ ክልተ ብምኳን ኣብ ጠረጴዛ ክፃወቱ ምግባር

ንኣብነት፡-

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| በ | ከ | ሰ | ለ | ከ | ሽ | ለ | ኸ | ሽ | በ | ኸ | ሰ |

እናተፃወቱ ከለው እናተዛወሩ ብርኣይ ኣድለዩ ድጋፍ ምሃብ

ተፍትሽ :- ነቲ ሕጊ ብምኽታል ብምፅዋት ቕርፅን ድምፅን ፊደላት ምፍላይ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ ፦ ተመሳሰልቲ ፊደላት ምዝማድን ምዝራብን**

**ዒላማ ፦ ተመሳሰልቲ ፊደላት ብምዝማድ ቕርፅን ድምፅን ፊደላት ምፍላይ ይለማመዱ፡፡**

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ሎቶ ፊደላት**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

**ንኣብነት ፦**

| | | |
|---|---|---|
| ኸ | ለ | ሸ |
| በ | ሰ | ከ |

ለ ሸ ከ

በ ኸ ሰ

- ብፅምዲ ዘለዉ ዝተፋለጥዎም ፊደላት ንቶም ህፃናት ኣብ በብጠረጴዛኦም ምሃብ
- ብቕርፆም ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ፊደላት ከዛምዱ ምግባር

**ተፍትሽ ፦ ተመሳሰልቲ ፊደላት ብምዝማድድምፅን ቕርፅን ፊደላት ምፍላይ ምልምማዶም ምክትታለ፡፡**

**ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ ፦ ስእልታትን የፊደላት ስም ምዝራብ**

**ዒላማ ፦ ስእልታትን ትፊደላትን ስም ይዛቡ፡፡**

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃ መስተምሃሪ ፦ ስእልታተ፣ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ካብ ፀጋም ናብ የማን ዝተፈላጥዎም ፊደላት ዝተፅሓፈሎም ወረቓቕቲ**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ህፃናት ነቶም ስእልታት ካብ ላዕሊ ንታሕቲን ካብ ፀጋም ናብ የማን

ዝተፋለጥዎም ፊደላት ዝተፅሓፍሎም ወረቓቕቲ ንሕድሕዶም ምሃብ

- ህፃናት እናተስኡ ነቶም ስእልታት /ፊደላት/ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ካብ ፀጋብ ናብ የማን ብመፀወዒ ስሞም ክንብቡዎም ምብርትታዕ

ተፍትሽ :- ስእልታትን ፊደላትን ስሞም ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ፡- ፊደላት ገጣጢሞ ምንበብ**

ዒላማ :- ፊደላት ገጣጥሞ ምንበብ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ካርድታት ፊደላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ዝተፋለጥዎም ፊደላት ዝሓዙ ፍላሽ ካርድታት ብምጥቃም ጎኒ ንጎኒ ብምቕማጥ ነቶም ፊደላት ብምቑፃር ምንባብ ክለማመዱ ምብርትታዕ
- ትርጉም ዘንበብዎ ቃል ብምፍላጥ ክዛረቡ ምግባር
- ድሕሪ መልሲ ህፃናት ምስ ኣዳመፁ ትርጉም ዘንበብዎ ቃል ምዝራብ

ተፍትሽ :- ፊደላት ገጣጢሞም ምንበብ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ :- ቃላት ኣንቢብካ ምርዳእ**

ዒላማ :- ቃላት ምንባብ ትርጉሞም ምርዳእ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ ምስተምሃሪ** :-ብዝተፋለጥዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ካርድታት ቃላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- እቶም ካርድታት ብምጥቃም ሕድሕድ ፊደል ምስ መምህር ጋር ሓቢሮም እናቖፀሩ ምንባብ ክለማመዱ ምግባር
- ምፍላጥ ትርጉም ቃላት

ተፍትሽ ፡- ቃላት ምንበብን ትርጉሞም ምርዳእን ምልምማዶም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሽዱሽተ ፡-** ተመሳሰልቲ ቃላት ምዝማድ

ዒላማ ፡- ተመሳሰልቲ ቃላት ብምዝማድ ቃላት ምንባብን ትርጉሞም ምርዳእን ይለማመዱ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ብዝተፋለጥዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ካርድታት ቃላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ነቶም ካርድታት ንሕድሕድ ህፃን ብምሃብ ንማንም ከየርኣዩ ከንብብዎ ምግባር
- ቐፂሎም ኣብ ዓብዩ ወረቐት ዝተፅሓፉ ቃላት በብተራ ምርኣይ
- ነዚ ቃል ዝረኣየ/ት ህፃን ጎኒ መምህር ጠጠው ክብሉ ምግባር
- ነቲ ቃል ብሓባር ከንብብዎ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ተመሳሰልቲ ቃላት ብምዝማድ ቃላት ምንባብን ትርጉሞም ምርዳእንዳት ምልምማዶም ምክትታል፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሸሞንተ ፡- መፀወዒ ስም ፊደላት ምፍላይ

ዒላማ ፡-ፀወታት ቃላት ብምፅዋት ቃላትምንባብን ትርጉሞም ምርዳእን ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ብዝተፋለጥዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ዶሚኖስ ቃላትን ሎቶ ቃላትን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ብዝተፋለጥዎም ፊደላት ዝተመስረቱ ዶሚኖስ ቃላት ሎቶ ቃላት ንህፃናት ምሃብ

እናተፃወቱ ምንባብ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ

ንኣብነት፡-

| ሰበሰበ | ከሰለ | ሸሸ |
|---|---|---|
| ከለለ | ሸበሸበ | ለበሰ |

| | | |
|---|---|---|
| ከለለ | ሸሸ | ሸበሸበ |
| ለበሰ | ሰ□ሰበ | ከሰለ |

ተፍትሽ ፡- ፀወታት ቃላት እንትፃወቱ ክእለት ምንባብ ቃላትምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሸውዓተ ፡- ፀወታ ቃላት ምፅዋት

ዒላማ ፡- መፀወዒ ስም ፊደላት ይፍልዩ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ መምሃሪ** ፡- ዝቖራረፁ ወረቓቕቲ፣ ደብተር፣ ፋይል፣ መትሓዚ ምሳሕ ወዘተ...

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ኣብ ውልቀ ንብረቶም ብወረቐት ስሞም ኣፀቢ'ኻ ምፅሓፍ

ንኣብነት፡- ኣብ ስእሊ ደብተሮም፣ ፋይሎም፣ መትሓዚ ምሳሖም ወዘተ...

- ስም ፊደላት ኣስተውዒሎም ክርእዎ ምግባር
- ሕድሕድ ድምፂ ፊደል ስምን ከምዝሓዙ ብምንጋር ስሞም ዝተፅሓፈሎም ፊደላት ክፈልዩ ምግባር

> **መዘከርታ :-** እዚ ተግባር ብሓደ ክ/ግዘ ተሰሪሑ ዝውዳእ ዘይኮነስ ብተተደጋጋሚ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ኩሉ ስሞ ፊደላት ምንባብ የድሊ።

ተፍትሸ :- መፀወዒ ስም ፊደላት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ትሽዓንተ :-** ስም'ኻ ምፍላይ

ዒላማ :- ስሞም ካብ ካልኦት ስማት ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ናውተ መምሃሪ መምስትሃሪ፡-** ስማት ደቂ ክፍሎም ዝተፅሓፈሎም ካርድታት/ወረቓ'ቅቲ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ስሞም ብደንቢ ምስፈለዩ እዞም ካርድታት/ወረቓቓቲ/ ንቶም ህፃናት ምሃብ
- ስሞም ክእልሹን እንትረኽብዎ ብሕብሪ ከኽብብዎ ምግባር

ተፍትሽ :- ናይ ባዕሎም ስም ካብ ካልኦት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዒስራ፡-** ናይ ባዕሎም ስም ፊደላት ካብ ካልኦት ምፍላይን ምዝራብን

ዒላማ :- ናይ ባዕሎም ስም ፊደላት ካብ ካልኦት ስማት ይፈልዩ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ካብ ስም ህፃናት ሓደ ፊደል ብምቕናስ ካልኦት ፊደላት ብታሕቲ ኣረሓሒቕካ ዝተፅሓፎም ወረቓቕቲ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ** :-

- ካብ ስም ህፃናት ሓደ ፊደል ምቕናስ ካልኦት ፊደላት ብታሕቲ ኣረሓሒቕካ ዝተፅሓፎም ወረቓቕቲ ንሕድሕዶም ምሃብ
- ዝተቐነሰ ፊደል ኣሊሾም ክኽብዎ ምግባር

ተፍትሽ :- ናይ ባዕሎም ስም ፊደላት ካብ ካልኦት ስማት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዒስራን ሓደን :-** ዝተጀመሩ ስእልታት ምዝዛም


ዒላማ :- ዝተጀመሩ ስእልታት ተረዲኦም ይዛዝሙ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ተጀሚሮም ዘይተዛዘሙ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ** :-

- ዘይተዛዘሙ ብምሃብ ባዕላቶም ክዛዝምዎም ምግባር
- ዝዛዘምዎም ንመሓዙቶም ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑ ክዛረቡ ምግባርን ምብርትታዕን

**ንኣብነት፡-**



ተፍትሽ ፡-ክይተዛዘሙ ዝተረፉ ስእልታት ተረዲኦም ምዝዛም ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዲስራን ክልተን ፡-** ኣታሕዛን ኣገላልፃን መፅሓፍ

ዒላማ ፡- ኣታሕዛን ኣላልፃን መፅሓፍ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ስእሊ / ዛንታ/ መፃሕፍቲ፣ መፅሄታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- መፅሓፍ ብፀጋማይ ኢድ ብምሓዝ ብየማናይ ኢድ ብታሕቲ ጠርዚ/ጫፍ ብምሓዝ ናብ ፀገም ከመይ ምግላፅ ከምዝዝከኣል ብምርኣይ ምዝራብ
- እቶም ህፃናት እናተሰኡ ኣተሕዛን ኣገላልፃን ክልማመዱ ምግባር
- ንህፃናት ዝተፈላለዩ ስእልታት ዘለዎም መፅሄታትን መፃሕፍትን ብምሃብ ኣተሕዛን ኣገላልፃን መፅሓፍ ክለማመዱ ምግባር
- መፃሕፍቲ ብርሑስ ኢድ እንተሒዝናዮም ምግብን ማይ እንተነጢብዎም ክበላሸዉ ከምዝኽእሉ ብተግባር ብምርኣይ ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ኣተሕዛን ኣገላልፃን መፅሓፍ ምልምማዶን ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዒስራን ሰለስተን :- ዝተበላሸዉ መፃሕፍቲ ምዕራይ**

ዒላማ :- ዝተገንፀሉን ዝተቐዳደዱን መፃሕፍቲ ምፅጋን ይለማመዱ

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ካብ መፃሕፍቲ ዝተፅሓፈ ደብዳበ፣ ፖስታ፣ ዝተገነፃፀሉን ዝተቐዳደዱን ስእሊ ህፃናት፣ መፃፍቲ ዛንታ፣ ንምፅጋን ዝሕግዙ መሳርሒታት(ፕላስተር፣ ክላሰራት፣ መቐስ ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ህፃናት ብፍትዋት ካብ ውሽጢ ዝኾኑ ስእልን መፅሓፍ ዛንታን ሓዲኦም ንህፃናት ደብዳበ ከምዝተልኣኸሎም ምዝራብን እቲ ደብዳበ ድማ ካብ ውሽጢ ፖስታ ኣውፅኦም ምንባብ
- እቶም መፃሕፍቲ ብምግንፃሎምን ብምቅድዳዶምን ምኽንያት ከምዝተጎድኡን ንቶም መፃሕፈቲ ምጥጋን ዝሕግዙ መሳርሒታት ሓቢሮም ከምዝተልኣኹ ብምዝራብ ኣውፅኦም ምርኣይ
- እቶም ህፃናት ንቶም መፃሕፍቲ ንምፅጋን ፍቓደኛ ምዃኖም ምሕታት
- ካብኡ ዝተቐዳደዱን ዝተገነፃፀሉ መፃሕፍት ምስ ህፃናት ሓቢሮም ምፅጋንን ምሽፋንን
- ኣብ መወዳእታ መፃሕፍቲ ፅገና ተገይርሎም ድሕሪ ምስትኽኻሎም ንቶም ህፃናት ከምዘመስገንዎም ምዝራብ
- ንሳቶም ኮነ ካልኦት ህፃናትን ዓበይቲ ሰባትን ብግቡእ ምሕዝዎም ሓደራ ኢሎም ብምዝራብ ምጥቕላል

ተፍትሽ :- ዝተበላሸዉ መፃሕፍቲ ምፅጋን ምልምማዶም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብ ብቕዓት |
|---|---|
| 4. ብምምዕባል ቅንጅታዊ ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድን ንፅሓፍ ምድላው | እተፈላለዩ ስራሕቲ ንምስራሕ ኢዶም ዓይኖም ምጥቃም ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ምፍትሕ ፍሬማት ጫማ ፣ ምዕፃው፣ ምእሳርን ምፍታሕን ምልምማድ ምዝራብ**

ዒላማ ፡- ባዕሎም ኪኢሎም ክዳኖምን ጫማኦም ምፍታሕ ፍሬማት ፣ ምዕፃው፣ ምእሳረን ምፍታሕን ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ መምሃሪ** ፡- ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኣቑሑ ፕላስቲክ፣ማይ፣ ሑፃ ዝመሳሰሉ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ፍሬማት ክዳን ጫማን ብምጥቃም ከመይ ምኽፋት፣ ምዕፃው፣ምእሳርን ምፍታሕን ክምዝከኣል ምርኣይ
- እቶም ህፃናት ባዕሎም ኪኢሎም ምፍታሕን ምቑላፍን፣ ዚፕ ምዕፃውን ምኽፋትን፣ ምፍታሕን ምእሳርን ጫማ ክለማመዱ ምግባር
- ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ባዕሎም ኪኢሎም ቁልፊ ክዳኖም ምኽፋትን ምቑላፍን፣ ምእሳርን ምፍታሕን ጫማ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ

**መዘከርታ** ፡- ንወለዶምን ንመዕበይቶምን ብምዝራብ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዕድል ክወሃቦምን ክለማመዱን ምግባር፡፡

ተፍትሽ ፡- ፍሬማት ክዳንን ጣማን ምኽፋት፣ ምዕፃው፣ ምእሳርን ምፍታሕን ምልምማድ ምኽኣሎም ስራሕቲ እንተሰርሖ ብምዓብ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ምጭምዳድ ወረቓቕ፣ ምጥዋይ፣ ምትልታል ምቁርራፅ**

ዒላማ ፡- ምጭምዳድ ወረቓቕቲ፣ ምጥዋይ፣ ምትልታልን ምቁርራፅን ይኽእሉ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ዝተፋላለየ ግልጋሎት ዝህቡ ሕብራዊ ወረቓቕቲ፣ መፃሕፈቲ፣ ጋዜጣታት ወዘተ...

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*** :-

ንዞም ህፃናት በብጠረጴዛኦም ምቕማጥ

- መምህር/ት ዝሰርሕዎ ብምርኣይ ንእኦም ዝተውቦምን ወረቐት ክቐድዎ፣ ክጠውይዎ፣ክጨማድድዎ፣ ክትልትልዎን ክቖራርፅዎን ምግባር
- ሕድሕድ ስራሕ እንትሰርሑ መምህር ሀዚ ኩሉኹም ከማይ ነቲ ወረቐት ቅደድዎ ብማለት እንታይ ትገብሩ ኣለኹም ኢሎም ብምሕታት ቃል ምስ ተግባር ምዝማድ
- ኣብ መወዳእታ ኩሎም ህፃናት ዝተቖራረፁ ወረቓቕቲ ብምእካብ ናብ ጓሓፍ መአከቢ ክጉሕፍዎም ምግባር
- ብምቕፃል ኣእዳዎም ብማይ ክሕፀቡ ምግባር

ተፍትሽ :- ወረቓቕቲ ምጥምዛዝ፣ ምቕዳድ፣ ምትልታለን ምቑርራፅን ብምርኣይ ምግምጋመ፡፡

**ተግባር ሰለስተ :- ምፍላይ ምብሪታት**

ዒላማ :- ኣቕሑ ብሕብርታት ይፈልዩ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ዝተፋለለየ ሕብሪ ዘለዎም ኣቑሓ /መፃወቲታት/

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*** :-

ነዞም ህፃናት በብጠረጴዛኦም ምቕማጥ

- ብሕብሮም ክምድቡ ምግባር
- ኣቑሑ /መፃወቲታት/ ንምታይ ብሓደ ክምድምብዎም ከምዝኸኣሉ ብምዝራብ ክገልፁ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ኣቑሑ ብሕብሮም ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ብሽብዲ ኢድ ምሕታም**

ዕላማ ፡- ብሽብዲ ኢዶም ይሕትሙ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃ መስተምሃሪ** ፡- ወረቐት፣ ሕብራዊ ማይ፣ ድንኾ፣ ካሮት፣ ወዘተ…

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ሕብራዊ ማይ ብምጥቃምም ብሽብዲ ኢዶም ከመይ ምሕታም ከምዝኽእሉ ምርኣይ
- ንቶም ህፃናት ወረቐት ብምሃብ ሽብዲ ኢዶም ብዝመረፅዎ ሕብራዊ ማይ ኣብ ወረቐት ክሕትሙ ምግባር
- ብዝሓተምዎ ወረቐት እግሪ ስሞምን ዕለትን ምፃሓፍ እንትነቅፅ ኣብ ግድግዳ ክፍሊ ምልጣፍ
- ንቶም ህፃናት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብምዝውዋር ስሞም ዝተፅሓፈሉን ዕለትን ወረቐት ብምንባብ ናይ ባዕሎም ስራሕ ክፈልዩ ምግባር

**መዘከርታ ፡-** ኣብ ካልእ ክፍለ ግዘ ንዚ ስራሕ ሕትመት ድንሽን ካሮትን ዝተፈላለዩ ቅርፃቕርፀታት ብምጥቃም ምልምማድ ይኽእሉ፡፡

ተፍትሽ ፡- ኣእዳዎም እንትሕትሙ ብምክትታል ቅንጅታዊ ምንቅስቓስ ዓይንን ኢድንን ምምዕባሉ ምግምጋም፡፡

## ተግባር ሓሙሽተ ፦ ምፍላይ ቅርፅታት

ዒላማ ፦ቅርፂ ኣቑሑ ይፈልዩ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ (ሰለስተ ጎኒ፣ ኣርባዕተ ጎኒ፣ክቢ)ን ዝተፈላለዩ ኣቑሑ(ኩባያ/ጣሳ፣ ደብተር፣ መትሓዚ ምሳሕ፣ ቦርሳ ወዘተ...)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ቅርፅታት ጂኦሜትርን ዝተፋላዩ ኣቑሑን በብጠረጴዛኦም ብምሃብ በብቕርፆም ክምድቡ ምግባር
- እንትምድቡ እናዞሩ ብምርኣይ ምብርትታዕን ኣድላዪ ደገፍ ምሃብን

መዲቦም እንትዛዝሙ ንመምህር ክርእዩን ንምታይ ከምዚ ክምድቡ ከምዝኽኣሉን ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ኣቑሑ የምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ሽዱሽተ ፦ ሕብርታት፣ ቅርፅታትን መጠንን ምፍላይ

ዒላማ ፦ ዝተፈላለዩ ነገራት ብሕብሮም፤ ብቅርፆምን መጠኖምን ይፈልዩ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ብሕብሮም ቅርፅታት ወይ ብቑሞቶም ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ዝተፈላለዩ መጠን ዘለዎም ገመዳት (ቑርፅራፅ እንፀይቲ)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- እቶም ኣቑሑ ንህፃናት ምሃብ
- ብሕብሮምን ቅርፃምን ወይ ብቑመቶም ክምድቡ ምግባር

- ንቶም ገመዳት ብምሃብ ብመሰረት ቑመቶም ክምድቡ ምግባር
- ከመይ ክምድቡ ከምዝኽእሉ ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ብሕብሮም ብቅርፃምን ብመጠኖምን ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸመንት ፡-** ውሽጣዊ ክፍሊ ፊደላት ምምላእ

ዒላማ ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ብምጥቃም ስእልታት ምምላእ ይሰርሑ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ዘርእታት እኽሊ፣ ክንቲት፣ ጡጥ፣ ወዘተ.. ኣብ ረጕድ ክላሰር ዝተስኣሉ ህፃናት ብዝፈልጥዎም ነገራት፡-ኩዕሶ፣ ገዛ፣ደርሆ ወዘተ…

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንቶም ህፃናት ኣብ ዝረአ ምቹዊ ቦታ ብምቕማጥ ዕብይ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊ ውሽጢ ክፍሉ ኮላ ብምልካይን ዝተፈላለዩ ዘርእታት እኽሊ፣ ክንቲት፣ጡጥ፣ ዝመሳሰሉ ብጥቃም ብምምላእ ምርኣይ
- ንቶም ህፃናት ቕልል ዝበሉ ስእልታት ብምሃብ ብመሰረት ዝረኣይዎ ክሰርሑ ምግባር
- እናሰርሑ እናተዘዋወሩ ብምርኣይ ምብርትታዕን ዘድሊ ደገፍ ምሃብን

ተፍትሽ ፡- ንቶም ስእልታትን ዝተፋላለዩ ነገራትን ብምምላእ ምስራሖም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፡-** ኣብ ዝተፈላለዩ ነገራት ንቶም ስእልታት ምምላእ /ሲድ ኮላጅ

ዒላማ ፡- ካብ ውሽጢ ክፍሊ መስመር ካይወፅኡ ፊደላት ብዝፈላለዩ ነገራት ምምላእ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ኮላ መጠበቒ /ኮላ/፣ ሕብራዊ ቑርፅራፅ ቀረቓቕቲ፣ዝዕብይ ዕብይ ኢሎም ኣብ ወረቐት ዝተፅሓፍ ዝተፋለጥዎም ፊደላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ህፃናት ዝፈልጥዎ ዕብይ ኢሉ ብድርብ ዝተፅሓሉ ፊደል ውሽጣዊ ክፍሉ ብመጣበቒ /ኮላ/ ዝተሓበፀ ብዝተፈላለዩ ቁርፅራት ወረቓቕቲ ብምምላእ ምርኣይን ኣየናይ ፊደል ከምዝኾነየ ምሕታት
- ንሕድሕድ ህፃን ቅድሚ ሀዚ ዝተፋለጦም ብድርብ ዝተፅሓፈ ሓደ ፊደል ምሃብን ብመሰረት ዝረኣይዎ ካብ መስመር ከውፅኡ ክፅሕፉ ምግባር
- ስራሖም እንትዛዝሙ በብተራ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩን ኣየናይ ፊደል ከምዝኾነ ክዛቡ ዕድል ምሃብ

ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ኣብ ዝረአ ምችዊ ቦታ ምልጣፍ

ተፍትሽ :- ውሽጣዊ ክግሊ እቶም ፊደላት ብዝተፈላለዩ ቁርፅራፅ ወረቓቕቲ ካብ መስመር ከይወፅኡ ምምላእ ምልምማዶም ምክትታልተል፡፡

**ተግባር ትሸዓተ** :- ምስራሕ መሰረታዊ ቅርፅታት

ዒላማ :- መሰረታዊ ቅርፅታት ምስራሕ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ፍረታት ኦም፣ዕንፀይቲ ክርበት፣ ቆርኪታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ዕንፀይቲ ክርቢት ብጥቃም ህፃናት ዝተፋለጥዎም ቅርፅታት /ፊደላት/ በብጠረጴዛኦም ብምኻድ ከመይ ከምዝሰርሕዎ ምርኣይ
- ንቶም ህፃናት እቲ ዕድል ብምሃብ ክላማመዱ ምግባር
- ዝሰርሕዎ እንታይ ምዃኑ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- መሰረታዊ ቅርፅታት ብምስራሕ ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ፡- ንስእልታት ሕብሪ ምልካይ**

ዒላማ፡- ካብ መስመር ከይወፅኡ ሕብሪ ዝተለላለዩ ስእልታት ብምልካይ ንምፅሑፍ ይዳለዉ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ***፡- ስእልታት ፣ብሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣገባብራ ፡-**

- ንህፃናት ዕብይ ኢሉ ዝተስኣለ ስእሊን ካብመስመር ከይወፅኡ ከመይ ብሕብራዊ እርሳስ ምልካይ ከምዝኽእሉ ምርኣይ
- ስእልታት ንሕድሕዶም ብምሃብ ክለኽዩ ምግባር
- ናይ መን ስእሊ ከምዝኾነን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝለኸይዎ ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ናይ ባዕሎም ስራሕ ምስ መሓዙቶም ከነፃፅርዎ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ዝተፋላለዩ ስእልታት ካብ መስመር ከይ ወፅኡ ሕብሪ ብምልካይ ንምፅሓፍ ምድላዎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓደ ፡- ስእሊ ምስኣልን ሕብሪ ምልካይን**

ዒላማ ፡- ዝተፈፋላዩ ስእልታት ብምስኣል ሕብሪ ይቐብኡ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ወረቐት ብምትዕፅፃፍ ዝተዳለወ ንእሽቶይ ምፅሓፍ፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ወረቐት ብምትዕፅፃፍ ዝተዳለወ ምፅሓፍ ንሕድሕዶም ብምሃብ ዝደለየሉ ነገር ክሰርሑ ምግባር
- ብምቕፃል ዝሰኣልዎ ስእሊ ዝደለይዎ ሕብሪ ክቐብኡ ምግባር
- ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝሰኣሉ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝቐብኡ ንመሓዙቶም ክዛረቡ ምግባር፡፡

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ስእልታት ምስኣልን ሕብሪ ምቕባኦም ብምርኣይ መገምገም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ ፡-** ነቲ ዛንታ ብምርዳእ ብስእል ምግላፅ

ዒላማ ፡- ነቲ ዛንታ ብምርዳእ ብስእሊ ምግላፅ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- እርሳስ፣ ወረቐት፣ ሕብራዊ እርሳሳት /ሕብርታት/፣ መፅሓፍ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንቶም ህፃናት ዝምጥን ሓፂር ተንንፎ፣ዛንታ ምዝራብ
- ብምቕፃል እቶም ህፃናት እንታይ ከምዘሐጎሶምን ከምዘይሐጎሶምን ብምሕታት ምምይያጥ
- ቀፂሎም ንሕድሕድ ህፃን እርሳስ፣ ወረቐትን ሕብራቂ እርሳሳት /ሕብርታት/ ብምሃብ ካብ ውሽጢ ዝስምዕዎ ታሪኽ ዘሐጎሶም፣ዘሕዘኖም ወዘተ… እክስእሉን ሕብሪ ዝቐብእ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ነቲ ዛንታ ተረዲኦም ብስእሊ ምግላፅ ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምጥላፍ

ዒላማ ፡-ብድርብ ዝተፅሓፉ ፊደላት ሕብራዊ ይቐብኡ ከምኡውን ስሞም ይዛረቡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-**

ዕብይ ዕብይ ኢሎም ብድርብ ዝተፅሓፉ ፊደላት፣ ሕብራዊ እርሳስ /ሕብሪ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ዕብይ ዕብይ ኢሎም ዝተፅሓፉ ፊደላት ንህፃናት ብምሃብ ካብ መስመር ከይወፅኡ ምቕራብ ምግባር
- ዝቐብእዎ ፊደል መፀውዒ ስምን ዝቐብእዎ ዓይነት ሕብሪ እንታይ ምዃኑ ወፂኦም ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ክዛረቡ ምግባር
- ስራሖም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ኣብ ዝረአ ምችዊ ዝኾነ ቦታ ስሞም ብምፅሓፍ ምልጣፍ

ተፍትሽ ፡- ብድርብ ዝተፅሓፉ ፊዳላት ምቕባእ ሕብርታት ስሞም ምዝራብ ምኽኣሎም ብምርኣይን ብምድማፅን ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰር ሰለስተ ፡- ፊደላት ሕብሪ ምቕባእን ስሞም ምዝራብን

ዒላማ ፡- ዱልዱል መርእን ፈተልን ብምጥቃም ምጥላፍ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ፈትሊ፣ ዱልዱል መርእ፣ ረጕድ ክላሰራት ተሳኢሉ ሓላሓሊፉ ብዱልዱል መርእ ዝተስኣሉ ቕርፅታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ-**

- ረጕድ ክላሰራት ተሳኢሉ ሓላሓሊፉ ብዱልዱል መርእ ዝተስኣሉ ዝተፈላለዩ ዕርፃቅታት ፈትሊ ሱፍ ብምጥቃም ከመይ ከምዝልጠ ምርኣይ
- ንሕድሕዶም ኣብ ክላሰር ዝተስኣለ ስእሊ፣ዱልዱል መርእን ፈትሊ ሱፍን ብምሃብ ብመሰረት ዝረኣይዎ ክለማመዱ ምግባር
- ስራሖም እንትዛዘሙ እንታይ ከምሰርሑ ብምሕታት ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ :- ዱልዱል መርእን ብምጥቃም ብቐዳዳ መርእን ፈትልን ብምእታውን ብምውፃእ ምጥላፍ ምልምማድ ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ :- ምድማኽ ቅርፅታት**

ዒላማ :- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ መስመር ሓለዮም የድምቑ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** እርሳስ፣ ብነጠብጣብ ዘተሰርሑ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ሓደ ዘይደመቐ ቅርፂ ጂኦሜትሪ መስመር ሓልዩ ከመይ ምድማኽ ከምዝኻኣል ንህፃናት ምርኣይ
- ንሕድሕዶም ክለተ ወይ ሰለስተ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ከየድምቑ ዝተሰርሑ ወረቐት እርሳስ ብምሃብ ዝርኣይዎ መሰረት ቅርፅታት መስመር ሓሊዮም ከድምቑ ምግባር
- እትሰርሑ ዘድምቕዎ ቅርፂ ምዝራብ ምብርትታዕ

ዝተሰርሑ ንምርኣይ ኣብ ምችዊ ቦታ ምልጣፍ

ተፍትሽ :- ቅርፅታት መስመር ሓለዮም ምድቃምኝ ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸዱሸተ ፡- ምድማቕ ስእልታት**

ዒላማ ፡- ስመስመር ሓሊዮም ስእልታት የድምቑ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- እርሳስ፣ በነጠብጣብ ዝተሰርሐ ዕብይ ዝበሉ ስእልታት (ገዛ፣ መኪና፣ ዕምበባ፣ ዝመሳሰሉ)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ዝተፋላለዩ ድሙቕ ዘይተስኣሉ ስእልታት ንህፃናት ብምሃብ መስመር ሓልዮም ምድማቕ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ
- ዝሰርሕዎ ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ወፂኦም ክርእዩን እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር
- ኣብቲ ቀረ቞ት እግሪ ስሞምን ዕለትን ብምፅሓፍ ንምርኣይ ምችዊ ዝኾነ ቦታ ምልጣፍ

ተፍትሽ ፡- ስእልታት መስመር ሓለዮም ምድማቆም ብምርኣይ ምግምጋም

**ተግባር ዓሰርተ ሸውዓተ ፡- መሰረታዊ መስመራት ምስራሕን ምዝራብን**

ዒላማ ፡- መሰረታዊ መስመራት ምስራሕ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ወረቓቕቲ፣ እርሳስ፣ ኣብ ዓበዪ ወረቐት ዝተስርሐ መሰረታዊ መስመራት (ትኹል፣ ጋድ፣ ሰያፍ፣ ልዋይ፣ ስብርባር ፣ነጠብጣብ፣ ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- መሰረታዊ መስመራት ኣብ ኣየር እናሰኣሉ ንህፃናት ምርኣይ
- ኣብ ኣየር ዝረኣይዎ ብምስኣል ክለማመዱ ምግባር
- ኣብ ዝተውሃቦም ወረቐት መሰረታዊ መስመራ ክሰርሑ ምግባር

- መሰረታዊ መስመራት ብምግጥጣም ዝተፈላለዩ ስእልታት ከመይ ከምዝስእሉ ምርኣይን ምልምማድን

**ንኣብነት**፡- መንገዲ፣ መሰላል፣ መስቀል፣ ፀሓይ፣ ዝናብ፣ ወዘተ…

ተፍትሽ ፡- መሰረታዊ መስመራት ምስራሕ ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰረተ ሸሞንተ ፡- ነጠብጣብ ፊደላት ምድማቕ**

ዒላማ ፡- ነጠብጣብ ፊደላት ብምማቕ ፊደላት ምፅሓፍን ስሞም ምዝራብን ይለማመዱ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ***፡- እርሳስ፣ ብዕብይ ዕብይ ኢሎም ብነጠብጣብ ዝተፅሓፉ ዝተፋለጥዎም ፊደላት

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ***፡-

- ቅድሚ ሀዚ ዝተፋለጥዎም ብነጠብጣብ ዝተሰርሑ ፊደላት ንሕድሕድ ህፃናት ብምሃብ ነቲ ነጠብጣብ ተኸቲሎም ከድምቑ ምግባር
- ድሕሪ እዚ ኣብ ቅድሚ መሓዙቶም ወፂኦም ነቲ ፊደል እናርኣዩ "መን እዩ መን እዩ? ፣ፍለጡኒ ህፃናት" ኢሎም ብምዝማራ ንደቂ ክፍሎም ንኸሓትዎም ምግባር

ተፍትሽ ፡- ነጠብጣብ ፊደላት ብምድማቕ ፊደላትን ምፅሓፍን ስሞም ምዝራብ ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ትሽዓተ ፡- ፊደላት ብሕብሪ ምፅሓፍ**

ዒላማ ፡- ፊደላት ብሕብራዊ ምፅሓፍ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ**፡- ሕብራዊ ሓይን ወረቐት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ንህፃናቱ ኣብ ዝረአ ምችዊ ቦታ ብምዃን ሕብራዊ ማይ ብምጥቃም ሓባሪ ኣፃባዕቲ ናብ ውሽጢ ሕብሪ እናጠምዑ ዝትፋለጥወም ቅርፅታት ፊደላት ብምፅሓፍ ምርኣይ
- ንቶም ህፃናት በብጠረጴዛኦም ሕብራዊ ማይ ብምሃብ ብዝረኣይዎ መሰረት ካብ ዝፈልጥዎም ፊደላት ደስ ዝህቦም ምፅሓፍ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ
- ብምቕፃል መምህር ዝነገርዎም ፊደላት ክፅሕፉን ዕሒፎም እንትውድኡን ሕብሪ ብዘይጠዓመ ኢዶም ገይሮም ክርእዩ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ፊደላት ብሕብሪ ምፅሓፍ ምልምማድ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዒስራ ፡- ምፅሓፍ ፊደላት**

ዒላማ ፡- ምፅሓፍ ፊደላት ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- እርሳስ፣ ኣብ ወረቐት ዝተሰርሑ ዝተፈላጥዎም ቅርፅታትን ፊደላትን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ**፡-

- ዝተፋለጡዎም ኣብ ወረቐት ዝተፅሓፉ ፊደላት ንሕድሕድ ህፃን ምሃብ
- ኣብ እግሪ ኣምሲሎም ክሰርሑን ክፅሕፉ ዕድል ምሃብ
- እናሰርሑ ክለዉ እናዞሩ ብምርኣይ ምብርትታዕን ዘድሊ ደገፍ ምሃብን
- ኣብ መወዳእታ እንታይ ፊደል ከምዝፀሓፉ ብምሕታት ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፡- ፊደላት ምፅሓፍ ምልምማዶም ምርግጋፅ፡፡

## 2.3.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልክታት

ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ----------------------------------------------------------

ስም ህፃን ---------------------------------------- ዕድመ ------------- ፆታ --------

ስም መምህር----------------------------------------- ዓመት ምህረት -------------

ትዕዝብቲ ብዛዕባ እቲ ህፃን ዝከታተል ደረጃ ብደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ እቲ ትዕዝብቲ ኣብ ዝብል እግሪ ይምዝገቡ

ደረጃታታት፡-

1/ ምምሕያሽ ዘድልዮም-------------------------------------------------------------

2/ ዝተረኸበ ትፅቢት ዝግበረሎ ብቕዓት------------------------------------------------

3/ ካብ ትፅቢት ዝግበረሉ ንላዕሊ ዝተረኸበ---------------------------------------------

መተሓሳሰቢ ፡- ሰደቓ ክትትል ኣብ ዓመት መጀመሪታ፣ኣብ ፍርቂ ዓመትንእመወዳእታ ዓመትን ክምላእ ይግበኦ፡፡

| መብፅሒ/ሽቶ | ትዕዝብቲ | | |
|---|---|---|---|
| | ኣብ መጀመር ታ ዓመት | ኣብ ፍርቂ ዓመት | ኣብ መወዳእ ታ ዓመት |
| 1. መረዳእታት ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ምላሽ ምሃብ | | | |
| ንትእዛዝን መምርሕን ምላሽ ምሃብ ይኽእሉ | | | |
| ኣንፈት ድምፅታት ምምልካትን ምንጪ ድምፂ ምፍላይን ይኽእሉ | | | |
| ዝሰምዕዎ ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| ዛንታት ብምድማፅ ዝተረደእዎ ምግላፅን መልሲ ይዛረቡ | | | |
| 2. ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ዓርሲ ምትእማምነ ብግቡእን ትርጉምን ክህቡ ብዘኽእል ምዝርራብ ቋንቋ ምልክት ምርድድኣ | | | |
| 2.1. ባዕሉን ከባብን ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ ምኽኣል | | | |
| 3. ብምንባብ ታሕጓስን ፍልጠት ምርካብን ምርዳእ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3.1. ስእልታትን ቅርፅታት ፊደላትን ምፍላይን  ምርዳእን ይኽእሉ | | | |
| 4. ቅንጅታዊ  ምንቅስቓስን ዓይንን ኢ.ድን ብምምዕባል ንምፅሓፍ ምድላው | | | |
| 4.1. ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንምስራሕን ኢ.ድን እግርን ምጥቃም ይኽእሉ | | | |

# 2.4 ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓስ ኣምር ሒሳብ ምጥቃምን ምግባጥን

## 2.4.1 መብርሂ

ሒሳብ ብቐጥታ ኣብ መዓልታዊ ተሞክሮ ብምምስራት ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ርክብ ንምሕጋዝ ዝጥቀም እንትኸውን ኣብ ኩሉ ህይወት ተሞኩሮ ይርከቡ፡፡ ህፃናት ኣብ መዓልታዊ ተጓንፎኦም ምስ ሒሳብ ዝተራኸቡ እዮ፡፡ ህፃናት ሂሳባዊ ኣምር ሓሳባት ክርድኡ ወይ ሓሳባዊ ኣተሓሳስባ (Mathemetical Thinking) ከማዕብሉ ኣብ ኣቑሑ ዝማዕበለ ከባቢ የድልዮም ብተወሳኺ ኣቑሑ እናተተቐሙ ብዓቕሞም ክንቀሳቐሱን ከባቢኦም እናፈተሹ ክመሃሩ ኩነታት ምምችቻው የድሊ፡፡ እዙይ እንተኾይኑ ህፃናት ባዕሎም ኪኢሎም በብደረጃኦም ምሕሳብ ዝከእል ፀገም ምፍታሕ ድሌት ዘለዎምን ትምህርቲ ሒሳብ ብምዝንጋዕን ብምሕጓስን ዘምሃሩ ክኾኑ ይግባእ፡፡

ኣምር ሓሳባት ሒሳብ ቀስ ብቐስ እናማዕበሉ ምስ ካልኦት መዓልታዊ ምንቅስቓስ ዝተኣሳሰሩ እንትኾኑ ብዙሕን ውሑን ዓበይተን ኣናእሽቶይን ኣቑሑ ምፍላይ ዝጀመርዎ ኣምር ሓሳብ ሒሳብ ቀስ ብቐስ ቁፅርታት ናብ ምፍላይን ምስላሕን እናዓበየ /እናመዕበለ/ ይኸይድ፡፡ ስለዝኾነ ትምህርቲ ሒሳብ ኣእምሮ ህፃናት ዘማዕብልን ብደስታ ዝሳተፍሉ ክኸውን ተግባረዊ ምንቅስቓስን ምስ መዓልታዊ ስራሕ ተኣሳሲሩ ተተሊሙ፣ ምስ ዕድመን ክእለትን ተጠዓዒመ ክስራሕ ይግብኦ፡፡

## 2.4.2 ሓፈሻዊ ዒላማ

1. ተመሳሳልነትን ፍልልይን ኣቑሑን ቅርፅታትን ቅደም ተኸተል ብምሕላው ምርኣይ ክኽእሉ ምግባር

2. ካብ 1-20 ኣቑሑን ነገራትን ምቑፃርን ዓይነታት ገንዘብን ምስሎምን ምፍላይ ክኽእሉ ምግባርግ

3. ኣብ መንጎ ቦታን መጠንን ዘለዉ ፍልልይ፣ ኣብ መንጎ ሰሙናዊ መዓልትታትን ኣዋርሕን ፍሉይ መዓልትታትን ምዝራብ ክኽእሉ ምግባር

4. ሰባት፣ ኣቑሑ፣ ከባብን መሰረት ብምግባር ቦታን ርሕቐትን ምግላፅ ክኽእሉ ምግባር

## 2.4.3 ትፅቢት ዝግበረሎም ተደለይቲ ብቕዓታት

1. ባህርያት ኣቑሑ ምፍታሽን ምርድኣን ምፍላይን

1.1 ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ቅርፅታትን ዘለዉ ተመሳሳልነት ልዩነትን ምውፃእ ይኽእሉ

2. ብመሰረት ባህርያት ነገራት ምውድዳር

2.1.ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድና ብቕደም ተኸተል ብምሕታት ምርኣይ ይኽእሉ

3. ምፍላጥ ቁፅርታት፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦምን ምርዳእን ብቐሊሉ ብምስላሕን ምስራሕን

3.1. ኣቑሑን ነገራትን ካብ 1-20 ምቑፃር ይኽእሉ

4.ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ዝኾኑ መሳርሒ መለከዒ መስፈርትታት ምጥቃም

4.1.ኣብ መንጎ ቦታን መጠንን ዘለዉ ፍልልይ ምጥቃም ይኽእሉ

5. ኣምር ሓሳብ ግዝ ምርዳእን መግላፅታት ምጥቃምን

5.1.መዓልትታት ሰሙን ኣዋርሕን ፍሉይ በዓል /ልዩ/ ዕለታትን ምዝራብ ይኽእሉ

6.ኣምር የቦታን  ሓሳብን ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃም

6.1 ሰባት፣ኣቑሑ ከባቢ መሰረት ብምግባር ቦታን ርሕቐትን ምግላፅ ይኽእሉ

7. ምስ ገንዘብ ምፍላጥ፣ ምፍላይ፣ ምግላፅን ምጥቃም

7.1 ዓይነታት ገንዘብን ስእልታት ምፍላይ ይኽእሉ

2.4.4  ትፅቢት ዝግበረሎም ተደላይቲ ውፅኢታትንብቕዓታትን ሓበሬታ መምሃሪ ምስተምሃሪታት ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢታት | ብቕዓት |
|---|---|
| ባህርያት ኣቑሑ ምፍታሽ፣ ምርዳእን ምፍላይን | ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣቑሑትን ቕርፅታት ዘለዉ ተመሳሰልነትን ፍልልይ ምውፃእ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ኣንድ :- ምዝማድ ኣቑሑ**

ዒላማ :- ዕምዲ ዝኾኑ ኣቑሑ የዛምዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ**:- ኩዕሶታት፣ፀፀራት፣ፍራምረ፣ ቆርኪታት፣ ከቢብ ዕንቂ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ፅምዲ ዝኾኑኣቑሑ ምቕራብ

**ንኣብነት፡-** ኩዕሶታት፣ፀፀራት፣ፍራምረ፣ ቆርኪታት፣ ከቢብ ዕንቑ

- ፅምዲ ካብ ዝኾኑ ንቲ ሓደ ኣውፂካ ምርኣይ
- ኣብ ቅድሚኦም ካብ ዝቐረቡ ውሽጢ ፅምዲ ነገራት ፈልዮም ብምውፃእ ብሓደ ከቐምጥምዎም ምግባር
- ኣብ ሓደ ዘቐመጥዎም ብምንታይ ከምዝመሳሰሉ ምሕታትን ክዛረቡ ምግባርን ምብርትታዕ



ተፍትሽ ፡- ፅምዲ ዝኾኑ ባህርያት ኣቑሑ ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-**ኣቑሑ ብመጠን ምዝማድ

ዒላማ ፡- ብመጠን ዝመሳሳሉ ኣቑሑ የዛመዱ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ኩዕሶታት፣ፀፀራት፣ ፍረምረ፣ ቆርኪታት፣ከቢ.ዕንቑ ወዘተ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተፈላለየ ሕብሪ ዝተለኸዩ ብመጠን ዝመሳሰሉን ዝፈላለዩ ኣቑሑ ኣብ መምህር ጠረጴዛ ምቕራብ
- ካብ በብዓይነቱ ሓደሓደ ኣብ ህፃናት ጠረጴዛ  ምድርዳር
- ኣብ ቅድሚኦም ካብ ዘለዉ ሓደ ኣቕሓ ብምሓዝ ናብ ጠረጴዛ መምህር  በብተራ

ወዒኦም ተመሳሳሊ ብምምስሳል ክምድቡ ምግባር

- ኣዛሚዶም እንትዛዝሙ ኣብ ጠረጴዛኦም ዝቐረዩ ብምታይ ከም ዝፍለዩ ብምሕታት ተመሳሳልነትን ፍልልይን ምንፃር ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ዝመሳሰሉን ዝፈላለዩን ኣቑሑ ብመጠን ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡- ምፍላ ኣቑሑን ቅርፅን**

ዒላማ ፡- ንኣቑሑ ብቅርፂ ብምድርዳር ፍልልዮም ይግንዘቡ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** - ካብ ችፑውድ ዝተዳለዉ ስሉስ ኩርናዕ፣ ትርብዒት፣ኣርባዕተ ጎኒ፣ ክቢ፣ ሞላል ቅርፅታት፣ ኣብ ፃዕዳ በትሪ ወረቐት ዝተስኣሉ ቕርፅታት

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- ካብ ችፑውድ ዝተዳለዉ ክቢ፣ሰለስተ ጎኑ፣ ፣ኣርባዕተ ጎኒ፣ቅርፅታት ብፅምዲ ምዕዳል
- ሕድሕዱ እናልዓሉ እንታይ ከምዝመስልን ከምዝበሃል ምዝራብ
- ብተመሳሳሊ ደሪቦም ከቐምጡን ከወዳድሩን ምግባር
- ኣብ ዓብዪ ፃዕዳ ወረቐት ዝተስኣሉ ቅርፅታት ኣብ ቅድሚኦም ብምዝርጋሕ ካብ ችፑውድ ምስ ዝተዳለዉ ቅርፅታት ተሳሳልቲ ቅርፅታት ክድርቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ኣቑሑ ብቕርፂ ብምድርዳር ፍልልዮም ምምዝጋብን ምክትታልን፡፡


**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ተመሳሳልቲ ቅርፅታት ምዝማድ**

ዒላማ ፡- ተመሳሳለቲ ቕርፅታት የዛምዱ::

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ሎቶ ቅርፅታት**

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ሎቶ ተመሳሳሊ ቅርፅታት ምቕራብ
- ፀወታ ምዝማድ ክፃወቱ ምግባር



ተፍትሽ ፡- ተመሳሳሊ ቅርፅታት ምዝማድ ምኽኣሎም ምግምጋም።

**ተግባር ሓሙሽተ፡- ቅርፅታት ብስም ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ዝተፈላለየ ጎኒ ዘለዎም ቅርፅታት ብስም ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ**፡- ሰለስተ ጐኒ፣ትርብዒት፣ ኣርባዕተ ጎኒ፣ክቢ፣ ሞላል ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተተላለየ ሕብራዊ ወረቐት ዝተቖረፁ ክቢ፣ ሰለስተ ጎኒ ፣ኣርባዕተ ጎኒ፣ትርብዒት፣ ሞላል ስእልታት በብጠረጴዛኦም ምቕማጥ
- መምህር ንኽቢ ኣልዒሎም እንተርእዩ ህፃንት ዝመሳሰሉ ብኢዶም ንላዕልን ሓፍ

ክብሉን ክርእዩን ምግባር

- እንታይ ከምዝበሃል ብምሕታት ክቢ ምኻኑ ምርዳእ
- ብኣእዳዎም ነቲ ዙርያ ክቢ ክድህስሱ ዳህሲስካ ምርኣይ
- ክቢ ዝመሳሰሉ ነገራት እንታይ ከምዝፈልጡ ምሕታትን ምምይያጥ
- ስሉስ ኩርናዕ ኣልዒሎም ምርኣይ
- ኣብ ቅድሚኦም ካብዘለዉ መሪያም ብምውፃእ ክርእዩ ምግባር
- እንታይ ከምዝበሃል ምሕታትን ስሙ ብምዝራብንደጋጊሞም ክዛረቡ ምግባር
- ነቶም ጎኒታት ብሓባር ብኢድ ክቖፅሩ ምግባር
- ኣርባዕተ ጎኒ በዚ መልክዕ ክፈልዩ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት እናዳህሰሱ ነቶም ጎኒታት ብምቑፃር ብስም ምፍላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሽዱሽተ ፡-** ትርብዒታትን ኣርባዕተ ጎኒ ቅርፂ ምርዳእ

ዒላማ ፡- ኣብ መንጎ ትርብዒትን ኣርባዕተ ኩርናዕ ቅርፂ ዘለዉ ፍልልይ የረድኡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-** ትርብዒትን ካልኦት ኣርባዕ ጎኒ ሎጂካዊ ብሎካት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ትርብዒትን ካልኦት ኣርባዕተ ጎኒ ሎጂካዊ ብሎካት ምሃብ
- ኣብ ቅድሚኦም ክርኡ ብዝኽእሉ መንገዲ ብመስመር በብተራ ምልካዕ ምኽኣል
- ትርብዒት እንትልካዕ  ኣርባዕተ ጎኑ እኹል ምኻኖም ከስተውዕሉ ምግባር
- ካልኦት ኣርባዕተ ጎኒ ምልካዕን ፍልልይ ክግንዘቡ ምግባር

*ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ኣብ መንጎ ትርብዒትን ኣርባዕተ ጎኒ ቅርፅን ዘለዉ ፍልልያ ምርዳኦም ምርግጋፅ፡፡*

**ተግባር ሸውዓተ ፡-** ክብን ሞላል ቅርፅን ምፍላይ

*ዒላማ ፡- ባህር ክብን ሞላል ቅርፅን ይፈልዩ፡፡*

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-*** *ክብን ሞላል ቅርፅን*

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- ክብን ሞላልን ፍልልይ ክግንዘቡ ንምግባር ብትኽክል ዝተዳለወ ክብን ሞላልን ምንክብላል
- ክቢ ብዘኾነ አንፈት ከምዝንከባለል ሞላል ግና ብሓደ ኣንፈት ከምዝንከባለል ብሓደ ኣንፈት ከምዝኾነ ከስተውዕሉ ምግባር
- ብተግባር ኣንከባልሎም ፍልልዩ ክርድኡ ምግባር

*ተፍትሽ ፡- ክብን ሞላል ቅርፅን ልፍልልይ ምርዳኦም ምግምጋም፡፡*

**ተግባር ሸሞንተ ፡-** ነጠብጣብ ብምድማቅ ቅርፅታት ምፍላይ

*ዒላማ ፡- ነጠብጣብ ብምድማኞ ስም እቲ ቅርፅን ዓይነት ሕብርን ይፈልዩ፡፡*

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ፡-*** *ሕብራዊ እርሳን፣ ወረቐት*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ስሉስ ኩርናዕ፣ ኣርባዕተ ጎኒ፣ ክብን ሞላል ቅርፅታትን ብነጠብጣብ ኣብ ሓደ ወረቐት ሰሪሕካ ምሃብ
- ከድምቑን ሕብሪ ክለኽዩን ምግባር
- ስም እቲ ቅርፅን ዓይነት ሕብርን ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ሕቶታት ብምሕታት ብነጠብጣብ ዘድመቕዎ ስም ቅርፅን ዓይነት ሕብርን ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ትሸዓንተ ፡-ምስኣል ቅርፂ**

ዕላማ ፡- ቅርፅታት ብምስኣል ስም እቲ ቅርፅን ዓይነት ሕብሩ ይፈልዩ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ***፡- እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣ ወረቐት

**ሓበሬታ ሜላ ኣገባብራ፡-**

- ንሕድሕዶም እርሳስን ወረቐትን ምሃብ
- ካብ ውሽጢ ዝተፋለጥዎም ቅርፅታት ሓደ ቅርፂ ክሰርሑ ምዝራብ
- ዝተሓተትዎ ቅርፂ ሰሪሖም እንትዛዝሙ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ዝሰኣልዎ ቅርፂ እንታይ ከምዝኾነ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝለኸይዎ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ቅርፅታት ብስእሊ ብምስራሕ ስም እቲ ቅርፅን ዓይት ሕብሪ ምፍላይ ምኽኣሎም ምልምማድ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ፡-** ውሽጣዊ ክፍሊ እቶም ስእልታት ብዝተፈላለዩ ነገራት ምምላእ

ዕላማ ፡-ውሽጣዊ ክፍሊ እቶም ስእልታት ብዝተፈላለዩ ነገራት ምምላእ ይመልኡ፡፡

***ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*:-** ሰለስተ ጎኒ፣ ትርብዒት፣ ኣርባዕተ ጎኒ፣ ክቢ፣ ዝተቖራረፁ ኣናእሽቶይ ቑርፅራፅ ወረቐት፣ ኮላ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት/ሻሓነ፣ ኣግዳሚ መንበር፣ ሳንዱቕ፣ ኩዕሶ ወዘተ…/ ዝተስኣሉ ወረቐት ብክቢ፣ብሰለስተ ጎኒን ኣርባዕተ ጎኒን ብምድላው ምዕዳል
- ኣእሽቶይ ቑርፅራፃት ወረቐት ምሃብ
- ውሽጣዊ እቲ ስእሊ ኮላ ምልካይን ብዝተቖራረፁ ኣናእሽቶይ ቑርፅራፅ ወረቐት ከመይ ነቲ ቅርፅታት ከምዝመልኡ ምርኣይን ክመልኡ ምግባርን
- ዝተሰርሑ ብምድማቕ እንታይ ቅርፂ ከምዝሰርሑ ብምጥቃም ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፡- ውሽጣዊ ክፍሊ እቶም ስእልታት ብዝተፈላለዩ ነገራት ምምላእ ብምርኣይ ብምድማፅን ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓደ ፡- ዝጎደለ ክፍሊ ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ዝጎደለ ክፍሊ እቲ ርእስን ብምርኣይን ብምፍላይን ይዛረቡ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ዝጎደለ ክፍሊ ዘለዎም ስእልታት ምርኣይ
- ዝጎደለ ክፍሊ ምዝራብ
- ስም እቲ ስእልን ፀወታን ምዝራብ ብመልክዕ ውድድር ምፅዋት

ተፍትሽ ፡- ዝጎደሉ ውሽጣዊ እቲ ስእሊ ብምርኣይ ምዝራብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ክልተ፡- ሞዴል ቅርፅታት ምስራሕ

ዒላማ ፡- ሞዴል ብምስራሕ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ጭቃ/ዝቦኽዐ ወረቐት/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ውሽጢ መምሃሪ ክፍልታት እንታይ እንታይ ዓይነታት ቅርፅታት ከምዘለዉ ክዛረቡ ምግባር
- ሞዴለ ቅርፅታት ካብ ጭቃ ወይ ዝቦኽዐ ወረቐት ብምስራሕ ምርኣይን እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባርን
- ንባዕሎም ደስ ዝበሎም ነገር ክሰርሑ ዕድል ምሃብ
- ዝሰርሕዎ እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምብርትታዕ
- እንትዛዝሙ ኣብ ወረቐት ስሞም ብምፅሓፍ ኣብቲ ወረቐት ዝተሰርሑ ብምቕማጥ ከድንቒ ምግባር

**መዘከርታ፡-** ኣብ ዝተፋላለየ ክፍለ ግዘ ዝተፈላለዩ ሞዴላት ክሰርሑ ምግባር የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- ሞዴል ቅርፅታት ብምስራሕ ቅርፅታት ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ፡- ንቅርፅታት ሕብሪ ምልካይ

ዒላማ ፡- ንቅርፅታት ሕብሪ ምልካይ ይኽእሉ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ሕብራዊ እርሳስ፣ ወረቐት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ኣቐዲሞም ዝተፋለጥዎም ኣብ ወረቐት ዝተስኣሉ ቅርፅታት ምሃብ
- ነቶም ቅርፅታት ካብ መስመር ከይወፃ እኹም ክለኽዩ ምግባር
- ዝተለኽዩ ቅርፅታት ብስሞም ክፈልዩን ክዛረቡን ምግባርን ምብርትታዕን

ተፍትሽ :- ንቅርፅታት ሕብሪ ምልካዮምን ብስሞም ምፍላይ ምኽኣሎምንሕቶ ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ** : **ቅርፅታት ኣብ ወረቐት ኣደጊፍካ ምስኣል**

ዒላማ :- ንቅርፅታት ወረቐት ደጊፍካ ምስኣል ይለማመዱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- እርሳስ፣ ወረቐት፣ ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ፣ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ፡-**

- ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ኣብ ወረቐት ብምዕባይ ነቲ ቅርፂ ምስኣል
- እቶም ብመሰረት ህፃናት ዝረኣይዎ ቅርፅታት ክሰርሑን እንትዛዝሙ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ኣብ መወዳእታ ውፅኢታት ስራሕ ኣብ ትሕቲ ስሞም ብምፅሓፍ ኣብ ዝረአ ቦታ ምልጣፍ

ተፍትሽ :- ቅርፅታት ወረቐት ደጊፎም ምስኣል ምልምማዶ ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ :- ምፍላይ ናውትታትን ቅርፅታትን

ዒላማ :- ኣብ መንጎ ቅርፅታት ዝተፋላለዩ ኣቑሑ ዘለዎም ተመሳሳልነትን ፍልልይ ምውፃእ ይኽእሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኣቑሑ (ኩዕሶታት፣ ፀፀራት፣ ፍረምረ፣ ቆርኪታት፣ ክቢ ዕንቒ)፣ሰላስተ ጎኒ፣ ትርብዒት፣ ኣርባዕተ ጎኒ፣ ክቢ፣ ሞላል፣ ከረጢት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ኣብ ውሽጢ ከረጢት ንቶ ኣቑሑ ምእታው
- ስሉስ ኩርናዕ፣ ትርብዒት፣ ኣርባዕተ ጎኒ፣ ክቢ፣ ሞላል ቅርፅታት ንህፃናት ምዕዳል
- ፀወታ"ቅርፂ ሓብሩ" ከምዝስዕብ ምፅዋት
- ኩሎም ህፃናት ናብ መምህር ከምዝስዕብ ምግባር
- ከረጢት ብምርኣይ ኣብ ውሽጢ እቲ ከረጢት ዘሎ እንታይ ይመስላኩም ኢልካ ምሕታት
- ቀስ ኢሉ ኣብ ውሽጢ ከረጢት ሓደ ኣቕሓ ምውፃእን ምርኣይን
- ኣብ ቅድሚኦም ካብ ዘለዉ ቅርፅታት ተመሳሳሊን ዘውፀኦን ነቲ ቅርፂ ልዕል ኣቢልካ ቀዲሙ ዘፀረየ ክጭብጨበሉ ብምግባር ምብርትታዕ

ተፍትሽ :- ኣብ መንጎ ኣቑሑን ቅርፅታትን ዘለዉ ተመሳሳልነትን ፍልልይን ብምምስሳል ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

## ተግባር ዓሰርተ ሽዱሽተ :- ቅርፅታትን ኣብ ውሽጢ ቦርድ ቅርፂ ምእታው

ዒላማ :- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ኣብ ውሽጢ ቦርድ ቅርፅ ብግቡእ ቦታኦም ይከታሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ሰለስተ ጎኒ፣ ትርብዒት፣ ኣርባዕተ ጎኒ፣ ክቢ፣ ሞላል ቅርፅታት፣ ቦርድ ቅርፅታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተፈላለዩ መጠን ዘለዎም ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ዝሓዘ ቦርድ ብምጥቃም ብትኽክለኛ ቦታ ቅርታት ከመይ ምእታው ከምዝከኣል ምርኣይ
- ንቶም ህፃናት ዝተፈላለየ መጠንን ቅርፅን ዘለዎም ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብምሃብ በብተራ እናተሰኡ ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ክእትዉ ብምግባር ምፅዋት
- ነቶም ቅርፅታት ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ምእታውን ዝይምኽታቶምን መሓዙቶም ከረጋግፁ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ቅርፅታት ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ምእታው ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሽውዓቶ ፡- ምምዳብ ኣቑሑ**

ዒላማ ፡- ንኣቑሑ ብቅርፂ፣ ብመጠንን ብሕብርን ብምፍላይ ይመድቡ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ዝተፈለየ ሕብሪ፣ መጠንን ቅርፅን ዘለዎም ኣቑሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ዝተፈላለየ ሕብሪ፣ መጠንን ቅርፅን ዘለዎም ኣቑሑ ብምቕራብ ብቅርፅ፣ ብሕብርን ብመጠንን ብምምዳብ ሰሪሕካ ምርኣይ
- ንቶም ህፃናት በብጠረጴዛኦም ብምሃብ ብመጠኖም ብቅርፆምን ክምድቡ ምብርትታዕ
- እንትዛዝሙ ከመይ ኣብ ሓደ ክምድብዎም ከምዝኽኣሉ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ

ተፍትሽ ፡- ብኣቑሑ ብቅርፅን፣ ብመጠንን ብሕብርን ምፍለይን ምምዳብ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰር ሸሞንተ ፡- ፐዝላት ምግጥጣም**

ዒላማ ፡- ፐዝላት ብምግጥጣም ነገራት ብቅርፂ፣ብመጠንን ብሕብርን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ቅርፂ ፐዝላት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ህፃናት ኣብ ዝርእይሉ ምችዊ ቦታ ብምኺን ኣብ ኣርባዕተ ቦታ ዝተቆራረፁ ዕንፀይትታት ብምግጥጣም ስእሊ ብምስራሕ ምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር
- ንቶም ህፃናት ሰለስተን ኣርባዕ ቦታ ዝተቆራረፁ ዕንፀይቲታት ብምሃብ ገጣጢሞም ዝረኸብዎ ቅርፂ ንመሓዙቶም ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፡- ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ትሽዓንተ ፡-ቅርፅታት በብዓይነቶም ምምዳብ**

ዒላማ ፡- ቅርፅታት ብሕብሪ፣ብቅርፂ፣ ብመጠን ይምድቡ፡፡

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- 64 ሎጂካዊ ብሎካት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበራ** ፡-

- 64 ሎጂካዊ ብሎካት በታቲንካ ንህፃናት ምሃብ
- ብሕብሪ፣ቅርፂ፣ ብመጠን ክምድቡ ምግባር

- እንትዛዝሙ ዝተበታት ከመይ ከምኡ ክምድቡ ከምዘኽኣሉ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ቅርፅታት ብሕብሪ፣ ብቅርፂ፣ብመጠን ምምዳብ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዒስራ ፦ ምፍጣር እኩብ**

ዒላማ ፦ዝቑፀሩ ነገራት ብዓይነት ብምፍላይ ምፍጣር እኩብ ይለማመዱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ዝቑፀሩነገራት (ኂዓሳሱ፣ፀፀራት፣ፍራምረ፣ ቆርኪታት፣ክቢ ዕንቑት ወዘተ...)፣ ፈትሊ ወይም ፈትሊ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ዝተፈላሉ ዝቁፀሩ ነገራትን ፈትሊ መስርሒ እኩብ ወይ ሲባጐ ምዕዳል
- ብሓፁር ፈትሊ ከመይ ከምዝስራሕ ምርኣይ
- ኣብ ውሽጢ ሓፅሮም ዝቑፀሩ ነገራት ቀስ ብቐስ ብምእታው ብቅርፂ፣ ብመጠንን ብሕብርን እኩብ ክምስርቱ ምልምማድ

ተፍትሽ ፦ ዝቑፀሩ ነገራት ብዓይነት ብምፍላይ እኩብ ምምስራት ምልምማድ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዒስራን ሓደን ፦ ምልካዕ መጠን**

ዒላማ ፦ መጠን ነገራት ብምልካዕ ይገልፁ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ሳንዱቕ ሑፃ፣ኂዳታት መትሓዚ ማይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ምስፋር ፀወታ ሑፃን ማይን ካብ ሓደ ኣቕሓ ናብ ካሊእ ኣቕሓ ምግልባጥን ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ነገራትን ክፃወቱ ምምራሕ
- እንትፃወቱ እናዞሩ ብምምልካት መጠን ብምልካዕ ብምዝራብ ክገልፁ ምንቅቓሕ

ተፍትሽ :- ነቲ ፀወታ ብምዕዛብ መጠን ነገራት ምግላፆም ብምክትታል ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዒስራን ክልተን :-** ቀሊልን ከቢድን ነገራት ምፍላይ

ዒላማ :- ቀሊልን ከቢድን ነገራት እናመዘኑ ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :-ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኣቑሑ (ፀፀራት፣ ፍራምረ፣ ቆርኪታት ወዘተ...)፣ ክዳን ፍሊት ቆርቆሮ ፣ ቆርቆሮ ጫማ ቀለም

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ክዳን ፍሊት ቆርቆሮ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ነገር /ቆርቆሮ ጫማ ቀለም ክኾን ይኽእል / ሚዛን ምድላው
- ቀሊልን ከቢድን ነገራት እናመዘኑ ከቢድ ዝኾነ ከመይ ነቲ ሚዛን ትሕት ከምዝብል ብምምዛን ክግንዘቡ ምግባር
- እዚ ብዓይኒ እንትረእዩ ዓበዩ ወይ ንእሽቶይ ዝመስሉ ነገራት ብምምዛን ቀሊልን ከቢድን ነገራት ክፈልዩ ምብርትታዕ
- እንትዛዝሙ እንታይ ከምዝተፃወቱ ከመይ ክምዝተፃወቱን ብምሕታት ብምምዛን ክብደትን ቅለትን ኣቑሑ ምፍላጥ ከምዝካኣል ክግንዘቡ ምግባር

**መዘከርታ :-** ሚዛን ኣብ ሰዓት ፀወታ ክጥቀሙ ምብርትታዕ ግቡእ እዩ፡፡

**ተፍትሽ :-** ቀሊልን ከቢድን ነገራት ብምምዛን ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዒስራን ሰለስተን :- ርሕቐት ብስዳሮ ምልካዕ**

ዒላማ :- ርሕቐት ብስዳሮ ምልካዕ ይለማመዱ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣገባብራ :-**

- ኣብ መንጎ መቐመጢ መምህርን መቐመጢ ህፃናትን ዘለሎ ርሕቐት ብምንታይ ምልካዕ ንኽእል ይስለኩም ኢልካ ምሕታት
- ብስዳሮ ከመይ ምልካዕ ከምዝካኣል ምርኣይ
- ህፃናት በብተራ ብስዳሮ ክልክዑ ምግባር
- ክልተ ህፃናት ኣብ ዝተወሰነ ርሕቐት ጠጠው ክብሉ ምግባር
- ኣብ መንጎኦም ዘለዉ ርሕቐት ብስዳሮ ክልክዑ ምግባር

**ተፍትሽ :-** ርሕቐት ብስዳሮ ምልካዕ ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዒስራን ኣርባዕተን :-ምልካዕ ቁመት**

ዒላማ :- ምልካዕ ቁመት ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- እርሳስ፣ ረጕድ ወረቐት፣ስእልታት /ፀሓይ፣ ኮኾብ፣ቖፅሊ፣ ወርሒ ወዘተ…/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ግድግዳ 1.20 ሳንቲ ሜትር ዘኣክል ቅዋን ዝበለ ረጕድ

ወረቐት ምድላው

- ኣብቲ ወረቐት ደሚኞ ሕብሪ ዘለዎም ህፃናት ዝፈልጥዎም ነገራት በብ5 ሳ.ሜ ፍልልይ ምልጣፍ

**ንኣብነት**፡- ፀሓይ፣ ኮኾብ፣ ቖፅሊ፣ ወረሒ ወዘተ…

- ህፃናት ንቲ ወረቐት ብምጥቃም ቁመቶም ክልክዑ ምግባር
- በብግዘኡ ብምልዓዕ ኣየናይ ምልክት ከምዝበፅሑ ምልካዕ
- ንለውጦም ክግንዘቡን ክልክዑን ድሌቶም ከማዕብሉ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ቁመቶም ክልክዑ ብምግባር ድሌት ምልካዕ ምምዕባል ምጅማሮም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዒስራን ሓሙሽተን ፡- ብቑመት ምውድዳር**

ዒላማ ፡-ቑመት ነገራት ምውድዳር ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ክላስር፣ መሰመሪ፣ እርሳስ፣ወረቐት፣ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኣቑሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ክላሰር ካብ 2-3 ሴንቲ ሜትር ስፍሓት 30 ሴንቲ ሜትር ቁመት ብምቑራፅ ቅንጥብጣብ መለከዒ ምድላው
- ብቅንጥብጣብ ዝተሰርሐ መሰመሪ ዝተፈላለዩ ነገራት ምልካዕ ክለማመዱ ምግባር
- ካብ መንን ኣቑሑ እቲ ብጣዕሚ ዓብዪ፣ ንእሽቶይ ብምውፃእ ምሕታት ብመበላለፂ ቃላት ምህላፅ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ነገራት ብቁመት ምውድዳር ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዒስራን ሹድሽተን ፡- ምዝማድ ሓደ ንሓደ**

ዒላማ ፡- ብምዝማድ ሓደ ንሓደ ኣምር ምምቃል ይፋለጡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ወረቐት፣ፀፀር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- 10 ወረቐት ዝተጠቕለሉ ኮረመለ ፀወታ ምቕራብ
- ዓሰርተ ህፃናት ኣብ ቅድሚት መሓዙቶም ክቆሙ ምግባር
- ንሕድሕዶም ሓደ ሓደ ንኽዕደሉ ብምግባር ሓደ ንሓደ ምርኻብ ምልምማድ

ተፍትሽ ፡- ሓደ ንሓደ ብምዝማድ ኣምር ምምቃል ምፍላጥ ምጅማሮ ምግምጋም፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ነገራት ብሰመረት ባህርኦም ምውድዳር | 2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድናን ቅደም ተኸተልን ብዝሓለወ መልክዑ ምርኣይ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ምውድዳር ልሙፅን ሓርፋፍን**

ዒላማ ፡- ልሙፅን ሓርፋፍን ብምድህሳስ ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዝድህሰሱ ሰሌዳታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ዝድህሰስ ሰሌዳ ብምጥቃም ከመይ ምድህሳስ ከምዝከኣል ምርኣይ
- ክድህስሱ ዕድል ብምሃብ ኣየኒኡ እዩ ሓርፋፍ? ኣየኒኡ ኸ ልሙፅ? እዙይ እንታይ እዩ? ኢሎም ምሕታት
- 3ይ ደረጃ ትምህርቲ ሜላ ብምጥቃም ሓርፋፍን ልሙፅን ብምውድዳር ክፈልዩ ምልምማድ

ተፍትሽ ፡- ብምድህሳስ ልሙፅን ሓርፋፍን ብምውድዳር ምፍላይ ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-** ንሽቶይን ዓብይን ነገራት ምውድዳር

ዒላማ ፡- ንእሽቶይን ዓብይን ነገራት ብምውድዳር ይፈልዩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ኩዕሶ፣ ገመዳት /ዝተቛራረፁ ዕንፀይቲ/፣ ፀፀራት

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

- ዝተፈላለዩ ዓብይን ንእሽቶይን ዝኾኑ ነገራት ኣብ ቅድሚ ህፃናት ኣብ ጠረጴዛ ምቅማጥ
- ዓብይን ንእሽቶይን ብምውድዳር ምርኣይ
- ተመሳሰሊ መጠን ዘለዎም እናውፀኡ ክርእዩ ምግባር
- ንእሽቶይን ዓብይን ካብ ዝኾኑ ሓደ ዓይነት ነገራት ኣውፂኦም ጎኒ ንጎኒ ብምቕማጥ እዙይ ንእሽቶይ እዩ፣ እዚ ድማ ዓብዩ እዩ፡፡ ኢሎም ብምውድዳር ክዛረቡ ምርዳእ

ንኣብነት፡-





**መዘከር ፡-** በዚ ዓይነት **ብጣዕሚ ነዊሕ**፣ ብጣዕሚ ሓፂር፣ ብጣዕሚ **ቀሊል**፣ ብጣዕሚ ከቢደ ኢሎም ክወዳድሩ ምግባር ይኽእሉ፡፡

ተፍትሽ ፡- ንእሽቶይን ዓብይን ነገራት ምፍላይ ምኽኣሎም ሕቶ ብምሕታትምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡-  ንእሽቶይ ናብ ዓብዪ ምድርዳር**

ዒላማ  ፡- ዝተፈላለዩ  ነገራት ንእሽቶይ ካብ ዓብዪ ብቅደም ተኸተል ይድርድሩ፡፡

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ  ፡-  ቅርፅታት ጂኦሜትሪ፣ ሻምባቆ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-


ሰለስተ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ሓደ ዓይነት ቅርፅታት ጂኦሜትሪ ብወረቐት ቆሪፆም ምድላው(ርጉደቱ ተመሳሳሊ ዝኾነ ሻምባቆ ዝተፈላለየ ሕብሪ ብምቕባጥ ንእሽቶይ፣ ዓብዪ ብጣዕሚ ዓብዪ ብምግባር ምቁርራፅ)ን ንህፃናት ምዕዳልን

ካብ ንእሽቶይ ትንሽ ወደ ትልቅ ከትልቅ ወደ በጣም ትልቅ እንዴት እንደሚቀመጥ ማሣየት

ሕፃናት በፊታቸው ያሉትን ቅርፆች ባዩት መሠረት በቅደም ተከተል እንዲያስቀምጡ ማድረግ

ንእሽቶይን፣ ዓብይን ፈልዮም ክርእዩ በብተራ ምሕታት

ንእሽቶይን ዓብይን እናወዳድሩ ክፃወቱ ምግባር



ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት ንእሽቶይን ዓብይን ምውድዳር ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

## ተግባር ኣርባዕተ ፡- ከቢድን ቀሊልን ነገራት ምውድዳር

ዒላማ ፡- ከቢድን ቀሊልን ነገራት የወዳድሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ከረጢት፣ ጡጥ፣ሑፃ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ሑፃ ዝመልኡ ኣናእሽቶይ ከረጢታትንን ብጡጥ ዝተመልኡ ተመሳሳሊ መጠን ዘለዎም ከረጢታትN ምድላው
- ንቶም ከረጢታት ብኢዶም ብምድህሳስን መጠኖም ብምልካዕን ቀሊልን ከቢድን ኢሎም ከወዳድሩ ምግባር
- ነቲ ውፅኢት ክዛረቡ ምብርትታዕ
- ከመይ እቲ ሑፃ ከቢድ እዩ እቲ ጡጡ ግና ቀሊል እዩ ምባል ክኽእሉ ሕቶ ብምሕታት ምምይያጥ

ተፍትሽ ፡- ከቢድን ቀሊልን ነገራት ምውድዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቅዓት |
|---|---|
| 3. ምፍላጥ ቁፅርታት፣ምግላፅን ነገራት ብመሰረት ባህርኦም ምውድዳርን | 3.1. ካብ 1-20 ኣቑሑን ቁፅርታትን 1-20 ምቁፃር ምኽኣል፡፡ |

## ተግባር ሓደ ፡-ብዓይነት ምፍላይን ምቑፃርን

ዒላማ ፡- ዝተፋላለዩ ነገራት ብዓይነቶም ፈልዮም ይቖፅሩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ፍራምረ ቃላሚንጦን ዕሕድን፣ ክቢ ዕንቚ፣ፀፀራት

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-***

- ፍራምረ ቃላሚንጦስን ዕሕድን፣ ክቢ ዕንቚ፣ ፀፀራትወዘተ… ምዕዳል
- ካብ ውሽጢ ዝተውሃቦም ፍራምረ ዕሕድን ቃላሚንጦስን ፈልዮም ክውፅኡ ምግባር
- ፍሉያት ዓይነት ተቖፀርቲ ናብ ጎኒ ብምድርዳር ብትዕግስተ ሓቢርካ ምቑፃር

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ነገራት በብዓየነቶም ፈልዮም ምቑፃር ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ምቑፃር ተቖፀርቲ ነገራት**

ዒላማ ፡- ተቖፀርቲ ነገራት ይቖፅሩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ተቖርቲ ነገራት (ፍራምራ ቃላሚጦስን ዕሕድን፣ ክቢ ዕንቚ፣ ፀፀራት ፣ ቆርኪታተ ወዘተ…)

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*** ፡-

- ተቖፀርቲ ነገራት ብምሃብ ናብ ጎኒ፣ ናብ ላዕሊ፣ ናብታሕቲ ወዘተ… ብዝተፈላለዩ ኣንፈት ክድርድሩ ብምግባር ምቑፃር ምልምማድ
- መጠን ተቖፀርቲ ክዛረቡ ምግባር
- መሓዙቶም ትኽክክል ምኧኖን ዘይምኧኖን ከረጋግፁ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ተቖፀርቲ ነገራት ብዓይነቶም ብምድርዳር ምቁፅፃር ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

## ተግባር ሰለስተ ፦ ምቑፃር ምስልታት

ዒላማ ፦ ዝተፈላለዩ ምስልታት ይቑፅሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ብወረቐት ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ ስእልታት (ኣዕዋፍ፣ ኣራንሺታት ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ንሕድሕድ ህፃን ካብ 10 ዘይበለፁ ዝተፈላለዩ ስእልታት ምሃብ
- ስልታት በብዓይነቶም ክፈልዩ ምግባር
- ጎኒ ንጎኒ ብምድርዳር ክቑፅሩ ምግባር

ተፍትሽ ፦ ዝተፈላለዩ ስእልታት በብዓይነቶም ምምፍላይን ምቁፅፃርን ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

## ተግባር ኣርባዕተ ፦ ብኣፃብዕቲ ምቑፃር

ዒላማ ፦ ኣፃብዕቶም ተጠቒሞም ይቖፅሩ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ኣፃብዕቶም ተጠቒሞም ካብ 1-10 ክቖፅሩ ‹‹ንእሽቶይ ንእሽቶይ ዒፍ›› ሓቢሮም ምዝማር
- "ዓቢ.ይ ኣፃብዕቲት" ዝብል መዝሙር እናዘመሩ ኣፃብዕቶም ብምዕፃፍ ብቅደም ተኸተል ክቑፅሩ ምግባር
- ኣፃብዕቶም እንትቖፅሩ ብሓደ ኢዶም ዝቆፀርዎም ኣፃብዕቲ ናብ ሓደ ኣንፈት ብምዕጋዕ ክቆፅሩ ምግባር

ተፍትሽ :- ጣታቸዉን ተጠቅመዉ መቁጠር መቻላቸዉን መከታተል፡፡

**ተግባር ሓሞሽተ :- ብዙሕን ውሑድን ምውድዳር**

ዒላማ :- ብዙሕን ውሑድን ብምቑፃር የወዳድሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ገመድ ወይ ፈትሊ፣ ንኣኼባ ዘገለግሉ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ገመድ ወይ ፈትሊ ንህፃናት ብምዕዳል ሓፁር ከመይ ከምዝስራሕ ምርኣይ
- ክልተ ሓፁር ክሰርሑ ምግባር
- ተቆፀርቲ እናተቆፀሩ ቀስ ብቀስ ናብቲ ሓፁር ውሽጢ ክእትዉ ምግባር
- ኣብ ሓደ ሓፁር ውሱናት ተቆርቲ ናብቲ ኻሊእ ሓፁር ብዙሓት ተቆፀርቲ ክእትውዎ ምግባር "ብዙሕ" እና "ውሑድ" ኢሎም ከወዳድሩ ምግባር
- ኣብ ትሕቲኦም ክልተ ሓፁራት ውሽጢ ዘለዉ ተቆፀርቲ ኣብ መጀመርታ ውሱናት ካብ እኩብ ሓፁር ውሽጢ እናቆፀሩ ብምውፃእ ናብ ጎኒ ክድርድርዎም ምግባር
- ቀፂሎም ብዙሓትውን ካብ እኩብ ሓፁር እናውፅኡ ካብቶም መጀመርታት ሱርናብ ጎኒ ምድርዳር
- ተቖፀርቲ ሓደ ንሓደ ክዛመዱ ምግባር

**መዘከርታ** :- ብዙሓት ተቆፀርቲካብ 10 ክበልፅ የብሉን፡፡

ተፍትሽ ፡- ብዙሑን ውሑድን ነገራት ምቑፃርን ምውድዳርን ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሽዱሽተ ፡- ምፍላይ ቁፅሪ ኣሃዛት**

ዒላማ ፡- ስምን ቅርፅን ቁፅሪ ኣሃዛት ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ሰሌዳታት ቁፅሪ፣ ብክላሰር ዝተሰርሑ ኣንእሽቶይ ካርድታት ፊደል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ዕብይ ኢሉ ዝተሰርሐ ሰሌዳ ቁፅሪ ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታት ምንቕቓሕ
- መልሲ ህፃናት ድሕሪ ምድማፆም ክንደይ ቁፅሪ ከምዝኾነ ምዝራብ
- ደጊሞም ነቲ ቁፅሪ ድሕሪ መምህር ክፅውዑ ምግባር
- መዝሙር ኣነ መን እዬ መን እዬ ክትወፅእ ኢኻ ዝብል ፀወታ ቁፅሪ ኣሃዛት ክፃወቱ ምድማፅን ብቅርፅን ክፈልዩ ምግባር

| |
|---|
| **መዘከርታ ፡-ካብ** 1-10 ዘለዉ ቀፅሪ ኣሃዛት ብሓደ ግዘ እንተዘይኮነስ ኣብ ዝተፋላለየ ግዘ መቓቂልካ ምፍላጥ የድሊ፡፡ |

ተፍትሽ ፡- ቁፅሪ ኣሃዛት ስሞም ብድምፅን ብቅርፅን ምፍላይን ምዝራብን ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፡- ቁፅሪ ኣሃዛትን ቅርፅን ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ቁፅሪ ኣሃዛትን ቅርፅን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ኣብ ወረቐት ብርጭቆ ወይ ግርፊ ሑፃ ዝተሰርሐ ቁፅሪ ኣሃዛት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ኣብ ወረቐት ብርጭቆ ወይ ግርፊ ሑፃ ዝተሰርሐ ቁፅሪ ኣሃዛት በብጠረጴዛኦም ምዕዳል
- ዓይኖም ዓሚቶም ብምድህሳስ ቅርፂ ኣሃዛት ምርዳእ ክኽእሉ ምርዳእ
- ዝዳህሰስዎም ቋፅሪ ኣሃዝ ኣብ ኣየር ምፅሓፍ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ቅርፂ ቁፅሪ ኣሃዛት ምፍላይ ምልምማድ ምኽታል፡፡

**ተግባር ሸሞንተ ፡- ንቁፅሪ ኣሃዛት ሕብሪ ምልካይ**

ዒላማ ፡- ንቁፅሪ ኣሃዛት ሕብሪ ይቐብኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ሕብራ እርሳስ/ሕብሪ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ብድርብ ዝተፅሓፉ ቁፅሪ ኣሀሃዛት ምሃብ
- ካብ መስመር እንተይወፅኡ ሕብሪ ምልካይ ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ቅርፂ ቁፅሪ ኣሃዛት ምፍላይ ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

**መዘከርታ ፡-** ብሓደ ግዛ ዝቐብእዎም ቁፅርታት ክበዝሑ የብሎሙን፡፡

**ተግባር ትሽዓንተ ፡- ቁፅሪ ኣሃዛት ምድማቕ**

ዒላማ ፡- ብነጠብጣብ ዝተፅሓፉ ቁፅሪ ኣሃዛት ነቶም ነጠብጣብ ብምግጥጣም የድምቑ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- ብነጠብጣብ ዝተፅሓፉ ቁፅሪ ኣሃዛት ነንውልቆም ምሃብ
- ከመይ ምድማቕ ከምዝከኣል ብምርኣይ ብእርሳስ ከድምቑ ምግባር
- እንትዛዝሙ ኣየኖት ቁፅሪ ኣሃዛት ከም ዘድመቑ ንመሓዙቶም ብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር
- ኣብ ትሕቲ እዞም ቁፅሪ ኣሃዛት ቦታ ምልጣፍ

ተፍትሽ ፡- ቁፅሪ ኣሃዛት ምድማቕን ዘድመቑዎ ቁፅሪ ብድምፅን ብቅርፅን ምፍላዮም ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ፡-** ተቐፃሪ ነገራት ምቁፃርን ምስ ቁፅሪ ኣሃዝ ምዝማድን

ዒላማ ፡- ተቐፃሪ ነገራተ ምቑፃርን ምስ ቁፅሪ ኣሃዛት የዛምዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ካርድታት ቁፅሪ፣ ተቐፃሪ ነጋራት (ፀፀራት፣ ወረቐት፣ ስእልታተ ህፃናት ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- 10 ስእልታት ብኣናእሽቶይ ሲኢልካ ምቑራፅ
- ነቶም ስእልታት ዝተፈላለየ ቁፅሪ ምሃብ
- ተቖሪፀ ክንደይ ም'ዃኑ ክዛረቡ ምሕታት
- ፀፀራት ኮረመለ ኣምሲልካ ምጥቕላል
- ዝተጠቕለሉ ኮረመለታት ንህፃናት ብዝተፈላለየ መጠን ምዕዳል
- ቁፅሪ ኣሃዛትኣብ ቅድሚኦም ብምርኣይ ክቆፅሩ ምግባር
- እንቆፅሩ ዝበፅሕዎ መወዳእታ ቁፅሪ ክፅውዑ ምግባር
- ካርድ ቁፅሪ ኣሃዛትብምርኣይ ምጥንኻር

ተፍትሽ ፡- ተቖፃሪ ነገራት ምቑፃርን ካብ ቁፅሪ ኣሃዛት ምዝማድ ምጅማሮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓደ ፡- ቅርፂ ቁፅሪ ኣሃዛት ምፍላይን ምንባብን**

ዒላማ ፡-ቁፅሪ ኣሃዛት ቅርፂ ምፍላይን ምንባብን ይለማመዱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ኣብ ልዕሊ ተቖፀርቲ ቆጣሪዎች ቁፅሪ ዝተፅሓፎ ሰሌዳ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ነቲ ሰሌዳ ብምጥቃም ተቖፀርቲ ቸፂሮም ኣብ መወዳእታ ንዝበፅሕዎ ቁፅሪ ኣሃዝ ምሃብን ክልማመዱ ምግባርን
- ነቲ ቁፅሪ ኣሃዝ ብምፅዋዕ ቅርፁ ብትኹረት ክምልከቱ ምግባር
- ምስ ዝመሳሰል ነገር ከዛምዱ ምግባር

ንኣብነት፡- ሓደ ሓባሪ ኣፃብዕቲ ብምርኣይ ወዘተ...

ተፍትሽ ፦ ቅርፂ ቁፅሪ ኣሃዛት ምፍላይን ምንባብን ምልምማዶም ሕቶ ብምሕታት ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ** ፦ ቁፅሪ ኣዛሃት ምስ መጠን ምዝማድ

ዒላማ ፦ ቁፅሪ ኣዛሃት ምስ መጠን ተቖፀርቲ የዛምዱ

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ዝተቀረፁ ቁፅሪ ኣሃዛት፣ ዝተፈላለዩ ተቖፃሪ ነገራት(ፀፀራት፣ ቆርኪታት ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ንቶም ህፃናት በቢጠረጴዛኦም ተቖፃሪ ነገራት ምሃብ
- ቁፅሪ ኣሃዝ ብምርኣይ ዝርኣይዎ ቁፅሪ ኣሃዝ ልክዕ ተቖፀርቲ ቆፂሮም ክውፅኡ ምግባር
- ልክዕ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ጠመተ ሂብካ ምክትታል

ተፍትሽ ፦ ቀፅሪ ኣሃዛት ምስ ተቖርቲ ምዝማድ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ**፦ቁፅሪ ኣሃዛት ብመጠን ተቖፀርቲ ምውዳብ

ዒላማ ፦ -ቁፅሪ ኣሃዛት ብልክዕ መጠን ተቖፀርቲ ይውድቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ዝተቆረፁ ኣሃዛት፣ዝተፈላለዩ ተቖፃሪ ነገራት (ፀፀራት፣ ቆርኪታት ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንቶም ህፃናት በብጠረጴዛኦም ተቐፃሪ ነገራት ኣብ ክላሰር ዝተፅሓፉ ካርድታት ቁፅሪ ምሃብ
- እቲ ካርዲ ቁፅሪ ኣብ ቅድሚኦም ብምቕማጥ ካብ ሱር እቶም ተቖፀርቲ ብቁፅሪ መጠኖም ክውድቡ ምግባር
- እንትሰርሑ እናተዘዋወሩ ብምርኣይ ምብርትታዕን ደገፍን ንዝደልዩ ደገፍ ምሃብ

ተፍትሽ ፡- ተቖፀርቲ ብቁፅሪ መጠኖም ምስ ቁፅሪ ኣሃዛት ምዝማድ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ** ፡- ፀወታ ቁፅሪ ምስ መጠን ብምዝማድ ምፅዋት

ዒላማ ፡- ቁፅርታት ምስ መጠኖም ብምዝማድ ምፅዋት፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዝተቀረፁ ቁፅሪ ኣሃዛት፣ዝተፈላለዩ ተቐፃሪ ነገራት (ፀፀራት፣ ቆርኪታት ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ካብ ክፍሊ ወፃእ ኣብ ዘሎ ሰፊሕ ሜዳ ብኽቢ ጠጠው ክብሉ ምግባርን ሕጊ ከይዲ ፀወታ ምግላፅ
- መምህር እንትዛዝሙ ቀስ ኢሎም ከይተዳፋፊኡ ክኸዱ ምግባር
- መምህር ጣቅዒት ብምቋም ቁፅሪ እንትፅውዑ ብዝተፀወዐ ቁፅሪ መጠን ክትሓቛቖፉ ብምግባር ምፅዋት

ተፍትሽ ፡- ቁፅርታት ምስ መጠን ብምዝማድ ምፅዋት ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ዓሰረተ ሽድሽተ ፡-** ቁፅሪ ኣሃዛት ምስ ተቖፀርቲ ምዝማድ

ዒላማ ፡- ጣቂዒት ብምቁፃር ምስ ቁፅሪ ኣሃዛት የዛምዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ካርድታት ቁፅሪ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

ፀወታ ‹‹ጣቂዒት ቁፀር›› ከምዝስዕብ ምፅዋት፡-

- ፅን ኢሎም ነቲ ጣቂዒት ከዳምፁ ምግባር
- ነቲ ጣቂዒት ቆፂሮም ምስ ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ካርድታት ቁፅሪ ኣልዒሎም ከርእዩ ምግባር

**መዘክር ፡-** እዚ ብሙዚቃ መሳርሕታት ከዳምፂ ምግባር ይኽእሉ፡፡

ተፍትሽ ፡- ጣቂዒት ብምቑፃር ምስ ቁፅሪ ኣሃዛት ምዝማድ ምኽኣሎም ምግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓሙሽተ፡-** ጣቂዒት ምስ ቁፅሪ ኣሃዛት ምዝማድ

ዒላማ ፡-ቁፅሪ ኣሃዛት ምስ ተቖፀርቲ ምዝማድ ይኽእሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዝተፈላለዩ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንቶ ስእልታት ምስ መጠን ቁፅሪ ኣሃዝ ምዝማድ ምርኣይ
- ዝተፈላለዩ ስእልታትን ካርድታት ቁፅሪ ኣሃዝን ምሃብ
- ንሶም ብዝረኣይዎ መሰረት ከዛምዱ ምግባር

**ንኣብነት፡-** ሓንቲ ዕንበባ ምስ ሓደ ቁፅሪ ኣሃዝ ክልተ ኩዕሶ ወዘተ…

ተፍትሽ ፡- ቁፅሪ ኣሃዛት ምስ ተቖፀርቲ ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸውዓተ ፡-** ብኣሃዝ ልክዕ ዝተፋላለዩ ተቖፃሪ ነገራት ምድርዳር

ዒላማ ፡- ዝተፈላለዩ ተቖፃሪ ነገራትብምጥቃም ብኣሃዝ ልክዕ ይድርድሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ብዓብዪ ዝተቐረፁ ቁፅሪ ኣሃዛት ፣ ፀፀራት፣ ፍራምረ፣ ዓልቋይ፣ ኣዳጉራ፣ ወዘተ…

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ቁፅሪ ኣሃዛት በብተራ ኣብ ቦርድ ምቕማጥ
- ብኣሃዝ ልክዕ ዝተፈላለዩ ተቆፃሪ ነገራት ብምጥቃም ክምድቡ ምርኣይን ክሰርሑ ምግባርን

ተፍትሽ ፡- ዝተፋላዩ ተቖፃሪ ነገራት ብምጥቃም ብኣሃዝ ልክዕ ምድርዳር ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸሞንተ ፡-** ምፅዋት ኣሃዝ ዶሚኖስ

ዒላማ ፡- ኣሃዝ ዶሚኖስ ብምፅዋት ምቁፃር ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዶሚኖስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ቁፅሪ ዶሚኖስ ምድላው
- ሕጊ ከይዲ ኣፀዋውታ ምግላፅ
- ክክልተ ኾይኖም ክፃወቱ ምግባር
- እንትዛዘሙ ብዝውዋር ምርኣይን ዘድሊ ደገፍ ምግባርን

ተፍትሽ ፡- ኣሃዝ ዶሚኖስ ብምፅዋት ምቑፃር ምልምማዶም ምርግጋፅ፡፡

| ትፅብት ዝገብርሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4.ብዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ዝኾኑ መመሳርሒ ለክዒ መስፈርትታት ምጥቃም | 4.1. ኣብ መንነ ቦታን መጠንን ዘሎ ፍልልይ ምሕባር ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ፍልልይ መጠን ምርዳእ**

ዒላማ ፡- ፍልልይ መጠን ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ሑፃ፣ ዓሚቕ ሸሓነ፣ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም መስፈርትታት ወዘተ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዓሚቕ ሸሓነ፣ ሑፃ ምቕራብ
- እንተዘይኮይኑ ኣብ ውሽጢ ቐፅሪ ዝርከብ ሑፃን ሒላብን/ገንዳን ምጥቃም
- ካብ ንእሽቶይ ኣቕሓ ናብ ዓበዩ ኣቕሓ ካብ ዓብዩ ኣቕሓ ናብ ንእሽቶይ ኣቕሓ

ብምግልባጥ ክፃወቱ ብምግባር ነገራት ብዝምጥኖም ኣቕሓ ምእታው ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ፀወታ ምስፋር ሑፃ እንትፃወቱ ብምክትታል ኣብ መንጎ መጠን ዘሎ ፍልልይ ምርዳኦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡-** ኣብ መንጎ መጠን ዘሎ ፍልልይ ምርዳእ

ዒላማ ፡- ኣብ መንጎ መጠን ዘሎ ፍልልይ ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ኣቕሓ መትሐዚ ማይ፣ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኩባያታት ወይ ጠራሙዝ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ኣብ ፍርቂ ሊትር ማይ ዝመልእ ኣቕሓ ነቲ ማይ ናብ ሓደ ሊትር መትሓዚ ምግልባጥ
- ፍልልይ ኣቕሑ ክስተውዕሉ ምግባር
- ማይ ካብ ዓብዪ ኩባያ ናብ ንእሽቶይ ኩባያ ካብ ንእሽቶይ ኩባያ ናብ ዓብዪ ኩባያ ብምግልባጥ ክፃወቱ ምግባር
- ምትራፍ እቲ ማይን ዝተልበጠ ኩባያ ዘይምምላኡ ክስተውዕሉ ብምግባር ምዕዋት

**መዘከርታ ፡-** ብማይ ቅያሪ ጥራምረ ምጥቃም ይኽእሉ፡፡

ተፍትሽ ፡- ኣብ መንጎ መጠን ዘለዉ ፍልልያት ምርዳኦም ሕቶታት ብሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡- ኣብ መንጎ መጠን ዘለዉ ፍልልይ ምዝራብ**

ዒላማ ፡-  ኣብ መንጎ መጠን ዘለዉ ፍልልይ ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኣቕሑ (ኩባያታት፣ጠራሙዝ፣ ሽሓነታት፣ ማናኽ ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኣቕሑ ጎኒ ንጎኒ ምቅማጥ
- ንእሽቶይን ዓብዪን ምኳኖም ብምውድዳር ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ኣቕሑ ብምጥቃም ኣብ መንጎ መጠን ዘለዉ ፍልልይ ምዝራብ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ኣፉላላይ ቦታን መጠንን ምርዳእ**

ዒላማ  ፡- ኣፈላላይ ቦታን መጠንን ይርድኡ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ ስተምሃሪ**፡- ፐዝል

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ፀወታ ምግጥጣም ፐዝል ክፃወቱ ኣብ ኣርባዕተን ሓሙሽተን ቦታ ዝተቆራረፁ ቁርፅራፃት ዕንፀይትን ሰሌዳን ምድላው
- ኣብ መጀመርታ ዝግጠም ቁራፅ ዕንፀቲ ቅርፁ ብዕምቖት ብምርኣይ ኣበይ ቦታ \መጋጠሚ\ ከምዝኽእሉ ቀዲሞም ክሓስቡ ምንቕቓሕ
- ብጉጅለ ዝተፈላለዩ ፐዝላት ብምሃብ በብተራ እናገጣጠሙ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ :- ፐዝል ብምጥቃምኣብ ምንጎ ቦታን መጠንን ዘሎ ፍልልይ ምርዳኦም ምርግጋፅ፡፡

| ትዕብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 5. ኣምር ግዘ ምርዳእን መግለፂታት ምጥቃምን | 5.1. መዓልቲታት ሰሙን፣ ኣዋርሕ በዓል /ፍሉይ/ መዓልቲታት ምዝራብ ፡፡ |

**ተግባር ሓደ :- ኣብ መዓልትን ምሸትን ዝረኣዩ ለውጥታት ምዝራብ**

ዒላማ :- ኣብ መዓልትን ምሸትን ዝረኣዩ ለውጥታት ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ፀሓይ፣ ወርሕን ኮዋኽብትን ዝርኢ ስእሊ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ፀወታ"መስዩ ዶ ወጊሑ" ብምፅዋት ምምሳይን ምውጋሕን ፍልልይ ርድኢቶም ምጥንኻር
- ኣብ መዓልቲ ፀሓይ፣ኣብ ምሸት ወርሕንና ከዋኽብት ከምዝርከቡ ብሕንቅሕንቅሊተይ መልክዕ ምፅዋት

**ንኣብነት** :- "ኣብ ሰማይ ኣነን ደቀይን ንነብርን ፀልማት ንምጥፋእ ብርሃን ንህብ ንሕና መን እናና?"ወዘተ

- ኣብ ምሸት /ኣብ ፀልማት/ ሓደ ህፃን ከምዝተረኸበ ዝርኢ ስእሊ ምቕራብ
- ነቲ ስእሊ ክዕዘቡ ምግባርን ኣብ ስእሊ ብዛዕባ ዝረኣዩ ክዛረቡ ምግባር
- "እቲ ህፃንዝደቀሰሉ እዋን መኣዝይመስለኩም?" ኢልኩም ብምሕታት ክዛረቡ ምብርትታዕ

ተፍትሽ :- ኣብ መዓልትን ምሸትን ዝረኣዩ ለውጥታት ምዝራብ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ኣብ መዓልትን ምሽትን ዝስርሑ ተግባራት ምፍላይ**

*ዒላማ ፡- ኣብ መዓልትን ምሽትን ዝስርሑ ተግባራት ይፈልዩ፡፡*

*ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ፀሓይ፣ ወርሕን ከዋኽብትን ዘርኢ ስእሊ*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

*ፀወታ"መኣዝ እንታይ ሰሪሐ?" ብዝስዕብ መልክዕ ምፅዋት፡-*

- *ኣብ ቅድሚ ህፃናት ጠጠው ምባልን ገፅ ምሕፃብ ምንቅስቓስ ብምርኣይ ‹‹መኣዝ እንታይ ሰሪሐ?›› ኢልካ ምሕታት*
- *እቶም ህፃናት ነቲ ተግባር ብምርኣይ ‹‹ንጎሆ ገፅካ/ኪ ተሓፂብካ/ኪ፡፡›› ክብሉ ምምራሕ*
- *ኩነታት መደቀሲ ዘርኢ ምንቅስቓስ ብተግባር ምርኣይ*
- *በዚ መልክዕ ግልፂ ዝኾኑ ቀለልቲ ድተግባራት ብምንቅስቓስ ብምርኣይ መኣዝ? እንታይ? ንዝብል ሕቶ መልሲ ክምልሱ ምብርትታዕ ምብርትታዕ*

*"ንጎሆ ተሲአ " ዝብል መዝሙር ብምዝማር ብዛዕባ እንታይ ከምዝዘመሩ ብምሕታት ምምይያጥ*

**ንጎሆ ተሲአ**

**ገፀይ ተሓፂበ**

**ቁርሰይ በሊዐ**

**ቦርሳይ ሒዘ ይከድ ናብ ትምህርተይ**

**ተፍትሽ ፡- ኣብ መዓልትን ምሽትንት ዝስረሑ ተግባራት ምፍላይ ምኽኣሎም ሽቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡**

**ተግባር ሰለስተ ፦ መዓልቲታት ሰሙን ምፍላጥ**

ዒላማ ፦ ስም መዓልትታት ሰሙን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ካሴት መዝሙር/ብሞባይል ዝተቐድሐ/፣ካላንደር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

"መዓልትታት ሰሙን" መዝሙር ምዝማር

- መዓልትታት ሰሙን መፀወዒ ብቅደም ተኸተል ምልማድ
- ዕረፍትን መዓልቲ ትምህርትን ኣየኖት ከምዝኾኑ ምሕታትን ምርዳእን
- ኣብ መዓልቲ ዕረፍቲ መኣዝ ከምዝኸውንን እንታይ ከምዝሰርሑ ብምሕታት ምርዳእን ምምይያጥን

**መዘከር፡-** በብመዓልቱ ንጎሆ ናብ ክፍል እንተኣትዉ ናይቲ መዓልቲ ካላንደር ልምዲ ምስትኽኻል ክህልዎም ብምግባር ምልምማድ የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፦ መዓልቲታት ሰሙን ብስሞም ምፍላዮም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፦ ምስ ወቕቲታት ክረምትን ሓጋይን ምፍላጥ**

**ዒላማ** ፦ ኣብ ክረምትን ሓጋይ እዋን ዝፍጠሩ ለውጥታት ይፈልዩ፡፡

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፦ ዝተፈላለየ ንብረት ኣየር ዘርኢ ስእሊ፣ ካላንደር፣ ኣብ ውሽጢ ኣፀደ ህፃናት ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ስእሊ/ፎቶግራፍ/

**ሓበሬታ ሜላ ኣተባብራ ፡-**

- ኣብ ውሽጢ ኣፀደ ህፃናት ዝሰርዎም ስራሕቲ ብስእሊ /ብቻርት ብፎቶግራፍ/ ብምቕራብ ምርኣይ
- ንቶ ስራሕቶም መኣዝ መኣዝ ከም ዝሰርሕዎም ክዛረቡ ምትብትታዕ
- ብመልክዕ ክረምትን ሓጋትን ከምኡውን በብመዓልቱ ዝኸሰቱ ለወጢ ምንቅስቓስ ብስእሊ ምርኣይ

**ንኣብነት** ፡- ብኽረምቲ በጣዕሚ ይዘንብ፣ ይቖርር፣ ሰባት ኣከዳድናኦም ይቕይሩ ወዘተ…

ኣብ ሓጋይ ሓያል ፀሓይ ኣሎ፣ ይውዒ፣ ሰባት ቀሊል ክዳን ይኸደኑ፣ ወዘተ…

ተፍትሽ ፡- ኣብ ኽረምን ሓጋይን ወቕቲ ዝፍጠሩ ለውጥታት ምፍላዮም ሕቶታተ ብምሕታተ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡-** ንግዘ ገለፅቲ ቃላት ብምጥቃም ንሕቶታት መልሲ ምሃብ

ዒላማ ፡- ንግዘ ገለፅቲ ቃላት ብምጥቃም ንሕቶታት መልሲ ይህቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ሕብራዊ እርሳስ፣ መፅሓፍ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንግዘ ገለፅቲ ቃላት ዝሓዘ ዛንታ ምግላፅ
- ብዛዕባ እቲ ዛንታ ሕቶታት ምሕታት
- ምስ መግለፂታት ቃላት ዝተረኸቡብግቡእ ተጠቒሞም ክምልሱ ምብርትታዕ
- ስእሊ ሰዓት ብምዕዳል ሕብሪ ብምልካይ ብዛዕባ ሰዓት ምምይያጥ

ተፍትሽ ፡- ግዘ ገለፅቲ ቃላት ብጥቃም ንሕቶታት መልሲ ምሃብ ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሽዱሽተ ፡- ምፍላይ ቅልጣፈን ምድንጓዪን**

ዒላማ ፡- ፍልልይ ቅልጣፈን ምድንጓዪን ብመነፅር ግዘ ይፈሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ኣቑሑ ህንፀት**

**ሓባሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- ኣቑሑ ህንፀት ምሃብ
- ባቡር ንስራሕ ብምባል ባቡር ከመይ ከምዝስራሕ ምርኣይ
- ቀፂሉ ህፃናት ባዕሎም ክሰርሑ ምግባር
- "ባቡርና ነቃሳቅሶ፣ ባቡር እንትንቀሳቐስ ቀስ ኢሉ እዩ" ብምባል ከም ባቡር ዝተሰርሐ ነቲ ዕንፀይቲ ቀስ እናበልካ ምንቅስቓስ
- ቀስ ብቀስ ቅልጣፈ ብምሳኽ ነቲ ባቡር ክንቀሳቐስ ምግባርን ቀስ ማለትን ቅልጥፍን ግንዛበ ምፍላዮም ንምጉልባት ብመልክዕ ፀወታ ምልምማድ
- ኢደሞምከም መኪና መራሒ ብምጥቃም ብቀስታን ብቅልጣፈን ክዝውሩ ብምግባር ቀስን ቅልጣፈን ብተግባር ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ ፡-ቅልጣፈን ቀስታን ምፍላይን ብምንቅስቃስ ምግላፅ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውጤት | ብቃት |
|---|---|
| 6. ኣምር ቦታ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃምን | 6. 1. ሰባት ፣ኣቑሑን ከባብን መሰረት ብምግባር ቦታን ርቐትን ምግላፅ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ኣቑሑ ዝርከብሉ ብመነፅር ባዕሎም ዝርከብሉ ምዝራብ**

ዒላማ ፡- ኣቑሑ ዝርከብሉ ብመነፅር ባዕሎም ዝርከብሉ ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** በክፍል ውስጥ የሚገኙ ቁሳቁሶች (አሻንጉሊቶች፣ ባንዲራዎች፣ አበባዎች /የወረቀት ሊሆኑ ይችላሉ/፣ ኳሶች፣ስእሎች ወዘተ…)

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ቧንቡላታት ወይ ካብ ከባቢ ክርከቡ ዝኽእሉ ኣቑሑ እቶም ህፃናት ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ብዙሕ ከይረሓቐ ምቕማጥ
- ኣቑሑ/ቧንቡላታት/ ዝቐመጥሉ ቦታ ብመነፅር ባዕሎም ዝርከብሉ ክዛረቡ ብምሕታት ምብርትታዕ
- **ንኣብነት፡-** እታ ቧንቡላ ብቅድመይ ተቐመጣ ኣላ ወይ ብድሕረይ ድማ ተቐሚጣ ኣላ ወዘተ…ብምባል ክዛረቡ ምምራሕ
- ህፃናት ናብ ቅድሚት ብምፅዋዕ ብቅድሚካሊእ ህፃን፣ ብድሕሪ፣ ኣብ መንጎ ካልኦት ህፃናት ጠጠው ክብል ብምግባር ከምዝርከብ /ከምትርከብ ክዛረብ/ ክትዛረብ ምብርትታዕን ምልምማድን

ተፍትሽ :- መርከቢ ኣቕሑ ብመነፅር ባዕልኹም እትርከብሉ ምርዳእ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ :-** ገለፂ መምርሒ ቦታ ሰሚዕኻ ምፍፃም

ዒላማ :- ገለፂ መምርሒ ቦታ ሰሚዖም ይፍፅሙ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ቧንቡላታት፣ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝርከቡ ኣቑሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ቧንቡላታት /ስም ሰይምሞ/ ክዛቡ ምግባር
- እታ ቧንቡላ ዝሓተተቶ ሕቶ ዝተፈላለዩ ህፃናት ክሰርሑ ምግባር ብዛዕባ ቦታ ዘለዎም ግንዛበ ምጥንኻር
- **ንኣብነት :-** እታ ቧንቡላ ኣብ መንበር ኣቐምጥሉይ ኢሉ/ላ፤እቲ መቐመጢ ኣይተሰማዕመዐኒን ካብ እቲ ዕንበባ ብፀገም ወገን ኣብ ዘለዉ መንበር ኣቐሙጥኒ ኢሉ/ላ፤እቲ ሹራብ ኣብ ቅድምተይ ኣብ ዘሎ ጠረጴዛ ኣቐምጥለይ ኢሉ/ላ፤

ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ካብ ዝተቐመጥሉ መንበር ቅድሚት፣ ድሕሪት፣ፀጋም፣ የማናየይ ወዘተ… ኣቐምጡለይ ኢሉ/ላ፡፡ ወዘተ… ብምባል ብመልክዕ ፀወታ ቦታ ግንዛበኦም ምጉልባት

ተፍትሽ :- ቦታገላፂ መምርሒ ሰሚዖም ምፍፃም ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ :- ቃላት ኣብ ግቡእ ቦታ ምግላፅ**

ዒላማ :- ኣቕሑ ዝተቐመጥሉ ቦታ ብግቡእ ቃላት ይገልፁ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበራ :-**

- ኣብ ልዕሊ ስእሊ፣ እግሪ፣ ፅጋዕ፣ ብዝተፈላለዩ ነገር ዝተቐመጡ ነገራት ወዘተ… ብምርኣይ እንታይ ኣበይ ከምዝተቐመጠ ክርድኡ ምግባር
- ዝተፈላለዩ ነገራት ኣብቲ ስእሊ ብምርኣይ ኣበይ ከምዘቐምጡ ምሕታት ክዛረቡ ብምግባር ምልምማድብ

ተፍትሽ :- ቦታ ብግቡእ ቃላት ምግላፅ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ :- ፀጋምን የማንን ምፍላይ**

ዒላማ :- ፀጋምን የማንን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ባንዴራ፣ ዕበባ፣ ኩዕሶ ወዘተ…

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበራ ፡-**

- ባንዴራ፣ ዕምበባ፣ ኩዕሶ ወዘተ…በብጠረጴዛኦም ምቕማጥ
- ምግቢ ብዝበልዕሉ ኣእዳዎም ነቲ ባንዴራ ኣልዒሎም ከርእዩ ምሕታት
- ምግቢ ዝበልዕሉ ኣእዳዎም የማናይ ኢዶም ከምዝኾነ ምዝራብ
- ምግቢ ዝምገብሉ ኣእዳዎም ፀጋም ኢዶም ከምዝኾነ ምዝራብ
- ብየማናይ ኢዶም ነቲ ባንዴራ ናብ ላዕሊ ኣልዕልዎ ብድሕሪኡ ብፀጋማይ ኢዶም ነቲ ዕምበባ ኣልዕሉ ብማለት እንትሰሓቱ ብምርግጋጽ ብምእራም ምልምማድ
- ንታ ኩዕሶ ብፀጋማይ ጊንኻ ንዘሎ መሓዛኻ ኣቐብሎ፣ብየማን ጎኒኻ ንዘሎ ኣቐብሎ ብምባል ፀጋምን የማንን ምፍላየም ምልምማድ

| |
|---|
| **ማመዘከርታ** ፡-ካብ መንጎ ህፃናት ብፀጋማይ ኢድ ዝምገብ/ትምገብ ህፃን ከምዝነብር/ከምትነብር ኣብ ግምት ምእታው የድሊ፡፡ |

ተፍትሽ ፡- ፀጋምን የማንን ኣእዳዎም ምፍላይ ምጅማሮም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ ፡- ውሽጥን ደገን ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ውሽጥን ደገን ይፍልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝርከቡ ኣቑሑ(ዕምበባታት /ወረቐትክኾኑ ዝኽእሉ/ ኩዕሶ ወዘተ…)፣ ቅርጫት/ካርቶን ጫማ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበራ ፡-**

- ኣቑሑ ኣብ ልዕሊ ጠረጴዛን ፅጋዕን ምቕማጥ
- ኣብ ልዕሊ ጠረጴዛ እንታይ ይረኣየኩም ኣሎ ብምባል ምሕታትን ክዛረቡ ምግባርን
- ካርቶን ጫማ ኣብ ልዕሊ ጠረጴዛ ኣቑሑ ፅጋዕ ምቕማጥ

- ንቶ ኣቑሑ ኣብ ውሽጢ እቲ ካርቶም ከእትውዎ በብተራ ብምፅዋዕ ምሕታት
- እቲ ኣብ ውሽጢ ካርቶም ከእትውዎን ካብ ካርቶን ወፃኢ ከቐምጥዎ ምግባር
- በዚ መሰረት ኣብ ውሽጥን ወፃእን ክፈልዩ ምልምማድ እንተተሳሓቱውን ደጊምካ ምርኣይን መሊሶም ክለማመዱ ምግባር

ተፍትሽ :- ውሽጥም ወፃእን ምፍላዮም ምርግጋፅ፡፡

| ትፅብት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| ምስ ገንዘብ ምፍላጥ፣ ምፍላይ ምግላፅን ምጥቃምን | 7.1. ዓይነታት ገንዘብ ምስ ምስሎም ምፍላይ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፦ሳንቲም ብር ምፍላይ**

ዒላማ :- ሳንቲም ብር ብሕብሮም፣ ብመጠኖምን ብስሞምን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ሳንቲም ብር ፣ ፎቶ ኮፒ ዝተገበሩ ሳንቲም ብር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ሓደ፣ሓሙሽተ፣ዓሰርተ ሳንቲም ብር ምርኣይ
- ዝፈለጥዎም ምኻኖም ምሕታት
- ፎቶ ኮፒ ዝተገበረ ምርኣይን ምሃብን
- ክሪእዎ ምምራሕን ሳንቲም ብር ብሕብሮም፣ብስሞምን ብመጠኖምን ፍልልዮም ክግንዘቡ ምግባር

ተፍትሽ :- ሳንቲም ብር ብሕብሮም፣ብመጠኖምን ብስሞምን ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፦ ሳናቲም ምፍላይ**

ዒላማ ፦ ሳናቲም ዓይነታት ብምስሎምን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ሳናቲም

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበራ፦**

- ዝተፈላለዩ ሳናቲም ብምሃብ ክንደይ ክንደይ ከምዝኾኑ ምሕታት
- ሓዲኦም ካብ ሓዲኦም ብምንታይ ከምዝፍለዩ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ክርድኡ ምግባር
- እንታይ ክግዘኣሎም ከምዝከኣል ምሕታትን ምምይያጥን

**መዘክር** ፦ እዚ ተግባር ኣብ ሓደ ክፍለ ጊዜ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዝተፈላለየ ግዘ ብዝተፈላለዩ ፀወታት ብምስራሕ ግንዛበኦም ምጉልባት የድልዩ፡፡

ተፍትሽ ፦ ዓይነታት ሳናቲምን ስእሎምን ምፍላይ ምጅማሮም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፦ ምስልታት ሳናቲም ኣብ ወረቐት ምስኣል**

ዒላማ ፦ ስእልታት ሳናቲም ኣብ ወረቐት ይስእሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ወረቓቕቲ እርሳሳት፣ ሳናቲም

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ወረቐት ኣብ ሳናቲም ብምግባር ብእርሳስ ናብ ሓደ ኣንፈት ቀስ ኣቢልካ ብምፅቃጥ ምስሎም ከመይ ከምዝወፅእ ምርኣይ
- ሕድሕዶም ሳናቲምን ወረቐትን ምሃብ ብዝረኣይዎ መሰረት ክሰርሑ ምግባር
- እንትዛዝሙ ክንደይ ሳናቲም ከምዝሰርሑ ንመሓዙቶም ብምርኣይ ክዛረቡ ምግባር
- ኣብ መወዳእታ ተመሳሰልቲ ሳናቲም ኣብ ሓደ ብምግባር ኣብ ዓብዪ ወረቐት ምልጣፍን ንምርኢት ኣብ ምችዊ ቦታ ምስቃል

ተፍትሽ ፡-ስእሊታት ሳናቲም ብምስኣል ብምስራሕ ፍልልዮም ምግንዛብን ምግምጋምን፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ዓይነታት ገንዘብን ስእሎምን ምፍላይ**

ዒላማ ፡-ዓይነታት ገንዘብን ስእሎምን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-** ፎቶ ኮፒ ዝተገበሩ ኖታት ብር

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ፎቶ ኮፒ ዝተገበሩ ኖታት ብር በብጠረጴዛኦም ኖታት ብር ብምሃበ ብኩረት ክሪኡ ምግባር
- ሓዲኦም ካብ ሓዲኦም ብምንታይ ከምዝፈላለዩ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምንቕቓሕ
- መልሶም ድሕሪ ምድማፅ ብስእሎም ከመይ ከምዝፍለዩ ብምርኣይ ምግላፅ

ፀወታ ‹‹ድንኳን ድንኳን›› ክፃወቱ ብምግባር ምጥንኻር

ተፍትሽ ፡- ዓይነታት ገንዘብን ስእሎም ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

## 2.4.5 ቅጥዓ መከታተሊ ትዕዝብቲ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ መስሩዕ---------------------------------------------------

ስም ህፃን---------------------------------------- ዕድመ ------------- ፆታ --------

ስም መምህር -------------------------------------------- ዓመት ምሕረት ------------

ብዛዕባ እቲ ህፃን ዝግበር ምልከታ ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ በቲ ቅጥዒ ትዕዝብቲ ኣብ ዝብል ትሕቲ ይመዝግብዎ

እቶም ደረጃታት፡-

1/ ምምሕያሽ ዘድልዮ--------------------------------------------------------------

2/ ካብ ዝተቐመጠ ብቕዓት ዝተረኸበ---------------------------------------------------

3/ ካብ ዝተቐመጠ ንላዕሊ ዝተረኸበ-------------------------------------------

መተሓሳሰቢ ፡- ሰንጠረዥ ክትትል ኣብ ዓመት መጀመርታ፣ ፍርቂ ዓማትን መወዳእታ ዓመትን ክምላእ ኣለዎ፡፡

| ሽቶ | ትዕዝብቲ/ዑደት | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመርታ ዓመት | ፍርቂ ዓመት | መወዳእታ ዓመት |
| 1. ባህርይ ኣቕሑ መፍለይኦም ምርዳእን ምፍላይን | | | |
| 1.1ኣብ መንጎ ዝተፋላለዩ ኣቕሑን ቅርፅታትን ዘሎ ተመሳሳላይነትን ፍልልይን ምውፃእ ይኽእሉ | | | |
| 2. ነገራት ብመሰረት ባህርኦም ምውድዳር | | | |
| 2.1.ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ዝምድናን ቅደም ተኸተል ብዝሓለወ መልክዑ ምርኣይ ይኽእሉ | | | |
| 3. ምፍላጥ ቁፅርታት፣ ምግላፅ፣ ዝምድናኦም ምርዳእን ቀሊል ሜላታት ምስራሕ | | | |
| 3.1. ካብ 1-20 ኣቕሑን ቁፅርታትን ምቑፃር ይኽእሉ | | | |
| 4.ብዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ዝኾነ መለከዕን መስፈርታትን ምጥቃም | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 4.1 ኣብ መንጎ ቦታን መጠንን ዘሎ ፍልልይ ምሕባር ይኽእሉ | | | |
| 5. ኣምር ግዘ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃም | | | |
| 5.1. መዓልትታት ሰሙን ኣዋርን በዓል /ፍሉይ መዓልትን ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 6. ኣምር ቦታ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃም | | | |
| 6.1. ሰባት፣ ኣቕሑ ከባብን መሰረት ብምግባር ቦታን ርሕቐትን ምግላፅ ይኽእሉ | | | |
| 7. ምፍላጥ ገንዘብ፣ ምፍላይ፣ምግላፅን ምሕባርን | | | |
| 7.1 ዓይነታት ገንዘብን ስእሎምን ምፍላይ ይኽእሉ | | | |

## 2.5 ምስ ከባቢ ብዝህሉ ርክብ ከባቢኻ ብግቡእ ምፍታሽን ምስትምቓርን

2.5.1. መብርሂ

ኣብ አፀደ ህፃናት ክሊ ዕድመ ዘለዉ ህፃናት ካብ ዘሎ ግዘ ንላዕሊ ዝበለፀ ሓዲሽ ነገር ንምፍላጥን ንምምሃርን ልዑል ድሌትን ሃንቀውታን ዘለዎም እንትኾኑ ስምዒት ኣካሎምን ቋንቋን ብምጥቃም ከባቢኦም ምፍታሽ፣ ምፍላጥን ምርዳእን ዝጅምረሉ፤ ሓደሽቲ ኣምራት ዝመሃርሉን መበገሲ ነገራትን ውፅኢት ምእላሽ ዝጅምረሉ ዕድመ እዩ፡፡

ስለዚ መምህራን ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ፡-

- ህፃናት ዝተመጣጠነ ምግቢ ክረኽቡ ንወለዲ ብምንቃሕ ምስትምሃር
- ኣካላት ስምዒቶም ብግቡእ ብምጥቃም ባህርይ ነገራት ክርድኡ ደገፍ ምግባር
- ከባቢኦም ብምስትውዓል ክዕዘቡን ክምርምሩን ዕድል ምሃብ
- ብኣእዳዎም ዝተፈላለዩ ፈተነታት ክትግብሩን ዝፍጠር ለውጢ ክረድኡ ምግባር
- ንዝሓትዎም ሕቶ ግቡእ መልሲ ብግዘኡ ብምሃብ ደገፍ ምግባር ይህብዎም፡፡

2.5.2 **ሓፈሻዊ ዓለማታት**

ኣእምሮ ህፃናት 90 ሚኢታዊ ዝምዕብል ክሳብ 6 ዓመት ኣብ ዘሎ ዕድመ ከምዝኾነ መፅናዕትታት ይገልፁ እዮም፡፡ ዝተመጣጠነ ምግብን መነቓቐሕን ኣእምሮ ህፃናት ምምዕባል ወሰንቲ እዮም፡፡

1. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣዊ ነገራት ብባህርኦም ክፈልዩ ምግባር

2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት ወሃብቲ ቦታትን ሰባትን ዝህብዎ ግልጋሎት ክፈልጥዎን ዝንበለ ምፍታው ሃገር ክሓድሮም ምግባር

3. ከባቢኦም ብፅሬት ምሓዝ ክለማመዱ ባዕልኻ ንኻልኦት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ንምክልኻል ፈተነ ምግባርን ክለማመዱ ምግባር

4. ስእልታትን ቅርፅታትን ብምስራሕ ክእለት ምህዞ ክምዕብልን ኣብ ደረጃኦም ዝተፈላለዩ ፈተነታት ብምስራሕ ባህርይ ነገራት ክርድኡ ምግባር

2.5.3 ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢትን ብቕዓትን

1. ከባቢኦም ብምፍታሽ ምርዳእ

ኣብ ገዛኦምን ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕን ዝርከቡ ሰባትን ተፈጥሮአውን ሰብ ስራሕ ነገራትን ምርዳእ ይኽእሉ

2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታትን ምርዳእን ምድናቕ

ኣብ ከባቢኦም ብዛዕባ ዝርከቡ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ

ዝንባለ ምፍታው ሃገር የሕድሩ

3. ከባብ ከመይ ምክንኻን ከምዝከኣል ምርዳእን ምክንኻንን

ከባቢ ብፅሬት ምሕላው ይኽእሉ

4. ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምርዳእ ጥንቃቐ ምውሳድን

ባዕልኻን ካልኦትን ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምክልኻል ይኽእሉ

5. ኣምር ምንቅስቓስ ምርዳእን ፈተነ ምግባር

5.1. ጎማታት መኪና መጠን ብዝሓት ጥቕምን ምዝራብ ይኽእሉ

6. ብስነስእልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣርን ምድናቕን ባዕልኻ ምግላፅን

ስእልታትን ቅርፃ ቅርፅታትን ምስራሕ ይኽእሉ

2 5.4 ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ብቕዓታትን፣ መሳርሕታት መምሃሪ መስተምሃርን ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራን

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 1.ብቐረባ ከባቢኦም ምፍታሽን ምፍላጥን | ኣብ ገዛኦምን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ዝርከቡ ሰባት፣ተፈጥሮአውን ሰብ ስራሕ ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ብቐረባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ምፍላይ**

*ዒላማ* ፡-ብቐረባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ኣብ ኣፀደ ህፃናት ዝርከቡ መምህራን፣ ሞግዚታት፣ ዕሬትን ዋርድያ ሰራሕተኛታት ብስም፣ ብመልክዕ፣ ብፆታን ብሙያኦምን ክፈልዩ ምግባር

**ንኣብነት**፡- ብሕንቅሕንቂሊተይ ‹‹ኣነ ኩሉ ግዘ ህፃናት በይኖም ካብ ቐፅሪ ከይወፅኡ ኣብ በሪ ጠጠው ኢለ ዝሕሉ እዬ ኣነ መን እዬ?››

*መልእኽቲ ብምልኣኽ ‹‹ ንመምህር……… እዙይ ሃብያ ኢልኪ ንገርያ/››*

ብሕቶ ‹‹ኣነ ንዓትኩም እንተምህር ንዓኹም እርሳስ እትፀርብሉ እርሳስ እትህበኩምን መን እያ?››

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ብስም፣ ብመልክዕ፣ ብፆታን ብሙያኦምን ምፍላይ ምኽኣሎም ሕንቅሕንቅሊተይን ሕቶታትን ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ ፡- ንደቂ ክፍልሎም ምፍላይ**

*ዒላማ* ፡- ኣብ ክፍልሎም ዘለዉ ህፃናት ብስምን ብመልክዕ ይፈልዩ፡፡

*ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ* ፡- ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣቕሑ ወይ መፃወቲታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንሕድሕድ ህፃን በብተራ ክልተ ኣቕሓ ምሃብ
- ስም ክልተ ህፃናት ብምዝራብ ነቲ ኣቕሓ ክህብ/ክትህብ ምግባር
- ትኽክል ምዃንን ዘይምዃንን ደቂ ክፍልኹም ከረጋግፁ ዕድል ምሃብ

ተፍትሽ ፡- ኣብ ክግልኹም ዘለዉ ህፃናት ብስምን ብመልክዕ ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፡-ስም ወለድን ሙያን ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ስም ወለድን ሙያን ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- ህፃናት በብተራ እናተስኡ ስም ወለዶምን ሙያኦም ክዛረቡ ምግባር
- እንተክቢድዎም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ደገፍ ምግባር
- ሙያ ወለዶም ዘይፍልጡ ህፃናት እንተሊዮም ወለዶም ሓቲቶም ኣብ ዝቕፅል ክፈለ ግዘ ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ስምን ሙያን ወለዶም ምፍላይ ምኽኣሎም ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- መፀወዒ ስም ኣቕሑን መፃወትን ምፍላይ**

ዒላማ ፡- መፀወዒ ስም ኣቕሑን መፃወትን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ኣብ ውሽጢ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፂኢን ዝርከቡ መፃወቲታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- በብግዘኡ ኣብ ክፍልን ውሽጢ ቀፅርን ዘለዉ መፃወቲታት ክፃወቱ ዕድል ምሃብ
- ድሕሪ ፀወታ እንታይ ከምዝተፃወቱን ብምንታይ ከምዝተፃወቱን ብምሕታት ምዝኽኻር
- ክእለቶም ክመዕብሉን ንቶም ፀወታታትን ስም መፀወዒ ፀወታታትን ክፍልጡ ምግባር

*ተፍትሽ :- ኣቓሑ መፃወትን ስም መፀወዒ ፀወታታትን ምፍላጠም ምርግጋፅ፡፡*

**ተግባር ሓሙሽተ :-** ስምን ረብሓን ተኽልታትን ምግንዛብ

*ዒላማ :- ስምን ረብሓን ተኽልታትን ይፈልዩ፡፡*

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** *:- ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ዘለዉ ትኽልታት*

***ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ :-***

- *ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ዘለዉ ተኽልታት ብትኹረት ክዕዘቡ ምግባር*
- *መፀወዒ ስም ተኽልታትን ዝህብዎ ረብሓን ብምሕታትን ምምይያጥን*
- *ኣብ ዝነብርሉ ከባቢ ምንባሮም ብምሕታት ክዛቡ ምግባር*

***መዘከርታ*** *:-ነዚ ኣብ ዝተፈላለየ ግዘ ምስራሕ ይግባእ፡፡*

*ተፍትሽ :- መፀወዒ ስም ተኽልታትን ረብሓ ምፍላዮም ምግምጋም፡፡*

**ተግባር ሽዱሽተ :-** ምክንኻን ተኽልታት

*ዒላማ :- ተኽልታት ብምክንኻን ዝረኣ ለውጢ ይርድኡ፡፡*

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** *:- ፈልሲ ትኽልታት፣ መስተዪ ማይ ተኽልታት፣ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድ፣ ጣሳ፣ባልዲ*

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡-**

- ሰደቓ ተረኽነት ምድላው
- ህፃናት መሰረት ብተራኦም ኣብ ውሽጢ ቀፅሪን ክፍልን ዘለዉ ተኽልታት ምክንኻን ምግባር
- ኣብ ትኽልታት ዝረኣዩ ለውጥታት ክከታተሉን ክርድኡን ምግባር

**መዘከርታ ፡-** ኣብ ውሽጢ ክፍልን በርን ከባቢ ኣብ ፕላስቲክ ኣቕሓ ወይ ኣብ ቆርቆሮ ተኽልታት ምትካል የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- ተኽልታት ብምንክብኻብ ዝረአ ለውጢ ምግንዛቦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፡-** ተኽልታት ገደና ምፍለይ

ዒላማ ፡- ስም ተኽልታት ገደና ፣ሕብሪም፣ ቅርፂ፣ረብሓ ወዘተ… ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ተኽልታት ገደና ፣ ፍረምረ፣ ጥራምረ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ካብ ሰለስተ ዘይበለፁ ዝተፋለለዩ ተኽልታት ገደና ናብ ውሽጢ ክፍሊ ምምፃእ
- እቶም ህፃናት ብትኹረት ክዕዘቡ፣ከጨንውዎን ክድስስዎን ምግባር
- እንታይ ምዃኑ፣እንታይ ዓይነት ሕብርን ቅርፅን ከምዘለዎ ምሕታት
- ብምንታይ ዓይነት መንገዲ ንምግብነት ከምዝቀርብ ብምሕታት ክዛረቡ ምግባር

ንኣብነት ፡- እቲ ጥረ፣ ተቐልዩ፣በሲሉ ወዘተ…

ንምግብነት ዘገልግሉ ኩሎምን ተኽልታት ገደናን ተባሂሎም ዝፅውዑ ግንዛበ ክጭብጡ ምግባር

**መዘከርታ** ፡- በዚ ዓይነት መንገዲ ፍራምረን ጥራምረን ኣብ ቀፃሊ ክፍሊ ግዘታት ምፍላጥ የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- ስም ተኽልታት ገደና፣ሕብሪ፣ ቅርፂ፣ረብሓ ወዘተ... ፈልዮም ምፍላጣም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸሞንተ** ፡- እንስሳት ዘቤትን እንስሳት ዘገዳምን ምፍላይ

ዒላማ ፡- እንስሳ ዘቤትን እንስሳ ዘገዳምን ይፈልዩ፡፡

ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ፡- ስእልታት እንስሳት ዘቤት፣ ስእልታት ኣዕዋፍ

ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-

ዝተለመዱን ህፃናት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብአካል ብስእሊ ኮነ ብፊልም ርአምዎም ዝፈልጡ እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን ስእል ኣብ ረጒድ ክላሰር /ካርቶን/ ብምልጣፍ ችምድላው

እቶም ስእልታት ንሕድሕዶም ሓደ ሓደ ምሃብ

ንመሓዙቶም ኣብ ምርኣይ ከምዝኾኑን ኣበይ ከምዝነብሩን ብምሕታት ክዛረቡ ምብርትታዕ

**መዘከርታ፡-** ኩሎም ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ ስለዘይከኣል ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ትሽዓንተ** ፡- መነባብሮ፣ አመጋግባን ረብሓን እንስሳት ዘቤትን እንስሳት

ዒላማ ፡-መ ነባብሮ፣ አመጋግባን ረብሓን እንስሳት ዘቤት ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ስእልታት እንስሳት ዘቤት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ካብ 3 ዘይበልፁ ስእልታት እንስሳት ዘቤት ምርኣይ
- መነባብሮን ፣ ኣመጋግባን ረብሓን እንስሳት ዘቤት ብምይያጥ ዝፈልጥዎ ኩሉ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ
- መልሶም መሰረት ብምግባር መነባብሮ ፣ኣመጋግባኦምን ረብሓኦም ከምዝፈላለዩ እንስሳት ዘቤት ግንዛበ ምጭባጥ
- "እንስሳት ዘቤት ምዝመማር ይኽእሉ፡፡" ዝብል መዝሙር ብዝማር ምጥንኻር

**መዘከር** :- በዚ ዓይነት እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ምፍላጥ የድሊ፡፡ ከምኡውን ኩሎም እንስሳት ዘቤት፣ እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ብሓደ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ ስለ ዘይካል ብዝተፋላየ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ የድሊ፡፡

ተፍትሽ :- መነባብሮ ፣ኣመጋግባን ረብሓን እንስሳት ዘቤት ምርዳኦም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ** :- መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳት ዘገዳም ምርዳእ

ዒላማ :-መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳት ዘገዳም ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ስእልታት እንስሳት ዘገዳም

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ካብ 3 ዘይበልፁ ስእልታት እንስሳት ዘገዳም ምርኣይ
- መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳት ዘገዳም ብምምይያጥ ዝፈልጥዎ ኩሉ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ
- መልሶም መሰረት ብምግባር እቶም እስሳት ብመነባብሮኦምን ብኣመጋግባኦምን ከምዝፈላለዩ ግንዛበ ምጥባጥ
- እቶም እንስሳት መሰረት ዝገበረ ሕንቅሕንቅሊተይ ብምሕታት ምጥንኻር

> **መዘከርታ ፡-** ኩሎም እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ብሓደ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ ስለ ዘይካኣል ብዝተፈላለየ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ ተድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳት ዘገዳም ምርዳኦም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሓደ ፡-** መነባብሮን ኣመጋግባን ኣዕዋፍ ምርዳእ

ዒላማ ፡- መነባብሮን ኣመጋግባን ኣዕዋፍ ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ስእልታት ኣዕዋፍ፣ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ዝረኣይዎም ስእልታት ዝተፋላለዩ ኣዕዋፍ ንቶም ህፃናት ብምሃብ ሕብራዊ እርሳስ/ከለር ክለኽዎም ምግባር
- ዝለኽይዎ ስእሊ እንታይ ከምዝኾኑ፣ኣበይ ከምዝነብሩን ኣመጋግባኦም ብምሕታት ክዛረቡ ምብርትታዕ
- "እና ዒፍ ክኽውን እዩ" ዝብል መዝሙር ብምዝማር ምጥንኻር

ተፍትሽ ፡- ብዛዕባ ኣዕዋፍ መነባብሮን ኣመጋግባን ምርዳእ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ክልተ ፡- ውላዳት እንስሳ ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ውላዳት እንስሳ ይፈልዩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ስእልታት እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን ፣ ስእልታት ኣዕዋፍ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ህፃናት ነቶም እንስሳት ውላዶምን ክፍልዩ ውላደይ ኣበይ ኣሎ ትብልኩም ኣላ? ዝብል ፀወታ ከምዝስዕብ ምፅዋት
- ዝተፈላለዩ እንስሳትን ውላዶም ዘርኢ ስእሊ ኣብ ረጕድ ካርቶን ብምልጣፍ ምድላው
- ስእሊ ውላዳት እንስሳት ንሕድሕድ ህፃን ምሃብ
- መምህር ናይ ሓደ እንስሳ ውላድ ምስሊ/ስእሊ ዝሓዘ ህፃናት ኣብዙይ ኢና ኣብዙይ ኢና እናበሉ ብምውፃእ ንስእሎም ልዕል ኣቢሎም ብምሓዝ ኣብ ኣብ ጎኒ መምህር ጠጠው ክብሉ ምግባር
- ዝተሰሓሓቱ እንተሊዮም ናይ ባዕሎም ምስሊ/ስእሊ ምስ መምህር ከወዳድሩን ስሕተቶም ክእርሙ ብምግባር ምፅዋት

ተፍትሽ ፡- ውላዳት እንስሳት ምፍላይ ምኽኣሎም ነቲ ስራሕ ብምክትታል ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሰለስተ**፡-ብዛዕባ መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳ ምርዳእ

- **ዒላማ** ፡- ብዛዕባ መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳ ይርዳኡ፡፡

- **ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ስእልታት እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን፣ስእልታት ኣዕዋፍ

- **ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-
- ንህፃናት ናብ እንስሳት ዝርከብሉ ቦታ ሽርሽር /ጉብኝት/ምውሳድ
- **ንኣብነት**፡- ፀቅሪ ኣንበሳ
- መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳት ክርኢ ምግባር
- ብድሕሪ ምርኣዮም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብዛዕባ ዝረኣይዎ ነገር ምምይያጥ

**መዘከርታ** ፡- ቅድሚ ንምርኣይካ ምኻዶም ኣባይ፣መኣዝ፣ ንምታይ፣ከመይ ከምዘከዱን ብዓቕሞም ክገብርዎ ዝግበኦም ጥንቃቐ ኣቐዲሞም ምግላፅ የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- ብዛዕባ መነባብሮን ኣመጋግባን እንስሳት ምርዳኦም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ኣርባዕተ** ፡- ባህርን ምቅስቓስን እንስሳት ምፍላይ

ዒላማ ፡- ባህርን ምቅስቓስን ዝተፈላለዩ እንስሳት ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ሎቶ/ዶሚኖስ እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባበራ :-**

- ዝተፈላለዩ ሎቶ/ዶሚኖስ እንሰሳት ኣዳሊኻ ብምሃብ ክፃወቱ ምግባር
- ዝኀደለ ፍሉጥ ሕንቅሕንቅሊተይ ብምፅዋት ምዋንኻር
- ዝተፋላለዩ ምንቅስቃስን ባህርን እንሰሳት ዝገለፁ መዝሙራት ብምዝማር ምልእክኽቲ ክርድኡ

  **ንኣብነት፡-** ንቐፃሊ ---ክኸውን እዩ፣ ቀስ ብቐስ እታ ሳርዬት፣ ኩሎም እንሰሳት፣ ጉረኛ ማንቲለ ወዘተ...

ተፍትሽ :- ዝተፋላዩ ምንቅስቃስን ባህርን እንሰሳት ምፍላዮም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር C ሓሙሽተ-** ስእልታት እንሰሳን ኣፅዋፍን ሕብሪ ምልካይን ቀዲድካ ምውፃእን

ዒላማ :- ስእልታት እንሰሳን ኣፅዋፍን ሕብሪ ይለኽዩ ክምኡውን ነቲ ቅርፂ ብምቕዳድ የውፅኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ዝተፈላለዩ ስእልታት እንሰሳትን ኣፅዋፍን ሕብራዊ እርሳስ፣ መቐስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ዝተፈላለዩ ስእሊ እንሰሳትን ኣፅዋፍን ብምሃብ ሕብሪ ክለኽዩን ቅርፆም ቀዲዶም ከውፅእዎ ምግባር
- እንትዛዝሙ ሕብሪ ዝለኸይዎን ዘውፅእዎ ቅርፂ ስእሊ እንስሳትን ኣፅዋፍን ንመሓዘቶም ብምርኣይ እንታይ ስእሊ ከምዝኾነ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ
- ትኽክል ምዃኑን ዘይምዃኑን መሓዙቶም ክግምግሙ ምግባር

ተፍትሽ :-ሕብሪ ዝተለኸይዎም ስእልታት እንስሳትን ኣፅዋፍ ቅርፆም ቀዲዶም ምውፃእ እንትሰርሑ ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸዱሽተ ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድን ሑፃን ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድን ሑፃን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ቀይሕን ቀሊምን ሓመድ፣ ሑፃ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድን ሑፃን ምድላው
- እቶም ህፃናት ብኣእዳዎም ብምትንካፍ እንታይ ከምዝኾነን ክፈልዩ ክዛረቡ ምግባር
- ኣብ ከባቢኦም ከምዘለዉን ከምዘየለዉን ፣ ንምታይ ግልጋሎት ከምዝውዕሉብምሕታትን ብምምይያጥን ግንዛበ ክጭብጡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓመድን ሑፃን ዘሎ ፍልልይ ምምዝጋብ ምጅማሮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸውዓተ፡-** ብዛዕባ ፀሓይ ምዝራብ

ዒላማ ፡- ብዛዕባ ፀሓይ ዝፈልጥዎ ይዛረቡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ስእሊ ፀሓይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንቶም ህፃናት ፀሓያማ ኣብ ዝኾነ መዓልቲ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ሒዞምዎም ብምውፃእ ሰማይ ክርእይዎን ዝረኣይዎ ዝተዓዘብወን ምግባር
- ፀሓይ ኩሉ ግዜ ኣብ ሰማይ ከምትነብርን ከምዘይትነብርን ምሕታት ፀሓይ መኣዝ ከምትወፅእን እንተዘይትህሉ ክንዲ ፀሓይ እንታይ ከዝምትካእ ብሕቶ ምምይያጥ

- ፀሓይ ኣብ ዝዝምረሉ መዓልቲ ኣብ ሰማይ ዝረአ ለውጥን ረብሓ ፀሓይ ብምሕታት ምምይያጥን ግንዛበ ክጭብጡ ምግባር

ተፍትሽ :- ብዛዕባ ፀሓይ ምዝራብ ምኽኣሎም ብሕቶ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዓሰርተ ሸሞንተ :- *መግለፅታት ፀባይ ኣየር***

*ዒላማ :- መግለፅታት ፀባይ ኣየር ይፈልዩ፡፡*

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ወረቐት፣ ንብረት ኣየር ዝገልፁ ስእልታት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳሳት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ብኣብ ዓብዪ ረጕድ ወረቐት መግለፂታት ፀባይ ኣየር ዘርኢ ስእሊ ብዝስዕብ መንገዲ ምስኣል
- ነቲ ወረቐት ብዓብዪ ክቢ ቆሪፅካ ብምውፃእ እኩል ኣርባዕተ ቦታ መቒልካ ምስማር
- ብሕድሕዱ ኣብ ክፋል ፀሓያማ፣ደመናማ፣ንፋሳማን ዝናባማን መዓልቲ ዘርኢ ስእሊ ምስኣል

ንኣብነት፡-

- ፀሓያማ :- ኣብ ዕርይ ዝበለ ሰማይ ንፀሓይ ብብጫ ሕብሪ ምስኣል፡፡

**ደመናማ** :- ነቲ ሰማይ ሓላ ሓሊፉ ፅልም ዝበለ ፅዕድው ዝበለ ሕብሪ ብምልካይ ፀሓይ ብደበና ተሸፊና ዘርኢ ስእሊ ምስኣል

**ነፋሳማ** :- ኣእዋም፣ኣቑፅልቲ ናብ ሓደ ኣንፈት ተኣኪቦም ዘርኢ ስእሊ ምስኣል

**ዝናባማ** :- ዝፅለመ ሰማይ ዝናብ ጠብታ ማይን ፅላልን ዝሓዙ ሰባት ብምስኣል ምድላው

ካርቶን ብክቢ ብምቁራፅ ማእከል እቲ ክቢ ንእሽቶይ ዝንቀሳቀስ ኣንፈት ሓባሪ ምትሕሓዝን ንህፃናት ኣብ ዝረአ ምችዊ ዝኾነ ቦታ ምልጣፍ

ንሕድሕዱ ፀባይ ኣየር ሓባሪት ብምምልካት ኣብቲ ስእሊ እንታይ ከም ዘስተውዓሉ ብምሕታተ ጠባያት ኣየር ክዛረቡ ምግባር

**መዘከር** ፡- በብመዓልቱ ንዚ ስእሊ ብምርኣይ ፀባይ ኣየር እቲ ዕለት ክዛረቡ ምግባር፡፡

ተፍትሽ ፡- *መግለፅታት ፀባይ ኣየር ምርኣእ ምኽኣሎም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡*

**ተግባር ዓሰርተ ትሽዓንተ** ፡- ብዛዕባ ኣናእሽተይ ነብሳት ምርዳእ

*ዒላማ* ፡- ስም ኣብ ውሽጢ ገዛን ኣብ ከባቢ ገዛን ክርከቡ ዝኽእሉ ነብሳት፣መነባብሮን ኣመጋግባን ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- *ሃመማ፣ ፃፀ፣ሳሬት፣ድድዕ፣ ዓሶ ዝመሳሰሉ ስእልታት ነብሳት*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ** ፡-

- ዝተፈላለዩ ኣብ ውሽጢ ገዛን ኣብ ከባቢ ገዛን ክርከቡ ዝኽእሉ ስእሊ ነብሳት ምርኣይ

**ንኣብነት**፡- *ሃመማ፣ ፃፀ፣ሳሬት፣ድድዕ፣ ዓሶ ወዘተ…*

- ብዛዕባ መነባብሮን ኣመጋግባን ግንዛበ ክህልዎም ምግባር
- ኣብ ውሽጢ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን ኣናእሽቶይ ነብሳት ምስቶም ህፃናት ሓቢርካ ምእላሽ

**ንኣብነት**፡- ኣብእግሪ እምኒ ፣ኣብ ግድግዳ፣ ኣብ ኣእዋም ወዘተ…

- *ነቶም ነብሳት ቅርብ ኢሎም ክዕዘብዎም ምግባርን እቶም ህፃናት ዝረኣይዎ ክዛረቡ ምብርትታዕ*

ተፍትሽ ፡- ስም ኣብ ውሽጢ ገዛን ኣብ ከባቢ ገዛን ክርከቡ ዝኽእሉ ነብሳት፣ *መነባብሮን ኣመጋግባን ምርዳእ ምጅማሮምን ምርግጋፅ፡፡*

**ተግባር ዒስራ ፡- ምጥሓልን ምንስፋፍን ምርዳእ**

ዒላማ ፡- ፍልልይ ምጥሓልን ምስፋፍን ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዓሚቕ ብርሃን ዘርኢ ሻሓነ ፕላስቲክ ወይ ባልዲ፣ቅልል ዝበሉ ከንሳፍፉ ወይ ከጥሕሉ ዝኽእሉ ኣቕሑ፣ ማይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ነቶም ህፃናት ካብ ክፍሊ ወፃኢ ኣብ ውሽጢ ቀፅርን ብምዝውዋር ዝረኸብዎም ዝወዳደቑ ኣቑፅልቲ፣ ፍረምረ ኦም፣ ፀፀራት፣ ቆርኪታት ወዘተ…ክእክቡ ምግባር
- ኣብ ዓብዪ ዓሚቕ ሻሓነ ውሽጢ ማይ ምግባር
- ኩሎም ህፃናት ዝረኸብዎን ነገር ኣብ ውሽጢ ማይ ብምውሳኽ ዝስዕብ ለውጢ ከስተውዕሉን ክዛቡን ምግባር
- ኣየኖት ከምዝጠሓሉን ኣየኖት ከምዝተንሳፈፉን ምምይያጥ

ተፍትሽ ፡- ፍልልይ ምጥሓልን ምንስፋፍን ምርዳእ ምኽኣሎም ፈተነ እንትገብሩ ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ዒስራን ሓደን ፡- ዝሰምጡን ዝሳፈፉን ኣቕሑ ምፍላይ**

ዒላማ ፡- ዝሰምጡን ዝሳፈፉን ኣቕሑ ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ዓሚቕ ኽእሉ ኣቕሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ‹‹ናይ መን እንታይ ኮነ?›› ዝብል ፀወታ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብዝስዕብ መንገዲ ብምኽያድ ባህር ኣቕሑ ክርድኡ ምግባር
- ንኩሎም ህፃናት ሓደ ብሓደ ኣቕሓ ምሃብ

ንኣብነት፡- ላጺስ፣ ቆርኪ፣ ቁልፊ በሪ፣ ቁልፊ ክዳን፣ ካብ ወረቐት ዝተሰርሐ

መርከብ፣ ንእሽቶይ ፕላስቲክ ኲዕሶ፣ ክዳን ሃይላንድ  ወዘተ…

- ንቶም ህፃናት ኣብ ዝረአ ምችዊ ቦታ ብርሃን ብዘመሓላልፍ ዓሚቕ ሻሓነ ማይ ብምግባር ኣብ ጠረጴዛ ምቕማጥ
- ኩሎም ህፃናት እናተሰኡ ኣብ ኣእዳዎም ዝሓዝዎ ኣቕሑ እንታይ ከምዝኾነ ብምርኣይን ብምንጋርን ናብ ውሽጢ ማይ ምውሳኽን ነቲ ውዕኢት ንመሓዞቶም ከምዙይ ብምባል ክዛረቡ ምብርትታዕ

ንኣብነት :-ናተይ ወረቐት መርከብ ተንሳፊፉ፣ ናተይ ቁልፊ ገዛይ ጥሒላ

ተፍትሽ :- ዝጥሕሉን ዝንሳፈፉን ኣቕሑ ብፈተነ ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

| ትዕቢት ዝግበረሉ ውዕኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ኣብ ከባቢኦም  ዝርከቡ ተደለይቲ ቦታታት ምፍላጥን ምድናቕን | ኣብ ከባቢኦም ብዛዕበ ዝርከቡ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ** :-ትካላት መውሃቢ ግልጋሎለት ምፍላይ

ዒላማ  :-  ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ይፈልዩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :-ስእልታት፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳሶች/ከለራት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ**:-

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ቦታታት ምህላዎም ምሕታት

  **ንኣብነት**:- ድንኳን/ሹቅ፣ ቤትት/ቲ፣ ፖሊስ ጣቢያ፣ ሕክምና፣ እንዳ መድሓኒት፣ እንዳ ጥሕኖ/መጥሓን ወዘተ

- ኣብ መውሃቢ ግልጋሎት ቦታታት ስእልታትን ምልክታትን ብምርኣይ ምምይያጥ

- ንኩሎም ህፃናት ስእልን ሕብራዊ እርሳስን ምሃብ
- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መወሃቢ ትካትል ሓደ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- እንትዛዝሙ ንመምህር ከርእዩን እንታይ ከምዝለኸዩን ክዛረቡ ምብርትታዕ

**መዘከር፡-** ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ንኩሎም ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ምፍላጥ ስለዘኸእሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ግዘ ክፍላጡ ምግባር የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ምፍላይ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ** ፡-ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ምጉብናይ/ምህዋፅ

ዒላማ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ይጉብንዩ/ይህውፁ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ስእልታት፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ከለራት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ቦታታት ምህላዎም ምሕታት

ንኣብነት፡- ሱቅ፣ ቤት ት/ቲ፣ ፖሊስ ጣቢያ፣ እንዳ ሐኪም ፣ እንዳ መድኃኒት ፣እንዳ መጥሓን ወዘተ

- ግልጋሎት መውሃቢ ቦታታት ስእልታትን ምልክታትን ምርኣይ
- ንኩሎም ህፃናት ስእልን ሕብራዊ እርሳስን ምሃብ
- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መወሃቢ ትካላት ንሓደ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- እንትዛሙ ንመምህር ከርእዩን እንታይ ከምዘቅረቡ ክዛረቡ ምብርትታዕ

**መዘከር** ፡- ኣብ ክፍለ ግዘ ኩሎም ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ምፍላጥ ስለዘይኽእሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ግዘ ክፋለጡ ምግባር፡፡

*ተፍትሽ :- ድሕሪ ምስ ኀብነዩ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ምፍላዮም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፡፡*

**ተግባር ሰለስተ** :- ተግባራት ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ምርዳእ

*ዒላማ :-ተግባራት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ይርድኡ፡፡*

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-*

- *ዝተፈላለዩ ትርጉም ዝህቡ ታሪኻት ብምንጋር ዝተፈላለዩ ተግባራት ግልጋሎት መውሃ ቦታታት ክርድኡ ምግባር*

ንኣብነት፡-

- ካብ መዓልትታት ሓደ ሓጎስ ከብዱ ሐሚሙ ንምሕካም ናብ ጋራጅ ከደ ድሕሪኡ እንትጠምዮ ድማ ምግቢ ንምብላዕ ናብ ፖሊስ ጣቢያ ከደ ቀፂሉ ቦርሳኡ ሒዙ ትምህርቱ ንምምሃር ናብ ዕዳጋ ከደ ወዘተ… እናበለ ብምዝራብ ትኽክልምኚኑን ዘይምኚኑን ብምሕታት ኣብ ኣየናይ ቦታ እንታይ ዓይነት ግልጋሎት ምርካብ ከምዝኽእሉ ብምይያጥ ግንዛበ ክጭብጡ ምግባረ

*ተፍትሽ :- ዝጥሕሉን ዝሳፈፉን ኣቕሑ ብፈተነ ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡*

**ተግባር ኣርባዕተ** :-ተግባራት ሰብ ሙያታት ምፍላይ

*ዒላማ :- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላትን ተግባራትን ሰብሙታት ይፈልዩ፡፡*

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ዝተፈላለዩ ሰብሙያታት ግልጋሎት ዝህብሉ ቦታታት ዘርእዩ ስእልታት*

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ዝተፈላለዩ ሰብሙያታትን ግልጋሎት ዝወሃበሎም ቦታታትን ዝርእይሉ ስእልታት በብጠረጴዛኦም ብምሃብ ብልሙያን ትካላት ምዝማድ ክፃወቱ ዕድል ምሃብ
- ኣዛዶም ምስ ኣዛሙ ንምታይ ከምኡ ከምዘዛመዱ ከምዝሽኣሉ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምምይያጥ
- መልሶም መሰረት ብምግባር ኣብ ውሽጢ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ተቋማት ዝሰርሑ ሰብሙያታት ተግባር ንኽግንዘቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካል ሰብሙያታት ተግባራት ምግንዛቦም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ** ፡-ኣብ ተግበራት መሲልካ ፀወታ ሰብሙያታት ምፍላይ

ዒላማ ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ሰብሙያታት ተግባራት ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ንመሲልካ ምፅዋት ዘድልዩ ኣቕሑ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንመሲልካ ምፅዋት ፀወታ ብዝምቹ መልክዑ ነቲ ክፍሊ ምውዳድ
- ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ዝተፈላለዩ ዝረኣይዎምን ዝሰምዕዎን ግልጋሎት መውሃቢ ተግባር ትካላት ብፀወታኦም ግብሪ መልሲ ክህቡ ዕድል ምሃብ
- ኣብ ከይዲ ፀወታ ክትትል ብምግባር ተዳለዩ ኣብ ዝኾነ ቦታ ደገፍ ምግባር
- ድሕሪ ፀወታ እንታይን ከመይን ከምዝተፀዋቱ ብምሕታት ምጥቕላል

ተፍትሽ ፡- ኣብ ውሽጢ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ብዛዕባ ዝሰርሑ ሰባት ምግንዛቦም መሲሎም ፀወታኦም ብምምልካት ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 2. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተደለይቲ ቦታት ምፍላጥን ምድናቕን | ዝንባለ ፍቕሪ ሀገር የሕድሩ፡፡ |

**ተግባር ኣንድ ፡- ምፍላይ ሕብሪ ባንዲራ ኢትዮጵያ**

ዒላማ ፡- ሕብሪ ባንዲራ ኢትዮጵያ ይፈልዩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡-ሕብራዊ እርሳስ፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ባንዲራ ኢትዮጵያ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ባንዲራ ሃገርና እንታይ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዘለውዎ ምሕታት
- ባንዲራታት ዝተፈላለዩ ሃገራት ብምርኣይ ናይ ኢትዮጵያ ኣየናይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ብምግባር ባንዲራ ሃገርና ምርኣይ
- ንኩሉም ህፃናት ወረቐት እርሳስን በዓል ሕብሪ እርሳሳት ምሃብ
- ባንዲራ ሃገርና ክስእሉን ግቡእ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር
- ኣብ መወዳእታ ስሞም ኣብ ትሕቲ ብምፅሓፍ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ክልጥፉ ምግባር
- ባንዲራና ዝብል መዝሙር ብምዝማር መፀወዒ ስም ሀገርናን ሕብሪ ባንዲራኣን ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ሕብሪ ባንዲራ ኢትዮጵያ ምፍላዮም ዝሰኣልዎ ብምርኣይ ምግምጋምም፡፡

**ተግባር ክልተ :-ቅርፂ ካርታ ኢትዮጵያ ምፍላይ**

ዒላማ :-ቅርፂ ካርታ ኢትዮጵያ ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ሕብራዊ እርሳስ፣ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ካርታ ኢትዮጵያ፣ ፐዝል ካርታ ኢትዮጵያ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ንኩሎም ህፃናት ዝተፈላለዩ ሕብራዊ እርሳሳት ብምሃብ ዝፈትዎ ሕብሪ ክመርፁ ምግባር
- ካርታ ኢትዮጵያን ብምሃብ ብዝስርሕዎ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባርን ዝለኸይዎን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምልጣፍ
- ፐዝል ካርታ ኢትዮጵያ ክገጣጥሙ ብምግባር ምጥንኻር

ተፍትሽ :- ቅርፂ ካርታ ኢትዮጵያ ምፍላዮም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ :- ህዝብዊ መዝሙር ኢትዮጵያ ምዝማር**

ዒላማ :-ህዝባዊ መዝሙር ህዝብ ኢትዮጵያ ይዝምሩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** ባንዲራ ኢትዮጵያ ፣ ካሴት መዝሙር ኢትዮጵያ ሕዝብ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- መዝሙር ኢትዮጵያ ህዝብ ብምዝማር ብቃሎም ክሕዝዎ ምልምማድ

ተፍትሽ :- ህዝብዊ መዝሙር ኢትዮጵያ ብምዝማር ምልምማዶም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ንሃገርም ፅቡ'ቕ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ምፍላጥ**

ዒላማ ፡- ንሃገሮም ፅቡ'ቕ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ይፈልጡ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ**፡- ዝተለጠፈ ጥ ፎቶ ሰባት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ፎቶ ተፈለጥቲ ሰባት ብምርኣይ እንመን ከምዝኾኑን ርእምዎም ዝፈልጡ እንተኾይኖም ምሕታት
- ንኣብነት፡-ሙሩፅ ይፍጠር፣ ወርቅነሽ ኪዳነ፣ አበበች ጎበና ወዘተ...
- መልሶም ምስ ሰምዑ እዞም ተፈለጥቲ ሰባት ንሀገራና እንታይ ክምዝሰርሑ ብደረጃኦም ምግላፅ

**መዘከር፡-** ኣብ ሓደ ክፍለ ግዘ ኩሎም ተፈለጥቲ ሰባት ምፍላጥ ስለዘይኽእሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ግዘ ምፍላጥ ይግባእ፡፡

ተፍትሽ ፡- ንሃገሮም ፅቡ'ቕ ስራሕ ዘበርከቱ ሰባት ብፅቡ'ቕ ብተግባሮም ምፍላጣም ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢት | ብ'ቕዓት |
|---|---|
| ከባቢኦም ከመይ ምክንኻን ከምዝካኣል ምፍላጥን ምክንኻንን | ከባቢኦም ብፅሬት ምሓዝ ይኽእሉ |

**ተግባር ሓደ ፡- ረብሓ ምሕላው ፅሬት ምርዳእ**

ዒላማ ፡- ረብሓ ምሕላው ውለቃውን ከባብን ፅሬት ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ባንዲራ ኢትዮጵያ፣ ካሴት መዝሙር ኢትዮጵያ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ምስ ውልቀን ከባብን ፅሬት ዝተኣሳሰሩ ዜናታት፣ ተጓንፎታት፣ ታሪኻት ብምዝራብ ውልቀን ከባብን ፅሬት ምሕላው ዘለዎ ረብሓ ምምይያጥ
- ብዓቕሞም ውልቀን ከባብን ፅሬት ብዓቕሞም ከመይ ምሕላው ከምዘለዎም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕላው ዝፈልጥዎ ክዛረቡ ምግባር
- ውልቃውን ከባብን ፅሬት ረብሓ ብደረጃኦም ክዛረቡ ምግባር

ተፍትሽ :- ረብሓ ምሕላው ውልቃውን ከባብን ፅሬት ምርዳኦም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ክልተ** :-መሳርሕታት መሐለዊ ውልቀን ከባብን ፅሬት ምፍላይን ምፍላጥን

ዒላማ :- ንምሕላው ፅሬት ውልቀን ከባብን እንጥቀሞም መሳርሕታት ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢ ንፅሬት እንጥቀሞም ኣቕሑ /ስእሊ/፣ ወረቐት፣ እርሳስን ሕብራዊ እርሳስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣገባብራ** :-

- መሓለዊ ውልቀን ከባብን ፅሬት ኣቕሑ/ ንቶም ስእልታት ብምርኣይ እንታይ ከምዝኾኑን ንምታይ ግልጋሎት ከምዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምምይያጥ
- ድሕሪ መልሶም ምድማፅ ሕድሕድ ኣቕሑ ብምርኣይ መፀወዒ ስሙን ግልጋሎቱን ምግላፅ
- መሐለዊ ውለቀን ከባብን ፅሬት ስእልታትን ሕብራዊ እርሳስ ብምሃብ ንቶም ስእልታተ ሕብሪ ክለኽይዎም ምግባር
- ሲሎም እንትውድኡ ዝተለኸዩ ኣቕሑ ንመሓዝቶም ከርእዩን እንታይ ከምዝኾነን ንምታይ ግልጋሎት ከምዝውዕሉ ክዛረቡ ምብርትታፅ

**ተፍትሽ ፡-** ውልቃውን ከባብን ፅሬት ንምሕላው እንሕልዎም መሳርሕታት ምፍላዮም ምግጋፅ፡፡

**ተግባር ሶስት ፡- ፅሬት ጠረጴዛን ክፍልን ምሕላው**

**ዒላማ ፡-** ጠረጴዛኦምን ክፍሎምን ብዓቕሞም የፅርዩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ሰሌዳ ተረኽነት ፣ ማይ ዝተኣለኸ ንእሽቶይ /ጨርቂ/፣ ንእሽቶይ መፅረጊ፣ መጉሓፊ ጓሓፍ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- ኣብ ገዛኦም ድሕሪ ምግቢ ምስ በልዑ ዝበልዕሉ ጠረጴዛ መን ከምዘፅርዮ ብምሕታት ምንቕቓሕ
- ድሕሪ መልሲ ህፃናይ ምድማፅ ህፃናት በዓቕሞም ስራሕ ብምስራሕ ወለዲ ምሕጋዝ ከምዘለዎምን ቀፂሉ ዝተመገብሉ ጠረጴዛ ሓደ ዘፅረዮ ምዃኑ ምርግጋፅ
- ዝተመገብሉ ጠረጴዛ ማይ ብዝተኣለኸ ፎጣ ብምፅራይንኣብ መሬት ዝወደቁ ትርፍራፊ ምግቢ ብመፅረጊ ፀሪጉን ኣብ መኣከቢ ጓሓፍ ብምእካብ ከመይ ምፅራይ ከምዝኽኣሉ ምርኣይ
- ህዓናት ብመሰረት ዝረኣይዎ ብተግባር ክለማመዱ ተዳለዩ ናውቲ ብምቅራብ ክለማመዱ ምግባር
- ድሕሪ ምግቢ ምስ በልዑ መዓልታዊ መፅረይቲ ተረኛታት ዝተመዝገበሉ ሰደቓን ንክፍሎም ከፅርዩ ምልምማድ

**ተፍትሽ ፡-** ጠረጴዛኦምን ክፍሎምን ብዓቕሞም ምፅራይ ምልምማዶ\መ ምክትታል፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ :-ምሕላው ፅሬት ከባቢ**

ዒላማ :- ኣድላይነት ምሕላው ፅሬት ከባቢ ይርድኡ ከምኡውን ብዓቕሞም የፅርዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ቅርጫት መአከቢ ጓሓፍ፣ ማይን ሳሙናን

**ሓበሬታ ሜላ ኣገባብራ :-**

- ካብ ውሽጢ ክፍሊ ንቶም ህፃናት ሒዝካ ብምውፃእ ቀፅሮም ክሪኡ ቀፅሮም ምኳኑን ዘይምኳኑን ብምሕታት ምምይያጥ
- መልሶም ድሕሪ ምድማፅ ጓሓፋትኣብ መሬት ምድርባይ ከምዘይብሎም ጓሓፋት መልሶም ምቕማጥ ከምዘግበኦም ኣብ ቀፅሮም ውሽጢ ኣብ ዘሎ ቅርጫት መአከቢ ጓሓይ ጥራሕ ምእካብ ከምዘለዎም ክግንዘቡ ምግባር
- ብሓባራዊ መዝሙር ‹‹ኣናእሽቶይ ወረቓቕቲ›› ዝብል እናዘመሩ ውሽጢ ቀፅሮም ከፅርዩ ኣቑፅልትን ወረቓቕትን ወዘተ… ክእክቡ ምግባር
- ዝተኣከቡ ጓሓፋት ኣብ መአከቢ ጓሓፋት ቅርጫት ውሽጢ ክእክቡ ምግባር
- እትዛዘሙ ኣእዳዎም ብማይ ሳሙናን ክሕፀቡ ምግባር

**መዘከር** :- መምህር ዝተጠቐምሉ ሶፍት ከምኡን ሕብራዊ እርሳስ ዝፀረብሉ ጓሓፍ ናብ ጓሓፍ መኣከቢ ቅርጫት ብምእካብ ንቶም ህፃናት መርኣያ ብምኳንን ህፃናት ድማ መምህሮም ሪኦም ልምዶ ከማዕብሉ ምድጋፍ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ከማዕብልዎም ክትትልን ምብርትታዕ፡፡

ተፍትሽ :- ኣድላይነት ምሕላው ፅሬት ከባቢ ምርዳኦም ከምኡ ድማ ብዓቕሞም ምፅራይ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ :- ፅሬት ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉዳኣት ምርዳእ**

ዒላማ :- ውለቀን ከባብን ፅሬትን ብዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣትይርድኡ፡፡

**ናውቲ መስተምሃሪ** :- መፃሕፍቲ ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ዛንታ፣ ተጓንፎ ወይ ታሪኽ ብምጥቃም ውልቃውን ከባባውን ፅሬት ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣት ክርድኡ ምግባር
- ህፃናት ኣብ ገዛኦም ኮነ ኣብ ከባቢኦም ጓሓፉት ኣብ ዝተኣከቡሎም ቦታታት ምፅዋት ከምዘይብሎም ክርድኡ ምግባር

**መዘከር :-** እዚ ተግባር ብሓደ መዓልቲ ጥራሕ ክመሃርዎ ዘይኮነስ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ክትግብርዎ ስለዝኾነ ምዝካርን ምክትታልን የድሊ፡፡

ተፍትሽ :- ውልቃዊውን ከባብን ፅሬት ዘይምሕላው ዘስዕቡ ጉድኣት ምሕታት

**ተግባር ሽዱሽተ :-ረብሓ ብሓባር ምፅራይ ምርዳእ**

ዒላማ :- ረብሓ ብሓባር ምፅራይ ተረዲኦም ይገልልፁ፡፡

**ሓበሬታናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ብሓባር ምፅራይ ዝገልፅ ግጥምታት /መዝሙራት/ መፅሓፍ ዛንታ፣ ዝተፈላለየ ከባቢ ንምፅራይእንጥቀሞም ኣቕሑ፣ ሳሙና፣ ማይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣገባብራ ፡-**

- ሰባት ብሕብረት ገዛኦምን ከባቢኦምን እንተፅርዩ ዝርእዩ ስእልታት ምርኣይ
- ብዛዕ እቶም ስእልታት ብምምይያጥ ረብሓ ብሕብረት ምፅራይ ክርድኡ ምግባር
- ግጥምታት፣ መዝሙራት፣ ዛንታት፣ ተጓንፎታት ወዘተ... ምዝራብ

  **ንኣብነት፡-** ‹‹ኣንእሽቶይ ደቀይ ብሓባር ››

- ህፃናት እናዘመሩ ብሓባር ቀፅሮም ከፅርዩ ምግባር
- እንትዛዝሙ ብማይን ሳሙናን ኣእዳዎም ክሕፀቡ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ብሓባር ምፅራይ ምልምማዶም እናፅረዩ ብምምልካት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሽውዓተ ፡- ኣቕሓ ብስርዓት ምሓዝን ምጥቃምን**

ዒላማ ፡- ኣቕሓ ብስርዓት ምሓዝን ምቕማጥን ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ስእሊ ኣቕሓ ፅሬት ወይ ሎቶ፤ ዝተፈላለዩ መፃወቲታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፡-**

- ንቶም ስእልታት ወይ ሎቶታት ምዝማድ ፀወታ ክፃወቱ ምግባር
- ህፃናት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ምስተፃወቱ ዝተጠቐምሉ መፃወቲ ኣቕሓ ናብ ቦታኦም ክምለሱ ምግባር

**መዘከር፡-** ኩሉ ግዜ ኣብ ዝፃወትሉ እዋን ኣቕሓ መፃወቲ ብስርዓት ምሓዝን ምቕማጥን ክለማመዱ ምግባር የድሊ፡፡

ተፍትሽ :- ኣቕሑ ብስርዓት ምሓዝን ምቕማጥን ምልምማዶም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሸሞንተ :- ተኽልታት ምትካልን ምንክብኻብን ምልምማድ**

ዒላማ :- - ተኽልታት ምትካልን ምንክብኻብን ይለማመድ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ባልዲ መትከሊ ተኽልታት፣ፈልሲ ተኽልታት /ዘርኢ፣ ማይ ምስታይ ተኽልታት፣ ሓመድ፣ ማይ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ኣብ ውሽጢ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን ዝተፈላለዩ ተኽልታት ምትካል
- ህፃናት ብዝወፅአሎም ሰደቓ ተረኛታት መሰረት ክንከባኸቡ ምልምማድ

ተፍትሽ :- ምትካል ተኽልታትን ምንክብኻብን ምልምማዶም ምክትታል፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 4. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምግባርን | 4.1. ባዕሎምን ካልኦትን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓገኛ ነገራት ምክልኻል ይኽእሉ |

**ተግባር ሓደ :-ምፍላይ ሓደገኛ ነገራት**

ዒላማ :- :-ሓደገኛ ነገራት ይፈልዩ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢ ዝፍጠሩ ሓደጋታት ዜና ንህፃናት በብደረጃኦም ክርደኦም ብዝኽእል መልክዑ ምዛረብ

- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት መስካሕካሓይነት ሓደጋ ክርድኡ ምግባር
- ንሳቶም ኣብ ገዛኦምን ከባቢኦምን ዝተፈጠሩ ዝተላለዩ ሓደጋታት ክዛረቡ ዕድል ምሃብ
- መልሲ ህፃናት መሰረት ብምግባር ሓደጋ መኪና፣ ባርዕ ሓዊ፣ ኣሌትሪክ፣ በላሕትን ዝወግኡ ነገራት ወዘተ ሓደገኛ ነገራት ከምዝኾኑን ምጥንቃቕ ከዘለዎምን ክርድኡ ምግባር

ተፍትሽ :- ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ሐደገኛ ነገራተ ምፍላይ ምኽኣሎም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ :-** ባዕልኻ ካብ ሓደገኛ ነገራት ምልኻል

ዒላማ :- ባዕሎም ካብ ሓደገኛ ነገራት ከመይ ምክልኻል ከምዝኽእሉ ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ :-** መፃሕፍት ዛንታ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ኣብ ከባቢኦም ክፍጠሩ ዝኽእሉ ሓደገኛ ነገራት ኣየኖት ከምዝኾኑ ዝተፈላዩ ሕቶታት ብምሕታት ምምይያጥ
- ባርዕ ሓዊ፣ ኤሌክትሪክ፣ ሓደጋ መኪና ፣በላሕት ዝዋግኡ ነገራት ወዘተ ሓደገኛ ነገራት ምኻኖም ምግላፅ
- እቶም ህፃናት ኮኑ ብመንገዲ ዝሓልፉ ዓበይቲ ሰባት ብምዕዛብን ነቲ መንገዲ ፀጋማይ ጥራሕ ሒዞም ምጓዝን ምስጋርን ዘለዎም ብዝንጉርጉር ዝተሰመረ መስመር ጥራሕ /ዜብራ/ ከምዝግበኦም ግንዛበ ምጭባጥ
- ህፃናት ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮይኖም ንባዕላቶም ኮነ ንኻልኦት ህፃናት ብክርቢት፣በሊሕ ብዝኾነ ነገራት ምፅዋት ከመዘይብሎም ምርዳእ
- ሓደጋታት ቅድሚ ምብፃሖም ብዓቕሞም ክውሰዱ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ምርዳእ
- ዛንታ‹‹ዮናስ ንእሽቶይ ›› ብምትራኽምጥንኻር

ተፍትሽ :- ባዕሎም ካብ ሓደጋኛ ነገራት ምክልኻል ከምዘለዎም ምርዳኦም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ :-** ሕጊ ትራፊክ ምርዳእ

ዒላማ :- - ሕጊ ታት ትራፊክ ይርድኡ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :-ዝፈላለዩ ሓደታት ትራፊክ ዘርእዩ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ :-**

- ዝተፈላለዩ ሓደጋታት ትራፊክ ዘርእዩ ስእልታት፣ ፊልምታት ብምርኣይ ምምይያጥ
- ባዕሎም ኮነ ወለዶም መንገዲ እንተቖርፁ ብዜብራ መስመር ጥራሕ ምዃን ከምዘለዎ ምርዳእ
- ምጓዝ ዝግበኦም ብመንገዲ እግረኛ ጥራሕ ከምዝኾነ፣ ኣብ መንገዲ መኪና ምፅዋት ከመዘይግበኦምን ምብራህቲ እግረኛ ሓምለዋት እንትበርህ ጥራሕ ምስጋር ከምዝግበኦም ምርዳእ

ተፍትሽ :- ሕጊ ትራፊክ ምርዳኦም ዝተፈላለዩ ሕቶታተ ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ :-** ብፀወታ ሕጊ ትራፊክ ምኽባርን ምልምማድን

ዒላማ :-ብፀወታ ካብ ሓደጋ ትራፊክ ባዕሎም ምክልኻ ይለማመዱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ካርቶናት፣ ሕብርታት /ከለራት፣ ቀጢን ዕንፀይቲ፣ መጣበቂ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ ፡-**

- ፀወታ መብራህቲ መንገዲ ትራፊክ  በዚ መልክዑ ብምዕዋትግንዛበ ምጭባጥ
- ሰለስተ ዓበይቲ ካርቶናት ክቢ ገይሮም ምቁራፅ
- ኣብ ድሕሪ ሕድሕድ ዝባን ቀይሕ ብጫን ሓምለዋይ ሕብሪ ምልካዕ
- ኣብ ቀጢን ዕንፀይቲ ምጥባቕ  /ምልጣፍ/
- ነቲ ግድግዳ ብቾክ ወይ ብገመድ መንገዲ መቋረፂ እግረኛ ምስማር
- ፍርቆም ህፃናት መሽከርከርቲ ፍርቆም ድማ እግረኛ ምምዳብ
- መምህር ከም ትራፊክ ብምኳን መብራህትታት ትራፊክ ምሓዝ
- መሽከርከቲ ህፃናት ጎማ እንትሊዩ እናካበለሉ እንተዘየልዩ ኣእዳዎም ከም መራሒ መኪና እናዘወሩ ብክልተ ኣንፈት ክንዓዙ ምግባር
- እግረኛታት ብመንገዲ እግረኛ ክንዓዙ ምግባር
- ሕጊ ትራፊክ ዝጠሓሱ መሽከርከርቲ እንተኾይኖም እግረኛታት ካብ ፀወታ ወፃኢ ክኾኑ ምግባር

**መዘከር** ፡- ትምህርቲ ደሕንነት ትራፊክ ዛብ ኣፀደ ህፃናት ኣብ ዝብል ፅሑፍ ምጥቃም ይኽእሉ፡፡

ተፍትሽ ፡- ብፀወታ ካብ ሓደጋ ትራፊክ ባዕሎም ምክልኻል ምልምማዶም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ  ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| 5. ኣምር ምንቅስቃስ ምርዳእን ፈተነ ምግባርን | መጠን ጎታት መኪና  ብዝሓት ጥቃምን ምዝራብን ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፦ ዓይነታት ምንቅስቃስ ምፍላይ**

ዒላማ ፦ ሰለስቲኦም መሰረታዊ ዓይነታት ምንቅስቃስ ይፈልዩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ዝስጉሙ፣ ዝበሩን ዝንሳፈፉ እንስሳትን መጓዓዝ ስእሊ

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*** ፦

- ሰለስቲኦም መሰረታዊ ምንቅስቃሳት ማለት ምስጓም፣ ምብራርን ምንስፋፍን/ምሕማስን ምፍላጥ
- እቶም ምንቅስቃሳት ኣካላዊ ምንቅስቃስ ብምርኣይ ምስ መምህር ሓቢሮም ክሰርሑ ምግባር
- ዝስጉሙ፣ዝበሩን ዝንሳፉንፉ እንስሳትን መጓዓዚታትን ስእልታት ብምሃብ ከዛምዱ ምግባር

ንኣብነት ፦ ዒፍን ኣውሮፕላን፣ ሰጎምቲ እንስሳን ኣውቶሞቢል/ መኪናን ከምኡውን ዓሳን መርከብ /ጀልባን

- ኣዛሚዶም እንትዛዝሙ ንምታይ ከምኡ ከዛምዱ ከምዝኸኣሉ ብምሕታት ምምይያጥ

ተፍትሽ ፦ ሰለስቲኦም መሰረታዊ ዓይነታት ምንቅስቃስ ምፍላይ ምኽኣሎም እንተዛምዱ ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፦ብምንስፋፍ ምንቅስቃስ**

ዒላማ ፦ ዓሳን መርከብ /ጀልባ/ን ምንቅስቃስ ምንስፋፍ ይርድኡ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፦ ወረቐት፣ መዘፍዘፊን ማይን፣ ዓሳን መርከብ /ጀልባን ስእሊ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ** :-

- ንሕድሕድ ህፃን ፍርቂ ወረቐት ብምዕዳል ኣሰራርሓ ወረቐት ጀልባ ምርኣይ
- ካብኡ ጀልባ ኣብ ምንታይ ከምዝንቀሳቐስ ብምሕታት ምምይያጥ
- ኣብ ውሽጢ ክፍል ስፍሕ ዝበለ ማይ ዝሕዝ ባልዲ ወይንም መዘፍዘፊ ውሽጢ ክሳብ ፍርቂ ማይ ምምላእ
- እቶም ህፃናት ብወረቐት ዝተሰርሐ ጀልባ ኣብቲ ውሽጢ ማይ እናሳፈፉ ክፃወቱ ዕድል ምሃብ
- ካብኡ ኣብ ውሽጠ ማይ ዝነብሩን ከምኡውን ዝንሳፈፉን/ዝሕምሱን እንስሳት እንመን እዮም? ብምባል ምሕታትን ምምይያጥን
- ምንቅስቃስ መርከብ /ጀልባ/ን ዓሳን ከወዳድሩ ምግባር

ተፍትሽ :- ምንቅስቃስ ምንስፋፍ ምርዳእ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሰለስተ** :- ብምብራር ምንቅስቃስ ምርዳእ

ዒላማ :-ምብራር ምንቅስቃስ ይርድኡ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** :- ወረቐት፣ መዘፍዘፊን ማይን፣ ስእሊ ዓሳን መርከብ /ጀልባ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተግባብራ**:-

- "ዒፍ ክኸውን እዬ" ዝብል መዝሙር ብምንቅስቃሰ ብምዝማር ኣእዳዎም ከም ዒፍ ከም አውሮፕላን ብናህሪ ብቀስታን ብምብራር ክፃወቱ ምግባር
- ዓብዩ ጕማ ንእሽቶይ ጕማ ፀወታ ምሽክርካር ምስ ተግባራዊ ምንቅስቃስ ብምዝማድ ምዕዋት
- ብደረጃኦም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታተ ህፃናት ከባቢኦም ክስተውዕሉን ክምልከቱን፣ ክጉብንዩን ክግንዘቡን ምግባር
- ንኣብነት ኣዕዋፍ ኣበይ ከምዝነብሩ ምሕታት ብከባቢኦም ኣነባብራኦም ክምልከቱ ምግባር፡፡

‹‹ዒፍ ክኸውን እዩ›› ዝብል መዝሙር ምዝማር

ተፍትሽ ፡- ዝበሩ እንስሳት ምስ ዘይበሩ መጓዓያተታት ምዝማድ ምኽኣሎም ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ ፡- ረብሓ ጎማ መኪና ምርዳእ**

ዒላማ ፡- ረብሓ ጎታታት መኪና ይርድኡ፡፡

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- እቶም ህፃናት ንንእሽቶይ ደቒቓ ካብ ቀፅሪ ወፃኢ መኻይን ሒዘም ብምውፃእ ኣብዝተሓላለፉሉ ወሰን መንገዲ ጠጠው ኢሎም ኣብ መንገዲ ዝጓዓዛ ተሽከርከርቲ ክሪኡ ምግባር/እንተዘይኮይኑ መሲልካ ብምፅዋት ከርእዩ ምግባር
- መኻይን ክጓዓዙ ዝገብርዎም ጉማታት ከስተውዕሉ ክምልከቱ ምግባር/ ሞዴል ብምስራሕ ክሪኡ ምግባር
- ብምቕፃል እቶም ህፃናት ናብ ክፍሊ ሒዞምዎም ብምእታው እንታይ ከምዝተመለከቱን መኻይን ብምንታዮም ከምሽከርከሩም ክንደይ ዝኣክል ጎታታት ከምዘለዎም ብምሕታት ብምምይያጥ

**መዘክር** ፡- ንቶም ህፃናት ካብ ቀፅሪ ወፃኢ ሒዝና እንትንወፅእ ሓጋዚ የድልየና ልዑል ጥንቃቐውን ምግባር ይግባእ፡፡

ተፍትሽ ፡- ረብሓ ጎማታታት መኪና ምርዳእ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሓሙሽተት** ፡- ካብ ወረቐት ቅርፂ ጎማ ምስራሕ

ዒላማ ፡- ካብ ወረቐት ቅርፅታታት ጎማ ይሰርሑ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ሕወረቐት፣ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ክቢ ቅርፂ መፃወቲ ፣ዓብዩ ፃዕዳ ወረቐት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ**፡-

- ንቶም ህፃናት ኣብ ዝረአ ምችዊ ቦታ ብምኳን መእከሉ ክፍቲ ዝኾነ ክቢ ቅርፂ መፃወቲ ብምጥቃም ኣብ ሕብራዊ ወረቐት ብምግባር ናይቲ ክቢ ደጋውን ውሽጣውን ጠርዝ ተኸቲሎም ብምስማር ፅርፂ ጎማ ምስኣል
- ብምቕፃል ዝተሰመረ መስመር ተኸቲሎ ቀዲዶም ብምውፃእ ቅርፂ ጎማ ሰሪሐም ብምርኣይ እንታይ ከዝኾኑ ምሕታት
- ንቶም ህፃናት ኣብ በብጠረጴዛኦም ወረቐትን ክቢ ቅርፂ መስመርያን ብምሃብ ብዝረኣይዎ መሰረት ክሰርሑ ምግባር
- እንትዛዝሙ ናይ ኩሎም ጎማታት ብፃዕዳ ወረቐት ብምልጣፍ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምስቃል

ተፍትሽ ፡- ካብ ወረቐት ቅርፂ ጎማ ምስራሕ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ሽዱሽተ** ፡- ካብ ቆፅሊ ቃላሚጦስ ሽክርክሪት ብምስራሕ ምፅዋት

ዒላማ ፡- ካብ ቆፅሊ ቃላሚጦስ ሽክርክሪት ሰሪሖም ይፃወቱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ቆፅሊ ቃላሚጦስ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ቆፅሊ ቃላሚጦስ ብምጥቃም ሽክርክሪት ብምስራሕ ምርኣይ
- ንቶም ህፃናት ቆፅልታት ቃላሚጦስ ብምሃብ ብዝረኣይዎ መሰረት ሽክርክሪት ክሰርሑ ምግባር
- ሰሪሖም እንትዛዝሙ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ሒዞምዎም ብምፅውፃእ ብዓባይ ኣፃብዕቶም ሓባሪትን ኣፃብዕቶምን ብምሓዝ ክጎዩ ምግባር

- ኣብ ዝኀይሉ እዋን ዝረኣይዎ ለውጢ ምሕታተ ጠጠው እንትብሉ ንምታት ከምዘይሽክርከር እንትኀዩ ንምታይ ከምዝሽክርከር ብምሕታት ዝሽክርከር ብሓይሊ ንፋስ ምኳኑ ክርድኡ ምግባር፡፡

ተፍትሽ ፡- ካብ ቆፅሊ ቃላሚጦስ ሽክርክሪት ብምስራሕ ምፅዋቶም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰባት ፡-** ካብ ሞባይል ካርድ መፃወቲ ብምስራሕ ምፅዋት

ዒላማ ፡- ካብ ሞባይል ካርድ መፃወቲ ብምስራሕ ይፃወቱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- በዓል 50ን 100ን ብር ካርድታት ሞባይል

***ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ*** ፡-

- ግልጋሎት ዝሃቡ ዘየገልገሉ ካርዲታት ሞባይል/ቀጢን ዕንፀይቲ ኣብ ማዕረ ቦታ ምዕፃፍ
- ብምቅፃል ንእሽቶይ መትሓዚ ኢድ ካብ መዕፃፍ ብምግዳፍ ምዝርጋሕ ብድሕሪኡ ነቲ ዕፃፍ ብምሓዝ ሽኽርክሪ ንቶም ህፃናት ምርኣይ
- ንሕድሕድ ህፃን ካርዲ ሞባይል ብምሃብ ንመምህር ብምኽታል ክዓፅፉን እንትዛዝሙ ኣብ ጠረጴዛኦም እናሽከረከሩ ክፃወትሉ ምግባር

ተፍትሽ ፡- ካብ ዘገልግሉ ርድታት ሞባይል መፃወቲ ሽክርክሪት ብምስራሕ መፃወቲኦም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸሞንተ ፡-** ብማግኔት ዝሳሓቡን ዘይሳሓቡን ነገራት ምፍላይ

**ዒላማ ፡-** ብማግኔት ዝሰሓቡ ነገራትን ይፈልዩ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ማግኔት፣ ኣናእሽቶይ ምስማራትን ብሎናት፣ ቁልፊ ክዳን፣ ኣናእሽቶይ ቁፍታት ሻንጣ ወዘተ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፡-

- ሓፂን ተንከፍ ዝኾኑን ዘይኮኑን ኣናእሽቶይ ኣቕሑን ማግኔትን ምግባር
- ብምቅፃል ንቶም ህፃናት ማግኔትን ኣቕሑን ኣብ ጠረጴዛኦምይ ብምግባር ነቲ ማግኔት ናብ ኣቕሑ ብምዕባጋዕ ኣየናይ ኣቕሓ ነቲ ማግኔት ከምዝስሕቦ ኣየናይ ከምዘይስሕቦ ፈተነ ብምግባር ክዛረቡ ምግባር
- ማግኔት ሓፂን ተንከፍ ዝኾኑ ነገራት ምስሓብ ሓይሊ ከምዘለዎ በብደረጃኦም ክርድኡ ምግባር

> ***መዘከር*** ፡- እቲ ማግኔት ኮነ ካልኦት ኣናእሽቶይ ነገራትናብ ጎኖም ምዕጋዕ ከምዘይብሎም ኣቐዲሞም ምጥንቃቕ የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፡- ብማግኔት ዝሳሓቡን ዘይሰሓቡን ነገራት ፈተነ ብምግባር ምፍላዮም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ትሸዓተ** ፡-ክቢ ዓፍራ ብምስራሕ ምፅዋት

ዒላማ ፡- ክቢ ዓፍራ ብምስራሕ ይፃወቱ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** ፡- ቆፎ እስክርቢታ፣ ኣናእሽቶይ ፅሩያት ፕላስቲክ ብልቃታት፣ ማይን ፈሳሲ ናይ ኢድ ሳሙና

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ**፡-

- ፅሩይ ቆፎ እስክሪብቶ ብቶም ህፃናት ቁፅሪ ምድላው ኣብ መትሓዚ ማይን ሳሙናን ምብዕባዕ
- መምህር ኣቐዲሞም ነቲ ቆፎ እስክሪብቶ ኣብ ዝተበፅበፀ ማይን ሳሙናን ጠሚዖም ብምውፃእ ቀስ ኢሎም ናብ ደገ ብምትንፋስ ብዙሓት ዓፍራታት ሰርቶ ምርኣይ
- ብምቕፃል ንሕድሕዱ ህፃን ፅሩይ ቆፎ እስክሪብቶ ብምዕዳል ኣብ ጠረጴዛኦም

> ***መዘከርታ*** ፡- ሕድሕዱ ህፃን ብናይ ባዕሉ ቆፎ ጥራሕ መፃወቲ / ምጥቃም ከመዘለዎምን ናብ ውሽጢ ኣፉ ከምዘይኣቱ ምንጋር የድሊ፡፡

ኣብዝተውሃቦም ዓፍራ ኣቕሓ ጠሚያም ብምውፃእ እንክብል ዓረፉ ብምስራሕ ክፃወቱ ምግባር

ተፍትሽ ፡-ክብታት ዓፍራ ብምስራሕ ምፅዋት ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

| ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት | ብቕዓት |
|---|---|
| ብስነስእልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር ምድናኞን ንባልኻ ምግላፅን | .ስእልታትን ቅርፃ ቅርፅታትን ምስራሕ ይኽእሉ፡፡ |

**ተግባር ሓደ ፡- ዝተኣዘዝዎ ስእሊ ምስኣል**

ዒላማ ፡- ዝተኣዘዝዎ ስእሊ ምስኣል ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፡- ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳሳት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ፡-**

- ንሕድሕዱ ህፃን ወረቐትን እርሳስ ምሃብ
- ኩሎም ሓደ ዓይነት ስእሊ ክስእሉ ርእሲ ምሃብ
- እንትዛዝም ኣብቲ ትሕቲ እቲ ስእሊ ስሞም ምፅሓፍ
- ስራሕቲ እቶም ህፃናት ኣብ ግድግዳ ምልጣፍ

**መዘከር፡-** ስሞም ምፅሓፍ ዘይኽእሉ ህፃናት እተሊዮምን ባዕሎም ንምፅሓፍ ድሌት እንተሊይዎም ክፅሕፉ ዕድል ምሃብ፡፡

ተፍትሽ ፡- ዝተኣዘዝዎ ስእሊ ምስኣል ምኽኣሎም ብምርኣይ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ክልተ ፦** ሓሳቦም ብስእሊ ምግላፅ

ዒላማ ፦ ሓሳቦም ብስእሊ ምግላፅ ይለማመዱ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ወረቐት፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳሳት /ከለራት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦

- ንህፃናት ወረቐት፣ እርሳስን ሕብራዊ እርሳሳት /ከለራት ምሃብ
- ዝደለይዎ ክስእሉን ሕብርን ክለኽዩ ምግባር
- እንትዛዘሙ ሕድሕድ ህፃን እንታይ ከምዝሰኣሉ ምሕታት
- ዝሰኣልዎ ስእሊ መፀወዒ ስም ኣብ ትሕቲ እቲ ስእሊምፅሓፍ
- ዝሰኣልዎ ስእሊ ተሲኦም ንምሓዙቶም ከርእዩን ክዛረቡን ምግባር
- ስምዒት፣ ሓሳብ፣ ድሌት ብስእሊ ክእለት ምፅብራኞን ልምድን ከማዕብሉ ምሕጋዝ

ተፍትሽ ፦ ብስእሊ ሓሳቦም ምግላፅ ምኽኣሎም ዝሰኣልዎ ስእሊ ብምርኣይ ዝህብዎ መብርሂ ብምድማፅ ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሰለስተ ፦** ስእልታት ብምልካይ ሕብሪ ምፍላጥ

ዒላማ ፦ ዝተስኣሉ ስእልታት ብምልካይ ሕብሪ ምፍላጥ መሰረታዊ ሕብሪን ካልኣይ ሕብርን ይፈልዩ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ዝተፈላለዩ ሕብሪ ሕሩጭ/ቀይሕ፣ ብጫ፣ ሰማያዊ/፣ ብርሃን ዘመሓላልፍዎ ሰለስተ ብርጭቆታትን ካዳታት ማይን ምቕራብ ፣ ሶፍት፣ መእከቢ ጓሓፍ ቅርጫት፣ ማይን ሳሙናን

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ህፃናት በ "ሀ" ቅርፂ ክኾመጡ ምግባር
- ፊት ንፊት ጠረጴዛ መሰረታዊ ሕብሪ ሕሩጭ/ቀይሕ፣ብጫ፣ ሰማያዊ/ ብርሃን ዘማሓላልፉ ሰለስተ ብርጭቆታትን ካዳታት ማይ ምቕራብ
- ካብ ክልተ ሕብሪ ሕሩጭ ብማንካ ብምቁንጣር ብርጭቆ ውሽጢ ንእሽቶይ ማይ ብምውሳኽ ብማንካ ምሕባር
- እንታይ ዓይነት ሕብርታት ተሓዋዊሶም እንታይ ዓይነት ሕብሪታት ከምዝፈጠሩ እቶም ህፃናት ብምርኣይ ክርድኡ ምግባር

**ንኣብነት**፦ ቀይሕን ብጫን እንተተሓዋውሱ ብርትኳናማ፣ ሰማያውን ብጫን እንተተሓዋውሱ ሓምለዋይ፣ሰማያውን ቀይሕን እንተተሓዋውሱ ሕብረ ሜስ ከምዝህቡ ክርድኡ ምግባር

- ኣፃብዕቲ ሕብሪ እናጠምዑ ኣብ ወረቐት ስእሊ ብምስኣል ምርኣይ
- ንሕድሕ ህፃን ወረቐትን ኣብ ጠረጴዛኦም ዝተፈላለዩ ሕብሪ ምሃብ
- ብዝረኣይዎ መሰረት ሓባሪ ኣፃብዕቲ ነቲ ሕብሪ እናጠምዑ ዝደለይዎ ነገር ክስእሉ ዕድል ምሃብ
- እንትወፅኡ ብዝተውሃቦም ቁራፅ ሶፍት ኣፃብዕቶም ኣፅርዮምነቲ ሶፍት ኣብ ውሽጢ መእከቢ ጓሓፍ ቅርጫት ክእክቡዎ ምግባር
- ኣብ ትሕቲ እቲ ስእሊ ስሞም ብምፅሓፍ እንታይ ከምዝሰኣሉን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝተቐብኡ ክዛረቡ ምግባር
- ኣብ መወዳእታ ኣእዳዎም ብማይን ሳሙናን ክሕፀቡ ምግባር

ተፍትሽ ፦ መሰረታው ካልኣይን ሕብሪ ምፍላይን ዝለኸይዎ ስእሊ ሕብሪ ንምሕታት ምርግጋፅ፡፡

**ተግባር ኣርባዕተ - ቅርፃ ቅርፅታት ምስራሕ**

ዒላማ ፦ ካብ ዝቦኸዐ ወረቐት ወይ ጭቃ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ይስእሉ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- ዝተለወሰ ወረቐት ወይ ጭቃ

**ሓበሬታ ሜላኣተገባብራ፡-**

- ዝተለወሰ ወረቐት ወይ ጭቃ ወዘተ ንቶም ህፃናት በብጠረጴዛኦም ምሃብ
- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ክሰርሑ ምብርትታዕ
- ሰሪሖም ምስ ወደኡ እንታይ ከምዝሰርሑ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ
- ዝሰርሕዎ ኣብ ትሕቲ ወረቐት ብምግባርን ስሞም ብምፅሓፍ ኣብ ዝኘቐፅሊ ቦታ ምኘቅማጥ

ተፍትሽ ፡- ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ ምዕኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሓሙሽተ** :-ምጥባኞ ስእልታት ዝተፈላለዩ ነገራት

ዒላማ ፡- ስእልታት ኣብ ዝተፈላለዩ ነገራት ብምልጣፍ ይመልኡ፡፡

***ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ*** :- እንሰሳ /ኣዕዋፍ/ ስእሊ፣ ኮላ፣ ዝተፈላለዩ ቆፅላመፅሊ ኣዝርቲ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** :-

- ኣብ ዓብዪ ወረቐት ዝተስኣለ ስእሊ እንሰሳ /ዒፍ/ ኣብ ውሽጢ ጠረጴዛኦም ምሃብ ብመጣበቂ ኮላ ምሕባፅ
- ዝተፈላለዩ ቆፅላመፅልን ኣዝርእትን ክመልእዎ ምግባር
- እንትዛዝሙ ኣብ ትሕቲ እቶም ህፃናት ስም ብምፅሓፍ ኣብ ግድግዳ ምልጣፍ

ተፍትሽ ፡- ኣብ ስእልታት ዝተፈላለዩ ነገራት ምልጣፍ ምኽኣሎም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሸዱሽተ ፦ ብወረቐት ቅርፂ ምስራሕ**

ዒላማ ፦ ወረቓቕቲ ብምዕፃፍ ቅርፅታት ይሰርሑ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ወረቓቕቲ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ ፦**

- ህፀናት ዝተፈላለዩ ሕብሪ ዘለዎም ወረቓቕቲ፣ መፅሄታትወዘተ….ምድላው

ወረቐት ብምዕፃፍ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ከመይ ከምዝስርሑ ምርኣይ

**ንኣብነት** ፦ ጀት፣ ሽክርክሪት ወዘተ…

- ንሕድሕዱ ህፃን ብምሃብ መምህር ብምኽታል ንሶምውን ክሰርሑ ምብርትታዕ

**ማመዘከር** ፦ ዝሰርሕዎም ቅርፅታት ኣብ ደጋዊ ፀወታ ክፍለ ጊዜ ክፃትሎም ምብርትታዕ የድሊ፡፡

ተፍትሽ ፦ኩሎም ህፃናት ወረቐት ብምጥቃም ቅርፅታት ዝሰርሑ ምዃሮም ምክትታል፡፡

**ተግባር ሸውዓተ ፦ ብወረቐት መማላኽዒ ምስራሕ**

ዒላማ ፦ ወረቓቕቲ ብምጥቕላል ዝተፈላለዩ መማላኽዒ ይሰርሑ፡፡

**ሓበሬታ ናውቲ መምሃሪ መስቓምሃሪ**፦ ረጕድ ክለሳር፣ ክሪ

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦ረጕድ ክለሳር ብዝተፈላለየ ቅርፂ ምቁራፅ

- ነቲ ክላሰር ማእኸሉ ብምንኳል ምስ ክሪ ኣብ ጠረጴዛኦም ምግባር
- እቶም ህፃናት ኣብ ውሽጢ እቲ ነኳል ክርን ብምእታው ብድኮት ኢድን ክሳድን መማላኽዒ ንባዕሎም ክሰርሑ ምግባር

| |
|---|
| **መዘከር፦** ንኩሎም ህፃናት ኣሰራርሓ ብርግኣት ብምርኣይ እንተኽቢድዎምን ምብርትታዕ የድሊ። |

ተፍትሽ ፦ ወረቐት ብምጥቃም ኩሎም ህፃናት ዝተፈላለዩ ቅርፃ ቅርፅታት ምስራሕ ምልምማዶም ምግምጋም፡፡

**ተግባር ሸሞንተ ፦ ካርዲ ልደት ምስራሕ**

ዒላማ ፦ የልደት ካርድ ይሰራሉ፡፡

**ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ** ፦ ረጕድ ክለሰር፣ እርሳስ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣ ኮላ፣ ኣናእሽቶይ ስእልታት

**ሓበሬታ ሜላ ኣተገባብራ** ፦


- ኣብ በብወርሑ መወዳእታ ኣብ ውሽጢ እቲ ወርሒ ዝተወለዱ ህፃናት ልደቶም ንምኽባር ፕሮግራም ምሓዝ

ንምድላው ካርድታት መግለፂ ፅቡቕ ልደት ከምዝስዕብ ብምስራሕ ምድላው፦

- ክላሰር ኣብ ክልተ ምዕፃፍ ኣብቲ ክላሰር ምስኣል ወይ ዝተፈላለዩ ነገራት ምልጣፍ

ባዕሎም ክሰርሑ ምልምማድ

- ዘዳልውዎም ካርድታት ውህብቶ ክህቡ ምግባር



**መዘከርታ** ፡- መዓልቲ ወለዲ፣ መዓልቲ ኣዶታት፣ መዓልቲ ኣቦታት ወዘተ…
ካርድታት ውህብቶ ክሰርሑ ምግባር የድሊ።

ተፍትሽ ፡- ካርድታት ልደት ምስራሕ ምልምማዶም ምክትታል፡፡

## 2.5.5 ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ት/ቲ ቅድመ ስሩዕ---------------------------------------------------------

ስም ህፃን----------------------------------------- ዕድመ ------------- ፆታ --------

ስም መምህር -------------------------------------------- ዓመተ ምሕረት------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁጥር ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ቅጥዒ ምልከታ ብዝብል ትሕቲ ይምዝገቡ

እቶም ደረጃታት፡-

1/ ምምሕያሽ ዘድልዮም------------------------------------------------------------

2/ዝተቐመጠ ብቕዓት ዝተረኽበሉ---------------------------------------------------

3/ ልዕሊ ዝተዓለመ ዝተረኽበሉ----------------------------------------------------

መተሓሳሰቢ፡-ሰደቓ ክትትል ኣብ መጀምርታ ዓመት፣ ፍርቂ ዓመትን መወዳእታ ዓመትን ክምላእ ይግባእ፡፡

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | መጀመር ታ ዓመት | ፍርቂ ዓመት | መወታእ ታ ዓመት |
| 1. ከበቢ ምፍታሽን ምፍላጥ | | | |
| ኣብ ገዛኦምን ቤት ት/ቲ ቅድመ ስሩዕን ገዛኦም ዝርከቡ ሰባት ተፈጥሮኣዊን ሰብ ስራሕን ነገራት ምፍላይ ይኽእሉ፡፡ | | | |
| 2.ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ኣድለይቲ ቦታታት ምፍላጥን ምድናቕን | | | |
| ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ፡፡ | | | |
| ዝንበለ ምፍታው ሀገር የማዕብሉ፡፡ | | | |
| 3. ከባቢ ከመይ ምንክብኻብ ከምዝከኣል ምፍላጥን ምንክብኻብን | | | |
| 3.1ከባቢና ብፅሬት ብምሓዝ ይኽእሉ፡፡ | | | |
| 4. ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንዋቐ ምውሳድ | | | |
| 4.1 ባዕልኻን ካልኣትን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምክልኻል | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ይኽእሉ፡፡ | | | |
| 5. ኣምር ምንቅስቃስ ምርዳእን ፈተና ምክያድ | | | |
| መጠን ጎማታት መኪናን ብዝሓትን ረብሓን ምዝራብ ይኽእሉ፡፡ | | | |
| 6. ብስነ ስእልን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር ምድናቕን ባዕልኻ ምግላፅ | | | |
| ቅርፃ ቅርፃታት ምስራሕ ይኽእሉ፡፡ | | | |

# ልጋብ

| መዝሙር | ፀወታ | ዛንታ |
|---|---|---|
| 1. ኣነ ንእሽቶይ ህፃን እዬ | 1.ዓብዪ ተሸከርካሪ ጎማ | |
| 2. ኣየናይ እዩ ኣእዳውና | 2.ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና | 1.እታ ንእሽቶይ ኣንጭዋ |
| 3. ኣብ ምንታይ እንታይ ንገብር | 3.ንሸከረከች ኣና | |
| 4. ሓሙሽተ ስምዒት ኣካላት | 4.ሓምለዋይ ሓምለዋይ | |
| 5. ገፅ ምሕፃብ ከምዚ እዩ | 5.ዝተተንከፈ ሰውነት ክፍሊ ተዛረብ | |
| 6. ኢድ ምሕፃብ ከምዚ እዩ | 6.መን ከመይ ዋዕ ይብል | |
| 7. ቀስ ብቐስ እታ ሳርየት | 7.ዝፀወዐካ ፍለጥ | |
| 8. እታ ዒፍ ክኸውን እዬ | 8.ጢዕምካ ፍለጥ | |
| 9. ባምቡላይ | 9.መን ቀዲሙ ይፈልጥ | |
| 10. እኖይን ኣበይን እፈቱ እዬ | 10.ፀወታ ምፍላይ ሕብሪ | |
| 11. ጉረኛ ማንቲለ | 11.ነታ ቢንቡለ ኣልሽካ ርኸብ | |
| 12.እንስሳት ዘበት ምዝማር ይኽእሉ እዮም | 12.እንታየ እናሰራሕኩ ከምዘለኩ ተዛረብ | |
| 13.ሕጉስ ዝኸውን | 13.ዝብኢ ኣለኻዶ | |
| 14.ቁፅሪ ምቁፃር ደስ ይብለኒ | 14.ኣነ ኦም እዬ | |
| 15.ንእሽቶይ ንእሽቶይ ዒፍ | 15.ተመሳሳሊ ኣልሽ | |
| 16.ሓሙሽተ ሙዛት ኣለዉኒ | 16ቀዲሙ ዝኣስር መን እዩ | |
| 17.ሓሙሽተ ሓምለዎት ጠራሙዝ | 17.መን ቀዲሙ ይቐልፍ ወይ ይፈትሕ | |
| 18.ኩሉ ግዘ እዙይ ንሰርሕ | 18.መን እዩ ንፉዕ ሰኣሊ | |
| 19ናብ ድንኳን ክኸይድ እዬ | 19.ኣብ እቲ ቅርፂ ኩዕሶ ኣእቱ | |
| 20.ኣናእሽቶ ወረቓቕቲ | 20.ፀወታ ምሽማይ መንበር | |
| 21.ምምዋፅ ስኒ ከምዙይ እዩ | 21.ፀወታ ኣለሽኻ ርኸብ | |
| | 22ኣጫኒኻ ፍለጥ | |

| | | |
|---|---|---|
| 22.ንፉፅ ተምሃሪ<br><br>23.እታ ዒፍ | 23.መን ተቐይረ<br><br>24.ምልክት መንገዲ ትራፊክ | |

## ጨዋታ

<u>ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና</u>

ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ክንሽከርከር ኢና

ምሕጓስ ንኽእል ኢና

ምዝማር ንኽእል ኢና

ኣነ ኦም እዬ

ኣነ ኦም እዬ

እዚኦም ዘፈራተይ እዮም /ኣእዳው ብምዝርጋሕ/

ንፋስ እንትነፍስ

ከምዚይ ከምዚይ /ኣእዳዎም የንቀሳቕስዎም/

መዝሙር

<u>ብምንታይ እንታይ ንገብር?</u>

መምህር ብምንታይና ንርኢ /እንትብሉ ብዜማ/

ህፃናት ንነገራት ብዓይና ንርኢ ይብሉ /ብዜማ/

መምህር ብምነታይ ንኀዪ /ብመልክዕ ጉያ ብዜማ/

ህፃናት ብእግርና ንኀዪ

መምህር ብምንታይ ንሰምዕ

ህፃናት ብእዝንና ኢና ንሰምዕ

መምህር ብምንታይ ንጥዕም

ህፃናት ብመልሓስና ኢና ንጥዕም

መምህር ብምንታይ ነጫኑ

ህፃናት ብኣፍንጫና ወዘተ.....

<u>ቀስ ብቐስ እታ ሳሬት</u>

ቀስ ብቐስ እታ ሳሬት ንላዕሊ ንላዕሊ ትወፅእ

ንፋስ ነፋሱ እንተወዛውዛ ናብዚ ናብቲ ትብል ኣላ

ዝናብ ዘኒቡ ንታሕቲ ንታሕቲ ወሪዳ

<u>ከም ኦም እዋዛወዝ እዬ</u>

ከምኦም እዋዛውዝ እዬ

ከም ዒፍ እበርር እዬ

ከም ፌንጣ እዘልል እዬ ወዘተ.....

<u>ከም እታ ዒፍ ክኸውን እዬ</u>

ከም እታ ዓፀዒፍ ክኸውን እዬ

ኣብ ኣየር ክበርር እዬ

ልዕሊ ኣብ እቶም ኣእዋም

ንላዕሊ ንለዕሊ

ዕምብላሊዕ ክኸውን እዬ

ኣብ ኣየር ክበርር እዬ

ልዕሊ ዕምበባታት

ንላዕሊ ንላዕሊ

<u>ጉረኛ ማንቲለ</u>

ጉረኛ ማንቲለ ሓፈረ

ንቑሕ ኣባ ጎብየ ኸበረ

ጉረኛ ማንቲለ ጉራ እንትነዝሕ

ኣባ ጎብየ ስኑ ነኺሱ እንትመርሕ

ኣጣቕሉ¨ዳያኑ እንስሳት

ብኣባ ጎብየ ዝረኸቡ ዓወት

<u>እንስሳት ዘቤት ይዘምሩ እዮም</u>

እንሳስተ ዘቤት ይዝምሩ እዮም /2/

ድሙ ትዝምር እያ ትድንስ እያ

እንስሳት ዘቤት ይስምሩ እዮም /2/

ከልቢ እንታይ በለ እንታይ እንታይ በለ?

እንስሳት ዘቤት ይዝምሩ እዮም /2/

ደርሆከ እንታይ በለ እንታይእንታይ እንታይ በለ?

እዎ እንታይ እንታይ እናበሉ?

ኛው ኛው እናበለት

እንታይ እንታይ እናበሉ?

ውሕ ውሕ በለ ኣዕፅምቱ ጋሃፀ

እንታይ እንታይ ኣናበሉ?

ኩኩኩ! እናበለ ብሓፀር ዘለለ

<u>ሕጉስ ክኸውን እዬ</u>

ሕጊስ ዝኾነ የጣቕዕ

ሕጉስ ዝኾነ ይስዕስዕ

ሕጉስ ዝኾነ ድሱት

ዝልዝል ይብል ብምቾት

<u>ምሕፃብ ኢ.ድ ከምዙይ እዩ</u>

ምሕፃብ ኢ.ድ ከምዙይ እዩ ከምዙይ እዩ

ምሕፃብ ገፅ ከምዙይ እዩ ከምዙይ እዩ

ምስንታር ፀጉሪ ከምዙይ እዩ ከምዙይ እዩ ወዘተ…..

<u>ሓሙሽተ ሙዛት ኣለዉኒ</u>

ሓሙሽተ ሙዛት ኣለዋኒ

ንመን ክህቦም?

ሓንቲ ንፅገ ሂበያ ክንደይ ይቸርየኒ? 4 ብጣ'ቕዒት

ኣርባዕተ  ሙዛት ኣለዋኒ

ሓንቲ ንታደሰ ሂበዮክንደይ ይቸርየኒ ? 3 ሰለስተ ብጣ'ቕዒት

ሳለስተ ሙዛት ኣለዋኒ ሓንቲ ንተስፋይ ሂበዮ ክንደይ ይተርፈኒ? 2

ክልተ ሙዛት ኣለዋኒ ሓንቲ ንኣልማዝ ሂበያ ክንደይ ይቸርየኒ? 1

ሓንቲ ሙዝ ኣላትኒ ንባዕለይ በሊዐያ ክንደይ ይተርፌ ይተርፈኒ? ምንም፣ ባዶ፣ ዜሮ

<u>ንእሽቶይ ንእሽቶይ ዒፍ</u>

ሓደ ክልተ ሰለስተ ንእሽቶይ ንእሽቶይ ዒፍ

ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ንእሽቶይ ንእሽቶይ ዒፍ

ሽውዓተ ሸሞንተ ትሽዓንተ ንእሽቶይ ዒፍ

ዓሰርተ ኣናእሽቶይ ዒፍ

ወይ

ሓሙሽተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦም ዓሪፈን/2/

ሓንቲ በሪራ ክነደይ ተሪፈን? 4

ኣርባዕተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦም ዓሪፈን

ሓንቲ በሪራ ክንደይ ተሪፈን? 3

ሰለስተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦም ዓሪፈን

ሓንቲ በሪራ ክንደይ ተሪፈን? 2

ክልተ ኣዕዋፍ ኣብ ኦም ዓሪፈን

ሓንቲ በሪራ ክንደይ ተሪፈን? 1

እታ ሓንቲ ዒፍ ኣብ ኦም ዓሪፋ

ንሳ እንተትበርር ክንደይ ተሪፈን? ምንም/ባዶ/ዜሮ

<u>ሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት</u>

ሓሙሽተ ሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት

ስምዒት ስምዒት

አዝማች ስምዒት ስምዒት×2

ዓይኒ ኣፈንጫ (×2)

ምልሓስ እዝኒ (×2)

ኣእዳውና እዮም (×2)

ዓይኒ ኣለኒ መርአዩ

እዝኒ ኣለኒ መስመዒ

ብኣፍንጫ ኣጫኑ (×2)

ብምልሓሰይ እጥዕም (×2)

ብቆርበተይ እድህስስ (×2)

ስምዒት ኣካለይ ፍለጡለይ

. <u>ኩሉ ግዘ እዙይ እና ንሰርሕ</u>

ኩሉግዘ ንጎሆ ንትስእ

ገፅና ንሕፀብ

ቁርስና ንበልዕ

ኩሉ ግዛ እዙይ ንሰርሕ

ናብ ድንኳን ክኸይድ እዩ(ግልጋሎት ዝወሃበም ቦታታት ምፍላጥቅ)

| | |
|---|---|
| ኣነ ምስ ኣደይ ናብ ድንኳን ክኸይድ እዩ | ክኸይድ እዩ |
| ኣነ ምስ ኣቦይ ናብ ድንኳን ክኸይድ እዩ | ክኸይድ እዩ |
| ከይደ እርሳስ ክገዝእ እዩ | ክገዝእ እዩ |
| ከይደ ደብተር ክገዝእ እዩ | ክገዝእ እዩ |
| ተመሊሰ ናብ ገዛይ ክመፅእ እዩ | ክመፅእ እዩ |
| ኣነ ምስ ኣደይ ቤት ሕክምና ክኸይድ እዩ | ክኸይድ እዩ |
| ከይደ ዘሐመኒ ክሕከም እዩ | ክሕከም እዩ |
| ተመሊሰ ናብ ገዛይ ክመፅእ እዩ | ክመፅእ እዩ |

ኣናእሽቶይ ወረቓቕቲ

ኣናእሽተይ ወረቓቕቲ

ኣናእሽተይ ወረቓቕቲ

ኣብ መሬት ወዲቆም ኣለዉ

ነቲ ምንድርቤት /ቀፅሪ /ኣርሲሖምዎ እዮም

ኣልዕልዎም ኣልዕልዎም

ንፉዕ ተምሃራይ

ንፉዕ ተምሃራይ ብሓዕሚ ንቑሕ እዩ

ኣብ መንገዲ እንትጓዝ መስተውዓሊ እዩ

መኪና እንትትመፅ ብርሑቑ ክትረኣዮ

ፀጋማይ ጠርዚ መንገዲ ሒዙ እንትጓዝ ሪአዮ

እታ ዒፍ

ኣቲ ዒፍ ኣይ ይኸውን ገዛኺ?

ናብ ገዛኺ ትምለሲ ዘይሪኺ ዘይርኺ

ኣብ ሰማይ እንትትበሪ

ነቲ ሓፁር እንትትፈግሪ

ንገዛኺ እትትሰርሒ

ምኳኑ እዩ ጉርሒ

ኣቲ ዒፍ ዕረፊ ብዘይፍርሒ

## ዛንታ

እታ ንእሽቶይ ኣንጭዋ

ድሙ ንጎሆ ተሲኡ ናብ ደገ እንተማዓዱ ፀሓይ ወፂኣ ደስ ዝብል ሙቀት እናሃበት እያ፡፡ድሙ ኣብ በሪ ገዛኡ ግድም ኢሉ ፀሓይ ምሟቕ ጀመሩ እቲ መቀት ደስ ኢልዎ ካብ ዝደቀሰሉ ገዛ ግድግዳ እግሪ ደርጓዕ ደርጓዕ ዝብል ድምፂ ሰሚዑ ቅንዕ ኢሉ እንትርኢ ንእሽቶይ ቀዳድ ኣብ እግሪ እቲ ግድግዳ ረኣየ ግና በቲ ከባቢ ቀዳድ ምንም ኣይረኣየን ተመሊሱ ግድም በለ፡፡ ሀዚውን ደርጓዕ ደርጓዕ ዝብል ድምፂ ሰሚዑ ቅንዕ ኢሉ እትርኢ ሓንቲ ንእሽቶይ ኣንጭዋ ካብ ግድግዳ እቲ ገዛ እግሪ ብዘሎ ንእሽቶይ ቀዳድ ክሳዳ ኣውፂኣ ንደገ ትርኢ ኣላ፡፡ ናብ ውሽጢ ጉድጓድ እትው በለት፡፡ድሙ ተናዲዱ #ፅንሒ ደጊምኪ ክትመፅኢ ኢኺ$ ብምባል ተሓኒዩ ግድም ኢሉ ምሕላዉ ቀፀለ፡፡ እታ ንእሽቶይ ኣንጭዋ ካብ ጉድጓዳ ወፃኢ ዘሎ ምርኣይ ስለዝደለየት እንደገና ቅልቅል በለት እቲ ድሙድማ ብቕልጣፈ ክሕዛ ተሰአ እታ ንእሽቶይ ኣንጭዋ ቀልጢፋ ናብ ጉድጓዳ ዘሊላ እንትትኣቱ ኣብቲ ጉድጓድ ጫፍ ዝነበረ እምኒ እግራ ሃረማ፣ እናሓንከሰት ናብ ውሽጢ ጉድጓድ ኣተወት፣ እንትትሕንክስ ኣብ ውሽጢ እቲ ጉድጓድ ዘላ እናኣ ዓባያ #ጓለይ እንታይ ኮይንኺ ኢኺ እትሕንክሲ? ናብ ደገ ዶ ወፂእኺ ኢኺ? ድሙ ኸበልዐኪ እዩ ናብ ደገ ኣይትውፅኢ ዶ ኣይበልኪኽን ዶ? ትእዛዝ እኖ ዘይምስማዕ ፅቡቕ ኣይኮንኺ$ እንትትብላ እታ ንእሽቶይ ኣንጭዋ ብምሕዛን #እነይ ይቕርታ ግበርለይ ካልኣይ ግዘ ኣይወፅእን ምኸርኺ ክፍፅም እዩ$ ኢላ ጉንበስ ኢላ ይቕርታ እንትሓተት እናኣ ሕቑፍ ኣቢላ ዝተሃረመ እግራ ብምድራዝ ኣደቀሰታ እግራውን ቀስ እናበለ ሓወየላ ካብታ ዕለት ጀሚሩ ንእሽቶይ ኣንጭዋ ምኽሪ እኖኣ ብግቡእ ብምስማዕ ምፍፃም ጀሚራ ይበሃል፡፡

ኣድሩሩኒ ፡፡

## 2.1.5 መርኣይ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ መስሩዕ------------------------------------ ጉጅለ--------------

ስምህፃን--------------------------------------------እድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር----------------------------------------ግምገማ ዝተኸያደሉ ወርሒ------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ ምልከታ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣበፅሓን/ሐትን----------------------------------------
2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብተወሰነ ደረጃ ኣይበፅሐን/ትን------------------------------------
3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣበፅሐትን------------------------------------------

መተሓሳሰቢ፡- ሰደቓ ክትትል በብወርሑ መወዳእታ ክምላእ ይግባእ፡፡

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 1. ንባዕልኻ ምግንዛብ፣ብባልኻ ምትእምማንን ንባልኻ ስምዒት ምኽባርን ምህላው | | | |
| 1.1.ባዕሎም ምግላፅ ምኽኣሎ<br><br>ስም፣ቦታ ዝነብረሉ፣ መዓልቲ ልደትን ውልቀ ድሌትን ብምዝራብ ባዕሎም ምፍላጥ ምኽኣሎም | | | |
| 1.2. ምስ ዝኾነ ብነፃነት ርክብ ምፍጣር ይኽእሉ<br><br>ኣብ ዕረፍቲ መዓልት ከመይ ከመይ ከምዘሕለፍዎ ንመሓዙቶም እንትዛረቡ ግቡእ ስርዓት ዝርርብ ተኸቲሎ ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 2.ክፍልታት ሰውነት ምፍላይን ተግባሮም ምዝራብን | | | |
| 2.1. ክፍልታት ሰውነት ምፅራሕ ይኽእሉ<br><br>ክፍልታት ሰውነት ምፍላይ ምኽኣል | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 2.2. ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሰውነት ዝሰርሕዎም ተግባራት ብትኽኽል ምዝራብ ይኽእሉ<br><br>ተግባራት ክፍልታት ሰውነት ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 3. ምክንኻን ዓይንና | | | |
| 3.1. ዓይኖም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምንክብኻብን ይኽእሉ<br><br>ረብሓ ዓይኒ ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 4. ምክንኻን እዝኒ | | | |
| 4.1. እዝኖም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምክንኻን ይኽእሉ<br><br>ረብሓ እዝኒ ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 5.ኣካላት ስምዒት ምጭዋን ምጥቃም ኣፍንጫ ምንክብኻብ | | | |
| 5.1. ብምሽታት ዝተፈላለዩ ነገራት ጨና ምፍላይ ይኽእሉ<br><br>ረብሓ ኣፍንጫ ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| 6.ካላት ስምዒት ምጥዓምንስን ረብሓ ምልሓስስን ምንክብኻብ | | | |
| 6.1 ጣዕሚ ምግብታተ ምፍላይ ይኽእሉ<br><br>ክፍልታት ኣፍ ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 6.2 ኣፎም ብጥንቃቐን ብምክብኻብ ምሓዝ ይኽእሉ<br><br>ኣፎም ከመይ ምንክብኻብ ከምዝግባእ ምዝራብ ንኽኣል | | | |
| 7. ነገራትን ኩነታትን ብምድሕሳስ ምግላፅ | | | |
| 7.1. ብዛዕባ ነገራትን ኣቐሑን ባህርይ፣ሙቀት መጠንን ቅርፅን ምፍላይ ይኽእሉ<br><br>ባህርይ ነገራት ብምድህሳስ ምፍላይን ምዝራብን ምኽኣል | | | |
| 8.ስርዓታት ኣተሓላልዋ ጥዕና ን ከባብን ምልምማድ | | | |
| 8.1. ስርዓት ኣመጋግባ ይለማመዱ<br><br>ረብሓ ምግቢ ምርዳእ | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 9.ኣካላትና ብጥንቃቐ ምሓዝን ምንክብኻብን | | | |
| 9.1. ኣካሎም ምሕላውን ምንክብኻብን ይኽእሉ<br><br>ነቲ ስእሊ ሕብሪ ምልካይ ክፍልትታት ኣካል ምፍላይ መኽኣል | | | |
| ምጥቃም ዓብይን ንእሽቶይን ጭዋዳታትን | | | |
| 10.1.ኣብ ክፍልታት ሰውነት ግቡእ ምንቅስቓስ ምግባር ይኽእሉ<br><br>ሚዛን ሓሊኻ ምስጓም/ምጓዝ ምኽኣል | | | |
| 11. ብነፃነት ምግላፅ ፈጠራ | | | |
| 11.1. ሰብ ስራሕን ተፈጥሮአዊ ነገራት ምድናቕን ብጥንቃቐ ይኽሉ፡፡<br><br>ስእልታት ካብ መስመር ከይወፅኡ ሕብሪ ምልካይ ምኽኣል | | | |

## 2.2.5 መረኣያ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ት/ቲ ቅድመ ስሩዕ------------------------------------------ ጉጅለ--------------

ስም ህፃን----------------------------------------------እድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር--------------------------------------ግምገማ ዝተኻየደሉ ወርሒ---------------

ምልከታ ብዛዕባ እቲ ህፃን ብዝስዕብ ደረጃጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ እቲ ቅጥዒ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሓን/ትን ------------------------------------------
2. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት ብዝተወሰነ ደረጃ ኣይበፅሐን/ትን ------------------------------------------
3. ኣብ ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣይበፅሐን ------------------------------------------

መተሓሳሰቢ:- ሰደቓ ክትትል ኣብ በብወርሑ መወዳእታ ምምላእ ይግባእ፡፡

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 1.ኣብ ከባቢ ዘለዉ ሰባት ምዕዛብ ንምፍላጥ ድሌት ምሕዳር ምፍላይ | | | |
| ኣብ ከባቢ ገዛን ኣፃደ ህፃናትን ዘለዉ ሰባት ብምስትውዓል ምዝራብ ይኽእሉ<br><br>ኣባላት ስድራ ፈሊኻ ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| ሰባት ከባቢ ኣብ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናት ዘለዎም ሓላፍነት ብምርኣይ ምዝራብ ይኽእሉ<br><br>ብዛዓ መሓዙቶም ምዝራብ ይኽእሉ | | | |
| ሓቢሮምዎም ንዝፃወቱ መሓዙቶም ተቐባልነት ዘለዎ ባህርይ ምርኣይ ይኽእሉ<br><br>ብሓባር ምፅዋት ምኽኣል | | | |
| 2. 2. ጥንቃቐን እንክብካበን ዝገብሩሎም ሰባት ምፍላይን ከመይ ከምዝንከባኸዎም ምፍላጥ | | | |

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| .ሰባት ኣብ ከባቢ ገዛኦምን ኣፀደ ህፃናት ብዛዕባ ዝንከባኸቡዎም ተግባራት ምዝራብ ይኽእሉ /ወለዲ፣ ሞግዚት ፣ሰድራ/<br>ሰባት ዝሰርሕዎም ዝተፈላለዩ ተግባራት መሲሎም ምፅዋት ምኽኣሎም | | | |
| ሰባት ከመይ ከምዝጥንቀቑሎምን ከምዝንከባኻብውምን ምግላፅ ይኽእሉ<br>ምንክብኻብ ብዛዕባ ዝገብርሎም ሰባት እምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 3. 3. ንካልኦም ምንክብኻብን ዘለኻ ነገር ምምቓልን | | | |
| 3.1ስምዒት ካልኦት ምክፋል ይኽእሉ<br>መግለታት ስምዒት ምፍላይ ምኽኣል | | | |

## 2.3.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ--------------------------------------- ጉጅለ--------

ስም ህፃን---------------------------------------------እድመ--------------ፆታ----------

ስም መምህር--------------------------------ግምገማ ዝተካየደሉ ወርሒ--------------------

ምልከታ ብዛዐባ ህፃናት ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ እቲ ቅርፂ ምልከታ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ግበሩ

ደረጃታት

1. ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሐን/ትን

2. ዝተዓለመ ብቕዓት ብዝተወሰነ ደረጃ ኣይበፅሓን/ትን

3. ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣይበፅሐን

መተሓሳሰቢ፦ ሰደቓ ክትትል ኣብ ብብወርሑ መወዳእታ ምምላእ የድሊ፡፡

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 1. 1.መራዳእታት ብግቡእ ምድማፅን ንዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ መልሲ ምሃብ | | | |
| ንትእዛዛትን መምርሕታትን መልሲ ምሃብ ይኽእሉ<br><br>ንትእዛዛትን መምርሕታት መልሲ ምሃብ ምኽኣል | | | |
| ኣንፈት ድምፅታት ምምልካትን ናይ መን ድምፂ ምዃኑ ምፍላይ ይኽእሉ<br><br>ንከባቢ ጠመተ ሂብካ ምድማፅን ብዛዕባ ዘዳመፅዎ ምዝራብ ምኽኣሎም | | | |
| ዝሰምዕዎ ምዝራብ ይኽእሉ<br><br>ብግቡእ ኩነታት መዓልቲ ዕረፍቲ ሪፖርት ምቕራብ ምኽኣል | | | |
| ዛንታት ኣዳሚያም ዝተረደእዎ ምግላፅን መሊሶም ምዝራብ ይኽእሉ<br><br>ዛንታ ኣዳሚፅካ መሊሶም ምዝንታው ምኽኣል | | | |
| 2. 2. ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ብዓርሰኻ ብምትእምማን ብግቡእን ትርጉም ክህብ ዝኽእል ዝርርብ ን ቋንቋ ምርድዳእ | | | |

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 2.1. ባዕልኻን ከባቢኻን ብግቡእ መንገዲ ምግላፅ ይኽእሉ<br>ስርዓት ዝርርብ ተኸቲሎም ብዛዕባ ባዕልኻ ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 3. 3. ብምንባብ ሓጎስን ፍልጠትን ምርካብን ምርድኣእን | | | |
| 3.1. ስእልታትን ቅርፅታት ፊደላት ምፍላይን ምርዳእን ይኽእሉ<br>ስእልታትን ብምንባብ ዝረኣይዎን ዝተረደእዎን ነገር ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 4. 4.ምውዳድ ምንቅስቓስ ዓይኒን ኢድን ብምምዕባል ንፅሑፍ ምድላው | | | |
| 4.1. ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምስራሕ ኢ.ድን ዓይንን ምጥቃም ይኽእሉ<br>ፍሬም ክዳንን ጫማን ምኽፋት፣ ምፍታሕን ምእሳርን ምኽኣል | | | |

## 2.4.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ትም/ቲ ቅድመ ስሩዕ ----------------------------------------- ጉጅለ--------------

ስም ህፃን---------------------------------------------እድሜ-------------ፆታ----------

ስም ህፃን----------------------------------------ግምገማ ዝተኻየደሉ ወርሒ---------------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣብ ውሽጢ እቲ ቅጥዒ ምልከታ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበሩ

ደረጃታት

1. ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሐን/ትን-----------------------------------------

2. ዝተዓለመ ብቕዓት ብዝተወሰነ ደረጃ ኣይበፅሐን/ትን-------------------------------------

3. ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ኣይበሐን--------------------------------------

መተሓሳሳቢ፡- ሰደቓ ክትትል ኣብ በብወርሑ መወዳእታ ምምላእ የድሊ፡፡

<table>
<tr><td rowspan="2">ሽቶ</td><td colspan="3">ምልከታ</td></tr>
<tr><td>1</td><td>2</td><td>3</td></tr>
<tr><td colspan="4">1. 1. ብምፍታሽ ባህሪ ኣቕሑ ምርዳእን ምፍላይን</td></tr>
<tr><td>ኣብ መንጎ ዝተፋላለዩ ኣቕሓን ቅርፅታት ዘለዎ ተመሳሳሊ ፍልልይ ምውፃእ ይኽእሉ<br><br>ፅምዲ ዝኾኑ ኣቕሑ በብባህሪኦም ምፍላይ ምኽኣል</td><td></td><td></td><td></td></tr>
<tr><td colspan="4">2. 2. ነገራት በብባህርኦም መሰረት ምውድዳር</td></tr>
<tr><td>2.1. ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ርክብ ቅደም ተኸተል ብምሕላው መልክዑ ምርኣይ ይኽእሉ<br><br>ሓርፋፍን ልሙፅን ነገራት ብምድህሳስ ብምውድዳር ምፍላይ ምኽኣል</td><td></td><td></td><td></td></tr>
<tr><td colspan="4">3. 3. ምፍላጥ ቀፅርታተ ፣ ምግላፅ፣ ርክቦም ምርዳእን ቀለልቲ ስልሒታት ምስራሕ</td></tr>
<tr><td>3.1. ኣብ 1-20 ኣቕሑን ቁፅርታትን ምቑፃር ይኽእሉ<br><br>እተፈላለዩ ነገራት ብዓይኖም ፈልዮም ምቑፃር ምኽኣል</td><td></td><td></td><td></td></tr>
</table>

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 4. 4.ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ግቡእ ዝኾኑ መለከዒ መስፈርታተን መሳርሕታትን ምጥቃም | | | |
| 4.1ኣብ መንጎ ቦታን መጠንን ዘለዉ ፍልልይ ምሕባር ይኽእለ<br><br>ኣብ መንጎ መጠን ዘሎ ፍልልይ ምርዳእ ይኽእል | | | |
| 5. 5. ኣምር ግዘ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃምን | | | |
| 5.1. መዓልታት ሰሙንን ኣዋርሕን በዓል /ፍሉይ መዓልቲት ምዝራብ ይኽእሉ<br><br>ቀትርን ምሸትን ዘርእዩ ለውጥታት ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 6. 6. ኣምር ቦታ ምርዳእን መግለፅታት ምጥቃምን | | | |
| 6.1. ሰባት፣ ኣቕሑን ከባቢ መሰረት ብምግባር ቦታን ርሕቐትን ምግላፅ ይኽእሉ<br><br>መርከቢ ኣቕሑ ባዕልኻ ካብዘለኻሉ መነፅር ምዝራብ ምኽኣል | | | |
| 7. ምፍላጥ ገንዘብ፣ ምፍላይ፣ምግላፅን ምጥቃምን | | | |
| ዓይነታት ገንዘብ ምስልታትን ምፍላይ ይኽእሉ<br><br>ሕብሪታት ኖታት ብር፣ ብብመጠኖም ብምስሎም ምፍላይ ምኽላይ | | | |

## 2.4.5 መርኣያ ቅጥዒ መከታተሊ ምልከታ

ስም ቤት ት/ቲ ቅድመ ስሩዕ ---------------------------------------- ጉጅለ-------------

ስም ህፃን--------------------------------------------ዕድመ-------------ፆታ----------

ስም መምህር----------------------------------------ግምገማ ዝካየደሉ ወርሒ-----------

ብዛዕባ ምልከታ እቲ ህፃን ካብ ዝስዕቡ ደረጃታት ናይ ሓደ ደረጃ ቁፅሪ ጥራሕ ብምሃብ ኣ ውሽጢ እቲ ቅጥዒ ምልከታ ኣብ ዝብል እግሪ ምልክት ይግበር

ደረጃታት

1. ዝተዓለመ ብቕዓት ኣይበፅሐን/ትን ----------------------------------------

2. ዝተዓለመ ብቕዓት ብዝተወሰነ ደረጃ በፂሑ/ሓ----------------------------------------

3. ዝተዓለመ ብቕዓት በፂሑ/ሓ ----------------------------------------

መታሓሳሳቢ፡- ሰደቓ ክትትል ኣብ ብብወርሑ መወዳእታ ምምላእ የድሊ፡፡

| ሽቶ | ምልከታ | | |
|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 |
| 1.ከባቢ ምፍታሽን ምፍላጥን | | | |
| . ኣብ ገዛኦምን ቅድመ ስሩዕ ቤት ትምህርቶምን ዝርከቡ ሰባት ተፈጥሮአውን ሰብ ስራሕን ነገራትን ምፍላይ ይኽእሉ<br><br>ስም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት፣ ብመልክዕ፣ ብፆታን ብሙያኦምን ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 2. 2. ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ተደለይቲ ቦታት ምፍላጥን ምድናቕን | | | |
| 2.1.ኣብ ከባቢኦም ብዛዕባ ዝርከቡ ቦታታት ምዝራብ ይኽእሉ<br><br>ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ግልጋሎት መውሃቢ ትካላት ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 2.2.ዝንበለ ምፍታው ሃገር የማዕብሉ<br><br>ሃገርና ኢትዮጵያ ሕብርታት ባንዴራ ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 3. 3. ከባቢ ከመይ ምክንኻን ከምዝከኣል ምፍላጥን ምንክንኻንን | | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3.1. ከባቢና ብፅሬት ምሓዝ ይኽእሉ<br>ረብሓ ምሕላው ውልቃውን ከባብን ፅሬት ምርድእ ምክኣል | | | |
| 4. 4. ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምፍላይን ጥንቃቐ ምውሳድን | | | |
| 4.1. ባዕልኻን ካልኦትን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሓደገኛ ነገራት ምክልኻል ይኽእሉ<br>ባዕሎም ካብ ሓደገኛ ነገራት ከመይ ምክልኻል ከምዘለዎም ምርዳእ ምኽኣል | | | |
| 5. 5. ኣምር ምንቅስቃስ ምርዳእን ፈተነ ምክያድ | | | |
| 5.1.መጠንን ብዝሕን ኅማታት መኪናን ጥቅሞምን ምዝራብ ይኽእሉ<br>ሰለስቲኦም መሰረታዊ ዓይነታት ምንቅስቓስ ምፍላይ ምኽኣል | | | |
| 6. 6. ኣብ ስነስእሊን ቅርፃ ቅርፅን ዝተፈላለዩ ነገራት ምፍጣር ምድናቕን ባዕልኻ ምግላፅ | | | |
| ቅርፃ ቅርፅታተ ምስራሕ ይኽእሉ<br>ዝተኣዘዝዎ ስእሊ ምስኣል ምኽኣል | | | |